ANSWERS FOR YOUR MARRIAGE

By Bruce & Carol

A book for those who are married or soon to be married.

ትርጉም፡ ብዮናስ.....

ሓፈሻዊ ትሕዝቶ

	ቀዳማይ ክፋል	
ምዕራፍ	ኣርእስቲ	ገጽ
1.	ዝጠፍኣት ፍቕሪ	1
2.	ከፍቅር ኣይከኣልኩን	6
3.	ከተፍቅር ምስ እትደሊ	8
4.	ክንዘራረብ ኣይከኣልናን	12
6.	ብዛዕባ ግብረ-ስጋ ዚምልከቱ ሓሳባት	18
7.	ኣገባባት ግብረ-ስጋ	23
8.	ድሕሪ መርዓ	32
	ካልኣይ ክፋል	
	ሕቶታት ኣንበብትን መልስታቶምን	ገጽ
I.	ዙሮት፡ መስተን ማህረምትን	41
II.	ኣተዓባብያ ህጻናት	47
III.	ጥንስን ሕርስን	52
IV.	ውጥን ስድራቤት	54
V.	ንግብረ-ስጋ ዚምልከቱ ሕቶታት	67
VI.	ብግብረ-ስጋ ዚመሓላለፉ ሕማማት	84
VII.	ጸገማት ውሽጢ ገዛ	90

ዝርዝራዊ ትሕዝቶ

	I. ዙሮት መስተን ማህረምትን	
ስም ሓታቲ	ሕቶ	ገጽ
ጆ	በዓልቲ ሓዳር ኣፍቂረ	41
ኢደን	ስለምንታይ'ዮም ሰባት ዚዝምዉ	41
ራሄል	በዓል ቤተይ ምስኡ ክቐመጥ ደልዩኒ	42
ዳዊት	ደቀይ ብጠባዩ ከይበላሸዉ	43
ጁልያ	ንበዓል ቤተይ ምስ ጓል ደቂሱ ረኺበዮ	43
ፍረድ	መስተፋቕር ገይረላ	44
ሊና	እናቐጥቀጠ ሞኽ ኣቢሉኒ	45
ሎይስ	ሰሸኺሩ እናቐጥቀጠኒ	46
	II. ኣተዓባብያ ህጻናት	
ጆስፋይን	ዓባየይ ንእሽቶ ኣብ ዝነበረትሉ ትምህርቲ ጸታ ነይሩ	47
ቤትራይስ	ንጓለይ መዓስየ ብዛዕባ ግብረ-ስጋ ክነግራ ዘለኒ?	48
ካረን	ስለምንታይ'ዮም ወለድና ቀልጢፎም ዘይነግሩና?	48
ኣንዲ	ክሳዕ መርዓ ብድንግልና ዚጸንሑ'ዶ ይመስለኩም?	48
ጊደዎን	እዞም ቁልዑ ሃገርና እንታይ'ዩ ወሪድዎም?	49
ጢሞቴዎስ	ንቁልዓ ክትብል ስርሓ ሓዲጋቶ	50
ሄለን	ንቁልዓ ብሻቦጥ ምግራፍ ቅኑዕ ድዩ?	50
ክሪስታቤል	ንቁልዓ ብሻቦጥ ምግራፍ ጌጋ እዩ ኢላትኒ	51
ኣውስቲን	ከመይ ዓይነት ኣቦ'የ ክኸውን ዘለኒ?	51
ግላዲ	ንወደይ ከመይ ገይረ ክሕግዞ	51
	II. ጥንስን ሕርስን	
ሚርያም	ዘርኢ በዓል ቤተይ ነቲ ዕሽል ይሃስዮ'ዶ?	52
ክሪስቲና	ርክብ ምግባር መዓስ ክቋርጽ?	53
ሲንቲያ	ድሕሪ ሕርሲ መዓስ'የ ርክብ ክጅምር?	53
ብረንዳ	ኣጥባተይ ነኣሽቱ'የን፣ እቲ ጸባ ኸኣ ማይማዮ እዩ ዝመስል	53
ኢተል	ንጸባ ጡብ ኪምርዝ ዚኽእል ኣሎ'ዶ?	54
ኬት	ቁልዓ ኘክንደይ እዋን'ዩ ኪጠቡ ዘለዎ?	54
	IV. ውጥን ስድራቤት	
ጄን	ሰበይቲ፣ ናይ ጥንሲ ምርሕሓቕ ኪትገብር የድልያ'ዶ?	54
ሳምሶን	ዘርኢ ተባዕታይ ንጸባ ጡብ ይምርዞ'ዩ ኢለንኣ	54
ኤልየት	ንዝቕጽል ክልተ ዓመታት ኣብ ዓዓራትና ኢላትኒ	55
ሪያን	በዓልቲ ቤተይ ክትጠንስ ኣይከኣለትን	56
ሊዮናርድ	ጽግያት እናፈሰሰ እንተተራኸብና ጥንሲ የጋጥም'ዶ?	62
ዶሮቲ	ልፋጭ እናደናገረኒ	62
ኢማኑኤል	ኣባሓጐታትና ጥንቁቓት'ዮም ኔሮም	63
ክለመንት	ምጽባይ ንናይ ግብረ-ስጋ ርክብና ኣመሓይሸዎ	64
ደኒስ	ቀቀልጢፉ እናጠነሰት	64
ኦወን	ቀቀልጢፉ እትወልድ ስምዒታ'ዶ ይዝሕል'ዩ?	64

ስም ሓታቲ	ሕቶ	ገጽ
ካሌብ	ወዲ ክንወልድ ደሊና	64
ማርጋሬት	ኩሉ'ቲ ዘርኢ ንደገ እናፈሰሰ	65
ኣመልያ	ዓል 49 ዓመት'የ፡ ጥንሲ ኪጋጥመኒ ይኽእል ድዩ?	66
ቤቲ	ምጥባው'ዶ ካብ ጥንሲ ይከላኸል'ዩ?	66
ኤራስመስ	ናብ ዘመናዊኃዶ ወይስ ባህላዊ ሓኪም ክንከይድ?	66
	V. ንግብረስጋ ዚምልከቱ ሕቶታት	
ሮዝሜሪ	ዓራትና ዓጠጠ-ጠ-ጥ እናበለ	67
ማርክ+ዶሪስ	ዘረባ ኣቦይ ቀሺ ኣይተረድኣናን	67
ሊድያ	ኣብቲ ናይ ፍቕሪ ጸወታና ንበዓል ቤተይ ሓቢረዮ	68
ሺርሊ	ብድኻም ዝኣክል ንበዓል ቤተይ ሓዲገ ድቃስ እናጠለመኒ	69
ቪክተር	ከመይ ዝበለ ኣገባብ ኣደቓቕሳ ክንጥቀም	69
ትሮይ	ቫዘሊን'ዶ ክንጥቀም	70
ኤግነስ	ካብ ግብረ-ስጋ ውሑድ ባህታ'የ ዝረክብ	70
እዝራ	ገጽ-ንገጽ ዘረኣኢ እዩ ዜዐውታ	71
ግሎርያ	ብዘይ መጠን ስምዒታዊ ኮይኑ	71
ሳሙኤል	ቀቀልጢፍና ክንራኸብ ኣይከኣልናን	72
ኣሞጽ	ናብ ጥርዘ-ስምዒት ከይበጽሐት ትሕጐስ	72
ኣውድሪ	ናብ ጥርዘ-ስምዒት ከይበጻሕኩ ክጠንስ እኽእል'ዶ?	72
ኢለን	ኣብ እዋን ጥንሲ'ኽ ብኽመይ'ዩ ዚጥዕም?	72
ኮሪነ	በዓል ቤትኪ ንኻልኦት ኬካሽም'ዩ ይብላኒ ኣለዋ፡	73
ቪንስንት	ድሌት ግብረ-ስጋ ኬወሰኽ ዚኽእል ቀመም ኣሎ'ዶ?	73
ኣንጀላ	ፍሉይ ናይ ደቀንስትዮ ልምምድ ኣሎ ሰሚዐ	73
ቬሮኒካ	መትሎ ናይ ዘይምቕናዕ ጸገም ኣንኒፍዎ	75
ጳውሎስ	ሽጋራ'ዶ ንመትሎ የሐንግዶ'ዩ?	77
ዎልተር	ኣሪግና ኢና'ሞ ግብረ-ስጋ የኽፍኣልና'ዶ?	77
ቲዮ	ስምዒት ኬዝሕል ዚኽእል መድሃኒት ኣሎ'ዶ?	78
ኣልፍረድ	ሰታያት'ዶ ብግብረ-ስጋ ዝያዳ ይዓግቡ'ዮም?	78
ሉቃስ	መትሎይ ኣዝዩ ንእሽቶ እዩ፡	78
ሩት	ክሳዕ መርዓ ብድንግልናይ እየ ዝጸንሕ	79
ኤድጋር	ዓርከይ ጠኒሳ	79
ዶግላስ	ሓዳርና ብናይ ቀደም ኣዕሩኽና ይበላሾ'ሎ	80
ማርታ	ደቀይ፡ ኣቦ ዘይብሎም ኪኾኑ'ዮም	81
ኢያሱ	ነቲ ዝሓለፈ ዛንታይ እናዘከረቶ	82
ሳሮን	ምስ ፓስተርና ፍቕሪ ሒዙኒ	83
ኣንድሩ	ተወሳኺት እትድግፈኒ ዓርኪ'ዶ ክሕዝ?	84
	VI. ብግብረ-ስጋ ዚመሓላለፉ ሕማማት	
ጵርስቂላ	ኤይድስ ብግብረ-ስጋ ይመሓላለፍ'ዩ ዚብልዎስ ሓቂ'ድዩ?	84
ናእሚ	ኤይድስ ዚሓዞ እንታይ'ዩ ዚኸውን?	84
ኤብነር	ኤይድስ ንዝሓዞም ክንሕግዝ ደሊና	85
ያእቆብ	ኤይድስ ብኽመይ ክንከላኸሎ?	86
ዲቦራ	ንሓካይም "ብግቡእ ዝተጠቕ መርፍእ ተጠቕሙ" እየ ዝብሎም	88

ስም ሓታቲ	ሕቶ	ገጽ
ዶርቃስ	ብስውር ሓጢኣት ትፍጽም ስለዝነበረት'ያ፣ ኢለናኒ	88
ነሌ	ብግብረ-ስጋ ዚመሓላለፉ ሕማማት	89
ጄሪ	ናይ ንእስነት ሓጢኣት መኻን ይገብር ድዩ?	90
	VII. ናይ ውሽጢ ገዛ ጸገማት	
ፒተር	ኩዕሶ ምጽዋተይ በዓልቲ ቤተይ ኣይትፈትዎንያ	90
ሄኖክ	በዓልቲ ቤተይዶ ኣደይ ንክሽነ ትሓዞ?	91
ጆዋና	ምስ በዓል ቤተይ ኣይነዕልልን ኢና	92
ሙርየል	በዓል ቤተይ እናተጅየቼ	92
ቶም	ብግብረ-ስጋ ዘይምስምማዕ'ዶ ንፍቕሪ የዛሕትላ እዩ?	93
ኤልያስ	ሓሽሽ ንግብረ-ስጋ የመሓይሾ ድዩ?	93
ኣንቶኒ	ኣብ ኣተኣላልያ ገዛ ንፍዕቲ ኣይኮነትን	93
ዩኤል	ኣመንትን ፍትሕን፣ ኣዚዩ እዩ ዘተሓሳስበኒ	95
ሲንቲያ	ንበዓል ቤተይ ክፍቅሮ ወሲነ	95

ዝተፈተኹም ኣንበብቲ፡-

ኣብ ክሊ ዕድመ 13 ክሳዕ 19 ንዘለዉ እተገድስ፡ “ፍቕርን ሓዳርን” ዝሰመናያ መጽሓፍ፡ ቅድሚ ሒደት ዓመታት ኢና ኣሕቲምናያ። ዕላማ ናይ'ታ መጽሓፍ፡ እግዚኣብሄር ንሓዳር ዚኸውን ኣዝዩ ዜደንቕ መደብ ከምዘለዎ ንምግላጽ እዩ ነይሩ። ኣብቲ ናይ እግዚኣብሄር መደብ፡ ቅድሚ መርዓ ብግብረ-ስጋ ምርካብ፡ ኪውገድ ዘለዎ ቀዳማይ ስጉምቲ ምኻኑ ሓቢርና። ብዛዕባ ርክብ ግብረ-ስጋ ዚምልከት ግን ኣብታ መጽሓፍ ኣየልዓልናዮን።

ህንዲ፡ ኣይቨሪኮስት፡ ኬንያ፡ ላይበርያ፡ ማላዊ፡ ናይጀርያ፡ ፖርቹጋል፡ ዛምቢያን ዚምባብወን ዝርከብአን ብዙሓት ሃገራት፡ ነታ “ፍቕርን ሓዳርን” እትብል መጽሓፍ፡ ኣሕቲመን ዘርጊሐናኣ። ካብ ኣንበብታ ድማ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ መልእኽትታት በጺሐምና። ውሑድ ክፋል ናይቲ መልእኽትታት ዕስራ ዓመት ካብ ዘይመልኡ እዩ ተጻሒፉ። መብዛሕትኡ ግን ኣባጽሕ መናእሰይ እዮም ጽሒፎሞ። እቶም ዚጸሓፉልና ከቢድ ናይ ሓዳር ጸገም፡ ወይ'ውን ብዛዕባ ፍቕርን ግብረ-ስጋን ብዙሕ ሕቶታት ዝነበሮም እዮም።

ኻኹሉ ምስ ኣንበብናዮ፡ መወዳእታኡ፡ ካልእ መጽሓፍ ክነዳሉ ከምዘለና ተረዲኡና። እዛ “መልሲ ንሕቶታት ፍቕሪ፡ መርዓን ሓዳርን” እትብል መጽሓፍ እምበኣር በዚ ምኽንያት እዚ'ያ፡ ንኣባጽሕ መንእሰያት፡ ንሰብኡትን ኣንስትን ኪትድግፍ ተባሂላ ተጻሒፉ ዘላ።

ነዛ መጽሓፍ እናንበብኩም፡ እግዚኣብሄር ብዛዕባኹም ብሓቂ ከምዝግደስን፡ ሓዳርኩም ከኣ ዜደንቕ ኪገብሮ ድላዩ ምኻኑን ከተስተውዕሉ ኸኣ ንጽሊ።

ብሩስን ኬሮልን

ቀዳማይ ክፋል

ምዕራፍ 1

ዝጠፍኣት ፍቕሪ

ፍቕሪ ቅድም እንገብራ
ሰዒባ ድማ እትስምዓና ነገር'ያ

ዝኸበርኩም ኣቶ ብሩሰን ወ/ሮ ኬሮልን፡-

ኣነን በዓልቲ ቤተይን ሰዓብቲ ክርስቶስ ኢና። ናይ ሓዳርና ጸገም ግን ክንነግረኩም። ዝምድናና ናብ በረድ ተቐይሩ፡ ብዙሕ ግዜ ድማ ንኺረ። እቲ ቕንዲ ጸገም ኮይኑ ዝሰምዓኒ፡ ንሓድሕድና ስለ ዘይንፍቐር ዘለና እዩ።

ኣብ መጀመርያ ሓዳርና፡ ካብ መዓሙቕ ልቢ ኢና ንፋቶ ዝነበርና። ሕጂ ግን እቲ ስምዒት ጠፊኡ። ናይ ብሓቂ ናይ ሓድሕድ ኣዕናኽ ኢና ዘለና ክንብል ከኣ ኣይንኽእልን። ብሓባር ኴንና ኣይንሕጐስን፡ ጸገማትና'ውን ኣይንዛተየሉን። ኣረ ሓሓሊፍና እንተዘይኮይኑስ ኣይንዘራረብን'ውን ኢና!

ናይ ግብረ-ሰጋ ርክብና'ውን ከም ሕጊ ደኣ'ምበር ባህ ኢሉና ኣይንኮናን እንገብሮ። ክልቴና ንኻልእ ሰብ ኣየፍቀርናን። እቲ ጸገም ግን ኣብ ሓድሕድና ፍቕሪ ስለ ዘየለ እዩ።

ብወገነይ ፍቕሪ ኣብ ዘይብሉ ሓዳር ንምሉእ ዘመነይ ክቐረን ኣይደልን'የ። ፍቕርና ጠፊኡ እንከላ፡ ኣብ ሓዳርና ክንጸንዕ'ከ ብግዲ ድዩ? ክርስትያናዊ መገዲ ድዩ'ሽ? ካብ ፍቕሪ ዘይብሉ ሓዳር ፍትሕ'ዶ ኣይበልጽን? ክልቴና ምስ ብሓቂ እነፍቅሮም ሰባት እንተንምርያ'ኻ ዝሓሸ ኣይምኾነን?

እዚ ዘለኹዎ ሓዳር ሕጉስ ክገብረኒ ከምዘይክእል ስለዝፈለጥ ግን በጃኹም ኣብ ሓዳርካ ጽናዕ ኣይትብሉኒ። ፍቕርና ጠፊኡ እዩ።

እሙን ናትኩም፡ ኤሪክ

ቅድሚ ገለ ዓመታት፡ ኬሮልን ኣነን ተመሳሳሊ ጸገም ስለ ዝነበረና፡ ናይ ኤሪክ ሕቶ ተረዲኡና እዩ። ክንምልሰሉ እንከለና ድማ፡ እዚ ዘለዎ ሓዳር፡ ሕጉስ-ዜገርም ሓጐስ ዘለዎን ባህ ዜብልን ሓዳር ኪኸውን ከምዝኽእል ዜበስር ሓበሬታ ኢና ሂብናዮ።

ንኤሪክ ቀዳመይቲ ጸገሙ፡ ፍቕሪ እንታይ ማለት ምኻና ዘይምፍላጡ እዩ። ዝፈለጠ ኮይኑ ኪመስሎ ይኽእል ይኸውን'ዩ። ግደ ሓቂ ግን ተደናጊሩ እዩ ዘሎ። ብርግጽ ኤሪክ ጥራይ ግን ኣይኮነን ዝተደናገረ። ብዛዕባ ፍቕሪ እኹል ኣፍልጦ ዘይብሎም ብዙሓት እዮም። ናይ ሓንቲ ወይ ክልተ ሃገራት ህዝብታት ጥራይ ድማ ኣይኮኑን። እቲ ምድንጋር ዓለም-ለኻዊ እዩ። ኣብ ኣሜሪካ፡ ኣፍሪቃ፡ ኤውሮጳ፡ እስያ፡ ኣውስትራልያ ኣብ ዝኸድካ እንተኸድካ ሰባት ብዛዕባ ፍቕሪ ክዛረቡ ክትረክብ ዝከኣል እዩ። እንታይ ከምዝኾነት ግን ኣርጊጾም ዝፈልጥዎ'ውን ኣይመስሉን።

መብዛሕትኡ ናይ ሓዳር ጸገም፡ ሰብኣይን ሰበይትን ብዘይምፍቓሮም እዩ ዚመጽእ። ፍቕሪ እንታይ ምኻና ዚፈልጥዎ'ውን ኣይመስሉን እዮም።

ፍቕሪ ተግባር እያ። ፍቕሪ እቲ እንገብሮ እያ። ፍቕሪ ስምዒት ኣይኮነትን። ፍቕሪ፡ ጽቡቕ ምግባርን ጽቡቕ ምዝራብን እያ። ምሃብን ሕድገት ምግባርን ድማ እያ። ፍቕሪ፡- ምሕጋዝ፡ ምምስጋን፡ ብሩህ ገጽ ምርኣይን ጐደሎ ብጸይካ ምምላእን እያ። ፍቕሪ፡ ከም ኩሉ እዚ ሰናይ ተግባራትን፡ ከምኡ ዝኣመሰሉ ካልኦት ኣሽሓት ሰናይ ግብርታትን ድማ እያ።

እዚ ግን ኤሪክ ኣይፈልጦን'ዶ? ኩሉ ሰብ'ኸ? ኣይፋልን። ብዙሕ ሰብ ፍቕሪ ክትጠፍእ ከምእትኽእል ምእማኑ ዜሕዝን ኣጋጣሚ እዩ። ኤሪክ "ፍቕርና ጠፊኡ'ያ" ኢሉ'ዩ ጽሒፉ። ግደ ሓቂ ፍቕሪ ኣይትጠፍእን'ያ። ኣብዚ ቀረባ ግዜስ መፍትሕ ኣጥፊኡ ነይሩ። ዝገበርኩ እንተገበርኩ ኸኣ ምርካባ ስኢነ። ከም መፍትሕ ዝኣመሰለ ኣቕሓ ኪጠፍእ ይኽእል'ዩ። ፍቕሪ ግን ክትጠፍእ ኣይትኽእልን።

ፍቕሪ ተግባር'ያ። ተግባራተይ ክመርጽ ስለ ዝኽእል ድማ እንተደልየ ከፍቅር እኽእል'የ። ሕያዋይን ተሓጋጋዝን ኾኽሽውን እንተመሪጸ፡ ኾኽፍቅር እመርጽ ኣሎኹ። ቁጡዕን ተቐያምን ኾኽሽውን እንተመሪጸ ድማ ኾኽየፍቅር እመርጽ ኣሎኹ ማለት'ዩ። ብርግጽ እንተደልየ፡ ኾኽየፍቅር'ውን ክመርጽ እኽእል'የ። ፍቕሪይ ጠፊኣ'ያ ኢለ ክዛረብ ግን የብለይን። ንበዓልቲ ቤተይ እንተዘየፍቂረያ፡ ናተይ ጉድለት'ዩ። ኾኽፍቅራ፡ ሓላፍነተይን ግቡኣይን'ዩ። ኣፍቅራ እንተዘይሃልየ፡ ናይ ፍቕሪ ተግባራት ኣብ ልዕሊኣ ኾኽፍጽም ብዘይ ምድላየይ ደኣ'ምበር ፍቕሪ ስለዝጠፍኣት ኣይኮነን።

ስምዒት ፍቕሪ

ፍቕሪ እንታይ ምኻና ስለ ዝተዘራረብናሉ፡ ናብ ስምዒት ፍቕሪ ዚብል ዝተፈልየ ኣርእስቲ ንስገር። ስምዒት ፍቕሪ ምስ ፍቕሪ ሓደ ዓይነት ዘይምኻኑ ግን ኣስተብህል። ዳርጋ ኩሉ ሰብ ነቲ "ስምዒት ፍቕሪ እንታይ'ዩ ዚብል ሕቶ መልሱ ይፈልጦ እዩ። ስምዒት ፍቕሪ ኣብ ልቢ ዚስመዓካ፡ ዜገርም፡ ባህ ዜብል ስምዒት'ዩ። "ተፍቅረኒ ኣነ'ውን ኤፍቅራ" ዚብል ምዉቕ ስምዒት'ዩ። ስምዒት ፍቕሪ ኣዚዩ ዜደንቕ ስለ ዝኾነ ኾኣ ሚልዮናት ደርፍታትን ግጥምታትን ተደሪሱሉ።

እዚ ስምዒት'ዚ መብዝሕትና ተሞኪርናዮ ኢና። ንመጀመርታ ግዜ ስምዒት ፍቕሪ ክሕዘካ እንከሎ ኣጸቢቕካ ኣይጐበዝካን ኔርካ ትኸውን። ዘፍቀርካያ ቁሊሕ ምስ በለትካ ድማ ህርመት ልብኻ ካብቲ ንቡር ብሚእቲ ግዜ ዚበዝሕ ሃሪማ ትኸውን። ነዛ ሕጂ በዓልቲ ቤትካ ዘላ፡ ከምእትምርዓዋ ቃል ምስ ኣተኻ ድማ እቲ ስምዒት ፍቕሪ ብዘይ መጠን ልዑል ነይሩ ይኸውን።

ብዙሕ ሰብ ብዛዕባ ስምዒት ፍቕሪ ገና ዘይተረድኦ ሓደ ሓቂ ግን ኣሎ። ንሱ ድማ ስምዒት ፍቕሪ ዚኸይድን ዚመጽእን ምኻኑ እዩ። ሎሚ ሓደ ሰብ ብርቱዕ ስምዒት ፍቕሪ ኪህልዎ ይኽእል'ዩ። ንጽብሒቱ ግን እቲ ስምዒት ኪጠፍእ ይኽእል። ድሕሪኡ ድማ ይምለስ፡ መሊሱ'ውን ይጠፍእ። ከምብሓድሽ ድማ መሊሱ ይምለስ። ስለምንታይ? ምኽንያቱ፡ ስምዒት ፍቕሪ፡ ስምዒት ጥራይ ስለ ዝኾነ እዩ። ስምዒታትና ድማ ይለዋወጥ'ዩ።

ደቂ ሰባት ዝተፈላለየ ዓይነታት ስምዒት ኣለና። ኣብ ገለ እዋን ንጉሂ፡ ካልእ እዋን ንሕጐስ፡ እንሓንሳእ ንፍሳህ፡ እንሓንሳእ ድማ ንቑጣዕ። ገለ እዋን ጽምዋነት ይስምዓና። ገለ እዋን ድማ ጽቡቕ ሕውነት ጎስምዓና። ኩሉ ግዜ ግን ሓደ ዓይነት ስምዒት የብልናን። ወርሒ ምሉእ መዓልቲ መዓልቲ ተሓጉስካ ዘሕለፍካዮ ግዜ ኣሎ'ዶ? ኣይፋልን። ሓጐስ ስምዒት ስለ ዝኾነ፡ ይኸይድ፡ ይመጽእ ድማ። ኩሎም ስምዒታት ሰብ ይኸዱ፡ ከም ብሓድሽ ድማ ይመጽኡ። ስምዒት ፍቕሪ ድማ ምስ'ዚ እዩ ዚጠቓለል።

ድሕሪ መርዓ ዚህሉ ስምዒት ፍቕሪ

ኣብ ክርስቲያናዊ መርዓ፡ መርዓውን መርዓትን ክሳዕ ሞት ብፍቕሪ ኾኽነብሩ እዮም ኪዳን ዚኣትዉ። እዚ ማለት ግን "መዓልታዊ ስምዒት ፍቕሪ ክህልወና ኣለዎ" ኢሎም ኪዳን ይኣትዉ ማለት ኣይኮነን። ብፍቕሪ ኾኽነብሩ ኪመባጽዑ ከለዉ፡ ንሓድሕዶም ፍቕራዊ ነገር ኾኽገብሩ'ዮም ኪዳን ዚኣትዉ። ብቐጻሊ ንሓድሕዶም ዚደናገጹ፡ ዚተሓጋገዙ፡ ዚረዳድኡ፡ ሕድገታት ዚገብሩን ከምኡ ዚኣመሰሉን ካልእን ኾኽኾኑዮም ዚመባጽዑ።

ስምዒት ፍቕሪኻ ኪህልዎም ድዩ? እወ፡ ኩሉ ግዜ ግን ኣይኮነን። ኣብ ገለ እዋን ባህ ዜብል፡ ምዉቕ ስምዒት ፍቕሪ ይህልዎም። ኣብ ካልእ ግዜ ግን ካልእ ዓይነት ስምዒት ክህልዎም ይኽእል። ሽጉራት፡ ተስፋ ዚቖረጹ፡ ወይ ጉሁያት ከምዝኾኑ ኮይኑ ኪስምየም ይኽእል። ስምዒት ፍቕሪ ዘይክስምየም ይኽእል። እዚ ግን ደሓን'ዩ። እግዚኣብሄር ሓደ ዓይነት ስምዒት ክህልወና ከምዘለዎ ኣይኣዘዘናን። ከኣፍቅር ግን ኣዚዙና'ሎ።

ሰብኣይን ሰበይትን እምበኣር ብፍቕሪ ምንባር ኪቕጽሉ ኣለዎም። ስምዒታቶም ዚኸይድን ዚመጽእ ስለ ዝኾነ ብዛዕባኡ ኪጭነቑ ኣየድልን እዩ። ናቶም ግደ ብልኡም ቃላትን ግብርን ንሓድሕዶም ኪፋቕሩን ኩሉ መዓልቲ ድማ ነዚ ንምቕጻልን ጥራይ እዩ።

ስምዒታትና ክንቆጻጸሮ ኣይኽእልን ኾኸውን። ተግባርና ግን ክንቆጻጸሮ ኾኽእል ኢና። ገለ ዝደለናዮ ስምዒት ክህልወና ክንመርጽ ኣይኽእልን ኾኸውን። ገለ ዝደለናዮ ክንገብር ግን ክንመርጽ ኾኽእል ኢና። ንኣብነት ኩነታተይ ኣብ ልዕሊ ሰበይተይ ኾኸጉባዕብዕ እናተፈታተነኒ፡

ብኣንጻሩ ብልኡም ቃላት ክዛረባ እንተፈቲነ፡ ንኽፍቅራ እመርጽ ኣለኹ። ንርእሰይ ይጥዓመኒ ዚብል ስምዒት ኣብ ዚስምዓኒ እዋንውን፡ ብዛዕባ ጸገማታ ክግደስ እኽእል'የ። ብዛዕባ ጸገማታ ክትዛረብ እንከላ፡ ጽን ኢለ ሰሚዐን ተረዲአን፡ ንኽጸናንዓ ክመርጽ እኽእል'የ። እወ፡ ዋላኳ ስምዒተይ ንርእሰይ ይጥዓመኒ ብዝብል ሕድገታት ንዘይምግባር እንተለመነኒ፡ ብቕጻሊ ፍቕራዊ ነገራት ንኽገብር ግን ክመርጽ እኽእል'የ።

ሓደ ሓደ ግዜ ንመጻምድተይ ኣገልግል ከምዘለኹ፡ ካልእ ግዜ ድማ ንገዛእ ርእሰይ ኣሐጉስ ከምዘለኹ ኮይኑ ክስምዓኒ ይኽእል'ዩ። ፍቕሪ ማለት ግን ንመጻምድተይ፡ ዋላ ጽቡቕ ምስ ዘይስምዓኒ፡ ጽቡቕ ንኽገብር ክመርጽ ከለኹ ማለት'ዩ።

ንመጻምድተይ ጽቡቕ ንምግባር ክመርጽ ከለኹ፡ እቶም ናይ ህዋሳተይ ስምዒት ባህ ዘይክብሎም ይኽእል'ዩ። ይኹን'ምበር ነቲ ኣብታ መዓልቲ መርዓ ንዝኣተኹዎ ቃል እየ ግን ዘተግብር ዘለኹ። ተግባራትና ክንመርጽ ስለ እንኽእል፡ ንሽነፍቅር ቃል ክንኣቱ ንኽእል ኢና። ፍቕሪ ካብ ቁጽጽርና ወጻኢ ኣይኮነትን።

ስምዒት ፍቕሪ ጠቕሊሉ ጠፊኡ እንተኾይኑ

ስምዒት ፍቕሪ ዋላ ኣብ ጽቡቕ ሓዳር ከምዚኸይድን ከም ዚመጽእን፡ ተዘራሪብናሉ ኣለና። ኤሪክ ግን፡ ስምዒት ፍቕሩ ጠቕሊሉ ከም ዚጠፍኣ፡ ማለት ንሱን ሰበይቱን ፍቕሪ ዚበሃል ከምዘይስምዖም እዩ ጠቒሱ። እታ ጸገም እዚኣ እያ። ብሓቂ ዝዓበየት ጸገሙ እዚኣ እያ። መልሲኻ ኣለዋ'ዶ? ብርግጽ ኣለዋ። ኣብ ክልተ ክፋል ክምቀል ዚከኣል ድማ እዩ። መጀመርያ ትእዛዝ ቀጺሉ ተስፋ።

እቲ ትእዛዝ

ንመጻምድትኻ ስምዒት ፍቕሪ ኣብ ዘይህልወሉ'ውን ንመጻምድትኻ ብጽቡቕ ተግባር ኣፍቅራ። ተሓጋጋዚ፡ ትሑት፡ ሕያዋይ፡ እሙንን ውፉይን ንምኻን ተጠንቀቕ!

እዚ ኣዝዩ ዘሸግር ትእዛዝ እዩ። ኣይኮነን'ዶ? ኣይትተሃወኽ ግን! ስዒቡ ዜደንቕ ተስፋ ቀሪቡልካ'ሎ።

እቲ ተስፋ

ፍቕራዊ ግብርታት ኣብ እትቕጽለሉ፡ ስምዒት ፍቕሪ ይቕልጥፍ ይደንጉ ኪምለስ እዩ። እወ፡ ብዘይ ስምዒት ፍቕሪ ዝተረፈ ዘመን ህይወትኩም ክትጸንሑ ኣየድልየኩምን እዩ። ብቕጻሊ፡ ፍቕራዊ ተግባራት ንኽትገብር እንተመሪጽካ፡ እቲ ዜገርም ስምዒት ፍቕሪ ክምለስ ይከኣል'ዩ።

ርግጽ፡ ስምዒት ፍቕሪ ስምዒት ጥራይ እዩ። ኩሉ ግዜ ምሳኻ ዚነብር ኣይኮነን። ዚኸይድን ዚመጽእን እዩ። ብግብሪ ኩተፍቕር እንተጀሚርካ ግን እቲ ስምዒት ፍቕሪ ንነዊሕ ግዜ ካብኻ ርሒቑ ኪኸይድ ኣይክእልን'ዩ'ሞ ባህ ክብለካ እዩ።

ኤሪክ "ሓዳርና ዜሐጉስ ኪኸውን ኣይክእልን'ዩ... ፍቕርና ጠፊኣ እያ" ኢሉ ነታ መልእኽቲ ከምዝወድኣ ዘክር። ግደ ሓቂ ግን እቲ ዝጠፍኣ፡ ስምዒት ፍቕሪ እዩ። ፍቕራዊ ተግባር እንተጀሚሮም ድማ እቲ ስምዒት ክምለስ እዩ። ብግብሪ ኪፋቕሩ ኣለዎም። ሽዑ፡ እቲ ስምዒት ፍቕሪ ስዒቡ ዚመጽእ እዩ።

ከመይ ገይሩ'ዩኽ ጠፊኡ?

ናይ ኤሪክን ሰበይቱን ስምዒት ፍቕሪ ከመይ ገይሩ'ዩ ኪጠፍእ ዝጀመረ ንዝብል ሕቶ፡ ብዘይ ጥርጥር እቲ መልሲ ፍቕራዊ ተግባር ስለ ዘቋረጹ እዩ ዚብል እዩ። ስለዚ ድማ እቲ ናይ ፍቕሪ ስምዒቶም፡ ምሉእ ብምሉእ ጠፊኡ። ቅድሚ መርዓኦምን ድሕሪኡ ድማ ንሓጺር እዋንን፡ ንሓድሕዶም ሕያዋትን ትሑታትን ነይሮም ክኾኑ ዘሎ ተኽእሎ፡ ልዑል'ዩ። ፍቕራዊ ተግባር ተጠንቂቖም ምግባር ስለ ዘቋረጹ ግን፡ ሽዑ ንሓድሕዶም ክነቓቕፉን ክጸራረፉን ብገዛእ ርእሶም ኣፍቂዶም ይኾኑ። ከምዚ ምግባር ድማ ብርግጽ፡ ነቲ ስምዒት ፍቕሪ ካብ ልቦም ኬውጽኡ ይኽእል።

እዚ ማለት ግን ሕጂ ኩነታቶም ተስፋ የብሉን ማለት ድዩ? ብርግጽ ኣይፋሉን። እቲ ዜደንቕ ስምዒት ፍቐሪ፡ ብግብሪ ኽክፋቐሩ ምስ ዝመርጹ፡ ኪምለስ እዩ።

ቅድም ግብሪ ደሓር ስምዒት

ኣብነት ምእንቲ ኮቮና'ስክ፡ ሓደ ሰብኣይ ሎሚ ንበዓልቲ ቤቱ፡ "ክንደይ እትፍተወካ ሰብ፡ ክንደይ'ከ ትጽብቕ!" ኢሉ ክሳዕ ዚግረም፡ ዜደንቕ ስምዒት ፍቐሪ ኣለዎ ንበል። ኣጋጣሚ ገለ ንዕኡ ዜሕርቕ ነገር ምስ እትገብር ብዛዕባ'ቲ ዘጉሃየቶ እናሓሰበ፡ እቲ ኣብ ልቡ ዝነበረ ፍቐሪ ብናይ ቁጥዐ ስምዒት ይትካእ።

እቲ ምርጫ እምበኣር ኣብዚ'ዩ ዚመጽእ። እንተደልዩ ዘይዓቕልን ዘይሓዳግን ንክኸውን ኪመርጽ ይኽእል'ዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ኽኸየፍቅር ክመርጽ ይኽእል'ዩ። እቲ ካልኣይ ኣማራጺ ድማ፡ ብትሑት ኣገባብ ከመይ ከምዘጉሃየቶ ከምእትፈልጥ ንክገብር'ውን ኪመርጽ ይኽእል'ዩ። ከምዚ ምግባር ድማ ሕያዋይን ሓዳግን ኪኸውን ይሕግዞ። እቲ ምርጫ ናቱ'ዩ። እንተደልዩ ኬፍቅር ይኽእል'ዩ።

ዘይዓቕልን ዘይሕያዋይን ባህርይ እንተመሪጹ፡ እቲ ስምዒት ፍቐሪ መሊኡ ካብ ልቡ ክርሕቕ'ዩ። ፍቐራዊ ተግባር እንተመሪጹ ግን፡ ብቕልጡፍ ስምዒት ፍቕሩ ክምለስ'ዩ።

ፍቐሪ፡ ቅድም እንገብራ ስዒባ ድማ እትስምዓና ነገር'ያ። ፍቐራዊ ተግባር ንምግባር ክንመርጽ ከለና፡ ቀልጢፉ ስምዒት ፍቐሪ ይስምዓና።

ኢዩኒስን ማርቲንን

ኢዩኒስ ንማርቲን ክትምርዓዎ እንከላ፡ ኣምላኽ ከምኡ ዝበለ ዜገርም፡ ሰዓቢ ክርስቶስ ዝኾነ በዓል ቤት ስለ ዝሃባ መጻኢ ህይወቶም ዜገርም ከምዝኸውን'ያ ትሓስብ ዝነበረት። ኩሉሳዕ ንኣምላኽ እናመስገነት ከኣ፡ ብበዓል ቤታ ሕጉስቲ ኔራ። ድሕሪ ቁሩብ ኣዋርሕ ግን ንእግዚኣብሄር "ስለምንታይ ሰብኣይ ሃበካኒ? ስለምንታይ'ከ ነዚ ሰብኣይ'ዚ ሃብካኒ!" ኢላ ተገሪማ ሓቲታቶ። ማርቲን ኩሉ ግዜ ከምቲ እትደልዮ ምቁር ከምዘይኮነ ፈሊጣ። እቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝነበራ ስምዒት ድማ ኪዝሕል ጀሚሩ።

ኣብታ ቃል-ኪዳን ዝኣሰረትላ መዓልቲ፡ እቲ ኪዳን ዘእተዋ ካህን "ነዚ ሰብኣይ ከተፍቅሮ'ዶ ኪዳን ይኹንኪ?" ኢሉ ዝሓተታ ግን ትዝክር። ቀስ ኢሉዩ ተረዲእዋ። "ንማርቲን ከፍቅሮ'ለኒ። ዋላ ዘይሰማማዕን ፈታው ርእሱን'ኳ እንተኾነ... ከፍቅሮ ግን ኣለኒ። ተስፋ እገብር ከኣ፡ ዋላ'ኳ ኣነ ምስኡ ንምንባር፡ ዘይረዳዳእን ነቓጽን እንተኾንኩ፡ ማርቲን ኬፍቅረኒ ግን እትስፎ!"

ድሕሪ'ዚ ንገዛእ ርእሳ፡ "ሕጂ ከፍቅሮ ክጅምር'የ። እታ ዝፈትዋ መግቢ ሕጂ ከዳልወሉ እየ" ኢላ። መግቢ እናዳለወት እንከላ ድማ እቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝነበራ ስምዒት ብቕልጡፍ ተለዊጡ። ዳግም ኣብ ልዕሊኡ ፍቐሪ ክስምዓ ጀሚሩ። ነቲ ናይ ፍቐሪ ስምዒታ ዝመለሶ፡ እቲ ፍቐራዊ ግብራ'ዩ፡- ማርቲን ዝፈትዎ መግቢ ከተዳሉ ምጅማራ ማለት'ዩ።

ፍቐራዊ ተግባር፡ ንስምዒት ፍቐሪ ኪመልስ፡ ወትሩ ዘጋጥም'ዩ። ነዚ ዝርድኡ ግን ውሑዳት ምኻኖም ከኣ ዜሕዝን ኣጋጣሚ እዩ። ብዙሓት ከምቲ ንኤሪክ ዚርድኡ፡ እቲ ስምዒት ፍቐሪ እንተኸይዱ፡ ፍቐሪ ከምዝጠፍኣትን እቲ ሓዳር ድማ ተስፋ ከምዘይብሉን ገይሮም እዮም ዚኣምኑ።

መጠቓለሊ ሓሳባት

ኤሪክ ሓዳሩ ንክመሓየሽ፡ እተን መሰረታውያን ናይ ፍቐርን ስምዒት ፍቐርን ሓሳባት ክርድኣን ኣለዎ። ሓጺር መጠቓለሊ ናይዘን ሓሳባት ድማ ቀጺሉ ቀሪቡ'ሎ።

1. ፍቐሪ ተግባር'ያ፡- ሕያዋይ፡ ሓላዪ፡ ዕጉስ፡ ከምኡ ዝኣመሰለ ናይ ምኻን ተግባር'ያ።
2. ስምዒት ፍቐሪ፡- ስምዒት ጥራይ'ዩ። ስለዚ ድማ ይመጽእ ይኸይድ ከኣ።
3. ብግብሪ ምፍቃር ምስ እተቋርጽ፡ ስምዒት ፍቐርካ ኪጠፍእ ይጅምር።
4. ስምዒት ፍቐርካ እንተጠፊኡ፡ ንክትመልሶ፡ ብግብሪ ንክተፍቅር ተበገስ።

ፍትሕ

ኤሪክ ንበዓልቲ ቤቱ ኪፈትሓ ከምዝደሊ'ዩ ገሊጹ። "ፍትሕ" እትብል ቃል ክንሰምዕ ከለና፡ ኬሮልን ኣነን፡ ናይ ሓንቲ ሰበይቲ ዘረባ ኢና እንዝክር።

"ንሰብኣየይ፡ ክፈትሖ እየ" ኢላ ንምዕባያ ዝኾና ሓዋ ምስ ነገረቶ፡ እቲ ምዕባያ ድማ፡ "ጽቡቕ። ከመይ ገርኪ ዝያዳ ከምእተጉህይዮ ግን ክነግረኪ። ኣቐዲምኪ ኩሉ ዜሐጉሶ ነገር ክትገብሪ ጀምሪ። እዚ ቀዳማይ ስጉምቲ'ዩ። ጽቡቕ ነገራት ግበርሉ። ተጠንቂቕኪ እናኽበርኪ ድማ ተዛረብዮ። ኣይተጉረምርምሉ። ከምዚ እንተገርኪ ቀልጢፉ ከምእተድልይዮን ብዘይ ብኣኺ ኪነብር ከምዘይክእልን ኪፈልጥ እዩ። ስዒቡ ዚመጽእ እቲ ካልኣይ ስጉምቲ'ዩ፡- ፍትሕ። እዚኣ ናይ ብሓቂ ክትሃስዮ እያ።"

ከምዚ ምስ በላ ምሒር'ያ ተሓጕሳ። ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ከኣ፡ እታ ቀዳመይቲ ስጉምቲ ከምዝፈጸመታ ንሓዋ ትሕብሮ። ንሱ ድማ፡ "ጽቡቕ፡ እቲ እትፈትሕሉ ግዜ እምበኣር ሕጂ'ዩ" ይብላ። "ክፈትሖ?! ኣይከውንን እዩ፡ ፈጺመ ኣፍቂረዮ እንድየ ዘለኹ!" ቃላታ ብምግራም ዝተመልኡ ነይሮም።

እዛ ሰበይቲ፡ ፍቐራዊ ተግባር፡ ንስምዒት ፍቐሪ ከምዝመልሶ እያ ኣረጋጊጻ። ብዙሓት ሰብ-ሓዳር ነዚ ኪፈልጡ ዘይምኽኣሎም ግን ዜሕዝን እዩ። "ፍቐርና ጠፊኣ'ያ፡ ንኽንመልሳ ድማ ዋላ ሓንቲ ክንገብር ኣይንኽእልን ኢና። ስለዚ ክንፋታሕ ጥራይ'ዩ ዘለና" እዮም ዝብሉ። እግዚኣብሄር ግን ንኸተፍቅር ደኣ'ምበር፡ ንኽትፋታሕ ኣይትምረጽ እዩ ዚብል።

"ፍቐሪ ከዩ ኣይተቕርጽን'ያ። ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ እእዝዘኩም ኣለኹ። ኣንቱም ሰብኡት፡ ነንስትኹም ኣፍቅሩ።" (1ቆረ 13፡8 ዮሃ 15፡17 ኤፌ 5፡25)

"እቲ ብዘይ ምኽንያት ዝሙት ንሰበይቱ ዚፈትሕ፡ ንኻልእ ከኣ ዚምርያ፡ ይዝሙ።" (ማቴ 19፡9)

ንኤሪክ ከምዚ ዝስዕብ ኢልናዮ።። "ኣብ መዓልቲ መርዓኻ ንበዓልቲ ቤትካ ክሳዕ ብሞት ካብኣ እትፍለ ንኸተፍቅራ፡ ቃል ኣቲኻ ኢኻ። እቲ ዝኣተኻዮ ኪዳን፡ ናብ ኣምላኽ ዝቐረበ ቃለ-ማሕላ እዩ። ክትሕልዎ ኣለካ። ከምታ ዝኣተኻያ ቃል ድማ ንበዓልቲ ቤትካ ከተፍቅራ ይግብኣካ።

"ንኣምላኽ እንተተመባጻዕካሉ፡ ንምፍጻሙ ኣይትደንጉ" (መክ.5፡4)
ምፍቃር ቀሊል ኣይኮነን። ንበዓልቲ ቤትካ ከተፍቅራ ቃል ስለ ዝኣተኻ ግን ብደገፍ ኣምላኽ፡ ግድን ክትገብሮ ኣለካ። ብግብሪ ከተፍቅር ምስ ጀመርካ፡ እቲ ስምዒት ፍቐሪ፡ ይቕረብ ይርሓቕ፡ ኪምለስ ስለ ዝኾነ ብዜገርም ሓጕስ ክትሕጕስ ኢኻ። እወ፡ ከምብሓድሽ፡ ዓው ብዝበለ ድምጽን፡ ብመዝሙርን፡ "ኣፍቅረኪ'የ" ንኽትብል፡ ዜለዓዕለካ ዜገርም ስምዒት ክህልወካ እዩ። ድሕሪኡ እቲ ስምዒት ክብ ኪብልን ለጠቕ ኪብልን እዩ። ናትካ ግደ ግን መዓልታዊ ንበዓልቲ ቤትካ ምፍቃር'ዩ። ኣብታ መዓልቲ ዝሀሉ ክብ ዝበለ ወይ ለጠቕ ዝበለ ስምዒት ብዘየገድስ፡ ከተፍቅራ ኣለካ። ሰናይ ናይ ፍቐሪ ተግባር እንተገርካ፡ ኣብ ሓዳርካ ዝሀሉ ስምዒት ፍቐሪ ብዜገርም እናዓበየ ኪመጽእ እዩ። ኩሉ ግዜ ክብታን ለጠቕታን ኣሎ። እንተኾነ እቲ ለጠቕታታት ኪውሕድ፡ እቲ ክብታታት ድማ ኣዝዩ ስምዒት ዜለዓዕል ኪኸውን እዩ።

ፍትሕ፡ ካብቲ ፍቐሪ ዘይብሉ ሓዳር ኣይበልጽን'ዶ? ክትብል ከኣ ሓቲትካ ኣለኻ። እቲ መልሲ ካብ ክልቲኡ ዚሓይሽ የልቦን ዚብል'ዩ። እግዚኣብሄር ግን ከኣፍቅኦ ዚእዝዘና። ሓዳርና፡ ምዉቕ፡ ሕውነት ዚመልኣን ባህ ዜብልን ንኽኸውን ድማ ክሕግዘና ይደሊ። እሞ ፍትሕ'ዶ ደኣ ካብዚ ኪበልጽ ኢሉ!?

ምዕራፍ 2

ከፍቅር ኣይከኣልኩን

ምፍቃር ክሳዕ ክንደይ ንዓና ኣሸጋሪ ምሻኑ
እግዚኣብሄር ይፈልጦ እዩ። ዘድልየና ሓይሊ
ስለ ዝህበና ግን ኽነፍቅር ይእዝዘና።

ዝኸበርኩም ብሩስን ኬሮልን፡-

እታ "ፍቐርን ሓዳርን" እትብል መጽሓፍኩም ነቢበይ። ኩሉ ዝበልኩሞ ድማ ፈትየዮ። ጸገመይ ግን፡ ነቲ ዝበልኩሞ ክገብሮ ዘይምኽኣለይ እዩ። ንበዓልቲ ቤተይ ከፍቅራ ከምዘለኒ ተረዲኡ እየ። ስለዚ ድማ ኩሉ ግዜ "ሎምስ ዝሓሸ ክገብር'የ" እናበልኩ ምስ ርእሰይ ቃል እኣቱ። ይኹን እምበር መሊሰ ድማ ንገዛእ ርእሰይ ምስ በዓልቲ ቤተይ ክትቋየቕ እረኽባ። ዘጽሕፈኒ ዘሎ ምኽንያት እምበኣር፡ እንተወሓደ ንዓይ፡ ከምቲ ንሽኹም እትሓስብዎ፡ ቀሊል ከምዘይኮነ ከፍልጠኩም ደልየ እየ።

እሙን ናትኩም ሴዝ

ደቂ ሰብ ብተፈጥሮና፡ ፈተውቲ ገዛእ ርእስና ኢና። ስለዚ ድማ ከነፍቅር ንዓና ከቢድዩ። ሴዝ "ቀሊል ኣይኮነን" ኪብል እንከሎ እምበኣር ሚእቲ ካብ ሚእቲ ቅኑዕ ኣሎ። ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ቀሊል ኣይኮነን። በንጻሩኳ ደኣ ካብ ፍቐሪ ወጻኢ ዝኾኑ ነገራት ኢና ክንገብርን ክንዛረብን እንደሊ። ምፍቃር ንዓና ክሳዕ ክንደይ ኣሸጋሪ ምኻኑ፡ እግዚኣብሄር ይፈልጦ እዩ። ዘድልየና ሓይሊ ስለዝህበና ግን፡ ኽነፍቅር ድማ ይእዝዘና።

ኽትፍቅር ዜድሊ ሓይሊ

ነፍሲወከፍ ሰብ፡ ብመገዲ ገዛእ ርእሱ ብምኻድ፡ ንኣምላኽ ሕቑኡ ከምዝሃቦ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። (ኢሳ 53፡6) ሕድገት ምእንቲ ክንረክብ ግን ኣብ ክንዳና ኽኽስቀል፡ ኣምላኽ ንወዱ ኢየሱስ ልኢኽዎ። ድሕሪኡ ሓይሊ ምእንቲ ኪህበናን፡ ምሳና ምእንቲ ኽነብርን መንፈስ ቅዱስ ከምዝህበና ቃል ኣትዩልና።

ኣምላኽ ካባና ዚደልዮ እምበኣር፡ ዝገበሮ ኽንኣምን፡ ምሕረት ከምዘድልየና ክንእመንን፡ መንፈስ ቅዱስ ናብ ህይወትና ኽኽኣቱ ድማ ክንዕድምን እዩ። (ግብ.5፡ 30-32)

ኣምላኽ ከምዘድልዮም ንምእማን ዝነጸጉ፡ ሚልዮናት ሰባት ምህላዎም ዘሕዝን እዩ። ንገዛእ ርእሶም "ህይወተይ ምምራሕ ኣጸቢቐ እኽእል እየ" ይብሉ። እግዚኣብሄር ነቶም ሓገዝ ዘይደልዩ ኪሕግዞም ኣይክእልን እዩ። ሴዝ ግን ከምዚኣቶም ኣይኮነን። ኣብታ መልእኽቲ "ጸገመይ፡ ኪገብሮ ስለ ዘይከኣልኩ እዩ" ዚብል ዘሎ። ሓገዝ ከምዘድልዮ ምፍላጡ ጽቡቕ እዩ ጌሩ።

ኣብታ ዝጸሓፍናሉ መልእኽቲ ንእየሱስ ከም ጐይታ ክቕበሎን ብትእዛዛት ኣምላኽ ከኣ ኪመላለስን ኢና ምዒድናዮ። ከምዚ ዚስዕብ ኢልና።- "ኣብቲ ንኢየሱስ ክትኣምኖን ህይወትካ ኽኽትቆጻጸር ድማ እትዕድመሉ መዓልቲ፡ ምሕረት ክትረክብን ነቲ "ኣፍቅር" ዚብል ትእዛዝ ዘጠቓለለ ትእዛዛት ኣምላኽ ንምፍጻሙ ድማ ሓይሊ ክትቅበልን ኢኻ" ኢልናዮ።

ንሴዝ "ኢየሱስ ብቕሊሉ ከተፍቅር ከምእትኽእል ክገብረካ እዩ" ኢልናኽ ክንመባጸዓሉ'ዶ ኽኽእል? ኣይፋልን። ምፍቃር ፍጹም ቀሊል ኣይኮነን። ቃልሲ'ዩ። ንኢየሱስ ድሕሪ ምቕባልና ግን ሓይሊ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምሳና ስለ ዝኾነ። ነቲ ቃልሲ ክንዕወተሉ ንጅምር።

ስራሕ! ኣይትዛነ!

ብዙሓት ሰባት "ቅኑዕ ናይ ሓዳር መጻምድቲ እንተመሪጽካ ምፍቃር ቀሊል'ዩ።" ኪብሉ ይስምዑ'ዮም። ግደ ሓቂ ግን ንዓመታት እናተጓዓዝካ ኩሉ መዓልቲ ምፍቃር ክትቅጽል፡ ብፍጹም ቀሊል ዘይምኻኑ እዩ። ፍቐሪ ጻዕሪ ትሓትት'ያ። ኣብ ፍቐሪ ክንሰርሕ ኣለና። ቅድምን ድሕርን መርዓ መብዛሕትኡ ግዜ ዘጋጥም እስከ ንርኣ።

ወዲ ነታ ዝተገደሰላ ጓል፡ ትሑትን ሃያብን መሲሉ ኪቕርብ ኣዘዩ እዩ ዚጥንቀቕ። ጓል ድማ ንዝተገደሰትሉ ወዲ፡ ፍትውቲ ክትከውን ምእንቲ፡ ሕርቃን ወይ ቁጥዐ ከተወግድ ናይ ብሓቂ'ያ እትጽዕር። እዞም ናይ ፍቕሪ ተግባራት፡ ንገለ ኣዋርሕ ይቕጽሉ። ድሕሪኡ መርዓ ይመጽእ። ይምርዓዉ። ድሕሪ መርዓ'ኸ እንታይ እዩ ዚኸውን? ክልቲኦም ተገዳስነት ኬጉድሉ ይጅምሩ!

እታ ጓል፡ "ሕጂ በዓል ቤት ኣለኒ። ህይወተይ ከይተመርዓኹ ከየሕልፉ ዚብል ሓሳባት ደጊም ዘጨንቕኒ ኣይኮነን። ክዛነ እኽእል'የ።" ኢላ ትሓስብ።

ምዝናይ ማለት ከም ቀደምካ ንመጻምድትኻ ብጽቡቕ ንኽትቀርብ ዘይምጥንቃቕ ማለት'ዩ። እቲ ወዲ'ውን ልክዕ ከምታ ጓል ድሕሪ መርዓ ንገዛእ ርእሱ "ካብ ሕጂ ናተይ እያ" ኪብል ይጅምር። ኣብ ክንዲ ንድሌታታ ንምስትውዓል ኣበርቲዑ ዚጽዕር ከኣ፡ ከም ተራ ሰበይቲ ይርእያ። ብቓል ወይ ብተግባር ምስ እትሕርቕ። ኪሓድገላ ኣይፍትንን። ከናፍሩ ንዓዓ ዜሕዝን ቃላት ንኸውጽኣ የፍቅደለን። ንሳ'ውን ከምኡ። እቲ ጸገም ድማ መሊሱ ይገድድ።

ሓደ ካብ ክልቲኦም "ኦ ጐይታ! ዋላ ጽቡቕ ነገር ከይተቐበልኩ ጽቡቕ ንኽገብር ሓግዘኒ" ኢሉ እንተዝጽሊ ግን ሓዳሮም ኪመሓየሽ ምኽኣለ። እዚ ግን ከቢድ ስለ ዝኾነ ኣይገብርዎን እዮም። ይዛነዩ ስለ ዘለዉ ድማ፡ ስምዒት ፍቕሮም ብቕልጡፍ ከንቈልቁል ይጅምር።

ቅድሚ መርዓኦም ንነፍሲ ወከፎም ዜገርም ስምዒት ፍቕሪ'ዩ ነይርዎም። ኣብ ቅነ መርዓኦም ንሳ ንበዓል ቤታ "ኣዚዩ ጠባየኛ፡ ሕያዋይ፡ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ፡ ኣዚዩ ብሉጽ ወዲ ክምርዓወኒ እዩ" ብምባል ትገልጾ ስለዝነበረት፡ ብእኡ ሕጉስቲ'ያ ነይራ። ንሱ'ውን ኣብ ዓለም እታ ዝጠዓመት ጓል፡ እናበለ ይገልጻ ስለ ዝነበረ፡ ምስኣ ኪምርያ ምኽኑ የሐጉሶ ነይሩ። ምስ ተመርዓዉ ግን ንሓድሕዶም ሕያዎት ንምኽን ኣይተጠንቀቑን። ስለዚ ድማ እቲ ናይ ፍቕሪ ስምዒቶም ይጠፍእ ኣሎ።

ነፍሲ ወከፎም "ስለምንታይ ኢና ክሳዕ ክንድዚ እንኳረ? እቲ ኣብ ልብና ዝነበረ ስምዒት ፍቕሪ'ኸ እንታይ'ዩ ወሪድዎ? ፍቕርና ስለ ዝጠፍኣ ኪኸውን ኣለዎ" ኢሎም ይሓስቡ። መልሲ ኣምላኽ ግን ንዕኦም "ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ እእዝዘኩም ኣለኹ" ዚብል እዩ። እዚ ማለት እቲ ናይ ፍቕሪ ተግባራቶም፡ ዋላ ድሕሪ መርዓ'ውን ክቕጽልዎ ኣለዎም ማለት'ዩ። ዕጉስ፡ ሕያዋይ፡ ለዋህ፡ ዝኣመሰለ ባህርይ ዘለዎ ሰብ ኪኾኑ ኣለዎም ማለት ድማ እዩ።

- እዚ ማለት ግን ድሕሪ መርዓ ክዛነዩ የብሎምን ማለት ድዩ?
  - እወ ብዘይ ቃል ዓለም ክዛነዩ የብሎምን
- ኣምላኽ ምሳይ እናሃለወ፡ ሓይሊ ድማ እናሃበኒ ግን ክዛነ ኣይክእልን'ዶ?
  - ኣይፋልን፡ ምስ ኣምላኽ ደኣ ክሰርሕ ኣለኒ እምበር፡ ክዛነስ የብለይን። ብሓባር ብምስራሕ ድማ ንዕወት።
- ሓንሳብ እስከ፡ መጻምድተይ ንምፍቃር ክጽዕረሉ ዘለኒ ጉዳይ እንተኾይኑ፡ ሓዳረይ ዝሑልን ዘይፍቕራውን ኣይከውንን'ዶ?
  - ኣይፋልን። ንሓድሕድካ ብፍቕራዊ መገዲ እናተረኣኣኻ ክትሰርሕ፡ እዚ'ዩ ንሓዳር ብሓቂ ጽኑዕን ፍቕራውን ዚገብሮ። ንሓድሕድና ሕያዎት ንምኽን ክንጽዕር እንከለና። ዕርክነትና ጥቡቕ ኮይኑ'ዩ ዚነብር። ናይ ድቃስ ግዜታትና ድማ ዜሐጉስ ይኸውን።

ኣብዛ እትቕጽል ምዕራፍ ንሓድሕድና ንምፍቃር ክንሰርሓሎም ካብ ዘለና ገለ ኣዘዮም ኣገደስቲ መገድታት ክንርኢ ኢና።

ምዕራፍ 3

ከተፍቅር ምስ እትደሊ

ምፍቃር ማለት ነቲ ሰብ ምስ ኩሉ
ጉድለታቱ ከምታ ዘለዎ እንከለሎ ምቕባል ማለት እዩ

ናብ ክውንነት'ሞ ንመለስ፡ ንመጻምድትና ብግብራዊ መንገዲ መዓልታዊ ከመይ ከም እነፍቅር ከኣ እስከ ንዘራረብ። ኻኸተፍቅር ዚሕግዛ ኣዝየን ግብራውያን ዝኾና ሰለስተ መንገድታት ኣለዋ።

1. ምድናቕ 2. ሰናይ ግብሪ ዘበለ ምግባር 3. ሓድሕድ ምቅብባል

1. **ምድናቕ፡** ኩልና ናይ ሞገሳ ቃላት ንደሊ ኢና። ንኣብነት ከምዚ ዝስዕብ "እምብዛ ባህ እተብሊ ኢኺ። እቲ ንስድራይ ዝገበርክዮ ሓገዝ ከኣ ኣድኒቐዮ ኣሎኹ"።

ናይ ሞሳ ቃላት እንተዘይተቐቢልና፡ ጽቡቕ ኣይስምዓናን እዩ። ሓንቲ ሰበይቲ፡ "በዓል ቤተይ፡ ገዛ ከምዝጸረየ፡ ካምቻታቱ ከም ዝተስታረረ ዜስተውዕል ኣይመስለንን። ድራር ተዳልዩ'ዶ? ጥራይ እዩ ዝብል" ክትብል ጽሒፉ'ላ። ብውልቂ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዋላ ኣብ ቅድሚ ካልኦት'ውን ነዚ ናይ ምድናቕ ነገር ከነተግብሮ ኣለና። ኣብ ቅድሚ ብጾትካ ዜድንቐካ ክትረክብ ኣዝዩ ባህ ዜብል እዩ። (ምሳ25፡11 ተመልከት)

ካሌብን ራሄልን ንስድራቤት ካሌብ እናበጽሑ እንከለዉ "ነዚ ቁልዓ ናይ ሽንቲ ኣጭርቐቲ ክውሸኽሉስ ናብታ ድኳን'ዶ ክተብጽሓኒ?" ክትብል ሓቲታቶ። "ኣቐዲምኪ መደብ ምውጻእ፡ መዓስ ኢኺ ክትመሃሪ!?" ግርጭ ኢሉ መሊሱላ። ካሌብ ኣብ ቅድሚ ስድራቤቱ እዩ ከምኡ ኢልዋ። ራሄል ነቶም ስድራ ብሓዳራ ክተገርሞም'ያ ትሓስብ ነይራ። ካሌብ ግን ነቲ ንበዓል ቤቱ ብምድናቕ ክረክቦ ዚኽእል ዚነበረ ፍቕሪ እዩ ኣጥፊኡ።

ብውሽጢ ዘየድነቕካዮ ክነሸካ ብኣፍካ ምምሳው ግን ቅኑዕ ድዩ? ሞሳ ብባህርያዊ መገዲ ጥራይ ዶ ክወጽእ ኣለዎ? ዚብሉ ሕቶታት'ውን ከነልዕል ኻኽእል ኢና።

ደቂ ሰብ ብባህርይና ፈተውቲ ገዛእ ርእስና ኢና። እቲ ስሱዕ ባህርየይ፡ ሞሳ ክቕበል ከምዘለኒ ጥራይ'ዩ ኪነግረኒ። ኻኽልኦት ኻኸድንቐ ግን ኣይነግረንን እዩ። ምምሳው ሓደ ካብ መግለጺ ናይ ፍቕሪ እዩ። ፍቕሪ ድማ ብባህርያዊ መገዲ እትመጽእ ኣይኮነትን። ኣብ ፍቕሪ ክንጽዕር'ዩ ዘለና።

ከመይ ከም እትጅምር

ንመጻምድትካ ምድናቕ፡ ሕጂ ክትጅምሮ ትኽእል ኢኻ። ክልተ ሕቶታት ጥራይ ንገዛእ ርእሽካ ሕተት።

ሀ. ብዛዕባ መጻምድተይ ብሓቂ ዝፈትዎም ነገራት ኣየኖት እዮም?
ለ. ከመይ ገይረ ኣድናቕተይ ክገልጽ እኽእል?

ነዞም ሕቶታት ንምምላስ እቲ ዝበለጸ መገዲ፡ ፒሮን ወረቐትን ምሓዝ እዩ። ብቕዳምነት 5 ናይ መጻምድትካ እትፈትዎም ነገራት ጸሓፍ። (ናይ መጻምድትካ ዘይትፈትዎም ነገራት። ብዙሓት ኪህልዉ ይኽእሉ እዮም። 5 ብሉጸት ነገራት ግን ብርግጽ ኣይክትስእንን ኢኻ።) ኣስዒብካ፡ ንነፍሲ ወከፍ እዞም ዝዘርዘርካዮም፡ ከምዘድነቕካዮም ዚሕብር ሓሓደ መግለጺ ጸሓፈሎም። ቀጺሉ ኣብነት ቀሪቡልካ ኣሎ።

ናይ መጻምድተይ ዘድንቕም ነገራት	ኣድናቕተይ ብኽመይ ከም ዝገልጽ
1. ቁልዑ ብዝግባእ እያ እትኣሊ	በዓልቲ ቤተይ እናሰምዐትኒ፡ ነቶም ቁልዑ “ኣዝያ እተፍቅረኩም ኣደ ስለ ዝረኽብኩም ዕድለኛታት ኢኹም!” ክብሎም’የ።
2. ኣጋይሽ ብጽቡቕ እያ እትቕበል።	“ኣጋይሽ ንምቕባል እትኽተልዮ ኣገባብ ኣዝየ እየ ዘድንቕ” ክብላ እኽእል።
3. ንስድራይ ጽቡቕ ትገብረሎም እያ።	ኣብታ ንስድራይ ጽቡቕ እትገብረላ መዓልቲ ከመስግና እየ።
4. ሕውስትን ሰሓቒትን ስለ ዝኾነት ብዙሓት እዮም ዝፈትውዋ።	ሓወቦይ ብዛዕባኣ ኪዛረብ ከሎ “ከምኣ ዝኣመሰለት ሕውስቲ በዓልቲ ቤት ምርካብካ ዕድለኛ ኢኻ” ከምዝበለኒ ክነግራ እየ።
5. ኣብ ስፍየት ክዳን ንፍዕቲ’ያ።	በዚ ናይ ምስፋይ ክእለታ እተድሕኖ ዘላ ገንዘብ ከምዘድንቕ ክነግራ እየ።

እምበኣር ሕጂ ነዛ መጽሓፍ ኣቕምጣ እሞ፡ ፒሮን ወረቐትን ሓዝ። ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ፡ ናይ መጻምድትኻ ዝርዝር ከኣ ጸሓፍ። ምስ ጸሓፍካዮ ክትሕጕስ ምኻንካ ነተስፍወካ።። ሕጂ ጽሓፎ።

ኪመሓየሽ እዩ

ንመጻምድትኻ ኣድናቕትካ እናገለጽካ እንተፍቂርካያ ክትመሓየሽ እያ። ወይ ድማ ንሸኪ ንመጻምድትኺ ከምኡ እንተገርኪ ኪመሓየሽ እዩ። እወ ናይ ምስጋና ቃላት ደኣ’ምበር፡ ቁዮቕን ምጉርምራምን ኣይኮነን ንመጻምድትኻ ኪልውጦ ዚኽእል። ንኣብነት ኣብ ቁልዑ ንዘርእዮ ተገዳስነት ማዕረ ክንደይ ከም እተድንቕዮ እንተገሊጽክሉ ኣብቶም ህጻናት ዝያዳ ድሌት ኬሕድር እዩ።

ኣብዚ ቀረባ እዋን ብኣማኢት ንዝቕጸሩ መማህራን፡ እዛ እትስዕብ ሕቶ ቀሪባትሎም፡ “ብሉጻት መማህራን ክትኮኑስ ሓላፊኹም እንታይ ኪገብር ይግብኦ?” ካብቲ መልስታት ዝውትርቲ ዝነበረት “ጻዕረይ ከምዘድንቕ ከርእየኒ ኣለዎ” ትብል ነይራ። መምህር ዝያዳ ክጽዕርን ኻኺመሓየሽን ዚገብሮ ኣድናቕት ምርካብ እንተኾይኑ፡ ኣብ መጻምድትኻ ስለምንታይ ከምኡ ዘይከውን? እቲ መልሲ ዘይኮነሉ ምኽንያት የለን ዝብል እዩ።

1. ሰናይ ግብሪ ዘበለ ምግባር

እቲ ካልኣይ ንምፍቃር ዝሕግዝ ግብራዊ መገዲ ድማ ሰናይ ግብሪ ምዝውታር እዩ። ኣብ መጀመርያ እዋን ናይ ሓዳርኩም ንመጻምድትኻ ብዙሕ ሰናይ ግብሪ ንምግባር ትጥንቀቕ ኔርካ ትኸውን። ሕጂኸ ኩተቋርጾ’ዶ ኣለካ? ብዘይ ጥርጥር ኣይፋልን! እግዚኣብሄር ሰብኣይን ሰበይትን ንሓድሕዶም ክፋቕሩ እዩ ዝእዝዝ። ሓደ ኣገዳሲ ክፋል ፍቕሪ ድማ ንሓድሕድካ ጽቡቕ ምግባር’ዩ። ቀጺሉ ገለ ግብራውያን ዝኾኑ ምዕዶታት ቀሪቦም ኣለዉ።

ሰብኣይ

- ንበዓልቲ ቤትካ ንጹር መረዳእታታት እናጠቐስካ “ኣፍቅረኪ’የ” በላ። ብዛዕባኣ ዘሕጉሰካ ነገር ክትነግራ እንከለኻ፡ ገጻ ብሓጕስ ኪበርህ እዩ።
- ምስ በዓልቲ ቤትካ ብሓባር ተዛወር። እዚ ምስኣ ሓቢርካ ግዜ ኩተሕልፍ ባህ ከምዝብለካ ኪርድኣ እዩ።
- ሓሓሊፍካ ንበዓልቲ ቤትካ ዚኽውን ህያብ ተማላእ። ክትህባ ከለኻ መግለጺ ፍትወትካ ምኻኑ ንገራ። “ሎም ምሽት ፍሉይ ሓለፋ ክትገብርለይ ስለ ዝደለኹ ኢለ ዘይኮንኩስ ስለ ዘፍቅረኪ ጥራይ እየ ተማሊኣልኪ” በላ።
- እንተሓሪቕካ ከመይ ከም እትዛረብ ተጠንቀቕ።
- ንስድራቤት በዓልቲ ቤትካ ንጓሎም ማዕረ ኽንደይ ከም እተድንቕ ሓብሮም።
- በዓልቲ ቤትካ ሓሳባትካን ስምዒትካን ምእንቲ ክትፈልጦ ምስኣ ኮፍ ምባልን ምዕላልን ኣዘውትር።
- እቲ ንበዓልቲ ቤትካ እትገብሮ ጽቡቕ ነገር ደቕኻ ከምዝርድኣዎ ግበር። ማዕረ ክንደይ ከም እተፍቅራ ድማ ኣርእዮም። ክሳዕ ክንደይ ከም እትጥንቀቕላ ምስ ረኣዩ፡ ኪኽብርዋ እዮም። ንዓኻ’ውን ኪኽብሩኻ እዮም።

- ምስ በዓልቲ ቤትካ ሓቢርካ እትጽልየሉ ግዜ ይሃልኻ። ጸገማትኩም ብሓባር ናብ ቅድሚ ኢድ እግዚኣብሄር ኣቕርብዎ።

ሰበይቲ

- ካብ ስራሕ ምስ ተመልሰ፡ ንበዓልቤትኪ ብፍሽኽታ ገለ ዜሐጉስ ቃላት ኣስምዕዮ። ከምዚ ምግባርኪ፡ በዓል ቤትኪ ንዕኡ ብምርኣይ ማዕረ ክንደይ ከምእትሕጐሲ ኀኽርዳእ ኪሕግዞ እዩ። ክሳዕ ክንድ'ዚ ኣገዳሲ ምኻኑ እናሓሰብኪ ደኣ ገጽኪ ኣብርህ ኣብልዮ እምበር፡ ብፍጹም ተጸዊግኪ ሰላም ኣይትበልዮ።
- ጽቡቕ ኣብ ዝገብረልኪ እዋን ኣመስግንዮ። ካብተን ፍቐራውያን ቃላት ክልተ "ኣዝየ ኣመስግነካ!" ዚብላ ክትጥቀሚ ትኽእሊ።
- ንበዓል ቤትኪ ማዕረ ኽንደይ ከምእተድንቕዮ ንደቅኺ ንገርዮም። ካብ ስራሑ ኣዝዩ ደኺሙ ንገዝኡ ዝምለስ ዝነበረ ሰብኣይ፡ እታ ንእሽቶ ጓሉ "ባባ! ጽቡቕ ጌርካ ኀኩተዕብየና ኣበርቲዕካ ከምእትሰርሕ'ኳ ማማ ነጊራትና እያ።" ምስ በለቶ ብቕጽበት ንድኻሙ ከምዝረስያ ይዛረብ።
- በዓል ቤትኪ ዝፈትዎ ክዳን ተኽደኒ። ንሱ ስለ ዝፈትዎ ትኽደንዮ ከምዘሎኺ ድማ ንገርዮ።
- ናይ በዓል ቤትኪ ጽቡቕ ጕድንታት ኣለሊኺ ሓሓሊፍኪ ጥቐስሉ።
- ስሕት ኢልኪ በዓል ቤትኪ ገና ደቂሱ እንከለሙ፡ እቲ ዝፈትዎ መግቢ ኣዳሊኺ ኣቕርብሉ። ክዳንኪ ኣሕሊፉ ዜርኢ ነዊሕ ክዳን እንተኾነ ይምረጽ። ካብ ድቃስ ስዒምኪ ኣበራብርዮ። እታ ናይ ሽዑ ፍሽኽታ ከኣ ንምሉእ መዓልቲ ምስኡ ክትውዕል እያ።
- ብዛዕባ በዓል ቤትኪ ዝተዘርበ ጽቡቕ ነገር እንተሰሚዕኪ ንገርዮ። ኮይኮርዕ ኢልኪ ኣይትስግኢ።

ካብዝም ዝተዘርዘሩ ሓሳባት ንገለ ኣይትፈትውዎምን ትኾኑ። ጸገም የለን። ምስ ኣተሓሳስባኹምን ባህልኹምን ዝሳነዩ፡ ናይ ገዛእ ርእሽኹም ሓሳባት ኣዳልዉ። ኣብ ነብሲ ወከፍ መዓልቲ ንመጻምድትኹም ክትገብርዎ ዘለኩም ናይ ሰናይ ግብሪ መደብ ኣዳልዉ። እዚ ጻዕሪ ይሓትት'ዩ። ሓሳባት ከተዳሉ፡ ኣብ ግብሪ ከተውዕሎ፡ ብሓቂ ጻዕሪ የድሊ እዩ። ነዚ ድማ ኢና ኣብ ሓቀኛ ፍቐሪ ጻዕሪ የድሊ እዩ እንብል። ጻዕሪ ዝተገብረሉ ፍቐሪ ንቤት ኣገራሚት እዩ ዝገብራ።

2. ንሓድሕድካ ምቕብባል

ንመጻምድትኻ ብግብሪ ከተፍቅር ዚሕግዝ ሳልሳይ መንገዲ ድማ፡ ንመጻምድትኻ ከምዘለዋ ጌርካ ምቕባል እዩ። ኣብ ሓዳር ገለ ገለ ነገራት ክንቅበሎም ዘይኽእል ከምዘለዉ ርግጽ እዩ። ንኣብነት መጻምድትኻ ትዝሙ እንተላ፡ ነዚ ክቦቕበሎ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣንጻሩ ስጉምታት ክትወስድ ኣለካ። (ገጽ) በዓል ቤትኪ ዚሃርመኪ እንተኾይኑ'ውን፡ ነዚ ድማ ክትቕበልዮ ኣይትኽእልን (ገጽ) ይኹን'ምበር ክንቕበሎም ዘለናን ዝግብኣናን ድማ ብዙሓት ነገራት ኣለዉ። ፍሎረንስ ዝተባህለት፡ ከምዚ ዝስዕብ ክትብል ጽሒፋትልና።

በዓል ቤተይ እምብዛ እዩ ዘሕረቐኒ! ኣብዘን ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ሽሕ ግዜ ዚኸውን ተዛሪበዮ፡ እንተኾነ ካብ ሰራሕ ምስ መጸ ኣብ ሳሎን ኮፍ ኢሉ፡ ሳእኑ የውጽእ። ባዕለይ እንተዘየልዒለየን ድማ ኣብኣ'ዩ ዚገድፈን። እንታይ ኪገብር?

ንፍሎረስ ክንምልሰላ እንከለና "ንበዓል ቤትኪ ከተፍቅርዮ ኣለኪ! እዚ ማለት ከምታ ዘለዋ ክትቕበልዮ ኣለኪ ማለት'ዩ። ዋላ ሳእኑ እንተዘየልዓለ ንሽኺ ሕያወይትን ሕጉስትን ኪንኪ ተቐበልዮ። መጽሓፍ ቅዱስ "ፍቐሪ ብዝሒ ሓጢኣት ትኸድን'ያ" (1ጴጥ4፡8) ይብል። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ "ፍቐሪ ብዙሕ ዘይምሉእነት ትቕበል'ያ" ንበዓል ቤትካ ምፍቃር ማለት እምበኣር ምስ ኵሉ ዘይምሉእነቱ ከምታ ዘለዋ ምቕባል ማለት እዩ" ኢና ኢልናያ።

ፍሎረንስ "1000 ግዜ ነጊረዮ" ምባላ ኣስተውዕል። ሰብኡት ሓደ ዓይነት ብተደጋጋሚ ክንገሩ ኣይፈትዉን እዮም። ከምኡ ምግባር "ምቁያቕ" እዮም ዝብልዎ። ቁዮቕ ድማ ንሰብኣይ ክሃድም ጥራይ'ዩ ዚገብሮ እምበር ኣይልውጠን እዩ። "ካብ ምስ ናግራም ሰበይቲ፡ ኣብ ሓደ ቤት ምቕማጥ፡ ኣብ ዝባን ናሕሲ ብሓደ ወገን ምቕማጥ ይሓይሽ።" (ምሳሌ25፡24)

ፍሎረንስ ካብ ምስ በዓል ቤታ ምቁያቕ፡ ከምታ ዘለዋ ተቐቢላ ከተፍቅሮ እዩ ዘለዋ። ከምኡ እንተገይራ፡ ንህይወት ዝያዳ ተስተማቕራ ከምዘላ ክትርዳእ እያ። ኣቕድም ኣቢሉ ንፍሎረንስ ዘጉህያ ዝነበረ ነገር፡ በዓል ቤታ ዘንበቦ ጋዜጣ ከተልዕል ሞኽ ምባላ እዩ። ሕጂ

ግን ንፍሎረንስ ከምዛ እትስዕብ ዝተለወጠት ፍሎረንስ ጌርካ ርኣያ። “በዓል ቤተይ ብዙሕ ጽቡቕ ነገራት ኣለዎ። ክርስቶስ የፍቅሮ እዩ። ኣነ ድማ ከፍቅሮ ኣለኒ። ወረቓቕቱ ምልዓል ድማ ባህታይ እዩ!”

ንሰብኡት ይኹን ነንስቲ ,ኣብ መጻምድትኹም ድኹም ጐኒ እንተርኢኹም ኣብ ክንዲ ብቑየቒ ብፍቕራዊ መንገዲ ሓብሩ እናበልና ኢና እንነግር። ንእሽቶ ምምሕያሽ ኣብ እንርእየሉ። ንመጻምድትኻ ሞጉስ። ገና ምምሕያሽ እንተዘርኢኻ ድማ ብፍቕሪ ተቐበሎ። ድኻማት ሸለል ብምባል፡ ሕጉስን ሕያዋይን ኬንካ ንመጻምድትኻ ክትቅበል ከለኻ። ብግብሪ ተፍቅር ኣለኻ ማለት እዩ። እዚ ኸኣ ንዓኻን ንመጻምድትኻን ዝያዳ ሕጉሳት ከምእትኾኑ ክገብረኩም እዩ። ፈትኖ!

ንመጻምድትኻ ከተፍቅር ትኽእል ኢኻ!

ምናልባት ከምዚ ዚስዕብ ኢልካ ትሓስብ ከይትህሉ። “ብግብሪ ምፍቃር፡ ንገለ ሰባት ጽቡቕ ሓሳብ ኪኸውን ይኽእል'ዩ። ንመጻምድትኻ ኣብ ክንዲ ቁዮቕ፡ ምምስጋን ከምኡ'ውን ምስጉድለታቱ ከምዘለዎ ምቕባል። ንመጻምድተይ ግን ባዕለይ እየ ዝፈልጣ እዞም ነገራት እዚኦም ፈጺማ ኣይትገብረለይን እያ። ኣነ ንዓኣ ክገብረላ ድማ ዘይሕሰብ እዩ” ከምዚ ትሓስብ እንተሊኻ፡ ክልተ ነገራት ክንብለካ ንደሊ።

ቀዳማይ፡ ብዛዕባ መጻምድትኻ ንዓኻ እትህቦ ግብረ-መልሲ ኣይትጨነቕ። ካብ መጻምድትኻ፡ ዋላ ትሑት ፍቕራዊ ግብረ-መልሲ እንተረኸብካ ከተፍቅራ ወስን። ኢየሱስ “ኑዶም ዝፈትዉኹም እንተፈተኹም እንታይ ዓስቢ ኣለኩም። ኣነ ግና ንጸላእትኹም ኣፍቅሩ እብለኩም ኣለኹ” (ማቴ.5፡44-46) እዩ ዝበለ።

ካልኣይ፡ ኣይክእልን እየ ኣይትበል። መጻምድትኻ ከተፍቅር ትኽእል ኢኻ። ብሓይልኻ ዘይኮነ፡ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ፡ ትኽእል ኢኻ። ብግብሪ ከተፍቅር ዘይምኽኣልካ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተኣመን። መጻምድትኻ ጥራይ ዘይኮነስ ንሸኻ'ውን ከም ዘጉደልካ ተኣመን። እተን ብንጹር ዝፈለጥካየን ጉድለታትካ ፈጺሙ ከምዝመሓረካ፡ እመን። ድሕሪኡ ንመጻምድትኻ ኣፍቅር። ብደገፍ እግዚኣብሄር ክትገብሮ ከምትኽእል፡ ክትርዳእ ኢኻ። እወ ንመጻምድትኻ ከተድንቕን ከተሞጉስን ትኽእል ኢኻ። ሰናይ ግብሪ ክትገብርን ንመጻምድትኻ ካብ ምጥቃን ኣቋሪጽካ ድማ ብፍቕሪ ክትቅበላን ትኽእል ኢኻ።

“በቲ ሓይሊ ዝህበኒ ክርስቶስ ኸኹሉ እኽእሎ እየ” ፊሊ 4፡13

ምዕራፍ 4

ክንዘራረብ ኣይክኣልናን

ምዝርራብ ማለት ነጻ ኼንካን ብቕንዕናን ሓሳብ ሓድሕድ ምልውዋጥ ማለት እዩ።

ዝሸበርኩም ብሩሰን ኬሮልን

በዓል ቤተይ ምሳይ እንተዝዘራረብ እናበልኩ እየ ዝምነ። ካብ ስራሕ ምስ ኣተና፡ ወትሩ ብዛዕባ ዝወዓልክም ክነግሮ፡ ናቱ ድማ ክሰምዕ እደሊ። እንታይ እገብር ከምዘለኹ ግን ዋላሓንቲ ኣይሓተንን እዩ። ከመይ ከምዘለኹ ኪፈልጥ ዝደሊ'ውን ኣይመስልን። ከመይ ከምዝወዓለ ክሓቶ ከለኹ ድማ ብዝተኻእሎ መጠን ቃላቱ ቁጢቡ እዩ ዝምልሰለይ።

ዝሓለፈ ሰሙን ካብ ናይ 5 መዓልታት ናይ ንግድ ጉዕዞ ምስ ተመልሰ፡ "ጉዕዞ ከመይ ነይሩ?" ኢለ ሓቲተዮ። መልሱ ግን "ደሓን እዩ" ጥራይ ክብል መሊሱለይ።

ብሓባር ኼንና እነሕልፈሉ ብዙሕ ግዜ የብልናን። ንግሆ ቀዳም ምስ ኣዕሩኽቱ ቴንስ ይጻወት። ሰናብቲ ድማ መብዛሕትኡ ክፋል ናይታ መዓልቲ ኣብ ቤተክርስቲያን ኢና እነሕልፍ። ምሸት ብሓባር ከለና ክንዲ ዘዕልለኒ፡ ገለ ነገር ኣብ ዝደልየሉ እዋን ጥራይ እዩ ዚዛረብ። "ሻሂ ወሰኽኒ" ወይ ከኣ "ነዚ ቀልዓዶ ሰኞ ኮተብልዮ ኣይትኽእልን ኢኺ!" ጥራይ እዩ ዚብል። ዘይንዛረበሎም ነገራት ብዙሓት እዮም። ምሒር ስለ ዘቼጥየ ብዛዕባ ገንዘብ ተዛሪበዮ ኣይፈልጥን እየ። ብዛዕባ ናይ ግብረ-ሰጋ ርክብና ከይዛረቦ ድማ እፈርህ። ግደ ሓቂ ግን፡ ገዛእ ርእሱ ንምዕጋብ ይጥቀመለይ ከምዘሎ ኮይኑ ጥራይ እዩ ዝሰምዓኒ። ከመይ እጸልኦ ይመስለኩም። ኣብ ዝደለዮ እዋን ኪጥቀመሉ ግን ይፈቕደሉ እየ። ኣብ ኣስታት ክልተ ደቂቕ እዩ ዝውድእ። ቀልጢፉ ድማ ይድቅስ። ሸው ኣነ ጐቦ ኮይነ፡ እሓዝን። ምኽንያቱ ነብሲ ዘይብላ ሲጋ ጥራይ ገሩ ስለ ዝቐጽረኒ።

"የፍቅረኒ ድዩኸ? ስለምንታይ ደኣ ስምዒታቱን ሓሳባቱን ካባይ ዝሓብኦ? እንታይ ኮይኑ እዩ ብዛዕባይ ተገዲሱ ዘይሓትት? ብዘይክኡ ምንባር ዶኾን ምሓሸኒ?" እናበልኩ ንነፍሰይ ብዙሕ ግዜ እየ ዝሓታ። ብሩሰን ኬሮልን፡ ነዚ ሰብኣይ'ዚ እንተሓደግክዎስ እምብዛ ዝተጋሽ'ዶ ይመስለኩም?

እምንቲ ናትኩም ሳሊ

ሓዳር ሳሊ ኣብ መንጮኣን በዓል ቤታን ኣዝዩ ውሑድ ምዝርራብ ዘለዎ ስለ ዝኾነ ዝሑልን ጽምዉን እዩ። ምዝርራብ ማለት ነጻ ኼንካን ብቕንዕናን ሓሳብ ሓድሕድ ምልውዋጥ ማለት እዩ። ክልተ ሰባት ጽቡቕ ክዘራረቡ እንከለዉ፡ ብዛዕባ ሽግሮም፡ ሓጐሶም፡ ሓዘኖምን ሓሳባቶምን ንሓድሕዶም ይነጋገሩ።

ሰብኣይን ሰበይትን እንተደኣ ዘይዘራረቡ ኮይኖም፡ ሓዳሮም ናይ ክልተ ብሕትዋት ሰባት ብሓባር ዝውንንዋ ገዛ ማለት እዩ። ናይ ግብረ-ሰጋ ርክቦም ድማ ሰብኣይ፡ ስምዒቱ ዜርውየሉን፡ ንምፍራይ ቁልዑን እንተዘይኮይኑ፡ ካልእ ትርጉም የብሉን። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ እታ ቀዳመይቲ ሓዳር "እቲ ሰብኣይን እታ ሰበይትን ዕራቕም ነበሩ። ኣይተሓፋፈሩን ከኣ ነበሩ" ክብል እንከሎ፡ ሰብኣይን ሰበይትን ክዘራረቡ መደብ ኣምላኽ ከምዝነበረ'ዩ ዜረድእ።

"ዕራቕም" ዝብል ቃል ክልተ ትርጉም ክህልዎ ይኽእል።

ሀ. ሰብነቶም ካብ ሓድሕድ ኣይክውሉን ነበሩ።
ለ. ሓሳባቶም ኣይሓብኡን ነበሩ። ወይ ድማ ይዘራረቡ ነበሩ።

ድሕሪ'ዚ ሓጢኣት ናብ ዓለም ኣትዩ። እቲ ቀዳማይ ውጽኢት ሓጢኣት ድማ ሰብኣይን ሰበይትን ክሕብኡ ምጅማሮም እዩ። ካብ ሓድሕዶምን ካብ ኣምላኽን ንምሕባእ ቁጽሊ ወሲዶም ክዳን ለቓቒቦም።

ካብ ስራሑ ኽኸይባረር ስግኣት ዘለዎ ሰብኣይ ንዋላ ሓደ ኣይነግርን እዩ። ከምዝሰግኡ ርእዮም ከየነኣእስዎ ስለ ዝፈርሕ ሕጉስ መሲሉ እዩ ብዛዕባ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ወይ ድማ ብዛዕባ ኩነታት ኣየር ዜዕልል።


ኩልና ብዛዕባ ስምዒታትና ክንዛረብ ንደሊ ኢና። ባህርያትና ንገለ ሰብ ከነርእዮ ብሓቂ እና እንደሊ። ነዚ ድማ ኢና እንተወሓደ ሓደ ናይ ቀረባ ዓርኪ ክህልወና እንደሊ፣ ከይፈራሕና። ነጻ ኴንና እንዛረቦ፣ ማለት "ስምዒተይ እንተዕለልክዎስ የነኣእሰኒ'ዶ?" ዝብል ስግኣት ከይሓደረና ክንዛረቦ እኽኽእል ብጻይ ማለት እዩ። እወ፣ ዝርድኣልና ንደሊ ኢና። ናይ ካልእ ሰብ ውሽጣዊ ስምዒት ክንፈልጥ እውን ንደሊ ኢና። ነፍሲ ወከፍና ናይ ምዝርራብ ድሌት ኣለና።

እዚ ናይ ምዝርራብ ድሌት ካብ እግዚኣብሄር እዩ ዚመጽእ። ናይ ምዝርራብ ድሌት ዝሃበና እግዚኣብሄር እዩ። ናይ ግብረስጋ ድሌት ዝሃበና'ውን ንሱ እዩ። ኣብ ምዕራፉት 6 ክሳብ 8 ናይዚ መጽሓፍ፣ ሰብኣይን ሰበይትን ከመይ ጌሮም ንናይ ግብረ-ስጋ ስምዒቶም ከምዘዕግቡ ክንዝቲ ኢና። ኣብዚ ምዕራፍ ግን ማዕረኡ ኣገዳሲ ዝኾነ ትሕዝቶ ኢና ከነዕልል። ሓድሕዳዊ ናይ ምዝርራብ ድሌት ምምላእ።

ናይ ምዝርራብ ድሌቶም ዘይመላልኡ ሰብኣይን ሰበይትን ናይ ግብረ-ስጋ ርክቦም'ውን ዝሑልን ዘይሕጉስን እዩ ዚኸውን።

ደረጃታት ምዝርራብ

ሓጢኣት ናብ ዓለም ካብ ዝኣተወሉ ኣትሒዙ ምሕባእን ዘይምዝራብን ቀሊል እዩ ኮይኑ። እግዚኣብሄር ግን ናብቲ ዝለዓለ ደረጃ ምዝርራብ ንኽንበጽሕ እዩ ኪሕግዘና ዝደሊ፣ ይሕግዘና ድማ እዩ።



ኣብ ምዝርራብ፣ ሰለስተ ደረጃታት ኣለዉ። ናይ ነፍስ ወከፍ በዓል ሓዳር ዕላማ ድማ ኣብቲ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ ኪኸውን ኣለዎ። ብደገፍ ኣምላኽ ካብ ቀዳማይ ናብ ካልኣይን ናብ ሳልሳይን ደረጃ ኪሰጋገሩ እዮም። ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ዚበጽሑ ተጻመድቲ፣ ናይ ቀረባ ኣዕሩኽን ፍቑራትን ብምኻኖም ልዑል ሓጐስ እዩ ዝስምዖም። ቀጺልና ነተን ናይ ምዝርራብ ደረጃታት በብሓደ ክንርእየን ኢና።

ደረጃ 1. ብዛዕባ ፍጻመታት ምዝራብ፦ እታ ዝቐለለት ዓይነት ምዝርራብ ኮይና፣ ብዛዕባ ዝኾነ ዘጋጠመ ነገር ምዕላል ማለት ድማ እያ። ንኣብነት ሰብኣይ፣ ብዛዕባ'ቲ ሸኪሩ ዝወዓለ፣ ናይ ስራሑ ሓላፊ ንበዓልቲ ቤቱ ኬዕልላ ይኽእል። ንሳ ድማ ብዛዕባ እቲ ከተዳልዎ ዝወዓለት መግቢ ከመይ ከምዝተዓወተት ወይ ድማ ከምዘይተዓወተት ዘጋጠመ ክትነግሮ ትኽእል ብዛዕባ ዘጋጠመካ ምዝራብ ዝቐለለት ዓይነት እኳ እንተኾነት ብዙሓት ሰብ ሓዳር ግን

ዋላ ነዛ ዝቐለለት ምዝራብ'ውን ኣይገብርዋን እዮም። ምሽት ብዛዕባ እቲ ዝወዓልዎ ዘጋጠሞም ነገር ኣይዘራረቡን እዮም።

መጻምድትኻ ከምዚ ዓይነት ጸገም እንተለዋ ጐይታ ክረድኣካ ሕተቶ። ንሽኺ'ውን ከምኡ። ክትዛረብ ድማ ጀምር። እወ፡ መዓልታዊ ብዛዕባ ዝወዓልኩሞ ንሓድሕድኩም ተዘራረቡ። ኣብ መጀመርያ፡ ከቢድ ኪመስል ይኽእል እዩ። ድሕሪ ገለ ሰሙናት ግን ክልቴኹም እትሕጐሱሉ ጽቡቕ ልምዲ ኪኾነልኩም እዩ።

ብዘይካ'ቲ ብዛዕባ ዘጋጠመ ፍጻመታት ምዝራብ፡ ናይ መጻምድትኻ ክትሰምዕ'ውን ድልው ከምዘለኻ ከተረጋግጽ የድሊ። ከምኡ ንምግባር ድማ ሕቶ ብምልዓል ክተበግሶ ትኽእል። ሰብኣይ ገዝኡ ኪኣቱ እንከሎ፡ በዓልቲቤቱ "ከመይ ውዒልካ?" ዚብል ሕቶ እንተዘይሓቲታ፡ ከምዘይተገደሰት እዩ ዜምስል። ብተመሳሳሊ ሰብኣይ'ውን ንበዓልቲ ቤቱ ከመይ ከምዝወዓለት እንተዘይሓቲትዋ፡ ከምዘየፍቀራ ኮይኑ እዩ ዚስምዓ።

ብዛዕባ ስርሐይ ወይ ሓሳባተይ ንዝሓተኒ "ከመይ ዝበለ ግዱስ ዓርኪ'ዩ!" ብምባል እየ እናድነቐኩ ዘለኒ መልሲ ዝነግሮ። ምስኡ ንምዝርራብ ድማ የሐጉሰኒ። ምኽንያቱ ብዛዕባይ ተገዲሱ እዩ ዝሓትት ዘሎ። ኩልና ልዑል ተገዳስነት ዜርእዩ ሕቶታት ክንሕተት ንፈቱ ኢና። ኣብ ሓዳርና'ውን ናይ ሓድሕድና ልዑል ድሌት ኻኽኑርኢ ክንተሓታተት ይግብኣና። ብዛዕባ ኣብታ መዓልቲ ዝወዓልናዮ ኩነታት ናይ ምዝራብ ጽቡቕ መጀመሪ እዩ። ኣብኡ ግን ደው ኪብል የብሉን። ብደገፍ ኣምላኽ ናብቲ ዚቕጽል ደረጃ ምዝርራብ ክንሰግር ኻኽእል ኢና።

ደረጃ 2. ብዛዕባና ንዛረብ፡- እቲ ካልኣይ ደረጃ ድማ ብዛዕባና ምዝርራብ እዩ። ናይ መጻኢ መደብና፡ ስድራቤትና፡ ገንዘብና፡ ዝኣመሰሉ ብዝምልከት ምዝርራብ ማለት ድማ እዩ። ንኣብነት ሰብኣይ ምስ በዓልቲ ቤቱ "ንደቅና ኣበየናይ ቤት ትምህርቲ ክነምህሮም? ንወዲ ሓወቦይ ምሳና ኻኽቕኒ ክሓቶ'ዶ? ሓዳሽ መኪና'ዶ ክንዕድግ?" ዝኣመሰሉ ሕቶታት ኪዘራረቡ ይግባእ።

ውሳነ ዘድልዮም ነገራት ክንዘራረብ ከለና፡ ንሓድሕድና ዘይክንሰማማዕ ኻኽእል ኢና። ኣብ ከምዚ እቲ ዘይምስምማዕና ካብ ምዝርራብ ኪኽልክለና የብሉን። ክሳዕ ኣብ ስምምዕ እንበጽሕ፡ ነቲ ምዝርራብ ክንቅጽሎ ኣለና።

ኤብነርን ሊድያን ኣብ መጀመርያ ሓዳሮም ብዛዕባ ኣደ ኤብነር ተኻርዮም ኔሮም። ቅድሚ እቲ ዘይምስምማየም ነገር ምፍትሑ ግን፡ ምዝርራብ ኣቋሪጸም። ድሕሪኡ ካልእ ዘይምስምማዕ ምእንቲ ከይፈጥሩ ብምስጋእ ክልቲኦም ብዛዕባ ናይ ኣደ ኤብነር ዝምልከት፡ ኣርእስቲ ካብ ምልዓል ተቐጢቦም።

ካልእ እዋን ድማ ብኻልእ ተኻርዮም። ሽዑ'ውን እቲ ዘየሰማምየም ኣርእስቲ ብዝግባእ ኣይተመለሰን። ነዚ ኣርእስቲ ድማ ከምቲ ዝሓለፈ ንኽየልዕልዎ መሪጸም። ከምዚ እናበሉ ድሕሪ ብዙሕ ግዜ ዘይዛረብሉ ኣርእስታት ብዙሕ ኮይኑ። እዚ ድማ ነቲ ምዝርራቦም ብዓቢ ኣጽቢብዎ።

ኮራ ንምዝርራብ ካብ ዝዓግቶ፡ ብምዝርራብ ንኹራ ክንፈትሖ እዩ ዝግባእ። ክሳዕ ኣብ ሓደ ውሳነ እንበጽሕ ድማ፡ ዘተና ብፍቕርን ብሕያውነትን እናቐጸልና ክንጥቀመሉ ንኽእል። ዝኾነ ኣርእስቲ ብሓባር ኣብ እንመያየጠሉ ነጻ ኴንና ክንቅጽል ኣለና። ድሕሪ እዚ ኢና ናብቲ ዝለዓለ ደረጃ ምዝርራብ ንኽንሰግር ድልዋት እንኾውን።

ደረጃ 3. ብዛዕባ ስምዒታትና ንዛረብ፡- ኣብዚ ደረጃ እዚ ልብና ከፊትና፡ መጻምድትና ንውሽጥና ከምዝርእዮ እሞ ከምታ ዘለናያ፡ ኴንና ክፈልጠና ብዝሕግዞ ኣገባብ ኢና ንሓድሕድና ብዛዕባ ስምዒታትና እንዘራረብ።

ስቴፋን ንበዓልቲ ቤቱ "ሎሚ ሓወይ ስለ ዝሓረቐ ተቐዩቐኒ፡ ቀጺሉ ድማ ኣቦይ ንዕኡ ተቐቢሉ ተቐዩቐኒ" ኢሉ ነጊርዋ። እዚ ብዛዕባ ዘጋጠመ ፍጻመ ስለ ዝኾነ፡ ደረጃ 1 ናይ ምዝርራብ እዩ። ስተፋንን በዓልቲ ቤቱን ቀጺሎም ብዛዕባ እቲ ምስ ስድራቡቱ ዘጋጠመ ብኽመይ ክፍታሕ ከምዝኽእል ብሓባር ዘትዮም። እቲ ዘተ ደረጃ 2 ናይ ምዝርራብ እዩ። ምኽንያቱ ብዛዕባናን ብዛዕባ ስድራቤትናን ክንገብሮም ዘለና ዝምልከት ስለ ዝኾነ። በዓልቲ ቤቱ ንስተፋን ቀጺላ "ሕጂ ብዛዕባ ሓውኻን ኣቦኻን ከመይ ይስመዓካ ኣሎ?" ክትብል

ሓቲታቶ። ስተፋን ስድራቤታዊ ርክቡ ከይፈርስ ሰጊኡ ከምዘሎ ሓቢርዋ። እዚ ናይ ሓድሕድ ምልውዋጥ ስምዒት ስለ ዝኾነ፡ ደረጃ 3 ናይ ምዝርራብ እዩ።

ኣብ ደረጃ 3 ናይ ምዝርራብ ዝበጽሐ ሓዳር፡ እምብዛ ዜደንቕ እዩ። ኣብዚ ደረጃ እዚ ኼንና ክንዘራረብ ከለና፡ ጸገምና ንማቐሎ ስለ ዘለና፡ ብፍርቂ ይጐድል። እቲ ጽዕነት ንማቐሎ ኣለና ማለት እዩ። ሓጐስና ድማ ብዕጽፊ ይውሰኽ። ምክንያቱ ሓጐስ ናይቲ ሓደ ናይቲ ካልኣይ ድማ ስለ ዝኾውን።

ሰብኣይ በይኑ ኪኾውን ጽቡቕ ኣይኮነን

ኣሮን ሰዓቢ ክርስቶስ'የ እዩ ዚብል። ኩሉ ሳዕ ድማ ምስ በዓልቲቤቱ ኣብ ቤተክርስቲያን ይሳተፍ። ገለ ጸገም ኣብ ዘጓነፎ እዋን ግን ንገዛእ ርእሱ "ሎሚ ተስፋ ቈሪጸ ከምዘለኹ ንበዓልቲ ቤተይ ኣይነግራን እየ። ምክንያቱ ሰብኣይ ስለ ዝኾንኩ፡ ነገረይ ክጸውር ከምዘይክእል ክትሓስብ የብላን" ይብል። ኣሮን ነቲ "ሰብኣይ በይኑ ኪኾውን ጽቡቕ ኣይኮነን። ንዕኡ እትበቕዕ ደጋፊት ክገብረሉ እየ" ዝብል ጥቕሲ እዩ (ዘፍ2፡18) ብግሁድ ዚኽሕዶ ዘሎ።

ዝኾነ ሰብኣይ ስምዒቱ ንበዓልቲ ቤቱ ኬካፍል ሕፍረት ኪስምዖ ኣይግባእን እዩ። ስምዒታቱ ምስኡ ኮይና ክትካፈል እምበር፡ በዓልቲ ቤቱ ኣይከተነኣእሶን እያ። ስምዒታት ሓድሕድ ክንከፋፈል እንከሎና፡ በቲ ዝለዓለ ደረጃ ምዝርራብ ኢና ንመያየጥ ዘለና። ሓዳርና ድማ ብሉጽ ቅርበት ዘለዎ፡ ዜሐጉስ ሓዳር ይኸውን።

ንምዝርራብ ዚዕንቅጹ ማሕሸኻታት

ብዙሓት ሰብ ሓዳር ኣብቲ ደረጃ 3 ናይ ምዝርራብ ንምብጻሕ ዘይዕወቱ ምኽኖም ዜሕዝን ግን ከኣ ሓቂ እዩ። ገሊኣቶም ከኣ'ሞ፡ ዋላ ነቲ ደረጃ 1 ናይ ምዝርራብ'ውን ዘይበጽሕዎ ኣለዉ። ስለምንታይ እንተተባህለ፡ እቲ ምክንያት ንምዝርራብ ዚዕንቅጹ ማሕሸኻታት ስለ ዘለዉ እዩ ዚብል እዩ። ገለ ሰብ ሓዳር እቶም ማሕሸኻ ነቲ ምዝራቦም ምሉእ ብምሉእ ኻኽቋርጽ ይፈቕዱሉ። ካብዚ ቀጺልና እስከ ነቶም ማሕሸኻታት በብሓደ ንርኣዮም።

ሀ. ፍርሒ፡- ሰበይቲ ንሰብኣያ ኩቹክብሮ ከምዝግባእ መጽሓፍ ቅዱስ ይዛረብ እዩ። ክትፈርሖ ማለት ግን ኣይኮነን። "ኣትን ኣንስቲ ከም ንጐይታ ኢየሱስ ዚግባእ ጌርክን ንሰብኡትክን ተኣዘዝኦም" ቈላ3፡18 "እታ ፍጽምቲ ፍቕሪ ንፍርሃት ኣውጺኣ ትድርብያ ደኣ እምበር ኣብታ ፍቕርስ ፍርሃት የልቦን" 1ዮሃ4፡18

ብዙሓት ሰብኡት ግን ኣንስቶም ከም ዝፈርሖኦም ምግባሮም ዜሕዝን እዩ። ፍርሒ፡ ምዝርራብ ኻኽይሀሉ ዚዕንቅጽ ቀዳማይ ጠንቂ እዩ። ሰበይቲ ንሰብኣያ ትፈርሖ እንተኾይና፡ ኣብ መንጐኦም ጽቡቕ ናይ ምዝርራብ ሃዋህው ክህሉ ኣይክእልን እዩ።

ለ. ጽን ዘይምባል፡- ካልኣ ካብ ምዝርራብ ዚዕንቅጽ ድማ ጽን ኢልካ ዘይምስማዕ እዩ። ጽን ምባል እንተዘየሎ፡ ናይ ብሓቂ ምዝርራብ ኪህሉ ኣይክእልን እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ በዓልቲ ቤተይ እናተዛረበት፡ ብዛዕባ እቲ ኣነ ስዒበ ክዛረቦ ዘለኒ እሓስብ። ኣረ ክትውድኣለይ'ኳ ደኣ እጽበያ። ሽዑ በቲ ብሉጽ ዝብሎ ናተይ ሓሳብ እቕጽል። እናተጸበኽዋ እንከለኹ ግን እሰምዕ ኣይነበርኩን።

መጻምድተይ ክዛረብ እንከሎ ኣብቲ ዝብሎ ዘሎ ከተኩር ይግብኣኒ። ሽዑ እንታይ ማለቱ ምኽኑ እንተደኣ ርግጸኛ ዘይኮይነ፡ "ከምዚ ዲኻ ትብል ዘለኻ?" ወይ "ከምዚ ዲኻ ክትብል ደሊኻ?" ኢለ ክሓትት እኽእል። ምስማዕ ክንጽዕረሉ ዘድልየና ጉዳይ እዩ። ንመጻምድትና ዘይንሰምየ እንተኾይንና፡ ካብ ምዝርራብ ኢና ነዳኽሞ ዘለና።

ሐ. ምብዛሕ ስራሕ፡- ኤርነስት "ኣነን በዓልቲ ቤተይን ብስራሕን ብናይ ቤተክርስቲያን ንጥፈታትን ወትሩ ትሑዛት ኢና። ስሕት ኢልና ጥራይ ኢና ንሓድሕድና እንዘራረብ።" ይብል። ኤርነስትን በዓልቲ ቤቱን ከምዚ ዚስዕብ ኢሎም ክሓቱ ይግባእ።

"ክንዘራረብ ክሳዕ ዘይኽእል ስራሕ ይጽዕቀና እንተሎ፡ እቲ ናይ ብሓቂ ዘድሊ ኣየናይ ኣዩ? ምናልባት ካብቲ እግዚኣብሄር ዚደልየና ንላዕሊ'ዶ ስራሕ ነብዝሕ ንህሉ?"

መ. ሓልዮት ሓዳር፡- ዶናልድን ሮማንን ኣብ መጀመርያ እዋን ናይ ሓዳሮም ንሓድሕዶም ንምዝራብ ብሓቂ ኣሐጉስዎም ነይሩ። ነፍሲ ወከፎም "ናይ ልበይ ገሊጸ ዘዕልሎ እሙን መጻምዲ ምርካበይ ክንደይ ዘሐጉስ እዩ" ዚብል ስምዒት ነይርዎም። ቁልዑ ምስ ወለዱ ግን ኖርማ ንደቃ ክትኣሊ ስራሕ በዚሕዋ። ዶናልድ ድማ ገንዘብ ኪእክብ ስራሕ በዚሕዎ። ንደቆም ኪኣልዩ ኪብሉ መወዳእትኡ ንሓድሕዶም ምዝራብ ሸለል ክብልዎ ጀሚሮም። ስለዚ ምሕዝኑቶም ዝሑልን ባህ ዘየብልን ኮይኑ። ሕጂ ሓዳሮም ቁልዑ ንምዕባይ ብሓባር ዝነብርዋ ቤት ካብ ምኻን ሓሊፉ ዋላ ሓንቲ የብላን።

ከምዚ ዓይነት ሓዳር ዋላ ኣብቶም ክልተ ስዓብቲ ክርስቶስ ዝኾኑ መጻምድቲ ዝውቱር እዩ። መደብ ኣምላኽ ግን ብርግጽ ከምኡ ኣይኮነን። ሰብኣይ ምስ በዓልቲ ቤቱ ክዘራረብ ክሳዕ ዘይክእል ገንዘብ ንምእራይ ስራሕ ኪብዝሕ ኣይግብኦን። ሰበይቲ ድማ ምስ በዓል ቤታ ክትዘራረብ ክሳዕ ዘይትኽእል ንደቃ ክትኣሊ ክትብል ስራሕ ኪተብዝሕ ኣይግብኣን። እቶም ውላድ'ውን እንተኾኑ ምውቕን ምዝርራብ ዝዓሰሎን ርክብ ዘለዎም ወለዲ እዮም ዚደልዩ።

ረ. ቂም ምሓዝ፡- ንምዝርራብ ካብ ዚዕንቅጹ ማሕሸኻታት ምናልባት እቲ ዝኸፍአ ቂም ምሓዝ እዩ። ሰብ ሓዳር ብቐሊሉ ኪበዳደሉ ይኽእሉ እዮም። ዋላ ንእሽቶ በደል ትኹን ድማ ንምዝርራብ ኪተቋርጸ ትኽእል እያ።

ሓደ ረፋድ ሩት፣ ኣውቶቡስ እናተጸበየት እንከላ፣ ብዛዕባ'ቲ ኦወን ዝተዛረባ'ሞ ዘጉሃያ ፍጻመ ትሓስብ ኔራ። ንእሽቶ በደል እያ እትሓስባ ዝነበረት። ካብቲ መልእኽቲ ናይቲ ቃላት ንላዕሊ'ውን እቲ ኣዘራርብኡ እዩ ኣጉህይዋ ዝነበረ። ብዛዕባ እዚ እናሓሰበት እንከላ ግን እቲ ቂም ዓብዩ፣ ካልእ ዝበደላ ድማ ዘኪራ። ስራሕ ተፈዲሳ ናብ ገዝኣ እናምርሐት ከምዚ ዝስዕብ ሓሲባ።

"ብዛዕባዚ ዝበደለኒ እንታይ ክገብር ኣለኒ። ክሓድጐ'ዶ... ኖ! ከምኡ እንተገይረ ሎም ምሽት ምስ ኦወን ክዘራረብ ከለኹ፣ ፍርቂ ልበይ እየ ክኸውን። ብውሽጠይ ነቲ ቂም ኣይክሓድጐን እየ። ይቕረታ ክብለኒ ኣለዎ። ... ኖ ... ከምዘቐየመኒ'ኳ ዘይፈለጠ፣ ከመይ ጌሩ፣ እዚ ኣይሰርሕን እዩ። ሓደ መልሲ ጥራይ እዩ ዘሎ። ብዛዕባ እዚ ቂም ድማ ምስኡ ክዘራረብ ኣለኒ። ከመይ ከምዝተሰምዓኒ'ውን ክነግሮ ኣለኒ። ብሕውነታዊ መንገድን ብቕንዕናን ክዛረቦ ኣለኒ" ኢላ።

ሽዑ ምሸት፣ ቁልዑ ምስ ደቀሱ ሩትን በዓል ቤታን ድማ ኣብ ሳሎን እናተዛነዩ፣ ሩት ከም ሕፍር ኢላ ምዝራብ ጀሚራ። "ፍቕረይ! ብናይ ሎም ንግሆ ኣዘራርባኻ ቂር ከምዝበለኒ ከፍልጠካ ዝግባእ ይመስለኒ። ሓቂ ንምዝራብ፣ ምልእቲ መዓልቲ እየ ጉህየ ውዒለ። ኩተቐይመኒ ኢልካ ከምዘይገብርካዮ'ኳ ይርድኣኒ እዩ። ሕጅስ ወረ፣ ከምዚ ዓይነት ንእሽቶ ነገር ከሕስበኒ ምውዓሉ'ውን ሕፍረት ይስመዓኒ'ሎ..."

ሩትን ኦወንን ብዛዕባ'ዚ ተዘራሪቦም ምስ ወድኡ፣ ከመይ ሓድሕዳዊ ምቅርራብ ተስሚዕዎም ይመስለኩም። ናይ ብሓቂ ኣዝዩ ሕጉስ ምሸት ድማ ኣሕሊፎም። ሩት፣ ነቲ ቂም ክትሓብኡ ፈቲና ኔራ እንተትኸውን'ከ ከመይ ዓይነት ምሸትን እንታይ ዓይነት ናይ ድቃስ ግዜን ኮን መሕለፉ?

ንሳሊ ዝመኽርናያ

እዛ ምዕራፍ በታ በዓል ቤታ ምስኣ ከምዘይዘራረብ ዝሓበረት ናይ ሳሊ መልእኽቲ እያ ጀሚራ። መልሲ ክንጽሕፈላ እንከለና፣ "ምስ በዓል ቤትኪ ቅንዕና ዘለዎ ምዝርራብ ክህልወኪ ኢና እንሕብረኪ፣ ንበዓል ቤትኪ ዝሓሸ ሓድሕዳዊ ምዝርራብ ከምዘድልየኩም ኣፍልጥዮ። ክትሕብርሉ እትኽእሊ ቅኑዕን ዘይቅኑዕን ኣገባብ ኣዘራርባ ኣሎ።

እቲ ዘይቅኑዕ ኣገባብ ኣዘራርባ ከምዚ ዚስዕብ እዩ። "ስማዕ ማርክ! ስለምንታይ ምሳይ ንምዝርራብ ሓጺር ግዜ ተጥፍእ ከምዘለኻ ክፈልጥ እደሊ እየ። ብዘይካ ምሳይ ምስ ኩሉ ኢኻ እትዛረብ። ብኣይ ዘይትግደስ ምኻንካ ብዙሕ ግዜ እዩ ዘሕስበኒ!"

እቲ ቅኑዕ ኣገባብ ኣዘራርባ ግን፣ ኣቐዲምኪ እግዚኣብሄር ፍቕርን ትብዓትን ክህበኪ ምጽላይ እዩ። ቀጺልኪ ድማ ገለ ከምዚ ዝስዕብ ክትብሊ ትኽእሊ። "ሓዳርና ካብዚ ዘለዎ ዝበለጸ ምእንቲ ክኸውን ኣብ ቀረባ እዋን ሓድሕዳዊ ምዝርራብና ክመሓየሽ ከምዘለዎ እየ ዝሓስብ ዘለኹ። ሓደ ሓደ እዋን ንሓድሕድና ከም "ጓናት" ዝኾንና ኮይኑ'ዶ ይስመዓካ? ናትካ ጌጋ እዩ ኣይኮንኩን ዝብል ዘለኹ። ብሓባር ክንጽዕረሉ ዘለና ጉዳይ ኮይኑ ይስመዓኒ። ብዛዕባኻ ኣዝየ ስለ ዝግደስ፣ ምሳኻ ኀኽዘራረብ ድሌተይ ልዑል ምኻኑ ክትፈልጥ ከኣ እደሊ።

ንበዓል ቤትኪ ኣብ ግቡእ ግዜን ቦታን ንኽትዛረብዮ ተጠንቂቕኪ ምረጺ። እቲ እትዛረብሉ ግዜ፡ በዓል ቤትኪ ተዛንዩ ምስ ኣዕረፈ ይኹን። ደኺሙ ከሎ ወይ ድማ ደኺሙ ኣብ ዘለወሉ እዋን ግን ኣይኹን። እቲ ቦታ ድማ ንበይንኹም ኣብ ዝኾንኩምሉ ጽምው ስፍራን ንኽትዘራረቡ እኹል ግዜ ዝህበኩምን ቦታ ኪኸውን ይግባእ።

ከምዚ ምግባር ምናልባት ከም ትጽቢትኪ ኮይኑ ናብ ብሉጽ ጉጅም መባህልትኺ ክቕይሮ ኣይክኣል እምበር ለውጢ ኣብ ምግባር ከምዝሕግዞ ግን ልዑል ተስፋ እዩ ዘሎ። ከምኡ እንተኾነ'ውን እግዚኣብሄር ሓያል ስለ ዝኾነ ብጸሎት ድማ ኣብ ቅድሚኡ ቅረቢ። እዚ ማለት ግን በዓል ቤትኪ ፍጹም ኪኸውን እዩ ማለት ኣይኮነን። ስለዚ ዋላ'ኳ ከምቲ እትደልይዮ ጽቡቕ ገይሩ ኪዘራረብ እንተዘይከኣለ፡ ክትቅበልዮን ከተፍቅርዮን ከምዘለኪ ዘክሪ። (ንሸኺ'ውን ፍጽምቲ ዘይምኻንክን በዓል ቤትኪ ድማ ምስ ኩሉ ድኽመታትኪ፡ ንኸፍቅረኪ ከምዘለዎን ከኣ ዘክሪ።)

ንሳሊ ኣብ መወዳእታ ዝመኸርናያ ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ከተዕልልዮን እትኽእሊ ደቂ ኣንስትዮ መሓዙት ርኸቢ። ንዝኾነ ሰብ ካብ ሓዳሩ ወጻኢ ካልኦት ብጾት የድልይዎ እዮም። ብፍላይ በዓል ቤትኪ ምዝርራብ ሕጂ ይጅምር ስለ ዘሎ ካልኦት ብጾት ምግባር ከድልየኪ እዩ።

ሓደ ካብ ኣዝማድኪ ካብዛ ዓለም ተፈልዩ ኢልና እስከ ኣብነት ንውሰድ። ምሒር ሓዚንኪ ኣሎኺ። ከመይ ከም ዝተሰምዓኪ ቅድም ንበዓል ቤትኪ ኢኺ ክትሕብሪ። በዓል ቤትኪ ንድላይኪ ብኸፊል የዕግቦ ይኸውን። ምሉእ ብምሉእ ንድሌታትኪ ኬዕግቦ ግን ኣይትጸበይዮ። ድሕሪኡ ናብ ጐረቤትኪ ወይ ድማ ናብ ሓንቲ ካብተን ደቀንስትዮ መሓዙትኪ ኬድኪ ብዛዕባ ዝተሰምዓኪ ተዘራረቢ። ብኸምዚ ዓይነት ኣገባብ ድማ እቲ ናይ ምዝርራብ ድሌትኪ ክፋሉ ብበዓል ቤትኪ፡ ፍርቁ ድማ በተን መሓዙትኪ ኪዓግብ ይኽእል እዩ።

ካብ በዓል ቤትኪ ወጻኢ ካልኦት ብጾት ክንብል ከለና "ደቂ ኣንስትዮ መሓዙት" ከምዝበልናኪ ግን ኣስተብህሊ። ኣብ ምስማዕን ምርዳእን ካብ በዓል ቤትኪ ዝሓሸ ካልእ ሰብኣይ እንተረኪብኪ ንዝሙት ክትፍተኒ ትኽእሊ ኢኺ።

ሳሊ ሕጽር ብዝበለ እምበኣር ምዕዶና እዚ ዝስዕብ እዩ።

1. ምስ በዓል ቤትኪ ቅንዕና ዝመልኦ ዘረባ ጀምሪ።
2. እግዚኣብሄር ኣብ ህይወት በዓል ቤትኪ ኪሰርሕ ጸልዪ። በዓል ቤትኪ ዋላ'ኳ ናይ ምዝርራብ ክእለት እንተዘይሃለዎ ብፍቐሪ ግን ከምታ ዘለዋ ተቐበልዮ።
3. ገለ ደቀንስትዮ መሓዙት ብምግባር ምስኣን'ውን ተዘራረቢ።

ንኹሉ ሰብ ዚኸውን ምዕዶ

ንነፍሲ ወከፍ ኣንባቢ እዛ መጽሓፍ፡ ሕጂ ነዛ ኣገዳሲት ምዕራፍ ስለ ዘንበብካ፡ ከምዚ ዚስዕብ ክትገብር ንሓተካ። መጻምድትኻ ምሳኻ ንኽተንብብ ሕተታ። ነዛ ምዕራፍ እናኣበራረኹም ኣንብብዋ። እናንበብኩም ኑቲ ናይ ምዝርራብ ደረጃኹም ኣብ ደረጃ 1,2 ወይ 3 ኣበየናይ ደረጃ ከምዘሎ፡ ናብ ዝቕጽል ደረጃ ንኣ ብኸመይ ከምእትቕጽሉ፡ ንምዝርራብኩም ዚዕንቅጹ እንታይ ከምዚኾኑን ተመያየጡ። ናይ ምዝርራብኩም ነገር ከተመሓይሹ ድማ ጽዓሩ። ምስ ካልእ ሰብ ከምኡ ክትዘራረቡ ክሳዕ ዘይትኽእሉ ንሓድሕድኩም ከምእትዘራረቡ ጊርኩም ንናይ ምዝርራብ ደረጃኹም ኣመሓይሽዎ። ኩሉ ናይ ምዝርራብ ድሌትኩም፡ ብመጻምድትኹም ጥራይ ኪዓግብ ግን ኣይትጸበዩ። ምስ ካልኦት ብጾት ድማ ምዝርራብኩም ኣመሓይሹ። እግዚኣብሄር ከምዝሕግዘኩም'ውን እመኑ።

ምዕራፍ 5

ንግብረ-ስጋ ዚምልከቱ 7 ሓሳባት

"መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ንግብረ-ስጋ ዝምልከት ቅዱስ ዝኾነ ፍቕድ እግዚኣብሄር ንምዝራብ ኣይፈርሕን'ዩ"

ኣብ ዓለም ብዛዕባ ግብረ-ስጋ ኣዝዩ ብዙሕ ዘይቅዱስ ዘረባታት'ዩ ዘሎ። ተለቪ'ሾንን መጽሄታትን፡ ንኣምላኽ ሕቕና ሂብና፡ ብዝሙት ንኽንነብር እየን ከእምናና ዝፍትና። መንእሰያትና፡ ብዛዕባ ግብረ-ስጋ ዝምልከት፡ ዓለም ዘደንቕ መደብ ከምዘለዋ፡ መገዲ እግዚኣብሄር ግን ግዚኡ ዝሓለፎ ከምዝኾነ ገይሮም ንኽኣምኑ፡ ኣዝዩ ቀሊል እዩ።

ግብረ-ስጋ ግን ብናይ ቴሌቪ'ሾን ተዋሳእቲ ኣይኮነን ተማሂዙ። መጀመርያ፡ እግዚኣብሄር እዩ ንናይ ግብረ-ስጋ ርክብ ዝመሃዘ። እግዚኣብሄር ሕጂ'ውን ህያው'ዩ። ንግብረ-ስጋ ዝምልከት ድማ ገና ኣዝዩ ብሉጽ ዝኾነ መደብ ኣለዎ። መደብ እግዚኣብሄር፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብንጹር ተገሊጹ'ሎ። እወ፡ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብዛዕባ ንግብረ ስጋ ዝምልከት ቅዱስ ዝኾነ ፍቕድ እግዚኣብሄር ንምዝራብ ኣይፈርሕን እዩ። 1ቆሮ7፡3-5

ሰብኣይ ንሰበይቱ ዚግብኣ ይግበረላ። ከምኡ'ውን ሰበይቲ ንሰብኣያ ዚግብኣ ትግበረሉ። ሰበይቲ ኣብ ሰብነት ሰብኣያ እምበር፡ ኣብ ገዛእ ሰብነታ ስልጣን የብላን። ከምኡ ሽኣ ሰብኣይ፡ ኣብ ሰብነት ሰበይቱ ደኣ እምበር፡ ኣብ ገዛእ ሰብነቱ ስልጣን የብሉን። ንጸሎት ዚኸውን ግዜ ምእንቲ ክትረኽቡ ኢልኩም፡ ንውሱን እዋን ብስምምዕ ክልቲኹም ዝገበርክምዎ እንተዘይኮይኑ፡ ሓደ ነቲ ሓደ ናይ መውሰቦ ግቡኡ ኣይኽልኣዮ። ንነፍሰኹም ብዘይ ምምላኽኩም፡ ሰይጣን ምእንቲ ከይፍትነኩም ከኣ ከም ብሓድሽ ተራኽቡ።

ካብዘን ጥቕስታት፡ ንግብረ ስጋ ብዝምልከት ሰለስተ ኣገደስቲ ሓሳባት ንረክብ። ካልኣት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ጥቕስታት ድማ ኣርባዕተ ካልኣት ሓሳባት ይውሰኹና። ብሓፈሻ እምበኣር ሸውዓተ ኣገደስቲ ሓሳባት ንረክብ ማለት እዩ። በብሓደ እስከ ንርኣዮም።

1. ሰብኣይን ሰበይትን ክልቲኦም ናይ ግብረ-ስጋ ድሌት ኣለዎም

መጽሓፍ ቅዱስ ምስቲ "ሰብኣይ ጥራይ'ዩ ናይ ግብረ ስጋ ስምዒት ዘለዎ" ዚብል ኣበሃህላ ኣይሰማማዕን እዩ። እቲ ልዕል ኢልና ዘንበብናዮ ጥቕሲ፡ "ሰብኣይ ንሰበይቱ ዚግብኣ ይግበረላ፡ ሰበይቲ'ውን ንሰብኣያ ዚግብኣ ትግበረሉ" ኪብል ከሎ፡ ክልቲኦም ናይ ግብረ-ስጋ ድሌት ከምዘለዎም እዩ ግሁድ ዚገብሮ። ኣብ ናይ ሓቂ ክርስቲያናዊ ሓዳር፡ ስብኣይን ሰበይትን ክልቲኦም ካብ ኣምላኽ ዝተዋህቦም ናይ ግብረ-ስጋ ድሌት ከምዘለዎም ኪፈልጡ ይግባእ።

2. ናይ ሓድሕዶም ድሌት ከይሰስዑ ኪመላልኡ ይግባእ

እተን ዘንበብናየን ጥቕስታት፡ ኣብ ናይ እግዚኣብሄር መደብ፡ ንርእሰይ ይጥዓመኒ ምባል ከምዘየለ ይነግራና። ሰብኣይ፡ ንርእሰይ ይጥዓመኒ ብምባል፡ ንሰበይቱ ከም መዐገሲ ስምዒቱ ኪጥቀመላ የብሉን። ናይ በዓልቲቤቱ ድሌት ድማ ኬዕግብ ኣለዎ። ናይ ሰበይቲ ዕላማ ድማ፡ ንናይ በዓል ቤታ ድሌት ንኽተማልእ ኪኸውን ኣለዎ። ስለዚ ክልቲኦም ናይ ሓድሕዶም ስምዒት ብምርዋይ ይሕንሱ። መደብ እግዚኣብሄር'ሲ ክንደይ ኮን ግሩም እዩ!

3. ንውሱን እዋን እንተዘይኮይኑ ርክብ ኣየቋርጹን

ካብተን ዘንበብናየን፡ ሳልሳይ እንረኽቦ ነገር ከኣ፡ ሰብኣይን ሰበይትን ናይ ግብረ-ስጋ ድሌታቶም ኪነፋፈጉ ከምዘይብሎም'ዩ። ዝያዳ ምእንቲ ክጽልዩ ደልዮም፡ ብሓባር ናይ ግብረ-ስጋ ርክቦም እንተደኣ'ቋሪጾም ድሕሪኡ ግን ክቕጽልዎ ኣለዎም። ነቲ "ንውሱን እዋን" ተባሂሉ ዘሎ ግዜ ኪነውሕ ኪፈቕዱሉ የብሎምን። እንተዘይኮይኑ ግን ካብ ሓዳሮም ወጻኢ ብግብረ-ስጋ ንኽራኸቡ ኪፍተኑ ይኽእሉ እዮም።

ፓስተር ምስ በዓልቲ ቤቱ ሓደ ሓደ ግዜ ብምኽንያት ኣገልግሎት ጐይታ ስራሕ ይበዝሖም እሞ፡ ንሓድሕዶም "ኣብ ህይወት ዝለዓለ ቀዳምነት ዚግብኡ ጐይታ ስለ ዝኾነ፡ ብግብረ-ስጋ ምርኻብ ይትረፈና" ይበሃሃሉ። ቅንይ ኢሉ ግን ኩሉ ክሳዕ ዝግረም፡ ፓስተር

ንሓንቲ ጓል ኣጥኒሱ ይስማዕ! ሰብኣይን ሰበይትን ነቲ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ሓድሕድኩም ናይ ግብረ ስጋ ርክብ ድሌትኩም ኣይትነፋፈጉ ዝበሎ ኪእዘዝዎ ኣገዳሲ እዩ።

4. ኣብ ግብረ ስጋ ሰብኣይን ሰበይትን ሓጐስ ይረክቡ

ሰብ ብግብረ-ስጋ ካብ ዝርከብ ባህታ ኪሕጐስ፣ ፍቓድ እግዚኣብሄር ኣይኮነን፣ ኢሎም ዝሓስቡ ገለ ሰባት ኣለዉ። ካልኦት ድማ፣ ግብረ-ስጋ፣ ሰብኣይ ጥራይ ኪፍስሃሉ ዘለዎ ነገር እዩ ኢሎም ይሓስቡ። ግደ ሓቂ ግን፣ ሰብኣይን ሰበይትን ኣብ ርክብ ግብረ-ስጋ ብሓባር ልዑል ባህታ ክረኽቡ እዩ ፍቓድ እግዚኣብሄር።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፣ መሃልየ መሃልይ ዚበሃል ኣዝዩ ጥዑም ግጥሚ ኣሎ። ካብቲ ግጥሚ ክርስቶስ ማዕረ ክንደይ ከምዘፍቅረና ንመሃር። ሰብኣይን ሰበይትን ማዕረ ክንደይ ክፋቐሩ ከምዘለዎም ድማ ንመሃር ኢና። ኣብ መሃልየ መሃልይ ሰብኣይ ንሰበይቱ ከምዚ ዚስዕብ ይብላ።

“ኣቲ ፍትውተይ ንሸኺ ጽብቕቲ ኢኺ
እወ ንሸኺ ጽብቕቲ ኢኺ
ኣዒንቲኺ ፍቐሪ የንጸባርቓ” (መሃ. 1፡15)

“ኣቲ ሓብተይ ፍቐርኺ ክንደይ ይጽብቕ
መርዓተየ፣ ፍቐርኺ ካብ ወይኒ
መኣዛ ቅብእኺ’ውን ካብ ኩሉቀመማት ይበልጽ” (4-10)

“ኣቲ ጓል መስፍን፣ ኣእጋርኪ ጫማ ምስ ገበራ
ክንደይ ይጽብቓ
ቅርጺ ደናጉኺ ከም ብኢድ ብልሓተኛ
ዝተሰርሐ ስልማት’ዩ” (7፡1)

“ክልቲአን ኣጥባትኪ ከም ማንታ
መሓስእ ሚዳቑ እየን” (7፡3)

እታ ሰበይቲ ድማ ንሰብኣያ ከምዚ ዚስዕብ ትብሎ፡-

“ፍቐርኻ ካብ ወይኒ ይጥዕም’ዩ’ሞ ሰዓመኒ” (1፡2)

“ፈታውየይ ኣብ መንጐ ኣጥባተይ ኪዓርፍ ከሎ
መኣዛ ከርበ ኣለዎ” (1፡13)

“ኣታ ፈታውየይ፣ ንሸኻ ጽቡቕ ኢኻ፣ ንዓይ ከኣ
ኣዚኻ ኢኻ እተሐጉሰኒ።
ዓራትና ኸኣ ልምሉም ሳዕሪ እዩ።” (1፡16)

“ብጸጋመይቲ ኢዱ የተርእሰኒ፣
ብየማነይቲ ኢዱ ኸኣ ይሓቑፈኒ” (2፡6)

“ዘረባኡ ኣዝዩ ጥዑም እዩ ኩለንተናኡ ፍትዊ’ዩ
ኣትን ኣዋልድ ኢየሩሳሌም ፍትወይ እዚ እዩ፣
እወ፣ ፈታውየይ’ሲ እዚ እዩ፣ (5፡16)
“ኣታ ፍትወይ ንዓናይ ናብ መሮር ንውጻእ
ኣብቲ ዓድታት ከኣ ንሕደር (7፡11)

“ተኽሊ ወይኒ ጠጢው እንተኾነ
ጐጉማ ኸኣ ነቒዑ እንተኾነ
ሮማን ዓምቢዑ እንተኾነ ክንርእስ
ናብ ቦታ ኣታኽልቲ ወይኒ ኣንጊህና ኸኺድ
ኣብኡ ኸኣ ፍቐረይ ክህበካ እየ (7፡12)

እዘን ጥቕስታት፡ ሰብኣይን ሰበይትን ንሓድሕዶም ኪተሓጓጐሱ፡ ፍቓድ እግዚኣብሄር ምዃኑ'የን ብንጹር ዘርእያ። ሰብኣይን ሰበይትን ብዙሕ ባህታ ዘይረኽቡ ምዃኖም ግን ኣዝዩ ዜሕዝን እዩ። ገለ ሰብኡት ከኣ'ሞ ነንስቶም ኬሐጉሱ ወይ ኬዕግቡ ኢሎም'ውን ኣይፍትኑን እዮም። "ንፍዕቲ ሰበይቲ ግብረ-ስጋ ክትፈቱ የብላን። ሰብኣያ ምስ ዝደሊ ጥራይ ስቐ ኢላ ከተፍቅደሉ ኣለዋ" ይብሉ። ገለ ኣንስቲ ድማ፡ ግብረ-ስጋ ኣየሐጉስን እዩ ኢለን ይኣምና። ናብ ዓራት ኪድይባ ከለዋ "እንተደሊኻ እንሆልካ፡ ድቃስ ስለ ዘድልየኒ ግን ቀልጥፍ" ይብላኣም። እዚ ምስቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ እታ ሰበይቲ፡ "ዓራትና ኸኣ ልምሉም ሳዕሪ'ዩ፡ ጸጋመይቲ ተተርእሰኒ፡ የማነይቲ ድማ ትሓቐፈኒ፡ ኣፉ ምቁር ነገር ዝመልኣ እዩ፡ ብዛዕብኡ ዝኾነ፡ ኩሉ ነገር የሐጉሰኒ፡ ንሱ ዓርከይን ኣፍቃርየይን እዩ" እትብሎ ዝጻረር እዩ።

5. ርክብ ግብረ-ስጋ ንሰብኣይን ሰበይትን የወሃህድ

ሓደ እዋን፡ ሓደ ናይ ዩኒቨርሲቲ ተማሃራይ፡ "ግብረ-ስጋ ፍሉይ ነገር ኣይኮነን። ልክዕ ከም ምብላዕ እንጌራ እዩ። ኣካላዊ ድሌት ንምዕጋብ ዝፍጸም ምዃኑ ኸኣ ተመራመርቲ ስነ-ፍልጠት ኣረጋጊጾም እዮም" ክብል ሓቢሩና። "ከመይ ዝበለ ጌጋ!" ብምባል ተገሪምና። ግደ ሓቂ፡ እቶም ንማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት ዘጽንዑ ተመራመርቲ፡ ሰብኣይን ሰበይትን ብግብረ-ስጋ ምስዝራኸቡ፡ ርክቦም ከምዝልውጥ ኣረጋጊጾም እዮም። ድሕሪ ርክብ ግብረ-ስጋ ተራ፡ ኣዕሩኽ ጥራይ ኣይኮኑን ዝኾኑ። እግዚኣብሄር ግን ቅድሚ እዞም ናይ ስነ-ፍልጠት ዘጽንዑ ተመራመርቲ'ውን ነጊሩ ነይሩ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ መጽሓፍ ቅዱስ ሰብኣይን ሰበይትን ብግብረ-ስጋ ኪሓብሩ ከለዉ፡ ክልተ ዘይኮኑስ፡ ሓደ እዮም ዝብል።

"እቲ ካብ መጀመርያ ዝፈጠረ ሰብኣይን ሰበይትን ጌሩ ፈጠሮም። ስለዚ ሰብኣይ ኣቡኡን ኣዲኡን ሓዲጉ ምስ ሰበይቱ ይወሃህድ። ክልቲኣም ድማ ሓደ ኣካል ይኾኑ። ደጊም ሓደ ኣካል'ዮም እምበር፡ ክልተ ኣይኮኑን። እምበኣር ነቲ ኣምላኽ ሓደ ዝገበሮ ሰብ ኣይፍለዮ" (ማቴ 19፡ 5-6)

ሰብኣይ ምስ ኣመናዝር ብግብረ-ስጋ ኣብ ዝራኸበሉ፡ ገንዘቡ ከፊሉ "በሊዑ"፡ ጥራይ ዚኸይድ ኪመስሎ ይኽእል'ዩ። ኣብ ኣዒንቲ እግዚኣብሄር ግና ምስታ ኣመንዝራ ሓደ ኣካል'ዩ ኮይኑ ዘሎ! ርክብ ግብረ-ስጋ ብርግጽ ከም ምብላዕ ጥራይ ኣይኮነን። መጽሓፍ ቅዱስ "እቶም ክልተ ሓደ ስጋ ክኾኑ'ዮም ብሁል'ዩ እሞ፡ ምስ ኣመንዝራ ዝለገበ ምስኣ ሓደ ስጋ ምዃኑ'ዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም። (1ቆረ6፡16) እዩ ዚብል።

6. ካብ መርዓ ወጻኢ ብግብረ-ስጋ ምርኻብ ሓጢኣት'ዩ

መጽሓፍ ምሳሌ ከምዚ ዚስዕብ ይብል፡- "ከናፍር ኣመንዝራ ሰበይቲ መዓር ወለላ የንጠብጥብ። ኣፋ ካብ ዘይቲ ይልስልስ። ኣብ መወዳእታ ግና ከም ዕረ መሪር፡ ክልተ ኣፍ ካብ ዘለዎ ሴፍ ከኣ በሊሕ እዩ" (5፡3-4)

"ካብዛ ሰብ እዚኣ ርሓቕ፡ ናብ ገዝኣ'ውን ኣይትቕረብ" (5፡8)

"ከምቲ ማይ ካብ ዔላካ፡ ካብቲ ዝፍልፍል ምንጮኻ እትሰቲ፡ ከምኡ ኸኣ ሰበይቲ ኪዳንካ ከይጠለምካ ርክብካ ምስኣ ጥራይ ይኹን" (5፡15)

ብሰበይትኻ ተሓጉስ፡ በታ ሰበይቲ ንእስነትካ ባህ ይበልካ። ንሳ ፍትውቲ ዋላ ጽብቕቲ ሚዳኞ ትኹነልካ፡ መልክዓ ይማረኽካ። ፍቐራ'ውን ይምስጠካ። ኣታ ወደይ ስለምንታይ ንና ሰበይቲ እተፍቅር? ሰበይቲ እማትካስ እትሓቁፍ? እግዚኣብሄር ኸኩሉ እቲ እትገብሮ ይርኢ፡ ኣብ እትኸዶ ዘበለ ድማ የቕምተካ።"(5፡18-21)

እዘን ጥቕስታት ክልተ ነገራት እየን ዘርእያና።

ሀ. ኣብ ሰብ ሓዳር ዝግበር ርክብ ግብረ-ስጋ ማዕረ ኽንደይ ግሩም ምዃኑ
ለ. ኣብ ሞንጐ ሰብ ሓዳር ዘይኮኑ ዝፍጸም ግብረ ስጋ ድማ ማዕረ ክንደይ ሓጢኣት ምዃኑ የርእየና።

ኣብ መንጐ ወድን ጓልን ዝግበር ግብረ-ስጋኸ ከመይ እዩ? ሓጢኣት ድዩ? እወ። መጽሓፍ ቅዱስ ከምኡ ምግባር ሓጢኣት'ዩ እዩ ዝብሎ።

“ካብ ምንዝርና ህደሙ። ሰብ ዚገብሮ ሓጢኣት ኩሉ ካብ ሰብነቱ ወጻኢ'ዩ ዝገብሮ፡ ዚምንዝር ግና ኣብ ገዛእ ሰብነቱ'ዩ ዚሓጥእ።” (1ቆረ6፡18) መጽሓፍ ቅዱስ፡ ምንዝርና ንዝብል ቃል ብኽልተ መንገዲ እዩ ዚጥቀመሉ።

ሀ. ኣብ ገለ ጥቕስታት ኻኹሉ ዓይነት ርክብ ግብረ-ስጋ ዋላ ነቲ ቅድሚ መርዓ ዚግበር ርክብ'ውን ይገልጽ። (1ቆረ 5፡1, 1ቆረ 6፡9፡, ኤፌ 5፡3, 1ተሰ4፡3, ዮሃ8፡41)

ለ. ኣብ ካልኦት ጥቕስታት ግን፡ ንሓደ ዓይነት ሓጢኣት ጥራይ ፈልዩ የመልክት። ንሱ ድማ ነቲ ቅድሚ መርዓ ዚግበር ግብረ-ስጋ እዩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ መርዓ፡ ንዘይተመርዓዉ ኪጽሕፍ እንከሎ፡ ከምዚ ዚስዕብ ኢልዎም። “ብዛዕባ እቲ ዝጸሓፍኩምለይ ነገር ከኣ ሰብኣይ ኣብ ሰበይቲ እንተዘይቀረበ ጽቡቕ እዩ። ግናኸ ካብ ምንዝርና ምእንቲ ክርሕቕ ነፍሲ ወከፍ ሰብኣይ ናይ ገዛእ ርእሱ ሰበይቲ ትሃልዎ። ነፍሲ ወከፍ ሰበይቲ'ውን ናይ ገዛእ ርእሳ ሰብኣይ ይሃልዋ። (1ቆረ 7፡1-2)።

እዚ ጥቕሲ ንዝተመርዓዉ ሰባት ከምዘይተጻሕፈ ተጠንቂቕካ ኣስተብህል፡ ንዘይተመርዓዉ እዩ ተጻሒፉ። ካብ ምንዝርና ህደሙ ድማ'ዩ ዚብል። ግደ ሓቂ እዚ ጥቕሲ ዘይምምርዓው ጽቡቕ ከምዝኾነ'ዩ ዚገልጽ። ምንዝርና ሓያል ፈተነ ብምኻኑ ግን ሰብ ይምርያ። እዚ ሓሳብ'ዚ ቅድሚ መርዓ ዚግበር ግብረ-ስጋ ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ሓጢኣት ከምዝኾነ እዩ ዘረድኣና።

ሓደ መንእሰይ ድማ ከምዚ ዚስዕብ ኪብል ጽሒፉልና።

ምስ ብጸይተይ እምብዛ ኢና እንፋቶ። ንዓመታ ክንምርያ ድማ መዲብና ኣለና። እቲ ጸገም፡ ኣብ ዝሓለፈ 10 ኣዋርሕ፡ ሰሙናዊ ብግብረ-ስጋ ክንራኸብ ምጽናሕና'ዩ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ግን ኣብ ሓደ ናይ መንፈሳዊ ምንቕቓሕ ዝግበረሉ ዝነበረ መደብ፡ ተሳቲፍና። ኣብኡ ክልቴና ተነሲሕና፡ ንጉይታ ኢየሱስ ድማ ከም መድሓኒና ተቐቢልናዮ። ሕጂ ሕቶ ኮይኑና ዘሎ ግን ክሳዕ እንምርያ ናይ ግብረ-ስጋ ርክብና ከነቋርጾ ዲና? ዚብል እዩ።

እዚ መንእሰይ “ተነሲሕና ንጉይታ ኢየሱስ ተቐቢልናዮ” ከምዝበለ'ዶ ኣስተውዒልኩም ኣሎኹም? ምንሳሕን ንኢየሱስ ምቕባልን እንታይ ማለት ድዩ? ካብቲ ብገዛእ ርእሸ እትቆጻጸሮ ህይወት ተመሊስካ፡ ንኢየሱስ ድማ ጉይታ ናይ ህይወትካ ምግባርን ማለት'ዶ ኣይኮነን? ስለዚ ነዚ መንእሰይ ዚኸውን መልሲ እምበኣር “እንተደኣ ተነሲሕኩምን ንኢየሱስ ተቐቢልኩምን ኼንኩም'ሲ ብርግጽ ቅድሚ መርዓ ብግብረ-ስጋ ብዘይምርኻብ ንጉይታ ክትእዘዝዎ ኣለኩም” ዚብል እዩ።

ኣብዚ መጽሓፍ ደጋጊምና፡ ሰብኣይን ሰበይትን ንሓድሕዶም ብግብረ-ስጋ ኪሕጐሱ ፍቓድ እግዚኣብሄር'ዩ ክንብል ኢና። ካብ መርዓ ወጻኢ ብግብረ-ስጋ ምርኻብ ግን ሓጢኣት ምኻኑ ኸኣ ፍጹም ክንርስያ የብልናን። ኣብታ ቤተ-መቕደስ ኣምላኽ ዝኾነት ነብስና፡ ሓጢኣት ምፍጻም ማለት እዩ።

7. ግብረ-ስጋ ውሉድ ንምውላድ ድማ እዩ

እግዚኣብሄር ንግብረ ስጋ መጀመርያ ንሰብኣይን ሰበይትን ከሠሃድን ባህታ ንኽረክብሉን እዩ መዲብዎ። በዚ ግን ኣየብቅዐን። ርክብ ግብረስጋ፡ ሰብኣይን ሰበይትን ቁልዑ ዝወልዱሉ ኣገባብ ገይሩ ድማ እዩ መዲብዎ። ቁልዑ ዘደንቕ ናይ እግዚኣብሄር ህያባት እዮም። እግዚኣብሄር ነቶም ናይ መጀመርያ ሰብኣይን ሰበይትን “ብዝሑ ንምድሪ ድማ ምልእዋኣ” (ዘፍ1፡28) እዩ ኢልዎም። ዕላማ ግብረ-ስጋ ቁልዑ ንምውላድ ጥራይ እዩ ዚብል ሓሳብ ዘለዎም ሰባት ምህላዎም ግን ዜሕዝን እዩ። ሓደ ሰብኣይ ዝጸሓፈልና እስክ ሓቢርና ንርኣ።

በዓልቲ ቤተይ ኣብ ጸታዊ ርክብና ፈጺሙ ስምዒታ ኣይለዓዓልን እዩ። ኪለዓዓል'ውን ኣይትደልን እያ። ኣብ መንጐ ከመይ ይስመዓ ከምዘሎ ምስ ዝሓታ ገለ ነገር ከምዘይተሰምዓ'ያ ትዛረብ። ናይ ግብረ-ስጋ ርክብና ዜሐጉስ ንምግባር ክንገብሮም ብዛዕባ እንኽእል ነገራት ብዙሕ ግዜ ሓሳባት የቕርበላ። ንሳ ግን ኣይትግደስን እያ። ከምዚ ድማ ትብል፡ “ክወልድ ክሳዕ ዝኽኣልኩ፡ ከምቲ ኣመናዝር ዚገብሮኦ ብዛዕባ ዝተፈላለየ ኣገባብ ኣደቓቕሳ ክንግደስ የብልናን።”

ካልኦት ኣንስቲ ክርኢ ከለኹ ብዙሕ ስምዒታት'ዩ ዚመጸኒ። ክርስቶስ ኻኹሉ ዝተሰወረ ሓጢኣት ንኽቃልዕ ይመጽእ ስለ ዘሎ ግን ዋላ ሓንቲ ክገብር ኣይደፍርን እየ። እዚ ካብ ግብረ ስጋ ክረኽቦ ዝደሊ ዚያዳ ዕግበት ግን ምስ ምንዋሕ ዕድመ ሓዳርና ገና እናበርትዐዩ ዚኸይድ ዘሎ።

ሰይጣን ኪፍትነኒ እንከሎ "ተጋጊኻ ኢኻ፡ ካልእ ሰበይቲ ምረጽ" ይብለኒ። እቲ ንበዓልቲ ቤተይ ክሳዕ ሞት ንኽፍቅራ ዝኣተኽዎ ኪዳን ግና እዝክር።

ምስ በዓልቲቤተይ ሓቢርና ክንገብሮ እንኽእል ዝሕብረና መልእኽቲ'ዶ ክትጽሕፉልና ትኽእሉ?

ናብዞም ሰብ-ሓዳር ዝሰደድናያ መልእኽቲ፡ እግዚኣብሄር ንነፍሲ ወከፍ ክፋል ሓዳርና ንርክብ ግብረ-ስጋ ዜጠቓለለ ክንሕንሶሉ ከምዝደሊ እትሕብር ብጽቡቐ ዜና ዝተመልኣት እያ ነይራ። ኣብ ናይ እግዚኣብሄር መደብ፡ ምውላድ ቁልዑ ሓደ ዕላማ ናይ ግብረ-ስጋ እዩ። እቲ ዕላማ ግን እዚ ጥራይ ኣይኮነን። ሰብኣይን ሰበይትን ብግብረ ስጋ ባህታ ክረኽቡ'ውን ፍቓድ እግዚኣብሄር እዩ።

ኣብ ግብረ-ስጋ ዝለዓለ ዕጋበት ዝረኽቡ እቶም ኣመናዝርን ዓማዊለንን ኣይኮኑን። ብኣንጻሩ ንግብረ-ስጋ ብዝለዓለ ዚሕንሶሉ እቶም ንእግዚኣብሄር ዘፍቅሩን ዝእዘዝዎን እዮም። እወ እቶም ንጐይታ ዘፍቅሩን ከምኡ'ውን ንሓድሕዶም ዝፋቐሩን ሰብኣይን ሰበይትን እዮም ናይ ግብረ-ስጋ ዕጋበት ኪህቡን ክቐበሉን ዚኽእሉ። ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ መሃልየ መሃልይ ዝብሎ-

"ፈታውየይ ኣብ መንጐ ኣጥባተይ ክዓርፍ ከሎ
መኣዛ ከርበ ኣለዎ" (1፡13)
"ኣቲ ሓብተይ መርዓተየ፡ ሕዝእቲ ቦታ ኣታኽልቲ ኢኺ
ዕጽዊ ዔላ ሕቱም ዓይኒማይ ኢኺ (4፡12-15)
"ፍትወይ ናብ ገነቱ ይምጻእ። ክቡር ፍረታቱ ኽእ ይብላዕ (4፡16)
"ሓብተየ፡ መርዓተየ ናብ ገነተይ መጺአ እኔኹ።
ከርበይን ምኡዝ ቀመማተይን እቐንጥብ ኣለኹ።
መዓር ወለላይን መዓረይን እበልዕ
ወይነይን ጸባይን እሰቲ ኣለኹ" (5፡11)

ምዕራፍ 6

ኣገባባት ግብረ-ስጋ

“ኣገባባት ግብረ-ስጋ ማለት ብቐሊሉ
ከመይ ጌርካ ግብረ-ስጋ ከምእትፍጽም
ምፍላጥ ማለት እዩ”

ዝኸበርኩም ብሩስን ኪሮልን፡-

ኑቲ ንፉዕ ሰዓቢ ክርስቶስ ዝኾነ በዓል ቤተይ እፈትዎ እየ። ሓደ ሓደ ግዜ ግን፡ ኣዚዩ እዩ ዘሕርቐኒ። ናብ ዓራት ምስ ደየብና፡ ንሓጺር ግዜ ኢና እንጻወት። ይስዕመኒ፡ ሰምዒታተይ ብግቡእ ከይተለዓዓለ ግን ይኣትወኒ'ሞ ቀልጢፉ ከኣ ይዓግብ። ድሕሪ እዚ ይድቅስ። ኣነ ግን ንሰዓት ወይ ልዕሊኡ ብንሂ ሰለም ከየበልኩ ቀዚዘ እተርፍ። በዝን ክንድዝን ቀቀልጢፈ ግብረ-ስጋ ክፍጽም ኣይደልይን እየ። በዓል ቤተይ ግን ሕሉፍ ሓሊፍዎስ “ስምዒት የብልክን” እናበለ ኽእኣ ክዛረብ ጀሚሩ ኣሎ።

ኣብታ “ፍቐርን ሓዳርን” እትብል መጽሓፍኩም ሰብኣይን ሰበይትን ናይ ግብረ-ስጋ ድሌታቶም ከዕግቡ ኣለዎም ኢልኩም ኣለኹም። ሕቶይ ግን “ከመይ ገይሮም?” ዚብል እዩ። ማለተይ ንሓድሕድና ብሓባር ክንዓግብ ከመይ ጌርና ኢና ክንጅምሮ እንኽእል?

ናትኩም ብክርስቶስ ኢስተር

እዛ መጽሓፍ ክንጽሕፋ ምስ ጀመርና፡ ንኣገባባት ግብረስጋ ዝምልከት ምዕራፍ ክሃኣቱ መደብ ኣይነበረናን። ግብረ-ስጋ ብሕታውን ቅዱስን ነገር እዩ። ብዙሕ ብዛዕባ ግብረ-ስጋ ምጽሓፍ ንዕኡ ምብልሻው ጥራይ እዩ። ይኹን እምበር ከምዚ ናይ ኢስተር ዝመስል መልእኽቲ ድማ መዓልታዊ ኢና እንቐበል።

ፍቐርን ሓዳርን እትብል መጽሓፍና፡ ቅድሚ ትሽዓተ ዓመት ተሓቲማ። ንዓኣ ዘንበቡ፡ ኣሽሓት ደብዳቤታት ሰዲዶምልና። እዘን መልእኽትታት ብዛዕባ ግብረ-ስጋ ዝምልከት ገለ ኣገባባት ክንገልጽ ከምዘለና እየን ኣዘኻኺረናና።

ኣገባባት ግብረ-ስጋ ማለት ብቐሊሉ ከመይ ጌርካ ግብረ-ስጋ ከም እትፍጽም ምፍላጥ ማለት እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ “ፍልጠት ግብረ-ስጋ” ማለት እዩ። ኣገባባት ግብረ-ስጋ ኣብ ሓዳር እቲ ኣገዳሲ ክፋል ኣይኮነን። እቲ ዝበለጸ ክፋል ናይ ሓዳር፡ ፍቐሪ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ነተን ቀዳሞት ኣርባዕተ ምዕራፋት ናይዛ መጽሓፍ ሰብኣይን ሰበይትን ከመይ ገይሮም ንሓድሕዶም ክፋቐሩ ከምዝኽእሉ ንምግላጽ ዝተጠቀምናለን።

ኣገባባት ግብረ-ስጋ፡ ፍቐሪ ኣብ ዘይብሉ ሓዳር ኣይዓይን እዩ። ይኹን እምበር ዝፋቐሩ ሰብኣይን ሰበይትን ብዛዕባ ኣገባባት ግብረ-ስጋ ገለ ፍልጠት ከምዘድልዮም ከኣ ሓቂ እዩ። ዕላማ ናይዛ ምዕራፍ እምበኣር ንኸም በዓል ኢስተርን በዓል ቤታን ዝኣመሰሉ ዘድሊ ፍልጠት ከምዝቐስሙ ብምግባር ምሕጋዝ እዩ።

ኣገባባት ግብረስጋ ሓሙሽተ ደረጃታት ኣለውዎ። ንሳቶም ድማ፡-

1. ምድላው 2. ጸወታ ፍቐሪ 3. ምእታው
4. ምብጻሕ ጥርዘ ስምዒት 5. ምዝናይ

1. ምድላው

ግብረ-ስጋ ናይ ብሓቂ ኣዕጋቢ ንኽኸውን ምድላው የድልዮ እዩ። ምድላው፡ ኣብ ዓራት ዘይኮነስ፡ ቅድሚ ናይ ድቃስ ግዜ ምእካሉ እዩ ኣቐዲሙ ዝጅምር። ሰብኣይን ሰበይትን ነቲ ክፍጽምዎ ዘለዎም ግብረ-ስጋ ብቐትሩ ብኸምዚ ዝስዕብ ክዳለዉ ኣለዎም።

ይቐሬታ ምሕታትን በደል ምሕዳግን፡ መጽሓፍ ቅዱስ “ኣብ ኩሪኹም ጸሓይ ኣይትዕረብኩም” ይብል። እዚ ማለት ዘይምስምማዕ እንተልዩ ቅድሚ ናይ ድቃስ ግዜ ክእለ

ኣለዎ ማለት እዩ። ዘይምስምማዓት ብቐልጡፍ ክእለዩ እዩ ዝግባእ። ንኣብነት ሰብኣይን ሰበይትን ኣብ ግዜ ቁርሲ እንተተኻርዮም ሽዑ ንሽዑ ክመያየጡሉ ኣለዎም። ይቐሬታ ክተሓታተቱን በደላት ክተሓዳደጉን ድማ ይግባእ። እንተዘይኮይኑ ግን ንሙሉእ መዓልቲ እቲ በደል ኣብ ልቦም ጸይሮሞ ክውዕሉ እዮም ማለት እዩ። ጸሓይ ቅድሚ ምዕራባ፡ ይቐሬታ ብምሕታትን በደል ብምሕዳግን እንተደኣ ንጐይታ ተኣዚዞሞ፡ ናብ ዓራት ክድይቡ ከለዉ፡ ዕርክነቶም ጥቡቕን ምውቕን ምህላዉ ስለ ዝፈልጡ ሕጉሳት እዮም ዝኾኑ። ብኣንጻሩ እቶም ቅድሚ ናብ ዓራት ምድያብ ይቐሬታ ዘይሓቱን በደል ዘይተሓዳደጉን ሰብኣይን ሰበይትን ግን ዝተፈልየ ዛንታ እዩ ክህልዎም። ናይ ግብረ ስጋ ርክቦም ክዓግቡሉ ብምባል፡ ኣበርቲያም'ኳ እንተፈተኑ፡ ብሰንኪ እቲ ኣብ ውሽጢ ልቦም ዘሎ ምረት ግና ናይ ብሓቂ ክሕንሶሉ ኣይክእሉን እዮም።

ባህ ዜብል ትርኢት፡- ዩኤል ኣብቲ ዝሰርሓሉ ኦፊስ፡ ምስ ብዙሓት ጽቡቕ ኣከዳድና ዘዘውትራ ደቀንስትዮ እዩ ዚውዕል። ናብ ገዝኡ ምስ መጸ ግና በዓልቲ ቤቱ ናይ ገዛ ሰራሕተኛ ዝመስል ክዳን ተኸዲና እያ ትጸንሐ። ብዙሓት ኣንስቲ'ውን ሰብኡተን ጽፋፍ ኣከዳድና ከዘውትሩ ይደልያ እየን። ብርግጽ ክልቲኦም መጻምዲ፡ እቲ ሓደ ነቲ ካልኣይ ክብል ኣጽፊፉ ኪኽደን ኣለዎ። ኣብ ክዳውንቲ ብዙሕ ገንዘብ ኪጥፍኡ ኣለዎም ማለት ግን ኣይኮነን። እቲ ሓደ ነቲ ሓደ "ምሳኻ ክኸውን ከለኹ፡ ጽቡቕ ክኸውን እደሊ" ንምባል ጥራይ ግን ከምኡ ኪገብሩ ይግብኦም።

ዕጹው ማዕጾ፡- ሰበይቲ ምስ ሰብኣያ ደቂሳ እንከላ ዝኾነ ሰብ ናብቲ ደቂሳትሉ ዘላ ኪመጽእ ኣይትፈቱን እያ። ዝኾነ ሰብ ክመጽእ ይኽእል እዩ ኢላ እንተጠራጢራ ድማ፡ ንግብረ-ስጋ ክትሕንሶሉ ኣይትኽእልን እያ። ስለዚ ማዕጾ ብዝግባእ ክሽጐር ኣለዎ።

እታ እትድቅሱላ ክፍሊ፡ መፍትሕ ዘይብላ እንተኾይና ሕጂ ግበሩላ። ቁልዑ ኾኣ ዝተሸጐረ ማዕጾ፡ ንቡር ናይ ስድራቤት ብሕትውና ምኻኑ ኪመሃሩ ኣለዎም።

ምውጽጻእ ክዳን፡- ሰብኣይን ሰበይትን ዕራቕም ኪኾኑ ፍቕድ እግዚኣብሄር እዩ። (ዘፍ2፡25) ስለዚ ብዛዕባ ጥራሕካ ምኻን ኪድነቑ የብሎምን። ሰብኣይ፡ በብቐሩብ ክዳን በዓልቲ ቤቱ ኪውጽእ፡ የሐጉሶ እዩ። ሰበይቲ'ውን ከምኡ፡ ንሰብኣያ በብሓደ ክዳኑ ተውጽኣሉ፡ ንግብረ-ስጋ ኣብ ምድላው፡ እቲ ዜሐጉስ ክፋል ምውጽጻእ ክዳን እዩ።

2. ጸወታ ፍቐሪ

ጸወታ ፍቐሪ ማለት ቅድሚ መትሎ ናብ ርሕሚ ምእታው፡ ኣካላት ንምርስሳን ዚግበር ምትኻኻፋት ማለት እዩ።

ሰብኣይን ሰበይትን፡ ስምዒታቶም ንምርስሳን ንሓድሕዶም ብፍቐራዊ ኣገባብ፡ ኣካል ሓድሕዶም ኪደራረዙ፡ ኪተሓቓቐፉን ኪሰዓዓሙን ይኽእሉ። ኣብ ጸወታ ፍቐሪ ዝሓልፍ ግዜ ኣገዳሲ እዩ። ኢስተር ኣብ መልእኽታ በዓል ቤታ ኣብ ጸወታ ፍቐሪ ሓጺር ግዜ ከምዘሕልፍ ገሊጻ ምንባራ ዘክር። ከምዚ ዚስዕብ እያ ኢላ ነይራ። "ይስዕመኒ፡ ቁሩብ ድማ ይጸወት፡ ንምርሳን ግቡእ ዕድል ቅድሚ ምርካበይ ግን ናባይ ይኣቱ። ኣዝዩ ቅልጡፍ እዩ።"

ከምዚ ዓይነት ጊጋ ዝፍጽሙ ሰብኡት ብዙሓት እዮም። ግብረ-ስጋ ምስ ዝደልዩ፡ ኣዝዮም ህጡኻት ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ ጸወታ ፍቐሪ ግዜ ከይወሰዱ፡ ቀልጢፎም ይኣትዉ። ኣብ ውሽጢ ክልተ ደቒቕ ድማ ኩሉ ነገር ይውድኡ። ውጽኢት ናይ ከምዚ ዓይነት ርክብ፡ ኀክልቲኦም ዜሐጉስ ኣይከውንን። እታ ሰበይቲ ዕግበት ኣይትረክብን፡ እቲ ሰብኣይ ድማ በዓልቲ-ቤቱ ከምዘይተሓጐሰት ስለ ዝርዳእ ይጉሂ።

ከምዚ ዓይነት ብኸፊላዊ ዕግበት ዝፍጸም ግብረ-ስጋ፡ መደብ ኣምላኽ ኣይኮነን። መደብ ኣምላኽ'ሲ፡ ሰብኣይን ሰበይትን ኣብ ጸወታ ፍቐሪ ግዜ ከሕልፉ እዩ። እወ፡ ጸወታ ፍቐሪ መደብ እግዚኣብሄር እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ሰብኣይን ሰበይትን ኣብ ጸወታ ፍቐሪ ዚረኽብዎ ሓጐስ ዚገልጽ ዜደንቕ ጥቕስታት ንረክብ። ኣብ መሃልየ መሃልይ፡-


"መርዓተየ ካብ ከናፍርኪ መዓር ወለላ የንጠብጥብ
መዓርን ጸባን ኣብ ትሕቲ መልሓስኪ ኣሎ
ሽቶ ክዳንኪ'ውን ከም ሽቱ ሊባኖስ እዩ" (4፡11)

“ቁመትኪ ስየ፣ ኣጥባትኪ ከኣ ዘለላ ተምሪ ይመስል
ኣብዛ ስየ እዚኣ ደይበ ፍሬኣ ክሕንጥብ እየ
ኣጥባትኪ ንዓይ ከም ዘለላ ወይኒ
መኣዛ እስትንፋስኪ ከም ቱፋሕ
ከናፍርኪ ከኣ ከም ዝበለጸ ወይኒ እዩ” (7፣7-9)

ስምዒታዊ ከባብን ናይ ምርሳን ቅልጣፈን

ሰብኣይን ሰበይትን ብዛዕባ ሓድሕድ ሰብነቶም ክርድእዎም ዘድልዩ ክልተ ሓቅታት ኣለዉ። እቲ ቀዳማይ ንምልላይ ስምዒታዊ ከባቢ እዩ ዚምልከት። እቲ ካልኣይ ድማ ንስምዒት ዝረስነሉ ቅልጣፈ እዩ ዚምልከት።

1. **ስምዒታውያን ከባቢ፡-** ሰብነት ሰብኣይ ንምርዳእ ዘሸግር ኣይኮነን። እቲ ኣዝዩ ስምዒታዊ ክፋል ሰውነቱ መትሎኡ ምኻኑ ፍሉጥ እዩ። በዓልቲ ቤቱ ክትተናኽፎ እንከላ ድማ ኣዝዩ ይለዓዓል። ሰውነት ጓል ኣንስተይቲ ንምርዳእ ግን ቁሩብ ኣሸጋሪ እዩ። ኣዝዩ ስምዒታዊ ክፋል ሰብነታ ብልዕታ ዘይኮነስ ጉድበኣ እዩ። ጉድበ ከም ናይ መትሎ ዝመስል ቅርጺ እዩ ዘለዎ። ብዓቑን ግን ኣዝዩ ንእሽቶ እዩ። ኣብዚ ዝስዕብ ስእሊ ተገሊጹ ከምዘሎ፣ ጉድበ ካብ ብልዕቲ ወጻኢ እዩ ዘሎ። ኣስታት ኣርባዕተ ሰንቲሜተር ንሽንኽ ላዕሊ ካብቲ ከፋት ናይ ብልዕቲ ድማ ይርከብ።



ገለ ሰብኡት፣ ስምዒት ሰበይቲ ንምልዕዓል ኣጻብዕ ናብ ብልዕቲ ምእታው፣ ውጽኢታዊ እዩ ኢሎም ይኣምኑ። እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ግን ኣብቲ ጉድበ ዝርከበሉ ከባቢ ምትንኻፍ እዩ። ኣብ ጸወታ ፍቐሪ ሰብኣይ ንብልዕትን ጉድበን ክተናኽፎ ኣለዎ። ካብ ብልዕትን ጉድበን እቲ ዝያዳ ኣገዳሲ ግን ጉድበ እዩ።

2. **ቅልጣፈ፡-** እቲ ካልኣይ ሰብኣይን ሰበይትን ክፈልጥዎ ዘድሊ ሓቂ ድማ፣ ካብ ናይ ሰበይቲ፣ ናይ ሰብኣይ ዝቕልጥፍ ምኻኑ እዩ። ሰበይቲ ንመትሎ ሰብኣያ ንሒደት ካልኢታት እንተደኣ ተንኪፉ፣ ኣዝዩ ይረስን። መትሎ ይቕንዕ፣ ሰውነቱ ድማ ንግብረ-ስጋ ድልዊ ይኸውን።

ናይ ሰበይቲ ግን ንውሕ ዝበለ ግዜ እዩ ዝሓትት። ሰበይቲ ብዝግባእ ስምዒታ ተለዓዒሉ ንግብረ-ስጋ ድልውቲ ንኽትከውን ናይ ኣስታት 10 ክሳዕ 20 ደቓይቕ ጸወታ ፍቐሪ የድልያ።

እዚ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ኣካላት ንምርሳን ዘድሊ ናይ ቅልጣፈ ግዜ ፍልልይ ጸገም ኪኸውን የብሉን። ሰብኣይ ስምዒቱ ንምልዕዓል ሒደት ካልኢታት ጥራይ እኳ ዘድልዮ

እንተኾነ ኣብ ጸወታ ፍቐሪ ንብዙሕ ደቓይቕ ምእንቲ ከሕልፍ ግን ክለማመዱ ይከኣል እዩ። ኣፍቃሪ በዓል ቤት ንበዓልቲ ቤቱ ክብል ብህድኣት ክኸይድ ይግብኦ።

ብዙሓት ሰብኡት፡ ሰበይቲ ነዊሕ ናይ ፍቐሪ ጸወታ ከምዘድልያ ዘይፈልጡ ምኻኖም ዘሕዝን እዩ። ንባህርያዊ ድሌታቶም ጥራይ ኪስዕቡ ከኣ ይረኣዩ። ንኣብነት በዓልቲ ቤቱ ሃንደበት ክዳና ከተውጽእ እንተርእይዋ፡ እቲ ባህርያዊ ድልየቱ “ብጉያ ኬድካ ሰዓማ፡ ኣደቂስካ ቀልጢፍካ ኣተዋ” እዩ ዝብሎ። ከምኡ እንተደኣ ገይሩ፡ በዓልቲ ቤቱ ስምዒታ ኽኽለዓዓል ግዜ ኣይትረክብን ኣያ። ስለዚ ድማ በቲ ርክብ ኣይትዓግብን። ሕያዋይ ኣፍቃሪ ግን ንባህርያዊ ድሌቱ ኣይምብርክኽን እዩ። ቅድሚ ናብኣ ምእታው፡ በዓልቲ ቤቱ ኣዝያ ንኽትረስን ግዜ ብምሃብ እዩ ዚሕማዛ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ኣብ ጸወታ ፍቐሪ ብዙሕ ግዜ የጥፍእ ማለት እዩ። ቀጺልና እምበኣር ከመይ ጌርካ ጸወታ ፍቐሪ ከምእተካይድ ብዝርዝር ክንርኢ ኢና።

ጸወታ ፍቐሪ

ሰብኣይ፡ ናይ በዓልቲ ቤቱ ላዕለዋይ ክፋል ሰብነታ ብምድርራዝ ኪጅምሮ ይኽእል። ላዕለዋይ ክፋል ማለት፡ ልዕሊ ማዕጥኞ ዘሎ ክፋል ሰውነት ማለት እዩ። ብዙሓት ሰብኡት ኣብ ከባቢ ብልዕቲ ክትንክፉ ስለ ዝህወኹ ኑቲ ላዕለዋይ ክፋል ክነጽግዎ ምርኣይ ዘሕዝን እዩ። ብሓቂ ዘፍቀረ በዓል ቤት ግን ኪህወኽ ኣይግባእን። ናይ በዓልቲ ቤቱ ላዕለዋይ ክፋል ኪስዕምን ኪደራርዝን ግዜ ይወስድ። ብዘይካ እቲ ኣብ ከናፍራ፡ ኣብ ክሳዳ፡ ምናልባት'ውን ኣብ ኣጥባታ ኪስዕማ ይኽእል።

ኩለን ደቂ ኣንስትዮ፡ ሓደ ዓይነት ባህርይ የብለንን። ገለ፡ ኣጥባተን ኪትንክፉ ዝፈትዋ ኣለዋ። ገለ ኸኣ ፈጺመን ዘይደልያ ኣለዋ። ገለ ደቀንስትዮ ድማ ብፍላይ ኣብ ወርሓዊ ጽግያተን፡ ኣጥባተን ኪትንክፉ ኣቐንዛዊ ኮይኑ ይረኽበኣ። ስለዚ ንደቀንስትዮ ከምዚ ዚስዕብ ክንብለክን ንደሊ። “ንሰብኡትክን ከይሓፈርክን ዜሐጉሰክን ክትነግራኦም ኣለክን። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ኣብ መሃልየ መሃልይ 4ይ ምዕራፍ ሰብኣይን ሰበይትን ኣብ ጸወታ ፍቐሪ ከመይ ነጻ ኮይኖም ከም ዝዘራረቡ ድማ ኣስተውዕላ” ንብለክን።

ሰብኣይ፡ ንሓጺር እዋን ንላዕለዋይ ክፋል ሰውነታ ምስ ደራረዘ፡ እታ ሰበይቲ ኣብ ከባቢ ብልዕታ ክተናኽፋ ክትደሊ እያ። ናብቲ ኣትደልዮ ወገን ንምኻን ድማ ዝሓሸ ኣቀማምጣ ክትመርጽ ትኽእል። እዚ ዝስዕብ ዓይነት ኣቀማምጣ ምናልባሽ እቲ ዝሓሸ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ብሕቐኣ ደቂሳ፡ ኣብራኻ ተተንስኡ። ከምዚ ዓይነት ምትሕብባር ንበዓል ቤታ ኬሐጉሶን ባህ ኬብሎን እዩ። ሽዑ፡ ኣብ የማናይ ጐና ደቂሱ፡ ጸጋማይ ኢዱ የተርእሳ። ብየማናይ ኢዱ ድማ ከባቢ ብልዕታ ክተናኽፋ ይጅምር። እዚ ዓይነት ኣገባብ ጸወታ ፍቐሪ፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝርከብ እዩ። “ብጸጋመይቲ ኢዱ የተርእሰኒ፡ ብየማነይቲ ኢዱ ኸኣ ይሓቑፈኒ።” (መሃ. 2፡6)

እዚ ዓይነት ኣደቓቕሳ፡ ንኣእዳዉ እታ ሰበይቲ ነጻ ስለ ዝገብሮ፡ ኣበየናይ ቦታ ክትንክፋ ከምእትደሊ ንምርኣይ ክትጥቀመሉ ትኽእል። ንሳ'ውን ኣብ ሰለፉን ብልዕቲን ንኽትተናኽፎ ዘኽእላ ዓይነት እዩ። ኣቐዲምና ከምዝበልናዮ ሰብኣይ ኣብ ከባቢ ብልዕቲ ክትንክፎም ዘለዎ ክልተ ክፍልታት ኣለዉ፡- ርሕምን ጉድበን። ካብ ክልቲኦም እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ጉድበ'ኳ እንተኾነ፡ ቅድም ንርሕሚ ብምድራዝ ቀጺልካ ናብ ጉድበ ምሕላፍ ግን እቲ ዝሓሸ እዩ።

መብዛሕትኡ ግዜ፡ ሰበይቲ ክትረስን እንከላ፡ ርሕማ ፈሳሲ ይህልዎ። ኣብ ጸወታ ፍቐሪ፡ ርሕሚ በዚ ፈሳሲ ስለ ዝቐባእ ድማ ሓጋዚ ይኸውን። ይኹን እምበር ኣዝዩ ውሑድ ፈሳሲ ዘለወን ደቀንስትዮ ድማ ኣለዋ። ስለዚ ድማ ርሕመን ብፈሳሲ ኣይቅእን። ኣብ ከምዚ ኩነታት ሰብኣይ፡ ቅድሚ ርሕማ ምትንካፉ ነጻብዕቱ ብናይ ቆርበት ቅብኢ (ስኪን ሎሽን) ወይ ብኻልእ ከለስልሶ ኣለዎ። በዓልቲ ቤቱ ድማ ፍኹስ ዝበለ ወይ ድማ ካብ ጥብቕ ዝበለ ምድራዝ ኣየናይ ከም እትመርጽ ክትሕብሮ ኣለዋ። ንሓጺር እዋን ንርሕሚ ምስ ደራረዛ፡ ኣጻብዕቱ ናብ ጉድበ ክስግሮ ይኽእል።

ጉድበ ካብ ርሕሚ ወጻኢ ኣብቲ ውሽጣዊ ከንፈር ዝራኸበሉ ቦታ እዩ ዘሎ። ኣብቲ ስእሊ ከምዝተገልጸ፡ ካብቲ ናይ ርሕሚ ከፋት ውሑድ ሰንቲሜትራት ብሸነኽ ላዕሊ እዩ ዘሎ። በዓልቲ ቤት ንኣእዳው በዓል በዓል ቤታ ቀስ ኣቢላ ብምንቅስቓስ ናብቲ ኣዝዩ ስምዒት ዘለዓዕል ጉድበኣ ኣበይ ከምዘሎ፡ ንምርኣይ ክትሕግዞ ትኽእል።

ገለ ደቀንስትዮ ድማ ኣብ ሓደ እዋን ጉድበአንን ርሕመንን ብሓንሳብ ኪትንከፋ የሐጉሰን። ስለዚ ንበዓል ቤተን ጉምበ ኢዱ ኣብ ከባቢ ጉድበአን፡ ኣጻብዕቱ ድማ ኣብ ከባቢ ርሕመን ክትንክፈን ይነግራኦም። ገለ ደቀንስትዮ ድማ፡ ኣብ ርሕመን ናይ ኣጻብዕቲ ምትኝኻፍ ኣይደልያን። ጉድበአን ጥራይ ክትንከፋ ዘሐጉስ ኮይኑ ይረኽባኣ።

ኣብ ጸወታ ፍቐሪ እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ክፋል ምዝርራብ እዩ። ሰበይቲ ንበዓል ቤታ፡ እቲ ስምዒት ዘለዓዕለላ ነገር ክትነግሮ ኣለዋ። ሰብኣይ'ውን ክዛረባ ኣለዎ። ንኣብነት ሰብኣይ ኣብ ጸወታ ፍቐሪ ጥቓ ምፍሳስ ዝቐርበሉ እዋን ኣሎ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ንብልዕቱ ንዝተወሰነ ግዜ ካብ ምትኝኻፍ ከተቋርጽ ንበዓልቲ ቤቱ ክነግራ ኣለዎ። ጸወታ ፍቐሪ ብዘይ ምዝርራብ ብዙሕ ትርጉም የብሉን። ነብሲ ወከፍ ኣየናይ ዝያዳ ወይ ውሑድ ከምዘድልዮ ክነግር ኣለዎ።

ክሳዕ በዓልቲ ቤቱ ድልውቲ እትኸውን ጸወታ ፍቐሪ ምቕጻል፡-

ጸወታ ፍቐሪ እናቐጸለ፡ ናይ ሰበይቲ ምልዕዓል ስምዒት ቀስ ብቐስ ክዓቢ እዩ። ቀቀልጢፉ ምስትንፋስ ትጅምር። ሰውነታ ምዉቕ ይኸውን። ውሽጣዊ ከንፈር ናይ ርሕማ ድማ ብዓቕን ይውሰኽ። ሰበይቲ ክሳዕ ፍጹም እትዳሎ፡ ጸወታ ፍቐሪ ክቕጽል ኣለዎ። ምድላው ክንብል ከለና፡ ምርሳና ጥቓ ጥርዝ ስምዒት በጺሑ፡ ስለዚ ድማ መትሎ ምስ ኣተወ፡ ብቕልጡፍ ክትዓግብ እትኽእለሉ ደረጃ በጺሓ ኣላ ማለት እዩ።

ሰብኣይ፡ ሰበይቲ ከምዝተዳለወት ብኽመይ ይፈልጥ? እቲ ዝበለጸ መገዲ፡ ምውሳኽ ውሽጣዊ ከንፈር ናይ ርሕሚ ኣብ ኣጻብዕቱ ኪስምዖ እንከሎ'ዩ። እቲ ከንፈር ብዓቕን ካብቲ ንቡር ብዝተዓጻጸፈ እዩ ዝዓቢ። ሽዑ ድማ ንምእታው ድልውቲ ትኸውን።

ነጻ ኼንካ ምሕጓስ

ነዚ ሒዝናዮ ዘለና ናይ ጸወታ ፍቐሪ ኣርእስቲ፡ ቅድሚ ምሕዳግና፡ ሰብኣይን ሰበይትን ኣብ ጸወታ ፍቐሪ ዝኾነ ዝደለይዎ ኪገብሩ ነጻ ምኻኖም ክንነግሮም ንደሊ። ገለ ተጻመድቲ፡ ብናይ ቁርበት ቅብኢ፡ ምሉእ ሰውነቶም ኪደራረዙ ይፈትዉ። ሓደ ካብ መጻምዲ ንሕቐ ናይቲ ካልእ ኪደርዝ ይጅምር። ቀጺሉ ነቲ ብልዕታዊ ክፋል ንድሓር ኣጽኒሑ። ብቐድሚት ካብ ክሳብ ዓባይቶ እግሪ ይደርዝ። ከምዚ ንምግባር ልዕሊ ሓደ ሰዓት ኪወስደሎም ይኽእል። ዜሐጉስ ግዜ እናኣሕለፍካ፡ ባህታን ሓሞስን ንምልውዋጥ ደኣኣ'ምበር፡ ምእንቲ ንምእትታው ክትጸባበ ጥራይ ድማ ኣይኮነን። ካልኦት ተጻመድቲ ድማ ኣብ ጸወታ ፍቐሪ ናይ ሓድሕድ ሰብነት ኣካላት ምስዕዓም ይፈትዉ። ገለ ድማ፡ ኣብ ክፍሊ መሕጸቢ ሰብነት ኮይኖም፡ ንሓድሕዶም ኪተሓጻጸቡ ይፈትዉ።

ኣብ ጸወታ ፍቐሪ "ቅኑዕ ኣገባብ ጌርና'ዶ ንጻወት ኣለና?" ወይ "ከምቲ ካልኦት ዚገብርዎ'ዶ ንገብር ኣለና?" ኢሎም ኪጭነቑ የብሎምን። ኣብ ክንዲ "ካልኦት ከመይ ገይሮም ይገብርዎ ይኾኑ?" ኢሎም ዝጭነቑ፡ ተዛንዮም ከምዝደለይዎ ገይሮም ጸወታ ፍቐሮም ኪቕጽሉ ኣለዎም። ንዕኦም ጽቡቕ ብዝተሰምየም ጥራይ ክጻወቱ ከኣ ኣለዎም። እታ እንኮ ናይ ጸወታ ፍቐሪ ሕጊ "ኣይትተሃወኽ" እያ ትብል።

3. ምእታው

ሰብኣይ ንኽኣትዋ ድልውቲ ምስ ኮነት፡ ሰበይቲ፡ ሰብኣያ ከምዝፈልጥ ክትገብር ኣለዋ። ባዕሉ እቲ ሰብኣይ'ውን ናይ ብልዕታ ውሽጣዊ ከንፈር ብዓቕን ከምዝወሰኸ ርእዩ፡ ክፈልጦ ይኽእል እዩ። ክብደት ሰውነቱ ኣብ ልዕሊኣ ምእንቲ ከየውድቕ፡ ንኽብደት ሰውነቱ ኣብ ብርኩን ኩርናዕ ኢዱን ተሸኪሙ ናብ ልዕሊኣ ይድይብ። ንሳ ድማ ንብልዕቲ ሰብኣያ በእዳዋ ናብ ኣፍ ርሕሚ ተእትዎ። ኣዝዩ ኣዕሚቑ ብምእታው ቃንዛ ከይፈጥረላ ኪጥንቀቕ ኣለዎ። ንሳ ድማ ማዕረ ክንደይ ዕምቈት ከምእትደሊ ክትነግሮ ኣለዋ።

ንሓንቲ ደቒቕ ምጽባይ

ኣብ ምእታው ከጋጥም ዚኽእል ሓደጋ፡ ሰብኣይ ቀልጢፉ ከፍስስ ስለ ዝኽእል እዩ። እንተዘይተጠንቂቑ ድሕሪ ሒደት ካልኢታት ኪፍስስ ይኽእል። ሰበይቲ ናብ ጥርዙ-ስምዒት ንኽትበጽሕ ንውሕ ዝበለ ግዜ ስለ ዘድልያ ኣብ ውሑድ ካልኢታት ምፍሳስ ኣዝዩ ቅልጡፍ ግዜ እዩ።

ቀልጢፍካ ናይ ምፍሳስ ጸገም ግን ብኽመይ ክውገድ ይከኣል? ሓንቲ ሓጋዚት ነገር ኣላ። ንሓደ ደቒቕ ምጽባይ። እቲ ሰብኣይ ምስ ኣተወ፡ ንሓንቲ ደቒቕ ዝኸውን ግዜ ዝኾነ ምንቅስቓስ ካብ ምግባር ይቐጠብ። ስምዒት ከም ዝዝሕል ዝገብረሉ ምኽንያት፡ ንምፍሳስ ምእንቲ ኪደናጉ ስለ ዝሕግዝ እዩ። ድሕሪ ሓንቲ ደቒቕ ግን ንቡር ናይ ምእታውን ምውጻእን ምንቅስቓሱ ይጅምር። ስምዒቱ ስለ ዝነከየ፡ ቅድሚ ምፍሳሱ ንብዙሕ ደቃይቕ ነቲ ምንቅስቓስ ኪቕጽሎ ይኽእል። እዘን ብዙሓት ደቓይቕ ሰበይቲ ናብ ጥርዙ-ስምዒት ንኽትበጽሕ ስለ ዝሕግዛ ኣገደስቲ እየን።

4. ኣብ ጥርዙ-ስምዒት ምብጻሕ

ኣብ ጸወታ ፍቐሪ ግዜ ምውሳድ ዘድልየሉ፡ ነዚ ዚስዕብ ምኽንያት እዩ። ቅድሚ ምእታው፡ ነዊሕ ጸወታ ፍቐሪ ምሕላፍ ንሰበይቲ ኣዝያ ከምእትረስን ይገብራ። እዚ ድማ ድሕሪ ምእታው ኣብ ጥርዙ-ስምዒት ንኽትበጽሕ ይሕግዛ።

ጥርዙ-ስምዒት ማለት፡ ካብ ርሱን ጾታዊ ምልዕዓል ዝርከብ ዘገርም ዕግበት ማለት እዩ። ኣብ ጥርዙ-ስምዒት ዝበጽሐት ሰበይቲ፡ ንኣስታት 10 ካልኢታት ኣዝዩ ልዑል ሓጐስ ይስምዓ። እቲ ሓጐስ ኣብ ጉድበኣ ይጅምር። ናብ መላእ ሰብነታ ድማ ይዝርጋሕ። ናብ ጥርዙ-ስምዒት ኣብ እትበጽሓሉ፡ ቀቀልጢፋ ተተንፍስ። ነቲ ልዑል ሓጐስ ዝገልጽ ድምጺ'ውን ከተስምዕ ትኽእል። ድሕሪ እቲ ጥርዙ-ስምዒት፡ ሰብነታ ተዛንዩ ዓሚቕ ዕግበት ይስምዓ።

ሰብኣይ ናብ ጥርዙ-ስምዒት ክበጽሕ እንከሎ፡ ንሱ'ውን ንኣስታት 10 ካልኢታት ልዑል ባህታ እዩ ዝስምዖ። ካብ ብልዕቱ ኣስታት ማንካ ምሉእ ጸባዊ ፈሳስን ዘርእን ይወጽእ። ናይ ሰብኣይ ናብ ጥርዙ-ስምዒት ምብጻሕ "ምፍሳስ" ይበሃል። ሰብኣይ ምስ ኣፍሰሰ፡ ንሓጺር ግዜ ኩሉ ምንቅስቓሳቱ ደው ኪብሎ ይደሊ። ሰብኣይ ኣብ ጥርዙ ስምዒት ኪበጽሕ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ቀሊል እዩ። ሰበይቲ ግን ቅድሚ መትሎ ምእታው ኣዝያ እንተዘይረሲና ኣብ ጥርዙ-ስምዒት ንምብጻሕ ኣይትዕወትን እያ። ነዚ ድማ እዩ ጸወታ ፍቐሪ ኣገዳሲ ዝኸውን። ሰበይቲ ስምዒታ ብግቡእ ተለዓዒሉ፡ መትሎ ንምእታው ንኽትዳሎ ነዊሕ ጸወታ ፍቐሪ (20 ደቓይቕ ወይ ልዕሊኡ) የድልያ።

ኣብ ግብረ-ስጋ ሰለስተ ውጽኢታት ከጋጥሙ ይኽእሉ። ቅድም ሰበይቲ፡ ወይ ቅድም ሰብኣይ፡ ወይ ድማ ክልቲኦም ብሓባር፡ ናብ ጥርዙ ስምዒት ክበጽሑ ይኽእሉ። በብሓደ እስከ ንርኣዮም።

ሀ. ቅድም ሰበይቲ፡- ሰበይቲ ቅድሚ ሰብኣይ ናብ ጥርዙ ስምዒት እንተበጺሓ ብሓቂ ዜሐጉስ እዩ። ክሳዕ ንሱ ዘፍስስ ድማ ነቲ ምንቅስቓስ ይቐጽሎ። ሰበይቲ ኣብ ጥርዙ ስምዒት በጺሓ እንተሃለወት'ኳ ነቲ ምንቅስቓስ ግን ኣይክትጸልኦን እያ። ንዓኣ ዜጸግም ኣይኮነን።

ለ. ክልቲኦም ኣብ ሓደ እዋን፡- ካልእ ዜገርም ናይ ግብረ-ስጋ ውጽኢት ድማ ክልቲኦም ኣብ ሓደ እዋን ኪዓግቡ ከለዉ እዩ። ኣብዛ ኵነት እዚኣ ክልቲኦም ብሓባር ባህታ ይህቡን ይቐበሉን። እዚ ውጽኢት ልክዕ ከምቲ ቅድም ሰበይቲ ክትዓግብ እንከላ ዘጋጥም ዜሐጉስ እዩ።

ሐ. ቅድም ሰብኣይ፡- ሰብኣይ ኣቐዲሙ ኪዓግብ ዜሐጉስ ውጽኢት ኣይኮነን። ምኽንያቱ ድማ ሰብኣይ ኣቐዲሙ እንተዓጊቡ፡ ሰበይቲ ናብ ጥርዙ ስምዒት ንኽትበጽሕ ኣጸጋሚ ስለ ዝገብሮ እዩ። ስለምንታይ ንዝብል እቲ ምኽንያት ሰብኣይ ምስ ኣፍሰሰ መትሎኡ ብዓቕን ስለ ዝቕንስን ነቲ ናይ ምውጻእን ምእታውን ምንቅስቓስ ድማ ክቕጽሎ ስለ ዘይክእልን እዩ። ሓድሽ ምንቅስቓስ ንምጅማር እንተደልዩ ድማ ንብዙሕ ደቃይቕ ኪዕርፍ ኪድልዮ እዩ። ኣብ ውሽጢ እዚ ግዜ፡ ናይ በዓልቲ ቤቱ ስምዒት ይዝሕል። ዝዘሓለ ስምዒት ሰበይቲ መሊስካ ንምልዕዓል ድማ ቀሊል ኣይኮነን። ስለዚ ንደቓይቕ ተጸብዩ ከም ብሓድሽ ንበዓልቲ ቤቱ ናብ ጥርዙ-ስምዒት ኪብጽሓ ዘሎ ዕድል ኣዝዩ ጸቢብ እዩ። መብዛሕትኡን ናብ ጥርዙ-ስምዒት ዝተቓረባ እሞ ስምዒተን ዝዝሕላ ደቀንስትዮ መሊሰን ናብ ጥርዝ ስምዒት ኪበጽሓ ኸኣ ኣጸጋሚ እዩ።

ቀልጢፉ ዘፍስስ ሰብኣይ ንበዓልቲ ቤቱ ናብ ጥርዙ-ስምዒት ኪብጽሓሉ ዝኽእል ኣገባብ ግን ኣሎ። ድሕሪ ምፍሳሱ፡ መትሎኡ ከየውጽኣ በጻብዕቱ ኣብ ከባቢ ጉድበኣ ይተናኽፋ። ስምዒታ ምእንቲ ከይዝሕል ብቕልጡፍ ነቲ ምትንኻፍ ኪጅምሮ ኣለዎ። ክሳብ ጥርዙ-ስምዒት እትበጽሕ ድማ ይቐጽሎ። ኣብ ከምዚ ኩነት'ውን ምዝርራብ ኣገዳሲ እዩ። ሰብኣይ ኣቐዲሙ

ናብ ጥርዘ-ስምዒት እንተበጺሑ፡ እታ ሰበይቲ “ደሓን በእዳውካ ግዳ ኣፍቅረኒ!” ክትብሎ ትኽእል እያ። ወይ ድማ “ሎሚ ግድን ናብ ጥርዘ-ስምዒት ዘይበጻሕኩ ኣይብልን እየ። ንዛነ ጥራይ” ክትብሎ'ውን ትኽእል እያ።

ናብ ጥርዘ-ስምዒት ዘይበጽሐት ሰበይቲ ዕጋበት ኣይስምዓን እዩ። ይኹን እምበር እዚ ስምዒት ንነዊሕ ግዜ ዚጸንሕ ኣይኮነን። ኣብ ሕቐፊ ሰብኣያ ኣዕሪፋ እንከላ ናይ ግብረ-ስጋ ኣካላታ ኪዝሕል እዩ። እቲ ናይ ዘይምዕጋብ ስምዒት ድማ ሓቢሩ ምስኡ ይጠፍእ።

ኪዝከሩ ዘለዎም ሓሙሽተ ነጥብታት

ኢስተር ኣብ መልእኽታ “በዓል ቤተይ ቅልጡፍ እዩ” ኢላ እያ ጽሒፋ። ብኻልእ ኣዘራርባ ውጽኢት ርክቦም ኩሉ ግዜ ቅድም ሰብኣይ እዩ ናብ ጥርዘ-ስምዒት ዝበጽሕ ማለት እዩ። ከምዚ ዓይነት ጸገም ዘለዎም፡ ብዙሓት ተጻመድቲ ኣለዉ። ኣስዒብና እምበኣር ንተጻመድቲ፡ ብሓባር ናብ ጥርዘ-ስምዒት ንምብጻሕ ወይ ድማ ቅድም ሰበይቲ ናብ ጥርዘ-ስምዒት ንኽትበጽሕ ዚሕግዘዎም ሓሙሽተ ዝርዝራት ኢና ከነቕርብ።

* ንሓድሕድኩም ተፋቐሩ

ተጻመድቲ ንሓድሕዶም ብጥንቃቐ ኪፋቐሩ እንተዘይክኢሎም ናይ ግብረ-ስጋ ርክቦም ዜሐጉስ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ። ፍቐሪ ማለት፡ ኣብ ዓራት ጥራይ ዘይኮነስ ብግዜ ቀትሪ'ውን ንሓድሕድካ ሰናይ ነገር ምግባር ማለት እዩ። ፍቐሪ ማለት ኣብ ዕዮ ገዛ ምትሕግጋዝ ማለት እዩ። ፍቐሪ ማለት'ኮ ከምቲ ምስ መሓዛኻ እተዕልሎ ምስ መጻምድትኻ ምዝራብ ማለት ድማ እዩ። ጸገማትን ሓጐስን ብሓባር ምክፋል ማለት'ውን እዩ።

ምሉእ መዓልቲ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ጥራይ ኪሓስብ ዝወዓለ፡ ኣካላት ብጻዩ ኣብ ዓራት ኪድህስስ ዜሐጉስ ኣይኮነን። ብቐትሩ ተፈታዊ ዝኾነ ብጻይ ግን ብለይቲ ኣካላትካ ኪትንክፍ ክንደይ ባህ ዜብል እዩ። ግደ ሓቂ፡ ኣብ ግብረ-ስጋ እቶም ፍርቂ ዝልቦም ሰዓብቲ ክርስቶስ ዘይኮኑስ እቶም ጽኑዓት ሰዓብቲ እዮም ኣዝዮም ዚዓግቡ። ስለምንታይ ንዚብል ምኽንያቱ እቶም ጽኑዓት ሰዓብቲ ክርስቶስ ንኣምላኾም ኣሚኖም ንብጻዮም ሕያዎት ኮይኖም ስለ ዚውዕሉ እዩ። ንሳቶም ድማ እዮም ኣብ ጸወታ ፍቐርን ግብረ-ስጋን ዜገርም ዕግበት ዝረኽቡ።

* ንምእታው ኣይትተሃወኽ

ንጸወታ ፍቐሪ እኹል ግዜ ይሃልኹም። ተሓጐሱሉ። በዓልቲ ቤት ክሳዕ ጥቓ ጥርዘ-ስምዒት እትበጽሕ ድማ ኣይተእቱ።

* ድሕሪ ምእታው ንሓደ ደቒቕ ተጸበ

ኣቐዲምና ከምዝበልናዮ፡ ሰብኣይ ምስ ኣተወ፡ እቲ ስግኣት፡ ቀልጢፉ ምእንቲ ከየፍስስ እዩ። ስለዚ ስምዒቱ ኪዝሕል ኪፍትን ኣለዎ። ነዚ ንምግባር ካብ ዚሕግዙ ሓደ ኣገባብ፡ ቅድሚ ነቲ ናይ ምእታውን ምውጻእን ምንቅስቓስ ምጅማር፡ ንሓደ ደቒቕ ክትጽበ ምኽኣል እዩ። ኣብታ ደቒቕ ስምዒት ሰብኣይ ኣዝዩ ይጐድል። እዚ ድማ ቀልጢፉ ንኸየፍስስ ይሕግዞ።

ገለ ተጻመድቲ ኣብታ ደቒቕ ናይ በዓል ቤቶም ስምዒት ዚውሰኽ ኣብ ምንዳይ ተዓዊቶም ኣለዉ። ንኣብነት እታ ሰበይቲ ስምዒታ ብዘዕግብ ኣገባብ ንምሕኹልታ ከተንቀሳቕሶ ትኽእል። ሰብኣይ ዜዕግቦ ናይ ምእታውን ምውጻእን ምንቅስቓስ እዩ። ስለዚ እታ ሰበይቲ መትሎ በዓል ቤታ ንመናድቕ ናይ ርሕማ ከም ዝጸቕጦ ንምግባር ምሕኹልታ ከተዝውር ትኽእል እያ። በቲ ፒ.ሲ ዝበሃል ጭዋዳታት ርሕማ ከኣ ንመትሎ ክትጭብጦ ትኽእል። (ጭዋዳ ፒ.ሲ ኣብ ገጽ ___ተገሊጹ ኣሎ።) ናይ ምሕኩልቲ ምዝውዋርን ምጭባጥ ጭዋዳታት ፒ.ሲን ናይ በዓል ቤት ስምዒት ከየለዓዓለ ንናታ ግን ዝያዳ ንኸለዓል ዚሕግዝ ኣገባብ እዩ።

ተጻመድቲ ናይ ርክብ ግብረ-ስጋ ንምፍጻም ከም መምርሒ ዝኸውን ኪኽተልዎ ዘለዎም መጽሓፍ ኣየድልዮምን እዩ። ንሓድሕዶም ነጻ ኮይኖም እንተደኣ ተዘራሪቦም፡ ኣብታ ሓንቲ ደቒቕ ብዘይ ናይ ምእታውን ምውጻእን ምንቅስቓስ ብዙሕ ንስምዒታት ዘለዓዕል ኣገባባት ኪረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

* ኣብ ግዜ ርክብ'ውን ተዘራረቡ

ደቂ ሰብ ዝተፈላለና ኢና። ገለ ደቀንስትዮ ቅልጡፍ ናይ ምእታውን ምውጻእን ምንቅስቓስ ክፈትዋ ከለዋ፡ ብዙሓት ካልኦት ድማ ሃዱእ ምንቅስቓስ ዝፈትዋ ኣለዋ። ብኻልእ ወገን፡ ገለ ደቀንስትዮ ዓሚቕ ምእታው ዝደልያ ኪኾና ከለዋ፡ ብዙሓት ካልኦት ድማ ካብ 10 ሰ.ሜ እንተዘይዓሞቒ ዚመርጻ ኣለዋ። ሰብኣይ ደኣ'ሞ በዓልቲ ቤቱ ከመይ ከም እትደሊ ብኸመይ እዩ ኪፈልጥ? ስለዚ ኪዘራረቡ ኣለዎም።

ሰብኣይ ሓድሽ ኣገባብ ኣደቓቕሳ ምስ ዝደሊ፡ ናይ በዓልቲ ቤቱ ሓሳብ ግን እንታይ ከምዝኾነ ዚፈልጠሉ ሓደ ኣገባብ ምዝርራብ እዩ። ኣብ እዋን ርክብ ግብረ-ስጋ ንምዝራብ ድፍረት እንተዘይጸኒሑካ ክትትግብሮ ጀምር። ክትለምዶ ኢኻ። ክልቲኹም ድማ ክትፈትውዎ ኢኹም።

* ናብቲ እትረኽብዎ ባህታ ጥራይ ኣተኩሩ

እዚ፡ ብፍላይ ንሰበይቲ ኣገዳሲ እዩ። ሰበይቲ ኣብ ግዜ ጸወታ ፍቕርን ርክብ ግብረ-ስጋን ብዛዕባ ምሕጻብ ክዳውንቲ፡ ብዛዕባ'ቲ ጽባሕ ክትሽምቶ ዘለዋ ኣስቢዛን ካልእን ካብ ምሕሳብ ክትቁጠብ ኣለዋ። ምልዕዓል ስምዒታ ናብ ርሱን ጥርዚ ምእንቲ ኪበጽሕ ሓሳባታ ኣብቲ ናይ ጸታዊ ታሕንስ ጥራይ ክትጥርንፎ ይግባእ።

5. ምዝናይ

ድሕሪ ጥርዙ-ስምዒት፡ ሰብኣይን ሰበይትን በበይኑ ዝኾነ ስምዒት እዩ ዝህልዎም። ሰብኣይ ቀልጢፉ ድኻም ይስምዖ። ንሰበይቲ ምሓዝ ወይ ምስኣ ምዝርራብ ከኣ ዘየድሊ ኮይኑ ይስምዖ። ተጠውዩ ኪድቅስ ጥራይ እዩ ዚደሊ። ደቀንስትዮ ግን ከምኡ ኣይኮነን። ኣብ ጥርዙ ስምዒት ዝበጽሐት ሰበይቲ፡ ንሓጺር እዋን ሰብኣያ ኪሕዛ ትደሊ። ከምዘፍቅራን ከምዘድንቓን ክነግራ'ሞ ክትሰምዖ ድማ ትደሊ። በዓል ቤታ ከምኡ እንተዘይገይሩ ግን ጽቡቕ ኣይስምዓን።

ሓንቲ ሰበይቲ ዝበለቶ ክንነግረኩም "በዓል ቤተይ ብግብረ-ስጋ ድሕሪ ምርኻብና ቀልጢፉ እዩ ሕቕኡ ሂቡኒ ዝድቅስ። ኻብኡ'ኳ እንተፈተንኩ ኩሉ ሳዕ ግን ምስ ነብሰይ 'እታ ካባይ ደልይዋ ዝነበረ ግብረ ስጋ ጥራይ እያ። ሕጂ ግን ኣየድልዮን እየ ማለት እዩ። ኣይግደሰለይን እዩ' እናበልኩ ኣስቆርቁር። ንሱ ግን ድቃሱ ይቕጽል።"

ኣስተብህል፡ ምስ ተራኽብካ ቀልጢፍካ ክትድቅስ ኣይትድለ። ንሓጺር ግዜ ንበዓልቲ ቤትካ ሕቑፍ ኣቢልካ ማዕረ ክንደይ ከም እተፍቅራ ተዛረባ። ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ ንሳ'ውን ምድቃስ ክትደሊ እያ። ሽዑ ድማ ብሓባር ትድቅሱ።

ጸገም ግብረ-ስጋ

ሪቻርድን ሚርያምን ናይ ግብረ-ስጋ ጸገም ስለ ዝነበሮም ናብ ጓሳ ማሕበሮም ከይዶም። ኣብቲ ቤት ጽሕፈት ኮፍ ምስ በሉ፡ ሪቻርድ ዘረብኡ ጀሚሩ "ናይ ሓዳርና ጸገም... ኣብ ግብረ ስጋ እዩ... ማለተይ... ኣሰልቻዊ እዩ። ዘድሊ ኹሉ እንብር። ክርስትያናዊ ሓዳር ዝያዳ ዜዕግበኒ ኮይኑ እዩ ዝመስለኒ ነይሩ።" ጓሳ ማሕበር ገለ ከይተዛረበ ኣዒንቱ ናብ ሚርያም ኣቕኒዕወን። ናብ ምድሪ ድንን ኢላ ንብዓት ከይስዕራ ኣበርቲዓ እናተጠንቀቐት፡ "ፓስተር! ኣነ ብኣይ ዝግደስ ሰብኣይ እየ ዝደሊ። በዓል ቤተይ ካባይ ንላዕሊ ብመኪናኡ እዩ ዚግደስ። መኪናኡ ኬጽሪ፡ ኬወቕብ ሰዓታት ይወስድ። ንዓይ ግን ኣዝዩ ውሑድ ኣቓልቦ እዩ ዚገብረለይ። ምስ ዝዛረቦ፡ መልሲ ኣይህበንን። ለይቲ ኣብ ዓራት ምስ ደየብና ጥራይ እዩ ዚዛረበኒ። ሽዑ ኸኣ ህደሚ ጥራይ እዩ ዚመጻኒ።"

ጓሳ ማሕበር ንሪቻርድ ብዛዕባ ንሰበይቲ ምፍቃርን ምስኣ ምዝራብን እንታይ ማለት ከምዝኾነ፡ ንብዙሕ ሰዓታት ምስ ኣረደኦ፡ እቲ ናይ ግብረ-ስጋ ጸገሞም ተፈቲሑ።

ኣብተን ቀዳሞት ኣርባዕተ ምዕራፋት ናይዛ መጽሓፍ፡ ፍቕርን ምዝርራብን ዚብሉ ኣርእስታት ብዝርዝር ገሊጽናዮም ኣለና። ምናልባት መብዛሕትኹም ዘሊልኩመን ኢኹም ትኾኑ። ኣገባባት ግብረ-ስጋ ምእንቲ ክትፈልጡ፡ ነዛ ኣብኡ ዘተኮረት ምዕራፍ ቅድም ከተንብቡ ወሲንኩም ክትኾኑ ዝከኣል እዩ። ከምኡ ምግባርኩም ኣይንሕዘልኩምን ኢና።

ግብረ-ስጋ ናይ ሓዳር ኣገዳሲ ክፋል እዩ። ይኹን እምበር ኩሉ ኣብዛ ምዕራፍ እተመሃርኩሞ፡ ንመጻምድትኹም ዘይተፍቅሩን ዘይትዘራረቡን እንተኾንኩም ዋላ ሓንቲ ኣይጠቕመኩምን እዩ። ስለዚ ሕጂ ንድሕሪት ተመሊስኩም፡ ምዕራፋት ሓደ ክሳዕ ኣርባዕተ ኩተንብቡ ከምዘለኩም፡ ነቐኽረኩም። ኣብ ግብሪ ኩተውዕልዎ ድማ ጀምሩ። ከምኡ ምስ እትገብሩ ጥራይ ኢኹም ነዚ ኣብዛ ምዕራፍ ዝተገልጸ ኣገባብት ግብረ-ስጋ ክትሕጐሱሉን ክትዓግብሉን እትኽእሉ።

ምዕራፍ 6

ድሕሪ መርዓ

"ገለ ሰባት ኪግረሙ ዚክኣል'ኳ እንተኾነ
ንሕና ግን ብጸሎት ኪጅመር ከምዘለዎ
ኢና እንኣምን"

ዝኸበርኩም ብሩስ ከምኡ'ውን ኬሮል

ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ ምስ ሓደ ዘደንቕ ወዲ ክምርዖ እየ። ወዲ 24 ዓመት እዩ። ኣነ ኸኣ ዓል 22 ዓመት። ክልቲና ንጐይታ ነፍቅሮ ስለ ዝኾንና፡ ቅድሚ መርዓና ብግብረ-ስጋ ኣይንራኸብን ኢና። ከምኡ ምግባር ሓጢኣት ምኻኑ ተረዲኡና እዩ።

ብዛዕባ ግብረ-ስጋ ክሓስብ ከለኹ፡ ካብ እግዚኣብሄር ዝተዋህበ በረኸት ምኻኑ ስለ ዝፈልዋ ሓጐስ እዩ ዝስምዓኒ። ጸገመይ ግን ፍርሂ'ውን ስለ ዝስምዓኒ እዩ። ኣብታ ቀዳመይቲ ለይቲ እንታይ ከምዝጋጥም እፈርህ። ሓቂ ንምዝራብ፡ ብዛዕባ ግብረ-ስጋ ዘለኒ ኣፍልጦ ውሑድ እዩ። ከምታ ንበዓል ቤታ ብኹሉ ነገር፡ ዋላ ብግብረ-ስጋ'ውን እተሐጉስ ሕያወይቲ ሰዓቢት ክርስቶስ ክኸውን እየ ዝደሊ። ከመይ ገይረ ከምኣ ከም ዝኸውን ስለ ዘይፈልዋ ግን እሰግእ።
ናትኩም ኤቨሊን

ካብዚ ናይ ኤቨሊን ንላዕሊ ፍርሒ ሒዘን ዚምርዓዋ ኣዋልድ ብዙሓት እየን። ጉብዝና ምስ ጀመራ፡ ብግብረ-ስጋ ይራኸባ እሞ ደሓር ኪምርዓዋ ከለዋ ብዛዕባ ግብረ-ስጋ ብርቱዕ ፍርሂ ዝስምዐን ድማ ኣለዋ። ስለምንታይ እንተኢልና፡ እቲ ምኽንያት ቅድሚ መርዓ ግብረ-ስጋ ኪፍጽማ ከለዋ ገለ ፍርሒ ነይርወን እዩ። ምናልባት፡ "ሎሚ እንተዘየዕጊበዮ ኪገድፈኒ እዩ" ዝብል ስግኣት ወይ ድማ "ጥንሲ እንተሒዘ ይሓድገኒ'ዶ?" ዝብል ፍርሒ። ከምዚኣተን ዝኣመሰላ ደቀንስትዮ ንግብረ-ስጋ ብፍርሒ ምቕራብ የስዕበለን እዩ። ኣብ ኣእምሮአን ግብረ-ስጋን ፍርሕን ብሓባር እዩ ዝኸይድ። ዋላ ድሕሪ መርዐአን ድማ እቲ ፍርሒ ብቐሊሉ ኣይጠፍእን።

ንመልእኽቲ ኤቨሊን ኣመልኪትና እታ ቀዳመይቲ ክንብላ ዘለና ነገር ግን፡ ጸገማ ኣዝዩ ዓቢ ከምዘይኮነ እዩ። ገለ ናይ ግብረ-ስጋ ፍርሂ እዩ ዘለዋ። ኤቨሊን ከምዘን ዝጠቕስናየን ኣዋልድ ኣይኮነትን። ግብረ-ስጋ ካብ እግዚኣብሄር ዝተዋህበ በረኸት ምኻኑ ትፈልዋ እያ። ሰብነታ ንግዜ መርዓ ምዕቃባ ከኣ ጽቡቕ እያ ገይራ። ስግኣት ኣቨሊን ግን ኣብ ርክብ ግብረ-ስጋ ውሑድ ኣፍልጦ ስለ ዘለዋ እዩ።

እቲ ካልኣይ ክንብሎ ዘለና ድማ መልእኽቲ ኤቨሊን ቅኑዕ መልሲ ዝግብኣ ምኻኑ እዩ። ንዓኣን ከምኣ ዝኣመሰላን፡ ብዛዕባ ርክብ ግብረ ስጋ ከይፈለጡ ምጽናሕ ኣገዳሲ ኣይኮነን። ድንቂርና ዘየድሊ ፍርሒ እዩ ዜስዕብ። እዛ ምዕራፍ ኣብ ቀረባ እዋን ንዝምርዓዉ እሞ ብዛዕባ ዘይምፍላጦም ድማ ንዝሸገሩ ኢና ጽሒፍናያ። እዛ እትስዕብ መልእኽቲ ነቲ እንብሎ ዘለና ኣጸቢቕ ትገልጾ እያ።

ዝኸበርኩም ብሩስ ከምኡ'ውን ኬሮል፡

ኣቐዲመ ነታ "ፍቕርን ሓዳርን" እትብል መጽሓፍ ብምድላውኩም ኣመስግነኩም። ነታ እተገርም መጽሓፍ እናኣንበብኩ ብዙሕ ካብ ሕቶታተይ ተመሊሱለይ እዩ። ሰለስተ ግዜ ድማ ኣንቢበያ።

ወዲ 25 ዓመት ሰዓቢ ክርስቶስ እየ። ኣብ ቀረባ ግዜ ክምርዖ ከኣ መደብ ኣለኒ። ክሳብ ሕጂ ፈጺመ ብግብረ-ስጋ ኣይተራኸብኩን።ድንግልናይ ዓቂበ ክጸንሕ ንዘክኣለኒ ኣምላኽ ድማ ኣመስግኖ። ንዓይ እትኸውን ፍልይቲ መጻምድቲ እግዚኣብሄር ከምዝህበኒ እፈልዋ። ድንግል ዓል ኪህበኒ ኸኣ እጽሊ ኣለኹ።

መንእሰያት ብዛዕባ ግብረ-ስጋ ኬዕልሉ ሳሕቲ ክሰምዕ እየ። መብዛሕትኡ እቲ ዕላል ብዛዕባ እቲ ሓጢኣት ዝመልኣን ዘይንቡር ዕላልን እዩ ዚበዝሕ። ንግብረ-ስጋ ዚምልከት ብሉጽን ኣምላኻውን ሓበሬታ ኮተፍልጡኒ እፈቱ። ሕጽር ብዝበለ ሰብኣይን ሰበይትን ቅድሚ ርክብ

ግብረ-ሲጋን ኣብ ግዜ ርክብን ከመይ ገይሮም ፍቐሮም ከምዝገላለጹን ከምዝተሓቛቐፉን ዚፈልጦ የብለይን።

ክጥብረኩም ኢለ እፍትን ከምዘይምህላወይ በቓኹም ተረድኡኒ። ምስ ተመርዓኹ እንታይ ከምዝገብር ስለ ዘይፈልዋ ግን ብዙሕ ግዜ እየ ዝጭነቐ። ኣረ ሓደ ሓደ ግዜስ ዘይምምርዓው'ዶ ይሕሸኒ ክሳዕ ዚብል እኳ ደኣ እየ ዝኸውን። እታ ዝምርዓዋ ነቲ ናይ ግብረ-ሲጋ ርክብና ከምቲ ንዓኣ ዜሐጉስ ገይረ ከምዘይቀረብኩላ ምስ ረኣየት ብዛዕባይ እንታይ ኢላ ከምእትዛረብ ኣዝዩ እዩ ዝጨንቀኒ። ስለዚ ብፍላይ ኣብታ ቀዳመይቲ ለይቲ እንታይ ክገብር ከምዝግብኣኒ በቓኹም ጽሓፉለይ።

ብክርስቶስ ናትኩም ራይሞንድ

ድሕሪ መርዓ፡ ንድንግል ወድን ንድንግል ጓልን፡ ንመጀመርያ ግዜኣም ኣብ ክፍሊ መደቀሲ ምስ ኾኑ ከጋጥሞም ዝኽእል እስከ ንርኣ።

ናብ መደቀሲ ኪኣትዉ ከለዉ ልቦም ብሓጐስ ይመልእ። እታ ክጽበይዋ ዝጸንሑ ግዜ እዚኣ እያ እሞ። ቅድሚ መርዓ ብግብረ ስጋ ከይተራኸብካ ምጽናሕ ንወዲ ይኹን ንጓል ኣሸጋሪ እዩ። እንተኾነ ስዒሮም። ሕጂ ግን እቲ ንብዙሕ እዋናት ሃረር ክብልዎ ዝጸንሑ ግዜ መጺኡ።

በደል ይፍጽሙ ከምዘለዉ ኮይኑ ክስምየም የብሉን። ናይ ግብረ-ስጋ ርክቦም ድሕሪ መርዓ ይገብርዎ ብምህላዎም፡ እግዚኣብሄር በዚ ከምዝሕጐስ ይፈልጡ እዮም። ስድራቤቶም'ውን ይድግፍዎም እዮም። ሕልናኦም በደል ካብ ምፍጻም ነጻ ስለ ዝኾነ ናይ ግብረ-ስጋ ርክቦም ዝያዳ ክሕጐሱሉ እዮም። ገና ግን ኣብ ልቦም ስግኣታት ኪህሉ ኸኣ ብግዲ እዩ። እታ ጓል ምስ በዓል ቤታ ርክብ ግብረ-ስጋ እትፍጽመሉ ግዜ ብምእካሉ'ኳ ሕጉስቲ እንተኾነት "ከመይ ኮን ይኸውን? የሕምም'ዶ?" ኢላ ትሓስብ። እቲ ወዲ'ውን ሓጐሱ ምስ ውሑድ ስግኣታት ዝተጸናበረ እዩ። "እንተዘየዕገብክዎስ ብሓቂ ሰብኣይ ኣይኮነን'ዶ ትብለኒ?" ዚብል ስግኣት ይሓድሮ።

ኣብታ ቀዳመይቲ ለይቲ ኣምበኣር፡ ነፍሲ ወከፍ ናይ መጻምዱ ስግኣት ኀኸወግድ ከም ዕላማ ክሕዝዎ ኣለዎም። እቲ ወዲ "ብሓቂ እየ ዘፍቅረኪ፡ ምእንቲ ከየጉህየኪ ምሳኺ ክረዳዳእ እደሊ ኣለኹ። ንሓድሕድና ብኽመይ ንፋዓት ኣፍቀርቲ ከምእኽኸውን እናተመሃርና ክንሕጐስ ኢና" ዚብል ኣረኣእያ ኪህልዎ ኣለዎ። እታ ጓል ድማ፡ "ሎም ለይቲ ኣብ ጥርዙ-ስምዒት እንተዘይበጻሕኩ ክትጭነቕ የብልካን። ገለ ጐደሎ ከምዘለካ ገይረ ኣይሓምየካን እየ። ኣብ ቅድሜና ኣብ ዘሎ ግዜ ንሓድሕድና ምዕጋብ ክንመሃር ኢና" ዝብል ኣረኣእያ ክህልዋ ይግባእ።

ከምዚ ዓይነት ኣረኣእያ ኣብ ክልቲኦም እንተደኣ ሃልዩ፡ ኩሉ ስግኣታት ኪጠፍእ ይኽእል እዩ። ንሓድሕዶም ንምዝርራብ ድማ ነጻ ኪኾኑ ይኽእሉ። እንታይ ከምዘሐጉሶምን፡ እንታይ ከምዝጉህዮምን ድማ ኪዘራረቡ እዮም። ክልተ ድንግል ዝኾኑ መጻምድቲ ድሕሪ መርዓ ንመጀመርያ ግዜ ብግብረ-ስጋ ኪራኸቡ ክንደይ ዜደንቕ ይመስለኩም!

ነቶም ቅድሚ መርዓ ብግብረ-ስጋ ምርካብ ንእግዚኣብሄር ከይእዘዝዎ ዝውስኑ መናእሰይ ግን እዚ ነገር እዚ ንዕኦም ካልእ ዛንታ እዩ። ጆያስ እትበሃል ጓል'ሲ ኣብ 16 ዓመት ዕድሚኣ እያ ምስ ሴም ብግብረ-ስጋ ተራኺባ። ሴም ኣብቲ ጸወታ ፍቕሪ "ጆያስ" "ዘይረብሕ ኣፍቃሪ" ኢላ ከይትነግረሉ ኣዝዩ ይጭነቕ ነይሩ። ክልቲኦም ኣፍልጠ ከምዘይብሎም ኮይኖም ኪቕርቡ ኣይደለዩን። ከም ክኢላታት ኮይኖም ክቕርቡ ስለ ዝፈተኑ፡ ድሕሪ ሓጺር ጸወታ ፍቕሪ፡ ሴም ኣትይዋ፡ ከይዓገበት ድማ ተፈላልዮም።

ቅድሚ መርዓ ዚፍጸም ግብረ-ስጋ ጽቡቕ ኣይኮነን። ምክንያቱ ደቂ ሰብ ካብ እግዚኣብሄር ሃዲሞም ሓቀኛ ሓጐስ ኪረኽቡ ኣይክእሉን እዮም። እቶም ቅድሚ መርዓ ብግብረ-ስጋ ንኽይራኸቡ ዝወሰኑ መንእሰያት ግን ክንደይ ሕጉሳት እዮም! ኣብታ ናይ መርያኣም ለይቲ፡ ክልቲኦም ንመጀመርታ ግዜ በቲ ናይ እግዚኣብሄር በረኸት ዝኾነ ግብረ-ስጋ ኪራኸቡ ምኻኖም ፈሊጦም ይሕጐሱ።

ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ተመክሮ ዘይብሎም ብምኻኖም ክጭነቑ ኣየድልዮምን እዩ። መርዓዊ፡ መርዓቲ፡ ቅድሚ ሕጂ ብግብረ-ስጋ ዘይምርካባ ኣዝዩ እዩ ዝሕጐስ። መርዓት ድማ መርዓዊኣ

ቅድሚ ሽዑ ብግብረ-ስጋ ዘይተራኸበ ምኻኑ ኣዝያ ሕጉስቲ እየ። ካብ ሓድሕድ ተመክሮ ኪቐስሙ ስለ ዝኾኑ ድማ ፍሉይ ባህታ ይፈጥረሎም።

ምድላው፣ ነታ ናይ መጀመርታ ርክብ

ዝተፈላለየ ናይ መርዓ ልምድታት እዩ ዘሎ። ኣብ ገለ ሃገራት መርዓውቲ ኣብታ ቀዳመይቲ ለይቲ ከይተናኸፉ ዚኽልክል ልምዲ ኣሎ። ኣብ ካልእ ባህልታት ድማ ኣብታ ቀዳመይቲ ለይቲ ኪራኸቡ ትጽቢት ዚግበረሎም ኣለዉ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ እዚ ኣየልዕልን እዩ። ስለዚ ሰዓብቲ ክርስቶስ ዝደለይዎ ልምዲ ኪስዕቡ ነጻ እዮም። ብርግጽ ዝመረጹ እንተመረጹ ግን ይነውሕ ወይ ይሓጽር እምበር ንመጀመርያ ግዜ ብግብረ-ስጋ ዚራኸቡላ መዓልቲ ግን ክትመጽእ እያ። ቀጺልና እምበኣር ከመይ ኪጅምሩ ከም ዚኽእሉ ንርኢ።

ገለ ሰባት እኳ ክግረሙ ዝከኣል እንተኾነ፣ ንሕና ግን ብጸሎት ኪጅመር ከምዘለዎ ንመክር። ኢድ ንኢድ ተተሓሒዞም ኮፍ ብምባል፣ ቅድም እቲ ሰብኣይ ቀጺላ እታ ሰበይቲ፣ እግዚኣብሄር ኣብ ሓዳሮም ኪመርሖም ይለምኑ። ድሕሪ ጸሎት፣ ዕቱብ ኴንካ ምቕጻል ዘድሊ ኣይኮነን። እቲ ዝሓሸ፣ ብፈኵስ ልቢ ክዛረቡን ክስሕቁን እዩ። ኪህወኹ የብሎምን። እታ ምሸት ንያኦም ናይ ምዝንጋዕን ባህታን ምሸት እያ። ብዘይካ ሓንቲ፣ ኩሉ መብራህትታት ኪጠፍእ ይደልዩ ይኾኑ። ካብ ድሙቕ ብርሃን ወይ ጸልማት እቲ ንፍቕሪ ምቹእ ዝኾነ፣ ሃሳስ ብርሃን እዩ። ናይ ሽምዓ ብርሃን'ውን ጽቡቕ እዩ። ደቀንስትዮ ኣብ መንጎ ጸወታ ፍቐሪ ካልእ ሰብ ከይመጽእ እንተሰጊኣን፣ ወይ ኪሰምዐን ዝኽእል ኮይኑ እንተተሰሚዕወን ኪዛነያ ስለ ዘይክእላ፣ ሓዲኣም ማዕጾ ብግቡእ ከምዝተዓጽወ ከረጋግጽ ኣለዎ።

ከምዚ ምስ ገበሩ፣ ንሓደ ካብቲ ዜሐጉስ ተመክሮታት ማለት ናይ ሓድሕዶም ክዳን ኀኽወጻጽኡ ድልዋት ኮይኖም ኣለዉ። ደናግል ንዝኾኑ ተጻመድቲ፣ ፊት ንፊት ኮይኖም ኪወጻጽኡ ከለዉ፣ ኣዝዩ ዘሐጉስ ስለ ዝኾነ ክህወኹ የብሎምን።

ብምትቑቓፍን ምስዕዓምን ናይ ሓድሕዶም ክዳን ይወጻጽኡ። ድሕሪ ካልኣይ ምስዕዓም ነታ ሓንቲ ክዳን የውጽኡ። ብኸምዚ ክሳዕ ምሉእ ብምሉእ ጥራሑም ዚኾኑ ክዳናም ይወጻጽኡ። ስለ ዝተመርዓዉ ዘሕፍር የብሎምን። "እቲ ሰብኣይን እታ ሰበይትን ድማ ክልቲኦም ጥራሖም ነበሩ። ኣይሓንኩን ከኣ ነበሩ" (ዘፍ2፡25)

ቀዳመይቲ ጸወታ ፍቐሪ

ኣብ ገጽ_____ከምዝተገልጸ፣ ጸወታ ፍቐሪ፣ ንላዕለዋይ ክፋል ሰብነት ብምድርራዝ፣ ኪጅመር ይከኣል። እታ ሰበይቲ ኣብቲ ዝያዳ ንስምዒታ ኬለዓዕል ዝኽእል ቦታ ምእንቲ ክተናኽፋ ክትሕብሮ ኣለዋ። ከምኡ ምግባር ንዕኡ ኬተባብየ እዩ። እዚ ድማ ኑቲ ዚጸንሐ ስግኣታት ኬርሕቑሉ እዩ። መወዳእትኡ ኣእዳዉ ናብ ከባቢ ብልዕታ ዝወስደሉ እዋን ከም ዝበጽሐ ድማ ትነግሮ። ክተናኽፋ እንከሎ፣ ኣደራርዛኡ ኣዝዩ ፈኵስ ወይ ኣዝዩ ተራር ከይከውን ደጋጊሙ ኪሓታ ኣለዎ። ኣበየናይ ዝያዳ ከምዘደሊ ክትሕብሮ'ውን ኪውከሳ ኣለዎ። እዚ ዘይምፍላጡ ዜሕፍር ኣይኮነን። ካብ ሓድሕዶም ይመሃሩ ስለ ዘለዉ ኸኣ ጽቡቕ እዩ።

ኣብ ገጽ __ ጸወታ ፍቐሪ ንኣስታት 20 ደቓይቕ ኪቐጽል ኣለዎ፣ ኢልና ኔርና። ናይ መጀመርያ ጸወታ ፍቐሪ ግን 30 ደቒቕ ወይ'ውን ልዕሊኡ ኪኸውን ይግባእ። እዚ ድማ ንሓዳስ ሰበይቲ ካብታ ካብ ትምርያ ዓመታት ዘቒጸረት ሰበይቲ ዝነውሐ ናይ ጸወታ ፍቐሪ ግዜ ስለ ዘድልያ እዩ።

ድሕሪ ጸወታ ፍቐሪ፣ እቶም ሓደሽቲ ተጻመድቲ፣ ናይ ምእታው ግዜ መዓስ ኪኸውን ከምዘለዎ ብሓባር ኪውስኑ ኣለዎም። ምናልባት ኣብዚ ናይ መጀመርያ ተመክሮኡም እታ ሰበይቲ ናይ ስምዒታ ምልዕዓል ናብ ጥቓ ጥርዙ ከምዝበጽሐ ንምውሳን የጸግማ ይኸውን። እቲ ሰብኣይ'ውን ብተመሳሳሊ ናይ በዓልቲቤቱ ውሽጣዊ ከንፈር ርሕሚ ብዓቕን ከምዝወሰኸ ንምልላዩ የጸግሞ ይኸውን።

ርዩበንን በርናይስን ኣብታ ናይ መጀመርያ ለይቶም፣ ኣብ ጸወታ ፍቐሪ እኹል ግዜ ኣየሕለፉን። ክልቲኦም ናይ በርናይስ ምልዕዓል ስምዒት ናብ ጥቓ ጥርዚ ዚበጽሐ መሲሉዎም። በርናይስ ግን ገና ኣይበጽሐትን ነይራ። ስለዚ ድማ ርዩበን ምስ ኣተዋ ናብ ጥርዙ-ስምዒት ከይበጽሐት፣ ቀዲምዋ ኣፍሲሱ። ስለዚ ኣብታ ቀዳመይቲ ለይቲ፣ በርናይስ ናብ

ጥርዘ ስምዒት ኣይበጽሐትን። እዚ ግን ዓቢ ጸገም ኣይነበረን። ክልቲኦም እቲ ምልዕዓል ስምዒት፡ መዓስ ጥቓ ጥርዚ ከምዝበጽሕ ስለ ዝተማህሩሉ፡ ተሞክሮኦም ኣሐጉስዎም እዩ።

ብቫልእ መዳይ ድማ፡ ዝድንጉዩ ተጻመድቲ ኸኣ ኣለዉ። ፍሊፕን ሃናን ከምኡ እዩ ኣጋጢምዎም። ኣብታ ናይ መርዓኦም ምሸት ሃንደበት ሃና ናብ ጥርዘ-ስምዒት ክሳዕ እትበጽሕ፡ ፍሊፕ ኣብ ከባቢ ጉድበኣ ይደራርዛ ነይሩ። ጥርዘ-ስምዒታ ክሳዕ ዘብቅዕ ድማ ንሒደት ካልኢታት ምትኻፋ ቀጺሉ። ድሕሪ'ዚ ናብኣ ኣትዩ። ፍሊፕ በቲ ዘጋጠመ ተገሪሙ። "ካብ ርሕምኺ ወጻኢ እናተንሸኹኺ ደኣ ከመይ ጌርኪ ናብ ጥርዘ-ስምዒት ክትበጽሒ ክኢልኪ?" ኢሉ ሓቲትዎ። ብዛዕባ እዚ እናተመያየጡ፡ ናብ ጥርዘ-ስምዒት ዜብጽሕ ርሕሚ ዘይኮነስ ጉድበ ምኻኑ ተረዲኡ።

ኣብ ቀረባ ግዜ ክትምርያ እንተኼንካ፡ ኣብታ ናይ መጀመርያ ምሸት፡ ቅኑዕ ጌርና ንገብሮ'ዶ ኾነውን? ክልቴና'ዶ ንዓግብ ኾነውን ኢልካ ኣይትጨነቕ። ንሓድሕድኩም ብምጥባቕኩምን ብዝተኻእለ መጠን ክትተሓጓሱሉ ምኻንኩምን ጥራይ ደኣ ባህ ይበልኩም። እታ ናይ መርዓ ምሸት መጀመሪ ጥራይ ምኻና ዘኽር። ናይ ምምህሃር ህይወት መጀመሪት ድማ እያ። ኣዋርሕ ኪሓልፍ እንከሎ፡ ናይ ሓድሕድኩም ናይ ስምዒት ምልዕዓል ብቫመይ ከም እተዕግቡ ዝያዳ ክትመሃሩ ኢኹም። ርክብኩም ድማ ዝያዳ ዝበለጸ እናኾነ ኪዓቢ እዩ።

ድንግልና፡

ገለ ደቀንስትዮ ብዛዕባ ኬጋጥም ዚኽእል ቃንዛ ይሻቐላ። ቪቫን ከምዚ ዝስዕብ ክትብል ጽሒፋትልና።

ብግብረ-ስጋ ተራኺበ ኣይፈልጥን እየ። ኣብ ቀዳመይቲ ናይ ግብረ-ስጋ ርክብ፡ ጓል ከምእትደምን ከምዘቕንዝዋን ዚገልጽ ዘረባ ግን ሰሚዐ ኣለኹ። ነቲ ክምርዓው ሓሲበ ዘለኹ ወዲ፡ ኣፍቅሮኺ እንተኾንኩ፡ እታ ቀዳመይቲ ርክብና ግን ተፍርሓኒ ኣላ።

ቪቫን

መብዛሕትኣን ደቀንስትዮ፡ ኣብታ ናይ መጀመርያ ርክብ ከምዝደምያ ሓቂ እዩ። እዚ ግን ዓቢ ጸገም ኣይኮነን። ድንግልና ኪፈርስ እንከሎ ንጓል የድምያ። ድንግልና ኣብ ኣፍ ርሕሚ ዝርከብ ንእሽቶ ቆርበት እዩ። ኣርባዕተ ዓይነት ድንግልና ድማ ኣሎ።

1. **ረቂቕ ድንግልና፡-** መብዛሕትኣን ደቀንስትዮ፡ ናይ ክልተ ሴ.ሜ ሰንጣቒት ግፍሒ ዘለወን ይኸውን። ኪምጠጥ ወይ ኪፈርስ እንከሎ ድማ ቁሩብ ቃንዛን ውሑድ መድመይትን የኸትል።

2. **ዘይብሉ፡-** ገለ ደንቀንስትዮ ብዘይ ድንግልና ዚውለዳ ኣለዋ። ስለዚ ኣብ ናይ መጀርመያ ግብረ-ስጋ ርክብ፡ ቃንዛ ወይ መድመይቲ ኣይገብረለንን።

3. **ዝፈረሰ፡-** ሓደ ሓደ ግዜ ድንግልና ደቀንስትዮ፡ ቅድሚ መርዐኣን'ውን ኪፈርስ ይኽእል እዩ። ስለዚ ድማ ኣብታ ናይ መርዐኣን ለይቲ ቃንዛ ወይ መድመይቲ ኣየጋጥመንን። ድንግልና ብስፖርት ምንቅስቓስ ኣካላት፡ ብሽክለታ ምዝዋርን ኪፈርስ ይኽእል እዩ። ቅድሚ መርዓ ብዝግበር ርክብ ግብረ-ስጋ'ውን ብርግጽ ኪፈርስ ይኽእል።

ሰብኣይ ንበዓልቲ ቤቱ፡ "እዚ ናይ መጀመርያ ርክብና እንከሎ፡ ስለምንታይ ዘይደመኺ፡ ምስ መን ስለ ዝደቀስኪ'ዩ፡" ኢሉ ንምፍራድ ኪህወኽ የብሉን። ምናልባት ብምዝዋር ብሽግለታ ዝኣመሰለ፡ ስፖርታዊ ምንቅስቓስ ወይ ድማ ድንግልና ዘይብላ ኮይና ተወሊዳ ክትከውን ከምእትኽእል'ውን ክርዳእ ኣለዎ።

4. **ረጉድ ድንግልና፡-** ሒደት ኣዋልድ፡ ዳርጋ 10 ሚእታዊት፡ ረጉድ ድንግልና ኣለወን። ኣብ ከምዚ ኩነታት ሰብኣይ ኸኽኣቱ ኬጸግሞ ይኽእል። ናብ ሕክምናዊ ትካል ከይዳ ድንግልናኣ ኪመጡላ ክትገብር ኣለዋ።

ከምኒ ቪቫን ንዝኣመሰለት ጓል፡ ከምዚ ዚስዕብ ንብላ። ቅድሚ ዕለተ መርዓኺ፡ ቅድሚ ወርሒ ኣቢልኪ ድንግልናኺ ክትምርመሪ ትኽእሊ ኢኺ። እቲ ሓኪም ካብ ግብረ-ስጋ ዝመሓላለፉ ሕማማት እውን ክምርምረኪ እዩ። ድንግልናኺ ረጉድ ኮይኑ እንተረኺብዎ፡ ኪመጡ ይኽእል እዩ። እተን ረጉድ ድንግልና ዘለወን ግን ብዙሓት ኣይኮናን። ስለዚ እቲ ሓኪም፡ ድንግልናኺ ደሓን እዩ ዘሎ ኪብለኪ'ውን ይኽእል እዩ።

ኣብቲ ናይ መርዓኺ ለይቲ ኸኣ ምናልባት ውሑድ ትደምዪ ትኾኒ። ቁሩብ ቃንዛ'ውን ይስምዓኪ ይኸውን። ይኹን ደኣ'ምበር እቲ ቃንዛ ምስቲ ምስ ሰብኣይኪ ብምትኽኻፍ እትረክብዮ ባህታ ዘይመጣጠን ስለ ዝኾነ ግን ኣይትሸገሪ።

ንሓድሽ ሰብኣይ ድማ ከምዚ ዚስዕብ ንብሎ። "በዓልቲ ቤትካ ኣብዚ ናይ መጀመርያ ርክብኩም ዚፈርስ ወይ ዚምጠጥ ድንግልና ኪህልዋ ስለ ዚኽእል፡ ብህድኣትን ቀስ ኢልካን ክትኣትዋ ኣለካ። ተፈጥሮኣዊ ድሌታትካ፡ ቀልጢፍካ ክትደፍእ ኬገድደካ ይኽእል ይኸውን። ምሒር ቃንዛ ብዘየስዕብ ኣገባብ ብምእታው ግን ፍቕርኻ ከተርኢ ትኽእል ኢኻ።

ብዘይካ'ቲ ብህድኣት ምእታው፡ ናይ ቆርበት ቅብኢ'ውን ተጠቒም። እዚ ብፍላይ ኣብታ ቀዳመይቲ ናይ ግብረ-ስጋ ርክብ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ምኽንያት ድማ እታ ሰበይቲ፡ ኣብተን ቀዳሞት ሒደት መዓልትታት ኣዝዩ ውሑድ ተፈጥሮኣዊ ቅብኢ ከተውጽእ ስለ እትኽእል እዩ።

ምእታው፡-

ኣብታ ቀዳመይቲ ለይቲ፡ ቅድሚ ምእታው እዞም ዝስዕቡ ክትግበሩ ከምዘለዎም፡ ድሮ ተዘረራሪብናሎም ኣለና።

1. ነዊሕ ናይ ጸወታ ፍቕሪ ግዜ ኪህሉ ኣለዎ። ፍርቂ ሰዓት ወይ ልዕሊኡ።
2. ብምኽንያት ድንግልና በዓልቲ ቤት፡ ሰብኣይ ብህድኣትን ብጥንቃቐን ክኣቱ።
3. ቅብኣት ኪጥቀሙ ከምዘለዎም።

ካብዚ ቀጺልና እምበኣር፡ ሓደሽቲ ተጻመድቲ ከመይ ገይሮም፡ ቀዳመይቲ ርክቦም ከምዝገብሩ ብዝርዝር ንርኢ።

ሰበይቲ፡ ሰብኣያ ንኽኣትዋ ድልውቲ ኣብ ዝኾነትሉ ግዜ፡ ስብኣይ ሰውነቱ ናብ ልዕሊኣ የልዕሎ። ንሳ ድማ ነቲ ቅብኢ ዝተለኽየ መትሎኡ በእዳዋ ናብ ርሕማ ተቐንያ። ጫፍ ብልዕቱ ኣዝዩ ስምዒታዊ ስለ ዝኾነ ንኽይትትንክፎ ክትጥንቀቕ ኣለዋ።

ሰብኣይ፡ ኣዝዩ ኣዕሚቐ ንኽይኣቱ፡ ክዝክር ኣለዎ። መብዛሕትኡን ደቀንስትዮ ናይ ኣስታት 10 ሰ.ሜ ዕምቈት እየን ዝደልያ። ሰበይቲ ካብ ዕምቈት ዝተላዕለ ዝፈጥረላ ቃንዛ እንተሎ፡ ንበዓል ቤታ ከተፍልጦ ኣለዋ።

ገለ ደቂ ተባዕትዮ፡ መትሎኦም ንእሽቶ ብምኻና ዝሸገሩ ኣለዉ። ሰበይቲ ናብ ጥርዙ-ስምዒት ንኽትበጽሕ ግን ነዊሕ መትሎ ኣይኮነን ዜድልያ። ንእሽቶ መትሎ ዘለዎ ሰብኣይ ማዕረ'ቲ ነዊሕ መትሎ ዘለዎ ንበዓልቲ ቤቱ ኬዕግባ ይኽእል'ዩ። ካብ ንውሓት መትሎ ዚርከብ ረብሓ የለን።

ሓደ ሓደ እዋን ድማ መርዓት ናይ በዓል ቤታ መትሎ ኣዝዩ ገዚፍ ከይከውን'ሞ ምስኣ ምስናይ ከይኣቢ ትሰግእ። ርሕሚ ጓል ኣንስተይቲ ብቐሊሉ ገፊሑ ንዝተደልየ ዓቕን መትሎ ኬእቱ ይኽእል እዩ። ስለዚ ሰበይቲ'ውን ብዛዕባ'ዚ ክትሸገር የብላን። ኣብ ጸወታ ፍቕሪ ኸኣ ሸገርገር ምባል ከተርሕቕ ኣገዳሲ እዩ። ሸገርገር ምባል ነቶም ኣብ ከባቢ ብልዕቲ ዝርከቡ ጭዋዳታት ከምዝጭበጡ እዩ ዚገብሮም። እዚ ድማ ንምእታው ኣቕንዛዊ ይገብሮ። እቲ ምእታው ኣቕንዛዊ ኮይኑ እንተረኪባቶ፡ ንበዓልቤታ ኪትነግሮ ኣለዋ። ገና የቕንዝዋ ከምዘሎ፡ እንተነጊራቶ ድማ፡ ርክቦም ንሓደ ወይ ንኽልተ መዓልታት ኬሰጋግርዎ ይግባእ።

ሰብኡት ኣስተውዕሉ! ናይ ግብረ-ስጋ ርክብ ነንስትኹም ኣቕንዛዊ እንተኾይኑ፡ ሓቀኛ ፍቕርኩም እትገልጽሉ ኣጋጣሚ እዩ። ፍቕሪ እንታይ ማለት ምኻኑ ፈሊጥኩም ኣለኹም። እወ፡ ፍቕሪ ካብ ንናትካ ድሌት ንላዕሊ ብናይ በዓልቲ ቤትካ ዝያዳ ምግዳስ ማለት እዩ። ፍቕሪ ማለት "ንዓኺ ኣቕንዛዊ ኮይኑ ስለ ዘሎ፡ ደሓን ይትረፈኒ፡ ክጽበ ይኽእል እየ" ክትብል ምኽኣል ማለት እዩ።

ድሕሪ ምእታው፡-

እቲ ምእታው ኣቕንዛዊ እንተዘይኮይኑ ግን፡ እቲ ዚቕጽል ደረጃ እዚ ዝስዕብ እዩ። እታ ሰበይቲ፡ ቅድሚ እቲ ሰብኣይ ናብ ጥርዙ-ስምዒት ምእንቲ ክትበጽሕ ዝከኣሎም ይገብሩ። እዚ

ማለት፡ እቲ ሰብኣይ ስምዒቱ እናዝሓለ፡ ናይ በዓልቲ ቤቱ ግን ዝያዳ እናርሰነ ንኽኸይድ ምጽዓር ማለት እዩ።

ሰብኣይ ስምዒቱ ንምዝሓል፡ ምስ ኣእተወ ንሓደ ደቒቕ ዝኣክል ናይ ምእታውን ምውጻእን ምንቅስቓስ ኪፍጽም የብሉን። ኣብታ ምንቅስቓስ ዘቕርጸላ ደቒቕ፡ እታ ሰበይቲ ንስምዒታ ብሰለስተ ኣገባብ ዝያዳ ንኸተረሳስኖ ትኽእል።

1. ምሕኹልታ ብህድኣት ተዛውሮ'ሞ ብልዕቲ ንመናድቕ ርሕሚ ከምዚጽቕጠ ትገብር።
2. እቲ ሰብኣይ ንጉድበኣ በጻብዕቱ ኪተናኽፎ ይኽእል።
3. በቲ ፒ.ሲ. ዝበሃል ጭዋዳ ንብልዕቲ በዓል ቤታ ክትጭብጠ ትኽእል።

ድሕሪ ናይ ሓደ ደቒቕ ከምዚ ምግባር፡ ስምዒታ ኣዝዩ ኪለዓዓል ናቱ ግን ኪትሕት እዩ። እቲ ናይ ምእታውን ምውጻእን ምንቅስቓስ ድማ ይጅምሮ። ቅድሚኡ ናብ ጥርዘ-ስምዒት ክትበጽሕ ድማ ልዑል ተስፋ ኣሎ።

ሰበይቲ፡ ስምዒታ ናብ ጥርዘ-ስምዒት ምእንቲ ኪበጽሕ ነዞም ዚስዕቡ ዝርዝራት ክትገብር ትኽእል።

ሀ. እቲ ናይ ፒ.ሲ. ጭዋዳ ምጥቃም ክትቅጽሎ ኣለዋ። ሰብኣያ ኪወጽእ ከሎ፡ ትጭብጦ፡ ኪኣቱ ከሎ ድማ ከተዝልቕ ትኽእል። እዚ ንኽልቲኦም ባህታ ዚውሰኽ ኮይኑ ክረኽብዎ እዮም።

ለ. ሓሳባታ ክትቆጻጸር ኣለዋ። ብዛዕባ እቲ ትፍጽሞ ዘላ ርክብ ደኣ'ምበር ብዛዕባ ካልእ ምሕሳብ ከተቋርጽ ይግብኣ።

ናብ ጥርዘ-ስምዒት ኣቢላ ትበጽሕ ከምዘላ እንተተሰሚዕዋ በዓል ቤታ ነብሰ-ምግታእ ምእንቲ ኬቋርጽ፡ ክትሕብሮ ኣለዋ። ከምዚ ምግባር ምስኣ ሓቢሩ፡ ወይ ድማ ድሕሪ ሓጺር ግዜ ንኽፍስስ ኪሕግዞ ይኽእል። ድሕሪኡ ድማ ብሓባር የዕርፉ።

መብዛሕትኡ ግዜ ዜጋጥም

ኣቕዲምና ከምዝበልናዮ፡ ሰብኣይ ቅድሚ ምእታዉ፡ ሰበይቲ ጥቓ ጥርዘ-ስምዒት ክትበጽሕ ጽቡቕ እዩ። ድሕሪ ምእታው ድማ ንሳ ናብ ጥርዘ-ስምዒት ክትበጽሕን እቲ ሰብኣይ ኬፍስስን ይኽእል። ኩሉ ግዜ ግን ከምዚ ኣየጋጥምን እዩ። እቲ ኬጋጥም ዝኽእል ከኣ እስከ ንርኣዮ።

ሀ. ሰብኣይ ኣብ ጸወታ ፍቕሪ ናብ ጥርዘ-ስምዒት ይበጽሕ

ሓደ ሓደ ግዜ ሰብኣይ ኣብ ጸወታ ፍቕሪ በዓልቲ ቤቱ እናተናኸፈቶ እንከላ- ሃንደበት የፍስስ። እዚ ሓጢኣት ኣይኮነን። ዓቢ ጸገም'ውን ኣይኮነን። ኣብ ናይ ካልእ እዋን ናይ ጸወታ ፍቕሪ ግዜኡም ግን ንበዓልቲ ቤቱ ብምሕባር ካብ ኣቕዲምካ ምፍሳስ ኪድሕን ይኽእል እዩ። ንሳ ነቲ ምትንኻፍ ንቑሩብ ደቓይቕ ተቕርጸ። ድሕሪኡ ድማ ክሳዕ ካልኣይ ግዜ "ኣቋርጹዮ" ዚብላ ነቲ ምትንኻፍ ክትቅጽሎ ትኽእል። እዚ ናይ ምድርራዝን ምቁራጽን ዑደት፡ ቅድሚ ምእታው እንተተደጋገመ ይምረጽ። ከምዚ ምግባር፡ ሰብኣይ ድሕሪ ምእታው፡ ልዑል ዕግበት ናይ ጥርዘ-ስምዒት ንኽረክብ ይሕግዞ።

ለ. ሰበይቲ ኣብ ጸወታ ፍቕሪ ናብ ጥርዘ-ስምዒት ትበጽሕ

ሓደ ሓደ እዋን ሰበይቲ በዓል ቤታ ኣብ ከባቢ ጉድበኣ እናደራረዛ እንከሎ፡ ገና ከይኣተዋ ናብ ጥርዘ-ስምዒት ትበጽሕ። እዚ'ውን ዜገርም ኣይኮነን። ኪፈትውዎ'ኳ ደኣ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ካልእ ግዜ ግን ድሕሪ ምእታው ናብ ጥርዘ-ስምዒት ምእንቲ ክትበጽሕ ቅድም ኢሉ ኪኣትዋ ኣለዎ። እዚ ድማ ዝያዳ ሓጐስ ኬምጽእ እዩ።

ሐ. ሰብኣይ እናኣተወ ናብ ጥርዘ-ስምዒት ይበጽሕ

ሓደ ሓደ ግዜ፡ ሰብኣይ እናኣተወ እንከሎ ሃንደበት የፍስስ። ከምዚ ምስ ዘጋጥም፡ ስምዒት በዓልቲ ቤቱ ንኽይዝሕል ንሱ ኪገብሮ ዚኽእል ነገር ኣሎ። ብልዕቱ ከየውጽኣ፡ ብሓንቲ ካብ ኣጻብዕቱ ገይሩ፡ ኣብ ከባቢ ጉድበኣ ይተናኽፉ።

ኣይትጨነቕ

መብዛሕትኦም ተጻመድቲ፡ ኣብታ ቀዳመይቲ ለይቲ ብሓባር ናብ ጥርዘ-ስምዒት ንምብጻሕ ኣይዕወቱን እዮም። ኣብ መብዛሕትኡ ኣጋጣሚታት ሰብኣይ ደኣ'ምበር ሰበይቲ ኣይኮነትን ኣቐዲማ ናብ ጥርዘ-ስምዒት እትበጽሕ።

ግደ ሓቂ ንምዝራብ፡ ኣብታ ቀዳመይቲ ለይቲ፡ ካብ 10 መርዐት ሓንቲ መርዓት ጥራይ እያ ናብ ጥርዘ-ስምዒት እትበጽሕ። ስለዚ ኣብታ ቀዳመይቲ ለይቲ ብዘጋጥም ነገር፡ ዋላ ሓደ ካብ ተጻመድቲ፡ "ምናልባት ገለ ጸገም ስለ ዘለኒ እዩ ዚኸውን?" ዚብል ሓሳብ ኪህልዎም የብሉን። እቲ ሰብኣይ፡ ሰብኣይ ምኻኑ ኬጠራጠሮ የብሉን። እታ ሰበይቲ ኸኣ "ስምዒተይ ትሑት ስለዝኾነስ ብልጽቲ ሰበይቲ ክኸውን ኣይክእልን'የ" ዚብል ሓሳብ ከተኣንግድ የብላን። ብኣንጻሩ'ኳ ደኣ "ገና ብዙሕ ክንመሃረሉ ዘለና ስለ ዘሎ እናተመዓዓድና ክንተሓጉሰ ኢና" ኢዮም ኪበሃሃሉ ዘለዎም።

ምልምማድ

ተጻመድቲ ኣብታ ቀዳመይቲ ለይቲ ሓድሕዳዊ ዕግበት ንምርካብ ማዕረ ክንደይ ከምዝተዓወቱ ብዙሕ ዘገድስ ኣይኮነን። እቲ ዘገድስ'ሲ ብቐጻሊ ብኸመይ ስምዒታቶም የለዓዕሉን ብኸመይ'ከ ሓደ ነቲ ኻልእ ኬዕግቦ ይኽእልን ክመሃሩን ከም ዘለዎም እዩ።

ምልምማድ ወትሩ፡ ግዜ ይሓትት እዩ። ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ብእግሩ ምኻድ ዝኽእል ቁልዓ የለን። ኣብ ቀዳመይቲ ለይቲ ንኽልቲኣም ተጻመድቲ ዜዕግብ ዕዉት ግብረ-ስጋ ምፍጻም ከኣ ቀሊል ኣይኮነን። መብዛሕትኡ ግዜ ንሓድሕዶም ብማዕረ ሓድሕዳዊ ዕግበት ንኽረኽቡ ሰሙናት እዩ ዚወስድ። ስለዚ ኣብተን ቀዳሞት ሰሙናት ወይ'ውን ኣዋርሕ ኣዕጋቢ ናይ ግብረ-ስጋ ርክብ እንተዘይፈጸምኩም ተስፋ ኣይትቑረጹ ግዜ ይወስድ እዩ።

ሓድሓዳዊ ዕግበት ዘለዎ ግብረ-ስጋ ንምልምማድ ግን ግዜ ጥራይ ኣይኮነን ዚሓትት። ምዝርራብ'ውን ይሓትት እዩ። ካብቶም ዘይዘራረቡ ተጻመድቲ እቶም ዚዘራረቡ እዮም ቀልጢፎም ሓድሕዳዊ ዕግበት ኣብ ምርካብ ዚዕወቱ። ኣወንን ዶሪስን ንኣብነት፡ ነጻ ኮይኖም ብዛዕባ ግብረ-ስጋ ስለ ዝዘራረቡ ቀልጢፎም ሓድሕዳዊ ዕግበት ንምርካብ ተማሂሮም። ስለምንታይ እንተኢልና ከኣ ክልቲኣም "ካብ መጻምድተይ ክመሃር ኣለኒ። ንመጻምድተይ ከኣ ድሌታተይን ባህታይን ክነግር ይግብኣኒ" ዚብል ኣረኣእያ ስለ ዝነበሮም እዩ።

ብኻልእ መዳይ፡ ፈኑስን ሚልድረድን ከኣ ብዛዕባ ግብረ-ስጋ ፈጺሞም ኣይተዘራረቡን። ብዛዕባ ሓድሕዳዊ ዕግበት'ውን ኣይተመሃሃሩን። ፈኑስ ንገዛእ ርእሱ፡ "ሰብኣይ እየ፡ ብዛዕባ ግብረ-ስጋ ድማ ዝጠፍኣኒ ነገር የለን" እዩ ዚብል። በዓልቲ ቤቱ ከመይ ክትትንከፍ ከም እትደሊ ሓቲትዋ ኣይፈልጥን። ናይ ሚልድረድ ጸገም ድማ እንታይ ከምእትብህግ ነጊራቶ ዘይትፈልጥ ምኻና እዩ። ንሳ ንፉዓት ሰዓብቲ ክርስቶስ፡ ብዛዕባ ከምዚታት ኣይዘራረቡን እዮም፡ ኢላ እያ እትኣምን። እቲ ሓቂ ግን ሰብኣይን ሰበይትን ብዛዕባ ናይ ግብረ ስጋ ርክቦም ኪዘራረቡ 100 ካብ 100 ነጻ ምኻኖም እዩ። ምዝርራብ ድማ እዩ ንምልምማድ ዜተባብዕ።

ትሕዝቶና ንምዝዛም፡ ኣብ ርእሲ እቲ ንሓድሕድካ ምዝርራብ፡ ምስ እግዚኣብሄር ምዝርራብ'ውን ኬድሊ እዩ። እዉ ዝኾነ ጸገም ናብ እግዚኣብሄር ከተቕርቦ ትኽእል ኢኻ። እግዚኣብሄር ንግብረ-ስጋ ዚምልከቱ ሕቶታት ልክዕ ከምቲ ናይ ካልእ ጸገማትና'ውን ዚምልሰልና ይምልሶ እዩ። እግዚኣብሄር ንኽድግፈካ ሕተቶ።

ዝያዳ ዜሐጉስ ንምግባሩ

ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ንዝርከቡ፡ ሰብ ሓዳር እዛ እትስዕብ ሕቶ ተወኪስናዮም ኔርና። "ጾታዊ ርክብኩም ዝያዳ ኣዕጋቢ ንኽኸውን መጻምድትኻ እንታይ ክገብር ትደሊ?" እያ ትብል ነይራ። እቲ መልስታት ሓጋዚ ኮይኑ ክትረኽብዎ እናተተስፈና ንጽሕፎ ኣለና።

ሰብኡት ካብ ኣንስቶም ዚደልይዎ

በዓልቲ ቤተይ ከምዚ ዝስዕብ እንተትገብር ናይ ግብረ-ስጋ ርክብና ዝያዳ ኣዕጋቢ ምኾነ ኮይኑ ይስምዓኒ።

- ✓ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ኣደቃቕሳ ኀክንጥቀም ፈቓደኛ እንተትኸውን
- ✓ ሙሉእ ብምሉእ ጥራሓ እንተትኸውን
- ✓ ኣብ ክንዲ ኣነ ጥራይ ወትሩ ዝሓትት፣ ንሳ'ውን እንተትዕድመኒ።
- ✓ ንርክብ ግብረ-ስጋ ጭራስ ብምእባይ ወይ'ውን ብፍርቂ ልባ ጥራይ ብምቕባል እንተዘይትቕጽዓኒ
- ✓ ሓደ ሓደ እዋን፣ ኣብ ክንዲ ተሃዊክና ጥራይ ንገብሮ፣ ንንውሕ ዝበለ እዋን ኀክንጸንሕ ፈቓደኛ እንተትኸውን።
- ✓ ብግብረ-ስጋ እናተራኸብና ኣብ ክንዲ ብኻልእ ነገር ትሓስብ፣ ክትሕጐሰሉ እንተትፍትን።
- ✓ ኣብ እዋን ርክብ ኣየናይ ዝያዳ ከምዜሐጉሳ እንተትሕብረኒ፣ ከምኡ'ውን እንተተዕልለኒ።

ኣንስቲ ካብ ሰብኡተን ዚደልያኦ

በዓል ቤተይ ከምዚ ዚስዕብ እንተገበኸውን ናይ ግብረ-ስጋ ርክብና ዝያዳ ምዓገብኩሉ ኮይኑ ይስመዓኒ።

- ✓ ምሳይ ጥቡቕ ዝምድና ዘለዎ፣ ብዛዕባ ርክብ ግብረ-ስጋ'ውን ከይተረፈ ነጻ ኮይነ ዝተሰምዓኒ ዘዕልሎ።
- ✓ ኣብ ግዜ ድቃስ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ዝኾነ ግዜ ከምዘፍቅረኒ ዝነግረኒ።
- ✓ ብሓባር ኀክንጽሊ መዓልታዊ ግዜ ዚሰርዕ
- ✓ ከም መጻምድቱ ደኣ'ምበር ከም ቆልዓ ዘይርእየኒ
- ✓ ኣብ ጸወታ ፍቕሪ እንታይ ኪገብረሉ ከምዝደሊ ዚሕብረኒ
- ✓ ቀልጢፉ ኀከየፍስስ ዚፍትን
- ✓ ኣብ እዋን ቀትሪ'ውን ሕያዋይ ባህሪ ዘለዎ ኮይኑ ዚቕርብ
- ✓ ዓርኩ ኪኾኖ ዚደልየኒ።

ቀዳማይ ክፋል ኣብዚ ተዛዚሙ ኣሎ።

ካልኣይ ክፋል

ሕዮታት ኣንበብትን መልስታቶምን



1. ጆ፡-

ወዲ 24 ዓመት ዘይተመርዓኹ መንእሰይ እየ። ምስ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተመርዓወት ሰበይቲ ግን ብርቱዕ ፍቕሪ ሒዙኒ ኣሎ። ንሳን በዓል ቤታን ኣብቲ ኣነ ዝኸደ ቤተክርስቲያን እዮም ዝመላለሱ። በብሰለስተ ጉጅለ ኮይንና ኣብ እንዝምረሉ እዋን ከኣ፡ ንሳ ምሳይ እያ እትዝምር። ካብ ኣእምሮይ ከውጽኣ ብዙሕ ግዜ እየ ፈቲነ። ኣይክኣልኩን ግን፡ ንሳ'ውን ምሳይ ክትዝምር እያ ትፈቱ። ብውሽጣ ኣፍቂራትኒ ከም ዘላ'ውን ይርድኣኒ እዩ። እናኽርእያ ልበይ ብፍቕሪ እዩ ዚነድድ።

ኣፍቂረያ ከምዘለኹ ኪነግራ ወሲነ። ኣብታ ዝነገርኩላ መዓልቲ ከኣ ዘይተጸበኽዎ ኣጋጢሙኒ። ሕቑፍ ኣቢለ ኣጥቢቐ ሰዓመያ። ንሳ'ውን ፍቕራ ብዓጸፌታ መሊሳትለይ። ድሕሪ እዚ ድሕሪ ሒደት መዓልታት ይቕረታ ክሓታ ከም ብሓድሽ ናብኣ ከይደ። ይኹን ደኣ'ምበር ከም ብሓድሽ ኣጥቢቐና ኢና ተሰዓሚምና።

ካብዚ ፍቕሪ ከመይ ገይረ ከምዝወጽእ ጨኒቑኒ እዩ ዘሎ። ሓንቲ ክሓሰባ ዝኽኣልኩ ከኣ ንሓደ ግዜ ጥራይ ምስኣ ብግብረ-ስጋ ክራኸብ ዝብል እዩ። ከምዚ ምግባር ምናልባት እቲ ኣብ ልዕሊኣ ዘለኒ ሀርፋን ኪጠፍእ ይኽእል ይኸውን እዩ እብል ኣለኹ።

ዝተፈተኻ ጆ፡-

ኣብ ደቂ ሰብ ዘሎ ናይ ግብረ-ስጋ ድሌት ሓያል እዩ። ኣምላኽ ከምኡ ገይሩ'ዩ መዲብዎ። ሰብኣይን ሰበይትን ኣብ ነንሓድሕዶም ብርቱዕ ድሌት ኣለዎም። ይኹን ደኣ'ምበር ሓደ ሓደ ግዜ ግን ስምዒትና ካብ ምስ መጻምድትና ወጻኢ ብግብረ-ስጋ ንኽንራኸብ ይደፋፋኣና እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት "እቲ ክንገብሮ ዝግብኣና እንታይ እዩ ንዚብል ሕቶ፡ እቲ መልሲ "ህደም!" ዚብል ጥራይ እዩ።

ስምዒትና ሓጢኣት ንምግባር ኣብ ዝደፍኣና ብርግጽ ክንሃድም እዩ ዘለና። ጆ እቲ ክትጋጥዮ ዝጸናሕካ እምበኣር እዚ እዩ። ትሃድም ኣይነበርካን። ምህዳም ማለት፡ ንሰኻን ንሳን ንበይንኹም ኣብ ዝኾንኩምሉ ክትዛረባ ምፍታን ማለት ኣይኮነን። ብኣንጻሩ'ኳ ደኣ ናብ ምፍጻም ሓጢኣት ኢኻ ትጎዩ ዝነበርካ። ሕጂ'ውን ንሓደ እዋን ምስኣ ብግብረ-ስጋ እንተተራኸብካ ካብ ሓጢኣት ክትሃድም ዘይኮንካስ መሊስካ ኢኻ ሓጢኣት ክትገብር።

ምዕዶና እምበኣር ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ህደም! ንበይንኻ ወይ ንበይና እንከላ ኣብ ዝኾነ ቦታ ክትረኽባ ከምዘይብልካ ወስን። "እናኽርእያ ልበይ ብፍቕሪ'ዩ ዚነድድ" ኢልካ ኣሎኻ። ስለዚ ቀቀልጢፍካ ንዓኣ ምርኣይ ኣቋርጽ። ብሓባር ምስኣ ምዝማር እንተኾነ'ውን ኣቋርጸ። ከምኡ ጌርካ ጌና ስምዒትካ ኪዝሕል እንተዘይክኢሉ ግን ናብ ካልእ ቦታ ቀይር።

ምናልባሽ፡ "ስለምንታይ እዩ ከምዚ ዝኣመሰለ ተሪር ስጉምትታት ምውሳድ ዘድሊ" ትብል ትኸውን። እቲ ምኽንያት፡ ካብ ሓዳር ወጻኢ ብግብረ-ስጋ ንኽይንራኸብ እግዚኣብሄር ስለ ዘጠንቅቐና እዩ።

"ሓዊ ዝሓቈፈ ሰብ'ዶ ኣይነድድን እዩ። ምስ ሰበይቲ ብጻዩ ዚዝሙ ኽኣ ከምኡ እዩ። (ምሳሌ 6፡27,29)
"ካብ ክፉእ ትምኒት ጉብዝና ህደም" 2ጢሞ 2፡22

ጆ፡ እግዚኣብሄር ከምዘፍቅረካ ዘክር። ከምኡ ስለ ዝኾነ ኽኣ እዩ ነቲ እንተፈጺምካዮ፡ ንሳኻ ነታ ሰበይቲ ንበዓል ቤታን ነታ ቤተክርስቲያንን ውርደት ዜምጽእ ሓጢኣት ንኽይትፍጽም ዚደልየካ ዘሎ።

2. ኢደን

ሰይቲ ሓወይ ብምዝማዋ፡ ሓዳሮም ናብ ፍትሕ የምርሕ ኣሎ። ነዚ ብምርኣይ ከኣ ኣነ፡ ካብ ዜሰቅቕ ሓዳር ምምስራት ዘይምምርዓው ይሓይሽ፡ ዚብል ሰግኣት ኣሕዲረ ኣለኹ። ክሓቶ ደልየ ዘለኹ እምበኣር፡ ስለምንታይ'ዮም ሰባት ዚዝምዉ ዚብል እዩ። ደቀንስትዮ ንኽዝምዋኻ ልክዕ ከምቲ ናይ ወዲ ተባዕታይ ምኽንያት ድዩ ዘለወን? ዋላ ካልእ ናይ ገዛእ ርእሰን ምኽንያት ኣለወን። ንዝሙት ከመይ ጌርካ ትከላኸሎ ዝብል ሕቶ'ውን ክሓትት እደሊ እየ።

ዝተፈተኻ ኢደን

ነታ ቀዳመይቲ ሕቖ ንምምላስ፡ ንዝሙት ኪደፋፍኡ ካብ ዚኽእሉ እቶም ኣርባዕተ ቀንዲ ነገራት ከነቕርብ ኢና።

1. **ሓድሽ ፍቕሪ፡-** ሰበይቲ፡ ነቲ መጀመርያ በዓል ቤታ ከምዘፍቀራ ዝፈለጠትላ እዋን ክትዝክራ ባህርያዊ እዩ። ነቲ ሽዑ ዝነበራ ሓጐስን ስምዒትን ትዝክሮ'ሞ ንዕኡ ትጸምኦ። "በዓል ቤተይ ከም ቀደሙ የፍቅረኒ ከምዘሎ እጠራጠር እየ" ኢላ ኸኣ ክትሓስብ ትኽእል። ኣብ ከምዚ ኩነታት እንከላ ካልእ ብዛዕባኣ ዚግደስ ዚመስል ሰብኣይ እንተረኺባ፡ ብቕጽበት ከምዝተፈትወት ይመስላ። ኩሉነገር ከም ዝተቓንዐ ኣምሲሉ ዜርኢ ስምዒት ድማ ይህልዋ። ኣዝዩ ዜገርም ስምዒት እዩ። ዋላ ነቲ ካብ ሓዳር ወጻኢ ዚፍጸም ግብረ-ስጋ ቅኑዕ ከምዝኾነ ኣምሲሉ እዩ ዜሕስባ። ከምዚ ዓይነት ስምዒት ፍቕሪ ድማ ንኽትዝሙ ከምዝተፈቕደላ ኣእሚኑ ናብ ፈተና ኪእትዋ ይኽእል።

2. **ሓድሽ ናይ ግብረ-ስጋ ርክብ፡-** ከምቲ ብዙሓት ደቀንስትዮ ብሓድሽ ፍቕሪ ዚፍተና፡ ብዙሓት ደቂ ተባዕትዮ ኸኣ ብሓድሽ ናይ ግብረ-ስጋ ርክብ እዮም ዚፍተኑ። ዝተመርዓዉ ደቂ ተባዕትዮ ብዙሕ ሳዕ "ምስ ካልእ ሰበይቲ ብግብረ-ስጋ ምርኻብ'ሲ ኣዝዩ ዜሐጉስ እዩ ዚኸውን እምበር!" ዚብል ሓሳብ ይሓስቡ። እወ ዋላ ነቶም ሰዓብቲ ክርስቶስ እውን እዚ ፈተና እዚ ኣለዎም። ሓድሽ ይደልዩ። ንኽፍትንዎ ጥራይ!

3. **ኣድናቕት ፡-** ሰብኣይ ይኹን ሰበይቲ ብዛዕብኡም ጽቡቕ ዚዛረብ ዜድንቕም፡ እንተረኺቦም፡ ግብረ-ስጋ ንምፍጻም ይፍትኑ እዮም። ሰበይቲ "ብዛዕባይ ጽቡቕ ነገር እዩ ዚዛረብ ዘረባይ ባህ የብሎ፡ ኣተሓሳስባይ የድንቕ" እትብሎ ሰብኣይ እንተረኺባ ንዝሙት ኪትፍተን ትኽእል እያ። ሰብኣይ'ውን ከምኡ።

ከምዚ ዚበለ ኣድናቕት ምርካብ፡ ኩልና ኢና ሃረር እንብሎ። ዝኾነ ሰብ ካብ ንግብረ-ስጋ ርክብ ንላዕሊ ኣድናቕት ክረክብ እዩ ዚደሊ። ጥዑም ዘረባ ምዝራብ ዚመልካ'ሞ ንዘይሰብኣየን ወዳዲሰን ዜስሕታ ብዙሓት እየን። ብርግጽ ብዙሓት መስሓትቲ ሰብኡት'ውን ንዘይኣንስቶም ወዳዲሶም ሰብነተን ከም ዝህባኦም ዚገብሩ'ውን ኣለዉ።

4. **ዘመናዊ ተርእዮታት፡** ብዙሓት ናይ ፊልም፡ መጽሄት፡ ከምኡ'ውን ናይ ተለቪዥን መደባት "ስለምንታይ ምስ መጻምድትኻ ጥራይ ብግብረ-ስጋ እትራኸብ ካልእ ዘይትፍትን፡ ኩሉ ዝገብሮ ዘሎ እንድዩ" ዜስምዕ መልእኽቲ የተሓላልፋ እየን። እዚ ዘመናዊ ፍጻመታት ድማ፡ ንብዙሓት ሰብ-ሓዳር ምስ መጻምድቶም እሙናት ኮይኖም ንኸይቅጽሉ ፈተና ይኾኖም።

እዞም ዝጠቐስናዮም፡ እቶም ቀንዲ ናብ ዝሙት ዜምርሑ ዝርዝራት እዮም።

እታ ካልኣይቲ ሕቖ ንዝሙት ከመይ ጌርና ክንከላከሎ ንኽእል? እያ ትብል። እቲ መልሲ ነፍሲ ወከፍ። ሰብኣይ ይኹን ሰበይቲ፡ ካብዞም ዝተጠቐሱ ኣርባዕተ ዝርዝራት ምስ ዚጥንቀቕ እዩ ንዝሙት ኪከላኸሎ ዚኽእል ዚብል እምነት ኣሎና። እዚ ማለት ድማ።

1. **ሰብኡት ኣንስትኹም ኣፍቅሩ፡-** ንበዓልቲ ቤትካ፡ ብቓልን ብግብርን ምስ እተፍቅራ፡ ንሓድሽ ፍቕሪ ፈጺማ ኣይክትምነን እያ።
2. **ኣንስቲ ድማ፡ ኣብ ሓዳርክን ነቲ ናይ ግብረ-ስጋ ርክብ ዜሐጉስ ንምግባሩ ጸዓራ፡-** ብፍርቂ ልብኺ ኣይትፈጽምዮ። በዓል ቤትኪ ምስ ካልእ ብግብረ-ስጋ ንምርኻብ ምእንቲ ከይፍተን፡ ርክብኩም ኣዝዩ ዘሐጉስ ከም ዚኸውን ግበርዮ። ኣብ ገዝኡ መኪና ዘላቶ ሰብኣይ፡ ብሽክለታ ኪሰርቕ ዚፍትን የለን።
3. **ብዛዕባ ሓድሕድኩም ጽቡቕ ነገር ተዘራረቡ፡-** ንመጻምድትኻ ዜሕዝን ወይ ልባ ዚሰብር ቃል ትዛረባ ኣንተኸንካ ንዝሙት ትደፋፍኣ ከምዘለኻ ዘክር። ሰበይቲ'ውን ከምኡ። ስለዚ ንበዓል ቤትኪ ምድናቕ ኣይትረስዓ፡ ሰብኣይ'ውን ከምኡ።
4. **ዘመናዊ ተርእዮታት ንዝብለካ ንጸገም፡-** ናይ ፊልምን መጽሄታትን መልእኽቲ ዝኾነ ይኹን ብዘየገድስ ንሰኻ ግን ንእግዚኣብሄር ክትእዘዞ ወስን።

3. ራሄል

ሕቶይ ዝኾነ ሰዓቢ ክርስቶስ ንፈተና ኣይፋልን ክብልዶ ኣይክእልን እዩ ዚብል እዩ። በዓልቤተይሲ (መምህር እዩ) ካብ ዝሓለፈ ዓመት ኣትሒዙ ናብ ርሑቕ ቦታ ስለ ዝተመደበ፡

ሓንሳብ ኣብ ወርሒ ጥራይ እዩ ክመጽኣኒ ዚኽእል። ኣብቲ ንሱ ዚምህረሉ ምስኡ ክይደ ክቐመጥ ከኣ ይደልየኒ ኣሎ። ጸገመይ ግን ኣብዚ ዘለኽዎ ጽቡቕ ስራሕ እዩ ዘለኒ። ኣብኡ ክይደ ድማ እንታይ ዓይነት ስራሕ ክምዘጋጥመኒ ኣይፈልጥን እየ።

ዝተፈተኹም ብሩስን ኬሮልን፡ ብዙሓት ሰብኡት ካብ በዓልቲ ቤቶም እንተተፈልዮም በብዘለውዎ ድላዮም ክምዝገብሩ እፈልጥ እየ። በዓልቤተይ ግን ሰዓቢ ክርስቶስ ስለ ዝኾነ፡ ክምኡ ኪገብር ኣይክእልን እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ፈተና ኪዛረብ እንከሎ ግን፡ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ ፈተና ንኽንዕወት ክምዚሕግዘና'ዶ ኣይጠቕሰን እዩ።

ዝተፈተኺ ራሄል፡-

ዝሙት ሓያል ፈተና ስለ ዝኾነ፡ ሰብኣይን ሰበይትን ናይ ሓድሕድ ድሌታቶም ኪመላልኡ ክም ዘለዎም'ውን እኳ መጽሓፍ ቅዱስ ይዛረብ እዩ። (1ቆረ7፡5) ስለዚ ብቐዕ ምክንያት እንተዘይሃልዩ ሰብኣይን ሰበይትን ንንውሕ ዝበለ መዓልታት ክፈላለዩ የብሎምን።

ብወገንና ናብ በዓል ቤትኪ ምኻድ፡ ንዓኺ'ውን ጽቡቕ ኪኸውን ስለ ዝኽእል ምስቲ በዓል ቤትኪ ዝበሎ ንሰማማዕ። ጐይታ ኣብቲ ቦታ'ውን ስራሕ ምእንቲ ኬዳልወኪ ድማ ሕተትዮ!

4. ዳዊት

ኣብ ላዕለዋይ ደርቢ ናይቲ እንቕመጠሉ ገዛ ዚነብር ሰብኣይሲ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ንደቁን በዓልቲቤቱን ኣባሪሩ ኻልኣ ጓል ተመርዕዩ ኣሎ። ኣቑዲሙ'ውን እዚ ሰብኣይ ክምኡ ገይሩ ክምዝነበረ ጐረባብትና ኣዕሊሎምና እዮም። ንመበል ሳልሳይ ግዜኡ እዩ ዚፈትሕ ዘሎ።

ኣነን በዓልቲ ቤተይን ክልተ ኣጸቢቑም ዘይጐበዙ ቈልዑ ኣለዉና። በዚ ናይዚ ሰብኣይ ዜሕዝን ተግባር ከይጽለዉ ድማ ሰጊእና ኣሎና። ናብ ካልኣ ገዛ'ዶ ክንቅይር።

ዝተፈተኻ ዳዊት፡-

ኣይፋልን። ኣብቲ ዘለኹም ደኣ ጽንሑ። ደቐኹም፡ ካብቲ ዘየሐጉስ ተግባር ናይቲ ሰብኣይ ገለ ትምህርቲ ኪረኽቡ እዮም። እቲ ሰብኣይ ምስ'ዛ ሓዳሽ ሰበይቲ፡ ብመጀመርያ ሕጉስ ህይወት ክምዝህልዎ ደቐኹም ኬስተውዕሉ እዮም። ብቐጻሊ ኬዕልሉ፡ ብሓባር ኪስሕቁ ክርእይዎም እዮም። እዚ ሓጐስ እዚ ግን ንነዊሕ እዋን ዚጸንሕ ኣይኮነን። ኣዋርሕ ብዝሓለፈ ጉድለታት ኪርኣዩም ኪጅምር እዩ። ኪበኣሱ ድማ እዮም። ከምቲ ነተን ቀዳሞት ዘይነሓፈን፡ ነዚኣ'ውን ኪንሕፋ ዘሎ ዕድል ጸቢብ እዩ። ሓልዮት ሓዳር'ውን ኣሎ። ግብሪ ምክፋል ስራሕ ምውፋር፡ ምዕራይ መኪና፡ ወዘተ ድሕር'ዚ ድማ "እቲ ሓጐስ ኬምጽኣለይ ኢለ ዝጀመርክዎ ደኣ እንታይ ወሪድዎ" ዚብል ሓሳብ ይመጸ።

ቀጺሉ ካልእ ሰበይቲ እዩ ኬናዲ ዚጅምር። ናታ ከየገደሳ፡ ንዕኡ ጥራይ ከተሐጉስ እትጽዕር በዓልቲ ቤት የናዲ። ንዓኣ ዚግበረላ ነገራት ብዘየገድስ፡ ወትሩ ንድሌታቱ ሰሓቢት ዝኾነት ሰበይቲ ከናዲ እዩ ዝደሊ። ካብ ሓንቲ ናብ ካልእ እናሰገረ ብዙሓት ብእኡ ኪጉድኣን ኪሓዝናን እየን። ፍቕሪ ኣቦ ዚደልዩ ግናኸ ኪረኽብዎ ዘይክእሉ ብዙሓት ቈልዑ'ውን ኪወልድ ይኽእል። ሕጽር ብዝበለ ነዚ ሰብኣይ'ዚ ክርስቶስ የድልዮ እዩ።

ንሶኻ እምበኣር፡ ዳዊት፡ ነዚ ሰብኣይ ብዛዕባ ክርስቶስ ከተዕልለሉ እትኽእል ኣጋጣሚታት ድለ። ሰሚዑካ እንተተናሲሑ፡ ብሓቂ ዜሐጉስ እዩ። ምንሳሕ እንተኣበየ ግና፡ ደቐኻ ካብ ኩነታቱ እንተወሓደ እዛ እትስዕብ ምህሮ ኪረኽቡ እዮም።

ሓጢኣት እናፈጸመ ዚነብር ሰብ፡ ንነዊሕ እዋን ዚጸንሕ ሓጐስ ኣይረክብን እዩ። ንስድራኡ ከኣ ጓሂ-ልቢ ይኾኖም።

5. ጁልያ

ዝተፈተኹም ብሩስን ኬሮልን፡ መጻሕፍትኹም ኣዝዮም ባሪኾምኒ እዮም። ጐይታ ክመይ ገይሩ ንሓዳረይ ክምዘድሓነለይ ክነግረኩም ኢለ'የ ከኣ ዝጽሕፈልኩም ዘለኹ።

ቅድሚ ክልተ ዓመታት ኣቢሉ እዩ። በዓል ቤተይ ኣብ ገዛና ምስ ሓንቲ ጓል ደቂሱ እረኽቦ። ክምኡ ይገብር እዩ ኢለ እሓስብ ኣይነበርኩን። ምስ ረኽብክዎ ክምዚ ዚሰዕብ

ኢሉኒ። "ኣፍቅረኪ እየ፡ እንተኾነ ነዛ ጓል'ውን ኣፍቅራ እየ።" ብኽያተይ ኪቋርጸ ኣይክኣልኩን። "ንስምዒቱ ብግቡእ እተለዓዕል ሰበይቲ ክኸውን ኣይክኣልኩን። ማለት እዩ" እናበልኩ ንርእሰይ እሓምያ።

ድሕሪ እዚ ግን ንዕኡ ዜሐጉሶ ዘበለ ተግባር ንምግባር ተበጊሰ። ገና ምስታ ጓል ዝነበሮ ርክብ ኣየቋረጸን። ንጐይታ እንታይ ክገብር ከምዘለኒ መዓልታዊ እሓቶ ነይረ። ድሕሪ ብዙሕ ሳምንታት ድማ ገለ ውሳነ ንምውሳድ ደንጉየ ከምዘለኹ ተረዲኡኒ። ኣብታ እዛ ሓሳብ እዚኣ ዝመጸትኒ መዓልቲ፡ ንናይ ቤተክርስቲያን ጓሳ ማሕበር ረኺበ ኩነታተይ ሓቢረዮ። ነቲ ከም ናተይ ጉድለት ገይረ ዝሓሰቦ ዝነበርኩ ከቋርጸ ከኣ ሓቢሩኒ። ንበዓል ቤተይ ከምርጸ ከምዘለኒ ኸኣ ኣረዲኡኒ። ወይ ንዓይ ወይ ድማ ነታ ጓል ኪመርጽ ከምዘለዎ ከዘኻኽሮ ነይሩኒ። ሰብኣይ ነታ ንፍቕሪ እትልምኖ ሰበይቲ ኣነኣኢሱ ኣምዝርእየ እናኣረድኣ ኸኣ "ምረጸኒ" ኢለ ከይልምኖ ተላብዩኒ።

ንበዓል ቤተይ "ምረጽ" እንተኢለዮ፡ ነታ ጓል ከይመርጽ ፈሪሐ። ይኹን እምበር ንጐይታ ከመይ ገይረ ከምዝሓተትክዎ ድማ ዘኪረ። (ገጽ 11)

በዓል ቤተይ ነታ ጓል ሓዲጉ፡ ንዓይ ከምዝመረጸ ኸኣ ከበስረኩም እፈቱ። ድሕሪ እዚ ብዛዕባ እታ ዝጸሓፍኩሉ ጽሕፍቲ ኣመስጊኑኒ። ሓዳርና ኣብዚ ሕጂ እዋን ጽቡቕ ኣሎ። ይቕረ ኸኽብለሉ'ኳ ኣጸጋሚ እንተነበረ ጐይታ ግን ደጊፉኒ። እቲ ዝተጋገየ በዓል ቤተይ እንከሎሰ ሰለምንታይ እየ ኣነ ከምዝተጋኸኩ ጌረ ዝሓሰብ ዝነበርኩ እናበልኩ ድማ እግረም። ከምዚ ናተይ ኣተሓሳስባ ኣብ ኩለን ደቀንስትዮ ድዩ ዝውቱር?

ዝተፈተኸ ጾልያ

ብዛዕባ'ታ መልእኽትኺ ኣዚና ነመስግነኪ። ሰበይቲ፡ ሰብኣያ ብዝፈጸሞ ሓጢኣት ገዛእ ርእሳ ክትሓሚ ኣብ ደቀንስትዮ ብርግጽ ዝውቱር እዩ። ሰብኣያ ካልእ ሰበይቲ እንተለሚዱ መብዛሕትኡ ግዜ ንገዛእ ርእሳ ብልጽቲ ከምዘይኮነት ገይራ እያ እትርእያ። ሰብኣይ'ውን ብተመሳሳሊ። ሰበይቲ ካልእ ሰብኣይ እንተለሚዳ "ኣባይ ገለ ነገር ጉድለት ስለ ዘሎ እዩ" ኢሉ እዩ ዚሓስብ። ዝኾነ ኮይኑ ግን እቲ ጌጋኛ ከምዝኾነ ኪሰምየ ዘለዎ እቲ ዝዘመወ እዩ። እቲ ጉድለት፡ ናይቲ እሙን መጻምድቲ ዘይኮነስ ናይቲ ዝበደለ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ "ኣይትዘሙ" ደኣሉ ዝበለ እምበር፡ "መጻምድትኻ እንተዘመወ ገለ ስለ ዘጉደልካ እዩ" ኣይብልን እዩ።

ስለዚ ጾልያ፡ እቲ ጓሳ ማሕበር ዝተዛረበኪ ቅኑዕ እዩ። በዓል ቤትኪ ካባኽን ካብታ ጓልን ንኽመርጽ ስለ ዝሓበርክዮ ድማ ጽቡቕ ጌርኪ ክንብል ንደሊ። ዘይእሙን ሰብኣይ ህይወት ስድራቤቱ የበላሹ ከምዘሎ፡ ክንገሮ ይግባእ። እታ ዝጸሓፍኩሉ መልእኽቲ ንበዓል ቤትኪ ኣብ ምንቅስቓስ ንኡድ ተራ ነይርዋ። "ክገድፈኪ'የ" ኢሉ'ውን ክመርጽ ይኽእል ነይሩ እዩ። ይኹን እምበር በዓል ቤትኪ ከምዝመርጽ ስለ ዝገብርክዮ ደጊምና ጽቡቕ ጌርኪ ንብለኪ። ገዲፉኪ እንተዝኸውን ነይሩ'ውን ካብ ዓመት ድሕሪ ዓመት ምሳኽን ምስ ካልእን እናደቀሰ ዚነብር፡ ገዲፉኪ ኪኸይድ እዩ ዚሓይሽ።

ብመጻሕፍትና ስለ ዝተባረኽኪ ከኣ ባህ ኢሉና ኣሎ። ገለ ክትጽሕፊ ድማ ንትስፎ።

6. ፍረድ፡

ቅድሚ ክልተ ዓመታት እየ ተመርዕየ። በዓልቲ ቤተይ ግን ካብ ሽዑ ኣትሒዛ፡ ብዙሓት ኣፍቀርቲ እዮም ዘለውዋ። ኣብቲ መጀመርያ ንዓይ ጥራይ ምእንቲ ከተፍቅር ኢለ ናይ ጥንቆላ መድሃኒታት እገብረላ ነይረ። ለውጢ ግን ኣየምጽአን። ገና ምስ ካልእ ምዛር ኣየቋረጸትን።

ዝሓለፈ ዓመት ግን ሓወይ ንክርስቶስ ከም ጐይታን መድሓንን ተቐቢሉ መንፈሳዊ ኮይኑ። ንዓይ'ውን ብዛዕባ ክርስቶስ ምስ ነገረኒ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ንክርስቶስ ተቐቢለ ሰዓቢ ክርስቶስ ኮይነ። ሕጂ ነቲ ናይ ጥንቆላ መድሃኒታት ገዲፈ ንጐይታ ክኣምኖ ከምዘለኒ ተረዲኡ ኣለኹ።

ምስ በዓልቲ ቤተይ ብዛዕባ ክርስቶስ ስሕት ኢለ ኣዕልል እየ። ተግባራታ ደኣ ኣይምስክረላን እዩ እምበር፡ ኣማኒት እየ'ያ እትብል። ኣፍቅራ እየ። እምንቲ ክትኮነለይ ከኣ

እደሊ። ንክርስቶስ ክእዘዞ እደሊ እየ። ክርስቶስ እንታይ ክገብራ ከምዘደልየኒ ግን ኣይፈለጥኩን ዘለኹ። ከምዚ ኢለ ከለኹ ድማ እዩ ሓወይ ናብኹም ክጽሕፍ ሓቢሩኒ ዘሎ።

ዝተፈተኻ ፍረድ፡-

ሰብ፡ ንክርስቶስን ንጥንቁልናን ኣብ ሓደ እዋን ኪኣምን ከምዘይክእል ምርዳእካ ቅኑዕ እዩ። ንክርስቶስ ምምራጽካ ኸኣ ጽቡቕ ኢኻ ገርካ። ኢየሱስ ንበዓልቲ ቤትካ ከተፍቅር እዩ ዚደልየካ። በዘን ዝስዕባ ገርካ ከተፍቅራ ከምእትኽእል ኮይኑ ኸኣ ይስምዓና።

ሀ. ሰናይ ግብሪ፡- ሓልዮት ይሃልኻ። በዓልቲ ቤትካ ኣብ እትደኽመሉ ኣብ ናይ ዕዮ ገዛ'ውን እንተኾነ ሓግዛ። ብዛዕባኣ እተድንቕ ነገር ሃሰስ በል እሞ ንበዓልቲ ቤትካ እትነግረሉ መንገዲ ድማ ኣናዲ። ስምዒታን ሓሳባታን ኽትዕልለካ ኣተባብዓያ። ጽን ኢልካ ስምዓያ። ሓሳባትካን ስምዒታትካን ግለጸላ። ከምዚ ብምግባርካ ከም እተፍቅራን ከም እትግደሰላን ተርእያ ኣለኻ ማለት እዩ።

ለ. ከም እትመርጽ ብምግባር፡- ስለ እተፍቅራ ክትመርጽ ከኣ ከተገድዳ ኣለካ። ዘይእምንቲ ምኽን ክትቅጽሎ ከምዘይትኽእል ፍቐራዊ ብዝኾነ ኣገላልጻ ንገራ። ሓዳርን ዘይእሙንነትን ኣይሳነዩን እዮም። ሓዲኡ ክትመርጽ ኣለዋ። ዘይእምንቲ ንምኽን እንተመሪጻ፡ ሽዑ ገዛኻ ሓዲጋ ክትከይድ ኣለዋ።

ሐ. ካብ ቤተክርስቲያን ናይ ምኽሪ ሓገዝ ብምሕታት፡- ንናይ ቤተክርስቲያንኩም ጓሳ ማሕበር ምሳኻን ምስ በዓልቲ ቤትካን ንኽዘራረብ ዓድሞ። ክልቴኹም ክትገብርዎ ዝግብኣኩም፡ ገለ መንገድታት ክሕብረኩም ይኽእል ይኾውን።

7. ሊና

በዓል ቤተይ ምስዝሓርኾ፡ ወትሩ ንዓይን ንደቀይን እዩ ዚኾጥቅጠና። ዝሓለፈ ሰሙንሲ፡ እታ ክልተ ዓመት ዝዕድመኣ ጓልና፡ ከም ገለ ክትብል፡ ናብቲ ጣውላ ትድይብ እሞ ሬድዮ ትሰብር። በዓል ቤተይ ካብ ሰራሕ ምስ መጸ፡ ነታ ቁልዓ ቅድም ሃሪሙ፡ መሊሱ ንዓይ ተሳሂሉኒ። ኪቃብጸና እዩ ሓሲቡ ነይሩ መስለኒ፡ ከም ብሓድሽ ነታ ቁልዓ ተመሊሱ ድማ ንዓይ ቅጥቅጥ ውዒሉና።

ኣብ ሓዳረይ እምንቲ'ኳ እንተኾንኩ፡ በዓል ቤተይ ግን ወትሩ እዩ ዝጥርጥረኒ። ምስ ዝኾነ ሰብኣይ፡ ዋላ ዘመድ ይኹን ክዛረብ እንተርእዩኒ ኸኣ ቀልጢፉ እዩ ዚቑጣዕ። ከምኡ ምኽኑ ፈሊጠ፡ ንኸየቕጥየ እጽዕር እየ። ይሕጸር ይንዋሕ ግን ጌጋ እፍጽም እም፡ ቁጥዓ ይዓርግ። ክገርመኩም፡ ስለ ዝሃረመኒ'ውን ጌጋ ከምዘይብሉ እዩ ዚዛረብ። ብኣንጻሩ'ኳ ደኣ "ስለ ዘሕረቕክንስ። ንሸኺ ኢኺ በደለኛ" እዩ ዚብል።

እናኸሃርመኒ፡ ቁስለይ ምእንቲ ኪሓብእ ናብ ኣንዳዓለቦይ እየ ዚኸይድ። ሰዓቢት ክርስቶስ ስለ ዝኾንኩ ክዕገስ ከምዘለኒ ከምእተዘኻኽሩኒ እፈልጥ እየ። ማህረምቲ ኣዝዩ ሰልቺዩኒ ስለ ዘሎ ግን እንታይ ከምዝገብር ከኣ ጠፊኡኒ እዩ ዘሎ።

ዝተፈተኸ ሊና

"ተዓገሲ" ኣይኮነን ክንብለኪ። ብኣንጻሩ እዩ። ኣብ ገለ ፍጻመታት "ትዕግስቲ ይኣክል፡ ሕጅስ ስጉምቲ ደኣ ውሰድ። ብኸምዚ ምዕጋስ ኣየድልይን እዩ ስጉምቲ ውሰድ።" እንብለሉ ግዜ ኣሎ። ንኣብነት መጻምድተይ ትዝሙ ኣላ ንዝበለና ሰብኣይ፡ "ትዕግስቲ ይኣክል፡ ስጉምቲ ውሰድ፡" ኢና እንብሎ። ንሰበይቲ በዓል ቤታ ይሃርማ እንተሎ ኸኣ ፈጺምና "ተዓገሲ" ኣይንብልን ኢና።

ንዘማዊ ወይ ተሃራራሚ ሰብ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ተዓጊስካ ምርኣይ ኣይልውጠን እዩ። ውሳነ ምውሳድ ግን፡ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ርኡይ ለውጢ እዩ ዘምጽእ። ስለዚ ሊና፡ "ስጉምቲ ውሰዲ" ኢና ንብለኪ። እዘን ዝስዕባ ሰለስተ ውሳነታት ንኽትወስድየን ከኣ ብወገንና ንሕብረኪ።

- ኩነታትኪ ንስድራኺ ወይ ንቤተክርስትያንኪ ንገሪ፡ ቁስልኺ ምሕባእ ከኣ ኣቋርጺ። ማህረምትኺ'ውን ኣይትሕብኢ።
- ከምዚ ምስ ገበርኪ ከም ብሓድሽ እንተሃሪሙኪ ንዕኡ ገዲፍኪ ምስ ስድራኺ ጽንሒ።

- ናብ በዓል ቤትኪ ቀልጢፍኪ ኣይትመለሲ። ንሱ ለውጢ ኪገብር ከምዘለዎ ምናልባት ድሕሪ ብዙሕ ሳምንታት ወይ'ውን ድሕሪ ኣዋርሕ ክርድኦ ይኽእል እዩ።

ከምዚ ዓይነት ውሳነ ምውሳድ፡ ሰብኣይ ገዛእ ርእሱ ኽኸሓትት እዩ ዚገብሮ፡ "እንታይ እየ ዝገብር ዘሎኹ? ብሓቂ'ዶ ንበዓልቲ ቤተይ ክስእና እየ ማለት ድዩ?" ኢሉ ኽኸሓስብ ይገብሮ እዩ።

ብርግጽ ገለ ሰብኡት'ኳ እታ ሰበይቲ ዝኾነ ዓይነት ስጉምቲ ትውሰድ ብዘየገድስ ዘይልወጡ'ውን ኣለዉ። ካብ ብትዕግስቲ ምጽባዮም ግን መብዛሕትኡ ግዜ ስጉምቲ ምውሳድ እዩ ዜዐውት። መጽሓፍ ቅዱስ፡ ኣብ ምሳሌ ከምዚ ይብል። "ስምብራት ዚሓድግ መውቃዕቲ ኽኽፍኣት ከምእትሓድግ ይገብረካ። መውቃዕቲ ከኣ ህይወትካ ከምእትልውጥ ይገብረካ" ምሳሌ20፡30

ስለዚ ሊና፡ እዘን ዝበልናኪ ሰለስተ ስጉምትታት ምስ ወሰድኪ በዓል ቤትኪ ጌጋ ኪገብር ከምዝጸንሐ ተረዲኡ፡ ኪልወጥ ኢና እንትስፎ። ለውጢ ምግባር ኣብዩ፡ ብቐጻሊ ምህራም ኣንተቐጺልዎ ግን ዋላ ንሓዋሩ'ውን ገዲፍክዮ ክትከዲ ኣለኪ። ዝመጸ ይምጻእ፡ ሰማያዊ ኣቦኺ ምሳኺ ከምዘሎ ጥራይ ፍለጢ። መዝሙር 31 ምስ እተንብቢ ኸኣ ንልብኺ ከጸናንየ እዩ።

መዝኸሪ፡- ከም በዓል ሊና ዝኣመሰላ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ደገፍ እዩ ዜድልየን። ኣብያተ ክርስትያናትና ኽኸምዚኣን ዝኣመሰላ ኪፍቅራን ኪሕግዛን ከኣ ኩልና ነተባብዓየን። ማቴ18፡17። 1ዮሃ3፡17

8. ሎይስ፡-

ቅድሚ ክልተ ዓመትሲ፡ ንሓደ ንሓሙሽተ ኣዋርሕ ጥራይ ዝፈለጥክዎ ወዲ ተመርዕየ። ብዙሕ ከይቀጸልና ግን ባእሲ ጀሚርና። ደሞዙ ውሑድ ሰለ ዝነበረ፡ ክራይ ገዛ ኣነ እየ ዝኸፍሎ ነይረ። ንሱ ግን ምስ ኣዕሩኹ ክሰቲ የምሲ እሞ ንገዛ ምስ መጸ ይሃርመኒ። ዝሓለፈ ወርሒ ተሓሊለ ገዲፈዮ ከይደ።

ሕጂ ግን ተመለሰ ይብለኒ ኣሎ። ንክርስቶስ ከም ዝተቐበሎን መስተ ከምዝሓደጎን ድማ እዩ ዚነግረኒ ዘሎ። ብሓቂ ከምኡ ከምዝኾነ የጠራጥረኒ እዩ። ደሓር ከኣ ደንጉዩ። ንዓኡ ዝነበረኒ ፍቐሪ ተጸንቂቑ እዩ። ክጸወሮ ኣይክእልን እየ። ንዕኡ ፈቲሐ ካልእ ፍቐሪ ክጅምር እየ ዝደሊ ዘሎኹ። እቲ ዝነበረኒ ፍቐሪ ሓዋኖ ዘይምንባሩ ኸኣ ሕጂ በረሁለይ ኣሎ። ሓቀኛ ፍቐሪ ኣይመውትን እዩ። ወይ ከኣ ንነዊሕ እዋን'ውን ኣይጠፍእን እዩ።

ብዛዕባ እቲ ዝሓሰብክዎ ናይ ፍትሕ መደብ፡ ንሓደ ሓው ምስ ኣዕለልክዎ ግን ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ነዛ እትሰዕብ ጥቕሲ ኣርእዩኒ። "ሰበይቲ ካብ ሰብኣይ ኣይትፈታሕ፡ እንተተፈትሐት ከኣ በኪ ትንበር ወይ ከኣ ምስ ሰብኣይ ትተዓረቕ። ሰብኣይ'ውን ሰበይቱ ኣይፍታሕ" (1ቆረ7፡10-11)

በጃኹም ኣነጺርኩም ኣረድኡኒ። ነዚ ሰብ እዚ ሓዲገ ንቫልእ ክምርየ እኽእል'ዶ?

ዝተፈተኺ ሎይስ፡-

ቅድሚ ነቲ ናይ ፍትሕ ዚምልከት ሕቶኺ ምግላጽና፡ ብዛዕባ ፍቐሪ ክትፈልጥዮ እንደልዮ ኣሎ። ኣብ መልእኽቲኺ "ሓቀኛ ፍቐሪ ኣይመውትን እዩ ወይ ከኣ ንነዊሕ እዋን ኣይጠፍእን እዩ" ዝበልክዮ ጌጋ እዩ። ብኣንጻሩ ወድን ጓልን ፍቐሪ ክጅምሩ ከለዉ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ብሓቂ እዮም ዚፋቐሩ። ድሕሪ ሒደት ዓመታት ግን እቲ ስምዒት ፍቐሪ ጠቕሊሉ ይጠፍኦም። ከምዚ ምስ ዘጋጥም ግን እቲ ሓዳር ፈጺሙ ተስፋ ዘይብሉ ኮይኑ ማለት ኣይኮነን። ከም ብሓድሽ ንሓድሕዶም ኪፋቐሩ ይኽእሉ እዮም። እወ፡ ዝጠፍኣ ፍቐሪ ኪምለስ ይከኣል እዩ።

ስለዚ ሎይስ፡ ኣብ ሓዳርኪ'ውን ገና ተስፋ ከምዘሎ ኢና እንኣምን። በዓል ቤትኪ ለውጢ ከምዝገበረ ይነግረኪ ኣሎ። ክትመጽእዮ ኸኣ እዩ ዚጽውዓኪ ዘሎ። ኣብ ልዕሊኡ ዝኾነ ስምዒት ፍቐሪ'ኳ እንተዘይበልኪ ተመሊስኪ ከተፍቅርዮ ክትጅምሪ ግን ንምዕደኪ።

ፍቐሪ እንታይ ማለት እዩ ግዲ? ኢየሱስ እኮ ፍቐሪ ነቲ ጽቡቕ ክትገብረሉ ዘይትደሊ ሰብ'ውን እንተኾነ ጽቡቕ ምግባር ማለት እዩ፡ እዩ ዚብል (ሉቃ10፡30-35) ንሸኺ ድማ ንበዓል

ቤትኪ ከትፍቅርዮ ትኽእሊ ኢኺ። መዓልታዊ ጽቡቕ ዚበሃል ዘበለ እናገበርክን እናተዛረብክን ፍቕርኺ ክትገልጽሉ ትኽእሊ ኢኺ። ከምኡ ክትገብሪ ጎይታ ሓይሊ ኬዕጥቐኪ ድማ ንጽልየልኪ። ኣምላኽ ኣብ ህይወት በዓል ቤትኪ ድማ ኪዓዩ ኸኣ ንጽሊ።

ኣስቃቒ ናብራ ንዝነበሮ ሓዳር፡ እግዚኣብሄር ግን ዜደንቕ ፍቕሪ ዝመልኦ ቤት ገይሩ ኪልውጦ ከምዝኽእል፡ ንፈልጥ ኢና። ገለ ሰብኡት ግን ኃኺልወጡ ኣጸገምቲ ከምዝኾኑን፡ ምስኡም ምንባር ድማ ኣሸጋሪ ምኻኑን ከኣ ይርድኣና እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ነታ ሰበይቲ ኣማራጺ የብላን። ካብኡ ክትርሕቕ ኣለዋ።

ኣብ ኩነታትኪ ግን ሎይስ፡ በዓል ቤትኪ ብሓቂ ዘይተናስሐ ኮይኑ እንተረኺብክዮ፡ መስተን ምትህርራምን ድማ እንተዘይገዲፍዎ ከም ብሓድሽ ሓዲግክዮ ክትከዲ ትኽእሊ ኢኺ። ሽዑ ድማ እቲ ሓደ ሓዉ ዘርኣየኪ ጥቕሲ ትመጽእ። "እንተትፈትሐት ግና በኪ (ንብሕታ) ትንበር"።

ብኻልእ መዳይ ግን ናብ በዓል ቤትኪ ምስ ተመለስኪ ምናልባት ብሓቂ ተናሲሑ ኪጸንሓኪ'ውን ይኽእል እዩ። ብጥንቃቐ ክትግደስሉ ምስ ጀመርኪ ከኣ እቲ ስምዒት ፍቕሪ ኪምለስ እዩ።

ሎይስ፡ እቲ ጎይታ ንዓኺ ዚገብሮ ነገር ኣይንፈልጠን ኢና። ምናልባት ብሓይሊ ጐይታ፡ ሓዳርኩም ይመሓየሽ ይኸውን። ወይ ከኣ ካብ በዓል ቤትኪ ተፈሊኺ ንጐይታ ብምግልጋል ሓጐስ እናረኸብኪ በይንኺ ንምንባር ዘኽእለኪ ሓይሊ'ውን የዕጥቐኪ ይኸውን።

እቲ ብቐዳምነት ክትወስድዮ ኣለኪ ኢልና እንኣምኖ ስጉምቲ ግን ናብ በዓል ቤትኪ ክትምለሲ እሞ ብዝከኣለኪ ኸኣ ኩተፍቅርዮ እዩ። ጐይታ ሓይሊ ክህበክን እቲ ዚቕጽል ስጉምቲ እንታይ ኪኸውን ከምዝግብኦን ከኣ ኬርእየኪ እዩ።

9. ጆሴፋይን፡-

ገና ንእሽቶ ኻል ኣብ ዝነበርኩሉ፡ ብዛዕባ ግብረሲጋን ካልኦት ምስኡ ዚተኣኣሳሰሩ ነገራትን ምስ ኣደይ ክዘራረብ እፍትን ነይረ። ኣደይ ግን ብዛዕባዚ ኩተዕልል ፈጺማ ኣይትደልይን እያ። ኣማራጺ ስለ ዘይነበረኒ ከኣ ናብ መሓዙተይን መጽሂታትን ኣድሂበ። ካብዚኣቶም ድማ መብዛሕትኡ ጌጋ ወይ ዝንቡዕ ዝኾነ ሓበሬታ ኣኪበ።

ሕጂ ኻል 22 ዓመት እየ። ዝሓለፈ ዓመት ኣቦሓጐይ ስለ ዝሞተ ዓባየይ ምሳና ክትቅመጥ ገዛና መጺኡ። ምስኡ ኸኣ ኣገዳሲ ዕላል ኣዕሊለ። ዓባየይ ንእሽቶ ኣብ ዝነበረትሉ፡ ኩለን ኣዋልድ ከምዚ ዚስዕብ ይመሃራ ነይረን።

- *ሰብኣት ኻል ኣንስተይቲ ብኸመይ ከምዝዓብን ከምዝዓይን*
- *ክሳዕ ዕለተ- መርዓ ብድንግልና ክትጸንሕ ከም ዘለዋ*
- *ንግብረ-ሲጋ ዚምልከት ሓበሬታ*
- *ኣገባብ ኣጠባብዋን- እናጥበወት እንከላ ጥንሲ ዘይምሓዝ ዚህልዎ ኣገዳስነትን*

እቶም ኣወዳት'ውን ከምዚ ዚስዕብ ይመሃሩ ነይሮም።

- *ስለምንታይን ብኸመይን ኪሰርሕ ከምዝግብኦ*
- *ስለምንታይ ኪምርያ ከምዘድልዮ*
- *በዓልቲቤቱ ቀቀልጢፋ ምእንቲ ከይትጠንስ ብዛዕባ ኪገብሮ ዚግብኦ ጥንቃቐ*
- *ንዝዘመወ፡ ሰብኣይ ይኹን ሰበይቲ፡ ብዛዕባ ዚጽበዮ መቐጻፅቲ።*

እዚ ትምህርቲ ብባህርያዊ ኣገባብ ዚወሃብ ኮይኑ፡ ብናይ ስድራቤት ኣብነት ብምስላታት፡ ጽውጽዋያትን ዛንታታትን ብዝኣመሰሉ ኣቢሉ ድማ እዩ ዚወሃብ ዝነበረ። ኣብዚ ሕጂ እዋን መብዛሕትኡም ወለዲ፡ ከምኡ ይገብሩ ስለ ዘየለዉ ግን ትምህርቲ ጾታ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ እንተዝወሃብ እንታይ ይመስለኩም?

ዝተፈተኺ ጆሴፋይን

ካብቲ ብኣብያተ ትምህርቲ ዚወሃብ ትምህርቲ ጾታ፡ እቲ ብልምዳዊ ኣገባብ ዚወሃብ ዝሓሸ እዩ ኢልና ኢና እንኣምን። ብኻልእ ኣዘራርባ ቁልዑ ብዛዕባ ጾታ ዚምልከት

ኣስተምህሮ ካብ ገዝኡም ኪመሃሩ ኣለዎም ኢና እንብል። ብዛዕባ ፍቐሪ፡ ግብረ-ስጋ፡ ኣተዓባብያ ህጻናት ወዘተ። ናይ ግብረ-ስጋ ኣብ ግዜ መርዓ ዚፍጸም መደብ ኣምላኽ ከምዝኾነ እቶም ቄልዑ ኪመሃሩ ኣለዎም። ወለዲ ንደቆም ፍቐራዊ ሓዳር ከመይ ከምዝኾነ ብኣብነት ኬረድእዎም ኪኽእሉ ኣለዎም። ግብረ-ስጋ ስለምንታይ ኣብ መርዓ ጥራይ ኪኸውን ከምዘለዎ'ውን ምስ ደቆም ኪዘራረቡ ኣለዎም።

ስድራኺ፡ በዚ ኣርእስቲ ምሳኺ ዘይዘራረቡ ምኳኖም ንሓዝን። ምስ ተመርዓኺ ግን ንሰክን በዓል ቤትክን ኣብ ልዕሊ ደቐኹም፡ ተመሳሳሊ ጌጋ ኸይትደግሙ ኸኣ ንትስፎ!

10. ቤትራይስ

ንጓለይ ኣብ መበል ክንደይ ዕድሚኣ እዩ ብዛዕባ ጾታ ኪሕብራ ዘለኒ?

ዝተፈተኺ ቤትራይስ፡-

እቲ ኣዝዩ ዘገድስ፡ ዘይምድንጓይ እዩ። ናብ ደረጃ ጉብዝና ከይበጽሐት ከላ ክትነግርያ ዘለኪ ነገራት ኣሎ። ደቀንስትዮ ኣብ 10-12 ዕድሚኣን፡ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ኣብ 12-14 ዓመት ዕድሚኦም እዮም ናብ ደረጃ ጉብዝና ዚበጽሑ። ስለዚ ንልኪ 10 ዓመት ምስ መልኣት፡ ብዛዕባ ጾታ መሰረታዊ ሓበሬታ ከምዝህልዋ ግበሪ።

ብዛዕባ ጾታ ዝምልከት ኩሉ ንገርያ ኣይኮናን ንብለኪ ዘለና። እቲ ዝርዝር ሓበሬታ ኣብ ኣጋ ምምርዓዋ ኪትመሃሮ ትኽእል እያ። 10 ዓመት ምስ መልኣት ግን ብዛዕባ ጾታ ቀሊል ብዝኾነ ኣገባብ ንገርያ። ግብረ-ስጋ እንታይ ከም ዝኾነ ኣረድእያ። ከመይ ገይሩ ናብ ጥንሲ ከም ዘምርሕ ከኣ ሓብርያ። ትእዛዛት ኣምላኽ ከተኽብር ከምዘለዋ'ውን ንገርያ። ብሓጺሩ እቶም ክትዛረብሎም ዘለኪ ነገራት፡ እዞም ዚስዕቡ ኪኾኑ ይኽእሉ።

I. ኣብ እዋን ጉብዝና ኣብ ሰብነት ዚመጹ ለውጥታት፡ ደቀንስትዮ ብዛዕባ ወርሓዊ ጽግያት፡ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ብዛዕባ ብሕልሚ ዘጋጥም ምፍሳስ ዘርኢ ኪመሃሩ ኣለዎም።
II. ንመርዓ፡ ግብረ-ስጋን ጥንስን ዚምልከት፡ ሓጺርን ቀሊልን መብርሂ ጥራይ
III. ዝኾነ ሰብ ኣብ እዋን ጉብዝና ግብረ-ስጋ ንምግባር ባህጊ ከምዝህልዎ፡ ብዛዕባ እዚ ኸኣ ኪጭነቑ ከምዘይብሎም።
IV. ቅድሚ መርዓ ብግብረ-ስጋ ምእንቲ ከይራኸቡ ንኣገዳስነት ምቁጽጻር ስምዒት ዝምልከት፡
V. ግብረ-ስጋ ኣብ እዋን መርዓ ጥራይ ንኽኸውን ንኣምላኽ እንተዘይተኣዘዝካ ኸኣ ዚህሉ ጓህን ሓዘንን ኣነጺርካ ምርዳእ ይግባእ።

ብዛዕባ እዘን ዘልዓልናየን ኣርእስታት ኣብታ "ፍቐርን ሓዳርን" እትብል ካልእ መጽሓፍና ብሰፊሑ ክትረክብየን ትኽእሊ ኢኺ።

11. ካረን

ንልል 14 ዓመት ኣብ ዝነበርኩሉ፡ ምስ ብዙሓት ኣወዳት ብግብረ-ስጋ እራኸብ ነይረ። ወለደይ ግን ብዛዕብኡ ኣይፈልጡን ነይሮም። እርንብቲ ንልሪ ዚመስሎም ዚነበረ። 15 ዓመት ምስ መላእኩ ግን ኣደይ ቅድሚ መርዓ ስለምንታይ ግብረ-ስጋ ኪግበር ከምዘይብሉ ብዝምልከት ነዊሕ ዕላል ኣዕሊላትኒ። ስለምንታይ እዮም ግን ወለድና፡ ቀልጢፎም ዘይነግሩና።

መዘኻኸሪ፡- ንደቐኹም ኣብ ግዚኡ ምእንቲ ክትምህርዎም ንምዝኽኻር ኢልና ኢና ነዛ ናይ ካረን መልእኽቲ ንጽሕፉ ዘለና።

12. ኣንዲ፡-

ኣብዛ ዘለናያ ዘመናዊት ዓለም፡ መናእሰይ ዚኾኑ ሰዓብቲ ክርስቶስ፡ ክሳዕ ዕለተ መርዓ ብድንግልና ኪጸንሑ ይኽእሉ እዮም ኢልኩም ትኣምኑዶ?

ዝተፈተኻ ኣንዲ፡-

እወ፡ ብርግጽ ንኣምን። እቲ ፈተና ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣዝዩ ብርቱዕ ምኻኑ ግን ከኣ ኣይንስሕቶን። እግዚኣብሄር ንነፍሲ ወከፍ ፈተና መውጽኢ ከምዝገብር ስለ ዘተስፈወ ግን ወትሩ ዓወት ምርካብ ይከኣል እዩ። (1ቆሪ10፡13) ገዛእ ርእሶም ገቲኦም ብንጽህና ኘኽነብሩ ዝወሰኑ ብደገፍ ኣምላኽ ከኣ ዝዕወቱ ዘለዉ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝርከቡ ብዙሓት መንእሰያት ንፈልጥ ኢና።

13. ጌዴዎን

እዞም ቄልዑ ሃገርና እንታይ እዩ ወሪድዎም? ንምዕባዮም ኣየኽብሩን፡ መብዛሕትኦም ከኣ ኣብ መስተ፡ ግብረ-ሲጋን ሓሺሽን ተጸሚዶም ኣለዉ። እቶም ወለዲ፡ ናይ ቤት ትምህርቶም ክፍሊት፡ ጽቡቕ ክዳውንቲ ከምኡውን ንጹባኦም ዚኸውን ገንዘብ ከነናዲ ንጽዕር ኣለና። እዞም ቄልዑ ግን ከመይ ይኾኑ ከምዘለዉ እሞ ኣስተብህሉ፡ እንታይ ጸገሙ እዩ ጐኒፉና ዘሎ?

ዝተፈተኻ ጌደዎን፡-

ሓረስታይ ፍርያቱ ጽቡቕ ይቦቕለሉ እንተዘይሃልዩ፡ ንገዛእ ርእሱ እዩ ዚሓታ። “እዚ ዘርኢ ካብቲ ካብ መሬት ክረኽቦ ዝነበሮ እንታይ እዩ ጐዲልዎ ዘሎ?” ይብል። ቄልዑና ከምቲ ዝግባእ ይዓብዩ እንተዘይሃልዮም፡ ንገዛእ ርእስና ኢና ክንሓታ ዘለና፡ “ደቅና ካብ ወለዶም ክረኽብዎ ዝነበሮም ግናኸ ዘይረኸብዎ እንታይ ኣሎ? እንታይ'ከ የድልዮም?

ብዙሕ መልስታት ኪወሃብ ይከኣል እዩ። ህጻናት ካብ ወለዶም ብቑዳምነት ኪረኽቡዎ ኣለዎም ኢልና እንኣምኖ፡ ግዜ እዩ። ደቅና ምስኦም ግዜ ከነሕልፍ ይደልዩ እዮም። ኣብ ጀርዲን ብሓደ ምዕያይ፡ መኪና ምሕጻብ ወዘተ... ብሓባር ምስራሕ፡ ወለዲ ምስ ደቆም ግዜ ኘኽሕልፉ ዚሕግዝ ጽቡቕ መንገዲ እዩ። ወለዲ ምስ ደቆም ኪዘናግው'ውን ጽቡቕ እዩ። ብሓባር ምስራሕን ምጽዋትን ስድራቤታዊ ፍቐሪ ኘኽድልድል ሓጋዚ እዩ።

ወለዲ ምስ ደቆም ግዜ ንምሕላፍ ኪገብርዎ ካብ ዝኽእሉ ካልእ ነገር ከኣ፡ ዕላል እዩ። ኣብነት ምእንቲ ኪኾነና፡ ዳንን በዓልቲ ቤቱን፡ ንደቆም ድሕሪ ድራር፡ መጽሓፍ ቅዱስ እዮም ዜንብቡሎም። ድሕሪኡ ኸኣ ምዉቕ ዕላል የዕልሉ። ሓደ ምሸት ዳን “ንሓደ ምሳይ ዚሰርሕ ዘይእሙን ሰብኣይ ዚበጽሐ ክነግረኩም?” ኢሉ እቲ ዘጋጠመ ኩሉ ምስ ነገሮም፡ በዓልቲ ቤቱ ኸኣ “ንእሽቶ ከለኹ፡ ስለምንታይ ሓቂ ክዛረብ ከምዘለኒ ዝንገረኒ ዝነበረ እንዲኻ ደኣ ኣዘኻኺርካኒ” ኢላ ካልእ ዕላል ኣምጺኣ። ንደቅና ከነዕልሎም እንተጀሚርና፡ እቶም ውሉድ “ወለድና ብሓቂ እዮም ዝግደሱልና፡ የፍቅሩና ድማ እዮም” ዚብል መረዳእታ እዮም ዚሕዙ።

ገለ ወለዲ ገንዘብ ኣብ ምእካብ፡ ጽሙዳት ስለ ዝኾኑ፡ ምስ ደቆም ንዕላል ዚኸውን ግዜ የብሎምን። ዜሕዝን ኣጋጣሚ እዩ። ኣብ ገለ ገለ ኸኣ እቲ ኣቦ ኣብ ሓንቲ ከተማ፡ እታ ኣደ ኸኣ ኣብ ካልእ ዚሰርሑ ኣለዉ። እቶም ቄልዑ ናብ ስድራቤት ከምዝኸዱ ይግበር። እቶም ስድራቤት ከኣ ውሑድ ፍቐሪ ጥራይ ኬርእይዎም ይኽእሉ።

ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ'ውን እቶም ወለዲ ምስ ደቆም እናተቐመጡ ክነሶም ውሑድ ኣቓልቦ ጥራይ ዝህብዎም'ውን ኣለዉ። ኣብ ደቆም ብዙሕ ገንዘብ ብምጥፋእ፡ ነቲ ዘለዎም ፍቐሪ ኪገልጽዎ ይፍትኑ። እኹል ግዜ ንምሃብ ግን ዕዉታት ኣይኮኑን። ምስ ወለዶም ብዙሕ ግዜ ዘየሕልፉ ውሉድ ግን መወዳእትኡ እንታይ እዮም ኪኾኑ? “ወለደይ እኹል ግዜ ሂቦም ኣየዕበዩንን!” ኢሎም'ዶ የጉረምርሙ ይኾኑ? ኣይፋልን። የጉረምርሙ ዘይኮነስ ብውሽጦም ባዶነት እናተሰምየም እዮም ዚዓብዩ። ልዕሊ 13 ዓመት ምስ ኮኑ ኸኣ ነቲ ባዶነት ንምዕጋስ ወይ መስተ የብዝሑ ወይ'ውን ኣብ ፍንው ግብረ-ስጋ ይጽመዱ። ስለዚ ጌደዎን ምስ ደቅኻ እኹል ግዜ ተሕልፍ ኣለኻዶ?

ንደቅኻ ጽቡቕ ነገር ከም እትገዝኣሎም ኣብ መልእኽትኻ ሓቢርካና ኣለኻ። ግናኸ ኣስተውዕል! ንደቅኻ ገንዘብ ኩተውጽእ ጽቡቕ እዩ። እቲ ኣዝዩ ዜገድስ ግን ምስኦም ግዜ ምሕላፍ እዩ። እዛ እትስዕብ ጥቕሲ እንታይ ከምእትብል እስከ ኣስተውዕል!

“ነዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘለኹ ቃላት ኣብ ልብኻ ዕቕሮ። ንደቅኻ ምሃሮም። ኣብ ቤትካ ኮፍ ምስ በልካን ኣብ መገዲ ክትከይድ ከለኻን፡ ኣብ በጥ ምባልካን ምትሳእካን ብእኡ ተዛረብ።” ዘዳ 6፡6-7

ጌደዎን፡ ንሕና እምበኣር እዚ ጥቕሲ ዝብሎ ዘሎ ከም እትገብሮን ዘይትገብሮን ኣርጊጽካ ፍለጥ ኢልና ኢና ንምዕደካ። ንደቕኻ ትእዛዛት ኣምላኽ ምእንቲ ክትነግር ምስኦም እተዕልለሉ ግዜ ይሃልኻ። ኣብ ገዛኻ፡ ኣብ ምድቃስካን ምትንሳእካን ብዛዕባ እግዚኣብሄር ተዛረብ። ካብ ስራሕ ደኺምካ ኣብ እትመጽኣሉ እዋን'ውን እተኾነ ምስ ደቕኻ ካብ ምዕላል ዓዲ ኣይትውዓል። ንበዓልቲ ቤትካ ከኣ ተጠንቂቕካ ኣፍቅራ። ከምኡ ምስ እትገብር፡ ደቕኻ ህድኣትን ሰላምን ኪስምየም እዩ። ኣቦናን ኣዴናን ከምቲ ንሓድሕዶም፡ ንዓና'ውን ይግደሱልና እዮም ከኣ ኪብሉ እዮም።

14. . ጢሞቴዎስ

ቅድሚ ሸዱሸተ ዓመታት እዩ። ቦኽሪ ወድና ንወልድ እሞ በዓልቲ ቤተይ ከኣ ሰራሕ ተቋርጹ። ኣደ ቁልዓ ምስ ቁልዓኣ ኪትውዕል ኣለዋ ዚብል እምነት እዩ ዘለዋ። ገለ ሰባት ግና ሃካይ ስለ ዝኾነት እያ ክብሉ ሰሒቖምና። ኣነ ግን በዓልቲ ቤተይ ኣዝያ ምጭውትን እትንኣድ ኣደን እያ እየ ዚብል። ናትኩም ሓሳብ'ከ?

ዝተፈተኻ ጢሞቴዎስ

በዓልቲ ቤትካ ምስ ደቃ ግዜ ኩተሕልፎ ምድላያ ብሓቂ ንእግዚኣብሄር ክብሪ ይኹኖ። ከምቲ ዝበልካዮ፡ እተደንቕ ኣደ ምኻና ኸኣ ምስ መግለጺኻ ንሰማማዕ። ብዙሓት ሰዓብቲ ክርስቶስ ዚኾና ደቀንስትዮ ኣብዚ እዋን እዚ ናይ ሓዳረን ዕዮ ጥራይ ንኽገብራ ይመርጻ ኣለዋ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ዚወጻ ጋዜጣታት ናይ ብሕቲ ናይ ሓንቲ ቲሪንካ እትበሃል ፍልጥቲ ናይ ቅዲ ሞዴል ክኢላ ምስ ደቃ ግዜ ንኹተሕልፍ ኪትብል ስራሕ ከምዘቕረጸት ሓቢረን እየን።

"ኣነን በዓልቲ ቤተይን ንክርስቶስ ክንስዕቦ ምስ ጀመርና" ትብል ትሪንካ፡ "ነቶም ሰለስተ ደቅና ካብ ምእላይ ዚዓቢ ስራሕ ከምዘየለ ተረዲኡና። እቲ ኣብ ኣምላኽ ዘለኒ ፍቕርን እምነትን ንደቀይ ክገልጸሎም ስለ ዘኽእለኒ፡ ኣብ ገዛ ምውዓል እፈትዎ እየ። ንደቀይ ከኣ ካብዚ ዚዓቢ ህያብ'ሞ እንታይ ኪህቦም እኽእል?"

ቲሪንካ ኣብቲ እትመላለሶ ቤተክርስቲያን፡ ነተን ነኣሽቱ ኣዋልድ ከመይ ገይረን ንፉዓት ኣዴታት ክኾና ከምዝኽእላን ቦቲ በዓል ቤተን ጥራይ ዘምጽኡ ኣታዊ ገዝአን ከመይ ገይረን ከመሓድራ ከምዝኽእላን ትምህረን ኣላ።

ብርግጽ ነፍሲ ወከፍ ሰበይቲ ስራሓ ክትገድፍ ኣይትኽእልን እያ። እታ ኣደ ኪትሰርሕ ኣገዳሲ ዝኾነሉ ኩነታት ኣሎ። በዓል ቤተን እኹል ገንዘብ እናምጽኡ ክንሱ ኪሰርሓ ዚመርጻ ምህላወን ግን ክንደይ ዜሕዝን ኮን'ዩ። ገለ "ጽቡቕ ነገር" ኪገዝኡ ስለ ዝደልያ እየን ዚሰርሓ። እቶም ቆልዑኻ'ሞ እንታይ እዮም ኪኾኑ? ካብታ ብደሞዝ ናይ ዝተቈጽረት ሰራሕተኛ ገዛ፡ ውሑድ ሓልዮትን ኣምላኻዊ ትምህርትን እዮም ኪረኽቡ። እዞም ቈልዑ፡ ደቂ 13 ዓመት ምስ ኾኑ ኣትሒዞም፡ ኣብ ብዙሕ ጸገማት እናኣተዉ ጓሂ-ልቢ እዮም ዚኾንዎም። ሽዑ፡ እቲ "ጽቡቕ ነገር" እናበሉ ብሂጐም ዚገዝእዎ ዚነበሩ ክሳዕ ክንዳኡ ጽቡቕ ዘይምንባሩ የስተውዕሉ። ግዜ፡ 10 ዓመታት ንድሕሪት እንተዝምለስ'ሞ ደቀም ጽቡቕ ጌሮም ኬዕብዩ እንተዝኽእሉ ፡ ክሳዕ ዝምነዩ ኸኣ ይጉህዩ።

ስለዚ ጢመቴዎስ፡ በቶም በዓልቲ ቤትካ ስራሕ ሓዲጋ ኢሎም ዚስሕቁ ሰባት ኣይተጉህ። ዋላኳ ከምቲ ጎረቤትካ ኪገዝእዎ ዝኽእሉ ጽቡቕ ነገር ክትረክብ እንተዘይክኣልካ፡ ንሸኻን በዓልቲ ቤትካን ግን ምስ ደቕኹም ግዜ ብምሕላፍኩም ፈጺምኩም ኣይክትጠዓሱን ኢኹም።

15. ሄለን

ወለዲ ንደቆም ብሻቦጥ ክገርፉ ቅኑዕ ድዩ?

ዝተፈኺ ሄለን፥

ሻቦጥ ክንጥቀመሉ ዝግባእ ግቡእ ግዜ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።

<u>ግቡእ ግዜ፥-</u> ቁልዓ፡ ጽቡቕ ምግባር እናፈለጠ፡ ጌጋ ንምግባር ኪመርጽ ከሎ፡ ሻቦጥ ምልዓል ጽቡቕ እዩ። ንኣብነት፡ ኣደ ነቲ ወዲ ሸውዓተ ዓመት ወዳ ርስሓት ኽጉሕፍ እንተ ነገረቶ'ሞ

ምእንቲ ከይጉሑፍ ኢሉ ሕቐኡ ሂብዋ ናብ ካልእ መኣዝን እንተኸደ ብርግጽ ሻቦጥ ኩተልዕለሉ ኣለዋ።

<u>ዘይግቡእ ግዜ</u>፡- ቁልዓ ብዘይ ምስትውዓል እንተተጋግዩ፡ ወይ ኪገብሮ ዝነበሮ ነገር እንተረሲዑ፡ ሻቦጥ ከነልዕለሉ የብልናን። ንኣብነት ሃንደበት ጣሳ ወይ ቢኪሪ እንተሰበረ፡ እታ ኣደ ክትሓርቕ ትኽእል እያ። ኪትሃርሞ ግን የብላን። ምኽንያቱ ጌጋ ኪገብር ኢሉ ኣይሓሰቦን። ኣጋጣሚ ዝኾነ ነገር እዩ። እቲ ቁልዓ ቅኑዕ ምግባር ፈሊጡ ኽነሱ ጌጋ ንምግባር ኣብ ዝመርጸሉ ጥራይ እዩ ሻቦጥ ኪለዓል ዘለዎ። ዝኾነ ኾይኑ ቁልዓ ክሳዕ ዝህሰ ኪህረም የብሉን። ሒደት ማህረምቲ ጥራይ ነቲ ጌጋኡ ኣዘኻኺረን ንወለዱ ኪእዘዝ ከምዘለዎ ኪፈልጥ ይሕግዛኦ እየን።

16. ክሪስታቤል፡

እታ ናይ ዩኒቨርሲቲ ምርኾቲ ጓለይሲ "ንቑልዓ ብሻቦጥ ምህራም ግዚኡ ዝሓለፎ ኣገባብ እዩ" እያ ትብል። ንሸኹመ'ከ?

ዝተፈተኺ ክሪስታቤል፡-

መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ'ዩ ዚብል። ንቑልዓ ቅጽዓዮ፡ ከመይ መቐጻዕቲ ሻቦጥ ኣይቀትሎን እዩ። እወ ብሻቦጥ ቅጽዓዮ፡ ምናልባሽ ንነብሱ ካብ ሲኦል ተድሕና ትኸውን። (ምሳሌ 23፡13-14) እቲ ሻቦጥ ግን ብብዝሒ ክንጥቀመሉ ኣይግባእን። ቁልዓ ናይ ስድነት ዘረባ ምስ ዚመርጽ፡ ወይ ከኣ እናፈለጠ ምእዛዝ ምስ ዝኣቢ ግን ሻቦጥ ክንጥቀም ኣለና።

17. ኣውስቲን፡

ንኣቦይ ኣዝየ እናፈራሕክዎየ ዓብየ። ዋላ ሕጂ'ውን ብዛዕባኡ ክሓስብ ከለኹ፡ ነታ ሻቦጥ እየ ዝዝክራ። ኣብ ቀረባ እዋን ኪምርያ መደብ ኣለኒ። ንገዛእ ርእሰይ ከኣ፡ "ከመይ ዓይነት ኣቦ ኪኸውን ኣለኒ?" እናበልኩ እሓታ ኣለኹ። ወላዲ ጨካን ገዛኢ ኪኸውን ኣለዎ'ዶ?

ዝተፈተኻ ኣውስቲን፡-

ኣይፋልን። ኣቦስ ንደቁ፡ ፍቐሪ ደኣ ኬርእዮም ኣለዎ። ነዚ ድማ ብሓባር ምስ ደቁ ግዜ ብምሕላፍን ምስኦም ብምዝንጋዕን ኪገብሮ ይኽእል። ንደቁ ኪቐጽዕ ከሎ፡ ብዘኽተሎ ኣገባብ እውን ፍቐሩ ኪገልጽ ይኽእል እዩ። ንኣብነት ኣቦ ንወዱ፡ ምስ ሓደ መንእሰይ ኪዳፈር እንተርእዩ፡ ንወዱ ፍልይ ኣቢሉ፡ ከምዚ ኪብሎ ይኽእል፡- "ስማዕ እዚ ወደይ ከምዚ ክትብሎ ዝጸናሕካ ክትዛረብ ኣይፈቐደልካን እየ። ብዕድመ ንዝዓብዮኻ ምክባር እንተዘይተማሂርካ ምስ መማህራንካ፡ ምስ ኣስራሕትኻ፡ ዋላ ምስ ፖሊስ'ውን ዘየቋርጽ ጸገም ከጓንፈካ እዩ። ስለ ዘፍቅረካ፡ ኣኽብሮት ከምዝግባእ ከኣ ምእንቲ ክትፈልጥ ግን..." ኢሉ ብሻቦጥ ይገርፎ። ቁልዑ፡ ፍቐሪ ንዘርኣዮም ኣቦ፡ ዋላ እንተቐጽየም'ውን ኣይፈርህዎን እዮም።

18. ግላዲ፡

ኣብታ "ፍቐርን ሓዲርን" እትብል መጽሓፍኩም'ሲ "ብዙሓት መንእሰይ፡ ገዛእ ርእሶም ከም ዘይትጠቅም ገይሮም ዚርእይዎ ኣለው። ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ውሽጦም ጓሂ ዝመልኣ እዩ" ኢልኩም ኣለኹም። ወዲ 13 ዓመት ውላድ ኣለኒ'ሞ፡ ከምኡ ዓይነት ስምዒት ኽነይስምዖ ብኽመይ ክሕግዞ እኽእል?

ዝተፈተኻ ግላዲ፡-

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ስዋዚላንድ ተማሃራይ ኣብ ዝነበርኩሉ ካብ ዝሰራሕክወን ናይ ዕዮ ገዛ፡ እታ ዝበርትዐት ኣርእስቲ "ትሕቲ 20 ዓመት ዝዕድመኦም ስለምንታይ'ዩ ዘይጠቕሙ ኮይኖም ዚስምየም?" እያ ትብል ነይራ። ነዛ መጽናዕቲ ቅድሚ ምስርሐይ፡ ስምዒት ናይቶም መናእሰይ ንምፍላጥ ምስኦም ኮፍ ኢለ ኣዕሊለ። ኣብቲ መጀመርያ በብጉጅለ እየ ከዛርቦም ፈቲነ። ካብቲ ናይ ሓባር ዕላል ግን ብዙሕ ሓበሬታ ኣይረኸብኩን። በብሓደ ምስ ኣዘራረብክዎም ግን ከምዚ ዚስዕብ ዚመስል ተዛሪቦም።

እወ፡ ብዙሕ ግዜ እዩ ዘይጠቅም ኮይኑ ዝስምዓኒ። ምኽንያቱ ኣዝየ ንፉዕ ኣይኮንኩን። ሓወይ/ ሓብተይ ኣብ ትምህርቲ ዝያዳይ ነጥቢ ይረኽቡ። ኣብ ስፖርት ተስፋ የብለይን። እቲ ዝኸፍአ ግን መልክዐይ ዘይጽቡቕ ምኳኑ እዩ። ኣብዚ ይኹን ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዙሓት እናተጻረፉ ይስሕቑኒ። ዝኣምኖም ኣዕሩኽ የብለይን። ብዛዕባ እዚ ብዙሕ እየ ዝጭነቐ። ምፍጣረይ ዝጸልኣሉ ግዜ'ውን ኣሎ። ብጌጋ ዝተወለድኩ ኮይኑ ይስምዓኒ። ማለተይ ወለደይ ዝደልዩኒ ኣይመስሉን እዮም።

ከምዚ ዓይነት ጭንቀት ከምዘለዎም ምስ ፈለጥኩ፡ ተገሪመ። ነቶም ዘዘራረብክዎም ካብ ቅድሚ ክልተ ዓመት ኣትሒዘ'የ ዝፈልጦም። መዓልታዊ ምስ መዛኑኦም ኪጻወቱን ኪስሕቑን ከኣ እየ ዝርእዮም። ገለ ጸገም ዘለዎም ኣይመስሉን እዮም። ብፍላይ'ኳ ገለ ካብኣቶም ንፉዓት ተመሃሮ ክነሶም፡ "ኣዝየ ንፉዕ ስለ ዘይኮንኩ'የ ርእሰይ ዘትሕት" ምባሎም ከኣ ገሪሙኒ። ዝድላዮም ጽቡቕት ይኹኑ ኸኣ ዳርጋ ኩሎም በቲ ዝኾንዎ ኣይዓግቡን እዮም። "ኣዝዩ ሓጺር" ወይ "ኣዝዩ ነዊሕ" ወይ "ኣዝዩ ቀጢን" ወይ'ውን ኣዝዩ..." ምኳነይ የጽልኣኒ በሃልቲ እዮም።

ስለዚ ግላዲ፡ ንወደይ ከምዚ ዓይነት ስምዒት ከይህልዎ ከመይ ገይረ ክሕግዞ ኢልካ ምሕታትካ ጽቡቕ እዩ። ቀጺሉ እምበኣር ወላዲ ከመይ ገይሩ ንደቁ ከምዝሕግዝ ዘብርህ ኣብነት ቀሪቡ ኣሎ።

ወላዲ፡- ቢኒ ወደይ፡ ኣብ ቤት ትምህርቶኹም እቲ ሕጉስ ተማሃራይ መን ይመስለካ?

መንእሰይ፡- ምናልባት ስምኦን እዩ ዝኸውን።

ወላዲ፡- ብዙሕ'ዶ ይስሕቕ?

መንእሰይ፡- እወ ይስሕቕ እዩ።

ወላዲ፡- ብዛዕባ ቅርጺ ርእሲ ወይ ብዛዕባ ክዳንን ኣከዳድናን ናይ ገሌኹም እናረኣየ ድዩ ዚስሕቕ?

መንእሰይ፡- እወ... ከመይ ጌርካ ደኣ ፈሊጥካ?

ወላዲ፡- ስለምንታይ ከምኡ ከምዝገብር እስከ ንገረኒ። ምናልባሽ ብውሽጡ ጓሂ ስለ ዘለዎ'ዶ ይኸውን? ወይ ከኣ ብገዛእ ርእሱ ስለ ዘይተኣማመን'ዶ ይኸውን?

መንእሰይ፡- ኣይመስለንን። ስምኦን ደኣ ወትሩ ሕጉስ እንድዩ

ወላዲ፡- (127)

ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ ንሓዋሩ ምስኡ ክትነብር ይደልየካ። በዚ ሕጂ ዘጉህየካ ዘሎ ይግደሰልካ እዩ። ኪሕግዘካ ድማ ይደሊ። ብዛዕባ ብጾትካ'ውን ይግደስ እዩ። ገለ ካብኣቶም፡ ምናልባሽ ብዘይ መደብ እየ ተወሊደ፡ ወለደይ ኣይግደሱለይን እዮም ዚብል ሓሳብ ይህልዎም ይኸውን። ኢየሱስ ማዕረ ክንደይ ከምዘፍቅረና ግን ንሸኻ ክትነግሮም ትኽእል ኢኻ። ዝኾነ ሰብ ብኣጋጣሚ ዝውለድ ከምዘየለ፡ ነፍሲ ወከፍና ብመደብ እግዚኣብሄር ዝመጻእና ምኳንና ከኣ ኣረድኣዮም።

ግላዲ፡ ኩሉ ክትብሎ ዝግብኣካ ኣይኮናን እንዛረበካ ዘለና። ኣንፈትናልካ ግን ኣለና። ንወድኻ ክትሕግዘሉ እትኽእል ሓሳባት ከኣ ጐይታ ኪህበካ እዩ።

19. ሚርያም፡-

ናይ ሓሙሽተ ወርሒ ጥንሲ ኣለኒ። ዘርኢ በዓል ቤተይ ነቲ ዕሸል ከይሃሰዮ ስለ ዝሰጋእኩ ከኣ ብግብረ-ሕጋ ምርኻብ የፍርሃኒ ኣሎ። እንታይ ትምዕዱኒ።

ዝተፈተኸ ሚርያም፡-

ዜጨንቕ የብልክን። ሰበይቲ ድቂ ኣብ እትሕዘሉ፡ ንኣፍ ማህጸን ዚዓጹ ባህርያዊ መወተፊ ኣሎ። እዚ መወተፊ ከኣ፡ ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ኀኸይኣቱ እዩ ወትሩ ዚከላኸል። ስለዚ

ግብረ-ስጋ ንምፍጻም ዜፍርህ የብልክን። ዘርኢ ናብቲ ዕሸል ኪበጽሕ ዝኽእለሉ፡ መገዲ ኸኣ ዋላ ሓደ የለን።

20. ክሪስቲና

ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ጥንሲ ኣለኒ። ከብደይ ከኣ ብዘይመጠን ዓብዩ ኣሎ'ሞ ርክብ ምግባር መዓስ ክቋርጽ?

ዝተፈተኸ ክሪስቲና፡-

ክሳዕ እተን ቀዳሞት ሸሞንተ ኣዋርሕ ግብረ-ስጋ ቀጽሉ፡ ኣብታ ናይ መወዳእታ ወርሒ ግን ኣቋርጹ ኢና እንብል። ከብድኺ ኣዝዩ ይገዝፍኪ እንተሎ ምስ በዓል ቤትኪ ግን ንዓኺ ቃንዛ ከስዕብ ብዘይክእል ኣገባብ ክትድቅሱ ትኽእሉ ኢኹም። ነቲ ርክብ ክሳዕ ሻምናይ ወርሒ ብምቐጻልኩም በዓል ቤትኪ ኪሕጐስ እዩ። ብርግጽ ንሰኺ'ውን ክትሕጐሲ ኢኺ። እወ ኣብ እዋን ጥንሲ እቲ ከናፍር ናይ ርሕሚ ኣዝዩ ንቑሕ ስለ ዝኾነ፡ ኣብዚ ግዜ እዚ ግብረ-ስጋ ንደቀንስትዮ ባህ ዜብል እዩ።

21. ሲንቲያ

ዝሓለፈ ሰሙን'የ ተዋኪረ። ሕቶይ ከኣ መዓስ'የ ብግብረ-ስጋ ምርኻብ ኪጅምር ዘሎኒ ዚብል እዩ።

ዝተፈተኸ ሲንቲያ፡-

ድሕሪ ሕርሲ ንሓሙሽተ ሰሙናት ዚኣክል ግብረ-ስጋ ኪፍጸም የብሉን። ይኹን እምበር ኣብ ቅንያት ሕርሲ ካብ ርሕሚ በብቐሩብ ዚፈስስ ነገር ምስ ዝህሉ፡ ክሳዕ ሽዱሽተ ሰሙን፡ ወይ'ውን ልዕሊኡ ግብረ-ስጋ ኪፍጸም የብሉን። ስለዚ ሓኪም ወይ ከኣ እታ መሕረሲት እትብለኪ ግብሪ።

22. ብሪንዳ፡-

እቲ ኣብ ዕዳጋታት ዚሸየጥ ጸባ'ዶ ዋላስ ጸባ ጡብ ኣደ'ዩ ዚበልጽ? ኣጥባተይ ኣዝየን ነኣሽቱ እየን። እቲ ካብኣን ዚወጽእ ጸባ ኸኣ ኣዝዩ ቀጢን ኮይኑ ማይ-ማዮ እዩ ዚመስል።

ዝተፈተኸ ብሪንዳ፡-

እቲ ኣብ ዕዳጋታት ዝሸየጥ ጸባ ካብ ጸባ ጡብ ኣደ ኣይበልጽን እዩ። እቲ ሓቂ እዚ እዩ። ንጥቕሚ ህጻን ዚኸውን ካብ ጸባ ጡብ ኣደ ንላዕሊ ዚበልጽ ነገር የለን። ኩሉ እቲ ኣብ ዕዳጋታት ብመልክዕ ሓርጭ ዚቐርብ ጸባ፡ ናይ ከብቲ እዩ። ጸባ ከብቲ ድማ ካብቲ ናይ ጡብ ኣደ ዝተፈልየ እዩ። ምራኽ፡ ውልድ ምስ በለ እዩ፡ ኪዘዋወር ዚኽእል። ስለዚ ጸባ ከብቲ ኣዕጽምትን ጭዋዳታትን ኣብ ምድልዳል ዚሕግዝ ብዙሕ ንጥረ ነገራት ኣለዎ። ኣብ ደቂ ሰብ ግን፡ ኣብተን ቀዳሞት ኣዋርሕ፡ ናይ ኣእምሮን ናይ ነርቭን ዕብየት እዩ ቀልጢፉ ዚስጉም። ጸባ ጡብ ኣደ ድማ ኣብ ዕብየት ኣእምሮን ነርቭን ህጻናት ዚሕግዝ ኩሉ ፕሮቲን ኣለዎ።

ካብቶም ጸባ ጡብ ኣደ እናጠበዉ ዚዓብዩ፡ እቶም ብቒቾቶ ዚዓብዩ እዮም ዝያዳ ንሕማም ዚቃልዑ። እዚ ኸኣ ጸባ ጡብ ንህጻናት ኬሕምም ካብ ዚኽእል ነገራት ናይ ምክልካል ብቕዓት ስለ ዘለዎ እዩ። (እቲ ናይ ቒቾቶ ግን ምናልባት ኣብ ከብቲ ንዝርኣ ሕማም እዩ ኪከላኸል ዚኽእል።)

ኣብ መላእ ዓለም ብዙሓት ዘመናውያን ደቀንስትዮ ካብ ቒቾቶ ንጸባ ጡብ ይመርጻ ኣለዋ። ገለ ንቒቾቶ ዚኸውን ጸባ ዜፍርያ ትካላት ግን፡ ቒቾቶ ክንጥቀም ይጉስጉሳ እየን። ግደ ሓቂ ግን፡ ኣል ኣንስተይቲ ፈጺማ ኣብ ዘይትኽእለሉ እዋን እንተዘይኮይኑ ቒቾቶ ክትጥቀም ከምዘይብላ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ኸኣ ብሪንዳ፡ ብዛዕባ ዓቕን ግዝፉ ጡብኺ ኣይትጨነቒ ንብለኪ። ነኣሽቱ ኣጥባት ማዕረ እተን ዓበይቲ ኣጥባት ጸባ ኬፍርያ ይኽእላ እየን። እቲ ጸባ ቀጢን

እንተመሰለ'ውን ኣይትጨነቕ። ጸባ ጡብ፡ ድኹምን፡ ማይ ማዮን'ኳ እንተመሰለ፡ ንህጻን ግን እቲ ዝበለጸ መግቢ እዩ።

23. ኢተል፡-

ንጸባ ጡብ ኪምርዝ ዚኽእል ነገር ኣሎ'ዶ?

ዝተፈተኸ ኢተል፡-

እወ፡ መጺጽ ነገር፡ ወይ ብዙሕ ቅብኣት ዘለዎ መግቢ ኣይትብልዒ። ሽጋራን መስተን ከኣ ክትለኽፊ የብልክን።

24. ኬት

ቁልዓ ንኽንደይ እዋን እዩ ኪጠቡ ዘለዎ?

ዝተፈተኸ ኬት

ንነዊሕ እዋን ከተጥብውዮ ኢና እንነግረኪ። ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ጽቡቕ እዩ። ንሓደ ወይ ክልተ ዓመታት ከኣ ዝበለጸ። ንነዊሕ እዋን ምጥባው ንጥዕና እቲ ህጻን ሓጋዚ እዩ።

25. ጁን

በዓል ቤተይ፡ ሰዓቢ ክርስቶስ እየ በሃላይ እዩ። ዝያዳይ ግን ብዛዕባ እተን ዚሕልወን ማንቲለ እዩ ዚግደስ። ዝሓለፈ ዓመት እዩ ካብታ ዝሰሓላ ዝነበረ ናይ ቀመማት ፋብሪካ ተሰጒጉ። ድሕሪ እዚ ኽኣ ኣብ እንዳ ማንቲለ ዜዕብዩ ትካል ሰራሕ ጀሚሩ።

ካብተን ማንቲለ፡ ሓንቲ ምስ እትወልድ፡ ካልኣይ ግዜ ቀልጢፉ ንኽይትጠንስ ተባሂሉ፡ ፍሉይ ክንክን ከምዝግበረላ ኣስተውዒለ ኣለኹ። በዓል ቤተይ ከምዝብሎ፡ "ሓይሊ ንኽትመልስ ግዜ የድልየ እዩ" ብዝብል ምርዳእ፡ ደቃ ብግቡእ ምእንቲ ኩተዕቢ ንብዙሕ ሰሙናት ካብ ተባዕትዮ ትፍለ።

ንዓይ'ውን ከምኡ እንተዝገብረለይ እየ ዝብል። ኣብ መንጐ እቲ ቀዳማይን ካልኣይን ዘሎ ናይ ጥንሲ ግዜ ሓይለይ ንኽመልስ ዕድል ኣይህበንን እዩ። ኣብ ሰለስተ ዓመታት ሰለስተ ቁልዑ ወሊደ፡ ሕጂ ኽኣ ጠኒሰ ኣለኹ። እታ እትከታተለኒ ኣርስ፡ ነዚ ናይ እግሪይ ቃንዛ፡ ካብቲ ዓመት ዓመት ምውላድ ዝተበገሰ ምሸኑ ነጊራትኒ ኣላ።

ሓፍተይ ኣብቲ ጥንሲ ኪትሕዘሉ ዘይትኽእል ግዜ መመሪጸ ምስ በዓል ቤታ ሰለ እትረኽብ፡ ኣብ መንጐ ጥንሲ ነዊሕ ፍልልይ እያ ትገብር። ንበዓል ቤተይ ብዛዕባ ጥንሲ ክሕዘሉ ዝኽእል መዓልታት እንተነጊረዮ፡ ኣይሰምዓንን እዩ። ዝኾነ ይኹን ብዘየገድስ ኪረኽብ ጥራይ እዩ ዚደሊ። እንታይ ክትብሉና ትደልዩ? ሰበይቲ ናይ ጥንሲ ምርሕሓኞ ኪትገብር የድልየ'ዶ?

ዝተፈተኸ ጁን፡-

ብርግጽ የድልያ እዩ። ሰበይቲ ጥንሲ ንምርሕሓኞ ናይ ክልተ ዓመት ዚኸውን ናይ ግዜ ጋግ የድልያ። ከምኡ ምግባር ከኣ ብኽልተ መንገዲ እዩ ዚሕግዛ።

1. ቁልዓ እኹል ናይ ምጥባው ግዜ ስለ ዝረክብ ጥዕናኡ ዚተሓለወ ይኸውን።
2. ጥዕና እታ ኣደ ኪሕሎ ይሕግዝ። ቀቀልጢፉ እትጠንስ ሰበይቲ ሰብነታ ይደክም እሞ ከም በዓል ቲ.ቢ ዝኣመሰሉ ሕማማት ብቐሊሉ የጥቅዕዋ።

26. ሳምሶን

ወዲ 31 ዓመትን በዓል ሓዳርን እየ። ኣነን በዓልቲ ቤተይን ቁልዓ ከይወለድና ኣርባዕተ ዓመታት ሓሊፉ። ኣብ ሓሙሻይ ዓመትና ግን ወዲ ወሊድና። ኣዚና ተሓጒሰና ኽኣ ንእግዚኣብሄር ኣመስጊንናዮ። ሕጂ ወድና ወዲ ክልተ ወርሒ ኮይኑ ኣሎ። ጸገመይ ግን

ብግብረ-ስጋ ክራኸብ ምስ ዝደሊ ቦዓል ቤተይ ትኣብየኒ ሰለ ዘላ እዩ። ጥንሲ ምእንቲ ክዀጋጥም ዉጥን ስድራቤት ከም እንጥቀም እኳ እንተሓበርክዋ ክትሰምዓኒ ግን ኣይክኣለትን። ወድና ጡብ ክሳዕ ዘይሓደገ ብግብረ ሰጋ ክንራኸብ የብልናን እዩ ትብል ዘላ።

ቁልዓ እናጠበወ እንከሎ፡ ብግብረ-ስጋ እንተተራኺብኪ እቲ ዘርኢ ተባዕታይ ነቲ ጸባ ኪምርዝ እዩ፡ ኢሎም ብዙሓት ሰባት እዮም ነጊሮማ። ነቲ ዝተመረዘ ጸባ ዚሰተየ ህጻን ከኣ ቀጢን ውጽኣት የውጽኦ'ም ይመውት ኪብሉ ሰለዘፍርሕዋ እዩ እትኣቢ ዘላ። እዚ ዝብልዎ ዘለዉ ሓቅነቱ ኣነ'ውን ኣይፈለጥክዎንን። ወደይ ኪጉድኣኒ ብርግጽ ኣይደልን እዩ። ግና እንታይ እንተገበርኩ ይሕሸኒ?

ዝተፈተኻ ሳምሶን፡-

ሰብኣይን ሰበይትን ቅድሚ ሕርሲ ንሓደ ወርሒ፡ ድሕሪ ሕርሲ ድማ ንሓሙሽተ ወይ ሽዱሽተ ሰሙናት ብግብረ-ስጋ ኪራኸቡ የብሎምን። ድሕሪኡ ግን ርክቦም ኪቐጽሉ ይኽእሉ እዮም። ግብረ-ስጋ ንጸባ ጡብ ፈጺሙ ኣየበላሽዎን እዩ። ኣብ ናትካ ኩነታት ሳምሶን፡ ወድኹም ክልተ ወርሒ ገይሩ ስለ ዘሎ ግብረ-ስጋ ክትገብሩ ነጻ ኢኹም። ውላድኩም ብዝኾነ ይኹን ኪህሰ ኣይክእልን እዩ።

እቲ ሰበይትኻ ዚሰምዓቶ፡ ጽውጽዋይ ደኣ'ሉ እምበር፡ ሓቅነት ዘለዎ ኣይኮነን። ዘርኢ ተባዕታይ ንጸባ ኣይምርዝን እዩ። ስድራቤትካ ክትውጥን ምሕሳብካ ኸኣ ዚነኣድ ሓሳብ እዩ። ናይ ክልተ ዓመት ምርሕሓቕ ጥንሲ እንተጌርካ ቁልዑኻን ሰበይትኻን ድልዱላት ንኽኾኑ ኪሕዞም እዩ።

27. **ኤልዮት**

ቦዓልቲ ቤተይ ሰዓቢት ክርስቶስ እዩ። ዝበለትኒ ግን ክነግረኩም። "ምቁረይ፡ እዚ ሓድሽ ቁልዓና ንኽድልድል ግዜ ሰለ ዘድልዮ፡ ንዝቐጽል ክልተ ዓመታት ንሰኻ ኣብ ዓራትካ፡ ኣነ ድማ ኣብ ዓራተይ ኢና እንድቅስ። ካልኣይ ግዜ ንኽንወልድ ናይ ክልተ ዓመት ፍልልይ ሰለ ዘድልየና፡ ክሳዕ ሸዑ ብግብረ-ስጋ ክንራኸብ ኣይንኽእልን ኢና።" እቲ ንሰኹም "ምውጣን ስድራቤት" እትብልዎስ ብኸምዚ ኣገባብ ንኽኸውን ዲኹም እትምዕዱ?

ዝተፈተኻ ኤልዮት

ሰብኣይን ሰበይትን ብግብረ-ስጋ ከይተራኸቡ፡ ንነዊሕ እዋን ኪጸንሑ ፈጺምና ኣይንምዕድን ኢና። ሰበይቲ ድሕሪ ሕርሳ፡ ድሕሪ ሓሙሽተ ሰሙናት፡ ሰብነታ ዳግም ናብ ንቡር እዩ ዚምለስ። ስለዚ ድማ ብግብረ-ስጋ ምርኻብ ኪቐጽሉ ይኽእሉ። ንኽልተ ዓመታት ዚኣክል እንተዘይተራኺቦም ግን ዚበርትዐ ፈተንኣም ዝሙት ኪኸውን እዩ።

"ሓደ ነቲ ሓደ ናይ መውሰቦ ግቡኡ ኣይኽልኣዮ። ንነፍሸኹም ብዘይ ምምላኽኩም ሰይጣን ምእንቲ ከይፍትነኩም፡ ከኣ መሊስኩም ከም ብሓድሽ ተራኸቡ" (1ቆረ7፡5)

ሰበይቲ ናይ ክልተ ዓመታት ናይ ጥንሲ ምርሕሓቕ ኪህልዋ ኢና እንምዕድ። ተጻመድቲ ግንረ-ስጋ እናቐጸሉ፡ ጥንሲ ምእንቲ ኬወግዱ ኸኣ ውጥን ስድራቤት የድልዮም። ንሕና ነቲ ባህርያዊ ኣገባብ ውጥን ስድራቤት ዚበሃል ንመርጽ። ተጻመድቲ ነዚ ኣገባብ እዚ ብኽልተ መንገድታት ኪጥቀሙሉ ይኽእሉ።

1. ቁልዓ ከይወለዱ ኪጸንሑ እንተደልዮም፡ ጥንሲ ንምክልኻል
2. ቁልዓ ኪወልዱ ደልዮም እንተኾነ ጥንሲ ኣብ ምሓዝ እንተዘይተዓወቱ ድማ ጥንሲ ንምሓዝ።

ባህርያዊ ኣገባብ ውጥን ስድራቤት፡ ሕጽር ብዝበለ፡ ብኸምዚ ዝስዕብ እዩ ዚትግበር።

ሰበይቲ መዓልታዊ ነቲ ናይ ከናፍር ርሕሚ ጠሊ ብጥንቃቐ ተስተውዕለሉ። ከምዚ ምግባራ ኸኣ ነተን ጥንሲ ክትሕዘለን እትኽእልን ነተን ካብ ጥንሲ ነዛ ዝኾና መዓልትታትን ፈልያ ንኽትፈልጥ ይሕግዛ።

መዘኻኸሪ፡- ብዛዕባ ባህርያዊ ኣገባብ ውጥን ስድራ-ቤት ብዝምልከት ኣብዛ እትስዕብ መልእኽቲ ብሰፊሑ ተገሊጹ ኣሎ።

28. ሪያን

በዓልቲ ቤተይ ክትጠንስ ሰለ ዘይከኣለት እየ ተሸጊረ ዝጽሕፈልኩም ዘለኹ። ካብ ንምርያ ካልኣይ ዓመትና ቀሪቡ ኣሎ። ክልቴና ከኣ ቁልዓ ክንወልድ ብዘይ መጠን ኢና ሃሪፍና ዘለና። ኣነ ብምኽንያት ሰራሕ ኣብተን መዓልትታት ሰራሕ (ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ) ኣብ ገዛ ኣይሓድርን እየ። ዳርጋ ኩለን ቀዳመ ሰንበት ግና ኣብ ገዛይ ሰለ ዝሓድር ሸው ብግብረ-ሰጋ ንራኸብ ኢና። ኪትጠንስ ግን ኣይከኣለትን። ገለ ምዕዶ ኣለኩም?

ዝተፈተኻ ሪያን ፡-

መልእኽትኻ ምስ ነበብና፡ እዘን ዝስዕባ ነገራት ዘይተረዳኣካ ኮይኑ ተሰሚዑና ኣሎ።

ሀ. ኣብ ወርሓዊ ጽግያት፡ ጥንሲ ኬጋጥመለን ዚኽእላ መዓልታት ውሑዳት እየን። እተን መዓልታት ከኣ “ናይ ቁልዓ መዓልቲ” ተባሂለን ይፍለጣ።

ለ. ሰበይቲ ነተን “ናይ ቁልዓ መዓልቲ” ዝበሃላ ንኽትፈልጠን ክትመሃር ትኽእል እያ። ኣብቲ ናይ ወርሓዊ ጽግያት ዑደት ኣብ ሰብነት ዜጋጥም ለውጢ መዓልታዊ ከተስተውዕለሉ ጥራይ ከኣ የድልያ።

በዓልቲ ቤትካ ነተን “ናይ ቁልዓ መዓልቲ” ዝበሃላ ክተለልየን ኣለዋ። ድሕሪኡ ኣብተን መዓልታት ብግብረ-ስጋ ክትራኸቡ ይግብኣኩም። ነተን “ናይ ቁልዓ መዓልቲ” ዚበሃላ ምእንቲ ክተለልየን ከኣ ኪትርድኦ ዘለዋ ገለ ውሑድ ነገራት ኣሎ።

ሰብነታ ኣብ ወርሓዊ ጽግያት ዚገብሮ ለውጢ ከተስተውዕለሉ እንተጀሚራ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ንሒደት መዓልታት ከናፍር ርሕማ ከም ቁርበት ዓሳ ብዝመስል ሸተተተት ዜብል ቅብኢ ከምዝህልዎን፡ እዚ ነገር እዚ ድማ ጠሊ ዘለዎ ምኻኑን ኬተስተውዕል እያ።

እዚ ናይ ጠሊ ነገር ምስ ተሰምዓ፡ ድሕሪ ክልተ ቅነ እቲ ጽግያት ከምዝጅምር፡ውን ከተለልዮ እያ። ሰብነት ጓል ኣንስተይቲ ክልተ ፈሰስቲ እዩ ዜመንጭ። እቲ ሓደ ደም እዩ። እቲ ካልኣይ ከኣ ልፋጭ ዚበሃል ፈሳሲ እዩ። ልፋጭ ሕብሪ ኣልቦ ፈሳሲ እዩ። ነቲ ናይ እንቋቑሑ ጻዕዳ ነገር ከኣ ይመስል። ብዝሒ ዝፈስስ ልፋጭ ኣዝዩ ውሑድ ኮይኑ ንከናፍር ርሕሚ ኬጠልቂ ዚኽእል ጥራይ ድማ እዩ።

ሰበይቲ፡ ልፋጭ ኣብ እተውጽኣሉ፡ ዘይክትርእዮ ትኽእል እያ። ኣዝዩ ውሑድ ስለ ዝኾነ። ርሕማ ጠሊ ከምዘለዎ ግን ኮፍ ኪትብል ከላን ኪትከይድ እንከላን ኪፍለጣ እዩ። እዚ እንዘራረበሉ ዘለና ጠሊ ነታ ሰበይቲ ኣብ ውሽጢ ርሕሚ ዚስምዓ ኣይኮነን። እቲ ኣብ ግዳማዊ ዚስምዓ ደኣ፡ምበር። እቲ ውሽጣዊ ክፋል፡ሞ ከምቲ ኣፍና ወትሩ ጠሊ ዘለዎ፡ ንሱ፡ውን ከምኡ እዩ። እቲ ግዳማዊ ከናፍር ግና ዚነቐጸሉ መዓልታት ኣሎ። ጠሊ ዚስመየ መዓልታት ከኣ ኣሎ። ጠሊ ኣብ ዚስምየ እዋን ከኣ እታ ሰበይቲ፡ ሰብነታ ልፋጭ ከምዘመንጨወ ኪትፈልጥ ኣለዋ።

ሪያን፡ ንሸኻ ከም ሰብኣይ መጠን፡ ብዛዕባ ወርሓዊ ጽግያት ክትሓስብ ኣይትደልን ትኸውን። እቲ ብዛዕባ ልፋጭ እንብለካ ዘለና፡ውን ዘይክርድኣካ ይኽእል እዩ። በዓልቲ ቤትካ ግን ብቐሊሉ ክትርድኦ ትኽእል እያ። ወርሓዊ ዘጋጥማ ነገር እዩ። ከናፍር ርሕማ ኣብ መብዛሕትኡ መዓልታት ነቐጺ ከም ዝስምዓን፡ ሒደት መዓልትታት ከኣ ብደም ዘይኮነስ ብቫልእ ፈሳሲ፡ ጠሊ ከምዝስምዓን ትፈልጥ እያ። ሕጂ ክተስተውዕሎ እንተጀሚራ ድማ፡ ሰብነታ እዚ ዝስዕብ ለውጥታት ከምዝገብር ክትርዳእ እያ።

- ወርሓዊ ጽግያት ብሓሙሽተ ናይ ደም ምፍሳስ መዓልታት ይጅምር።
- ድሕሪ፡ዚ ኣብ ከናፍር ርሕሚ ነቐጺ ይስምዓ። እዚ ነቐጺ ንብዝሕ ዝበለ መዓልታት ይቐጽል።
- ድሕሪኡ ድማ ኣብ ከናፍር ርሕሚ ጠሊ ይስምዓ። እዚ ኸኣ እቲ ናይ ልፋጭ መዓልትታት ከም ዚጀመረ ይነግራ። ሰብነታ ንሒደት መዓልትታት ልፋጭ ድሕሪ ምውጻእ የቋርጽ።
- ድሕሪ፡ዚ ኣብ ከናፍር ርሕሚ ነቐጺ ይስምዓ። እዚ ናይ ነቐጺ ግዜ ንኽልተ ሰሙናት ኣቢሉ ይቐጽል።
- ቀጺሉ እቲ ናይ ደም ምፍሳስ ዑደት ይመጽእ።

እቲ ኣገዳሲ ነጥቢ እምበኣር እዚ እዩ። ሰበይቲ፡ ኣብቲ ናይ ልፋጭ መዓልታት ብቐሊሉ ጥንሲ ክትሕዝ ትኽእል እያ። ልፋጭ እቲ ዘርኢ ተባዕታይ ብቐሊሉ ኽኪንዓዝ እዩ ዚሕግዝ። ነዚ ምስ ኣንበብካ "ስለዚ ቁልዓ ንኽወልድሲ ምስ በዓልቲ ቤተይ መዓስ ብግብረ-ስጋ ኪራኸብ ኣለኒ?" ክትብል ከምትኽእል ይርድኣና ኣሎ። ሕጽር ብዝበለ እቲ መልሲ እንሆ።

ጥንሲ ኪጋጥመሉ ዚኽእል መዓልታት


ሀ. ኩለን እተን ናይ ልፋጭ መዓልትታትን
ለ. ከምኡውን ድሕሪ ልፋጭ ዘለዋ ሰለስተ መዓልትታትን እየን።

ጥንሲ ንምሓዝ እቲ ዝቐለለ ኣገባብ ከኣ እዚ ዝስዕብ እዩ።

መዓልታዊ ኣብ ከናፍር ርሕሚ ከመይ ይስምዓ ከምዘሎ፡ ነቒሓ ኩተስተውዕል ይግብኣ። ንምሽቱ ከኣ ኣብ ዘዳለወቶ ሰንጠረዥ "ነቐጺ" ወይ ድማ "ጠሊ" ኢላ ከምቲ ዝተሰምዓ ትምዝግብ። ስዒቡ ናይ ሓንቲ ሰበይቲ ሰንጠረዥ ቀሪቡ ኣሎ። (ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰበይቲ ዚዳሎ ሰንጠረዥ ብርግጽ ዝተፈላለየ እዩ)




ኣብ ግዜ ነቐጺ፡ ዘርኢ ብቐሊሉ ኽኪንዓዝ ከምዜሽግር ዜርኢ ስእሊ



ኣብ ግዜ ጠሊ ዘርኢ ብቐሊሉ ኪንዓዝ ከምዝኽእል ዜርኢ ስእሊ

ጥንሲ ንምሓዝ ምእንቲ ኪሕግዛ ሓንቲ ሰበይቲ ዘዳለወቶ ሰንጠረዥ



ጥንሲ ኪትሕዘሉ ዝከኣል መዓልትታት፡ እተን ናይ ልፋጭ መዓልትታትን ከምኡውን እተን ድሕሪኡ ዚቕጽላ ሰለስተ መዓልትታትን ምኻነን ዘክር። ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተሳእለ ሰንጠረዥ ኣስተውዒልካ ጠምቶ'ሞ እታ ሰበይቲ ነተን ናይ ልፋጭ መዓልትታት፡ "ናይ ቁልዓ መዓልትታት" ኢላ ፈልያተን ምህላዋ ከኣ ኣስተውዕል።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ልፋጭ መዓልትታት ጥንሲ ኪጋጥም ይኽእል'ዩ። ይኹን እምበር ካብኡ ናብኡ'ውን ዝበለጸ መዓልትታት ዚበሃል ኣሎ። እተን ጥንሲ ንምሓዝ ኣዝየን ዝበለጻ ክልተ መዓልትታት ከኣ (1) እታ ናይ መወዳእታ ናይ ልፋጭ መዓልትን (2) እታ እትስዕብ መዓልትን እየን። ኣብታ ሰንጠረዥ፡ እዘን ክልተ እንዛረበለን ዘለና መዓልትታት ተፈልየን ኣለዋ። እታ ዘዳለወቶ ሰበይቲ፡ ጥንሲ ክትሕዝ ደልያ ስለ ዘላ ኸኣ ኣብዘን ክልተ መዓልታት ብግብረ-ስጋ ኪትራኽብ ኣለዋ።

ዑደት ጽግያት ናይዛ ሰበይቲ 27 መዓልትታት እዩ። ዑደት ጽግያት ዋላ እንተነውሐ (ንኣብነት 30 መዓልትታት) ወይ'ውን እንተሓጸረ (ንኣብነት 20 መዓልትታት) እተን ዚበለጻ ናይ ጥንሲ መዓልትታት ግን ወትሩ (1) እታ መወዳእታ ናይ ልፋጭ መዓልትን (2) እታ እትስዕብ መዓልትን እየን።

ዝተፈተኻ ሪያን፡- "ገለ ምዕዶ እንተለኩም" ኢልካ ስለ ዝሓተትካና ምዕዶና ኣሕጽር ኣቢልና ክንነግረካ።

- ኣብዘን ዚስዕባ ሽዱሽተ ኣዋርሕ፡ በዓልቲ ቤትካ ከምቲ ተዳልዩ ዘሎ ሰንጠረዥ ኣዳልያ፡ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ከምእትከታተል ኣዘኻኽራ። ኣብታ ቀዳመይቲ ወርሒ ብግብረ-ስጋ እንተዘይተራኽብኩም ይሓይሽ፡ ኢልና ንምዕደኩም። ምኽንያቱ ከኣ በዓልቲ ቤትካ ናይታ ቀዳመይቲ ወርሒ ሰንጠረዥ ብቐሊሉ ኽኸተዳሉ ስለ ዝሕግዛ እዩ። ግብረ-ስጋ ንግዳማዊ ከንፈር ርሕሚ፡ ጠሊ ከምዝህልዎ እዩ ዚገብር። በዓልቲ ቤትካ እቲ ናይ ጠሊ ግዜ ብቐሊሉ ከተለልዮ ምእንቲ ኪሕግዛ ድማ እዩ ብግብረ-ስጋ ኣይትራኽቡ ንብል ዘለና። ነዚ ሓበሬታ ብዝግባእ ተረድኣዮ። በዓልቲ ቤትካ ንመጀመርያ ግዜኣ ሰንጠረዥ ተዳሉ ስለ ዘላ፡ እቲ ናይ ጠሊ ግዜ ብቐሊሉ ኽኸተለልዮ ኪሕግዛ ተባሂሉ እዩ ንሓደ ወርሒ ጥራይ ብግብረ-ስጋ ኣይትራኽቡ ንብለካ ዘሎና።
- ድሕሪ'ታ ቀዳመይቲ ወርሒ'ውን በዓልቲ ቤትካ ነቲ ምድላው ወርሓዊ ሰንጠረዥ ኪትቅጽሎ ኣለዋ። ኣብተን ጥንሲ ኪትሕዘለን እትኽእል መዓልትታት ብሓፈሻ፡ ሒደት መዓልትታት ቅድሚ እተን ልፋጭ ዝርኣየለን መዓልትታት ድማ ብፍላይ ብግብረ-ስጋ እንተዘይተራኽብኩም ጽቡቕ እዩ። ከምዚ ምግባር፡ ሰውነትካ ብዙሕ ዘርኢ ንኽፍሪ ትሕግዞ ኣለኻ ማለት እዩ።
- ብግብረ-ስጋ ክትራኽብ ከለኻ ዝኾነ ቅብኣት ኣይትጠቕም። (ቦዲ ሎሽን ዓይነት ወይ ካልእ ማለት እዩ) ቅብኣት ምጥቃም ነታ ሰበይቲ እቲ ናይ ልፋጭ መዓልትታት ኪደናግራ ይኽእል እዩ። ገለ ቅብኣታት'ውን ዘርኢ ይቐትሉ እዮም። ኣብ ክንዲ ቅብኣት ምጥቃም ግን ንንውሕ ዝበለ ግዜ ብናይ ፍቐሪ ጸወታ ተዘናግዑ'ሞ ሰብነታ እኹል ባህርያዊ ቅብኣት ኪፍሪ እዩ።
- ብሓባር እትኾኑሉ መንገዲ ኣናዲ። ኣብ ቀዳመ ሰንበት ጥራይ ትመጽእ እንተኾንካስ ነተን ብሉጻት ዚበሃላ መዓልትታት እሞ ብኸመይ ኢኻ ክትረክበን?
- ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመታት በዓልቲ ቤትካ ክትጠንስ እንተዘይክኢላ ናይ ክኢላ ሓኪም ሓገዝ ክትረክብ ፈትን።
- ውሉድ ውህበት እግዚኣብሄር ምኻኖም ከኣ ዘክር። ቁልዓ ንኽንወልድ ዝተፈላለየ ጻዕሪ እንተገበርና ጌጋ ኣይኮነን። ጽቡቕ እዩ። ይኹን'ምበር ውሉድ ዚህበና ኸኣ እግዚኣብሄር ምኻኑ'ውን ፈጺምና ክንርስዖ የብልናን።

ዝደለናዮ ዓይነት ሰንጠረዝ ነዳሉ፡ ናብ ዝመረጽናዮ ሓኪም ንኺድ፡ ብፍቓድ እግዚኣብሄር እንተዘይኮይኑ ውላድ ክንረክብ ኣይንኽእልን ኢና። ስለዚ ሪያን ንሸኻን በዓልቲ ቤትካን ውላድ እንተረኺብኩም ንእግዚኣብሄር ኣመስግኑ። ፈጺምኩም ውላድ እንተዘይረኸብኩም ከኣ ትውክልቶኹም ኣብ እግዚኣብሄር ግበሩ። ኣመስግንዎ ኸኣ። እግዚኣብሄር ንሜካን ንበዓልቲ ቤትካን ከምዘፍቅረኩም፡ ከምኡ'ውን ናቱ ፍቓድ ዚበለጸ ምኻኑን እመኑ። ኣይትፋትሑ፡ ክሳዕ ብህይወት ዘለኹም ከኣ ብሓደ ንበሩ። (ማቴ 19፡9) እወ፡ ውላድ ይሃሉ ኣይሃሉ፡ ንጐይታ ተኣዘዝዎ። ብብዙሕ መንገድታት ከኣ ኪባርኸኩም እዩ።

29. ሪያን

ዳርጋ ኩሉ'ቲ ዝጸሓፍኩምለይ ተረዲኡኒ'ዩ። ሓንቲ ሕቶ ግን ኣላትኒ። እቲ ጥንሲ ኪጋጥመኩ ዚኽእል፦

ሀ. እተን ናይ ልፋጭ መዓልትታትን ከምኡ'ውን
ለ. ሰለስተ መዓልትታት ድሕሪ እቲ ናይ ልፋጭ መዓልትታት እየን።

ኣብተን ናይ ልፋጭ መዓልትታት ጥንሲ ኪጋጥም ከምዝኽእል ተረዲኡኒ እዩ። ኣብተን ድሕሪኡ ስዒበን ዝመጻ ሰለስተ መዓልትታት ግን ከመይ ገይሩ'ዩ ጥንሲ ኪጋጥም ዚኽእል?

ዝተፈተኻ ሪያን፦

ሓረስታይ ኣብ ንቑጽ መሬት ብቕልጡፍ ኪመውት ዚኽእል ዘርኢ ኣለዎ እስከ ንበል። ኪዘርኦ ምስ ዝደሊ፣ ርሑስ ዝኾነ መሬት ኪረክብ ኣለዎ። ስለዚ ዝናም ምስ ጀመረ ኣብ ዝኾነ መዓልቲ ኪዘርኦ ይኽእል እዩ። ዝናም ምስ ኣቋረጸ'ውን ክሳዕ ሰለስተ መዓልቲ ኪዘርእ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ ከኣ እቲ መሬት ገና ጠሊ ስለ ዝህልዎ እዩ።

ሰብነት ጓል ኣንስተይቲ'ውን ብኸምኡ ክንምስሎ ንኽእል ኢና። ኣብቲ ናይ ልፋጭ መዓልትታት ጥንሲ ኪትሕዝ ትኽእል እያ። ከምኡ ኾኣ ኣብተን ዝቐጽላ ሰለስተ መዓልትታት'ውን ካብቲ ልፋጭ ኣብ ውሽጢ ዚተርፍ ስለ ዝህሉ፣ ጥንሲ ኪትሕዝ ትኽእል እያ።

መዘኻኸሪ፦ ድሕሪ ዓመት ኣቢሉ፣ ሪያን ናይ ብስራት መልእኽቲ ጽሒፉልና። ጐይታ፣ ምጭው ዝኾነ ቄልዓ ብምሃብ ባሪክዎም። ድሕሪ'ዚ ኾኣ ሪያን እዛ እትስዕብ ሕቶ ሓቲቱ።


30. ሪያን

እዚ ዝተጠቐሰ ሚላ፣ ጥንሲ ኾይጋጥም'ውን ክንጥቀመሉ'ዶ ኣይንኽእልን? ቄልዓ ክንውሰኽ ኣይንደልን ኢና ማለተይ ዘይኮነስ፣ ብርግጽ ክንውሰኽ ንደሊ ኢና። ቅድሚ ካልእ ቄልዓ ምውሳኽ ግን እዚ ተወሊዱ ዘሎ ደልዲሉ መታን ኪዓቢ ናይ ሰለስተ ዓመት ምርሕሓቕ ክንገብረሉ ሰለ ዝደለና እዩ።

ዝተፈተኻ ሪያን፦

ንቑሩብ ዓመታት ከተረሓሕቕ ምድላይካ ዚንኣድ ተበግሶ እዩ። ብርግጽ እቲ ዝተባህለ ኣገባብ፣ ጥንሲ ንምክልኻል'ውን የገልግል እዩ። ብኸምዚ ዚስዕብ ክንጥቀመሉ ከኣ ንኽእል።

በዓልቲ ቤትካ ነቲ ወርሓዊ ሰንጠረዥ ምድላው ትቕጽሎ። እቲ እትገብሮ ምልክት ግን ኣብዚ ዝተፈልየ እዩ። መርኣዩ ዚኸውን ሰንጠረዥ እንሆ፦



ጥንሲ ምእንቲ ከየጋጥም ኣብ ኩለን እተን ናይ ቁልዓ መዓልትታት ብግብረ-ስጋ ኣይትራኸብን። ኣብተን ቀዳሞት ነጻ መዓልትታት ከኣ ነዘን ስዒበን ዚቐርባ ሕግታት ትኽተል።

ኣብቲ ሰንጠረዥ፡ ጥንሲ ኬጋጥመለን ዘይክእል ክልተ ጉጅለታት ናይ መዓልቲ ተመልኪተን ከምዘለዋ ኣስተብህል። ቀዳሞት ነጻ መዓልትታትን ዳሕረዎት ነጻ መዓልታትን" ተባሂለን ከኣ ኣለዋ። ነተን ቀዳሞት ነጻ መዓልትታት ዚምልከት ኣብ ሓጹር ዝተጻሕፈ ሰለስተ ሕግታት ተመልከት።

ነተን ቀዳሞት መዓልትታት ዚምልከት ሕግታት


1. ኣብተን ደም ዚፈሰለን መዓልትታት ብግብረ-ስጋ ኣይትራኸብ፡ ጥንሲ ኬጋጥም ይኽእል እዩ።
2. ምሽት ደኣ ምበር ንግሆ ኣይትራኸቡ። ናይ ንግሆ ርክብ ከናፍር ርሕሚ ጠሊ ከምዝህልዎ ስለ ዝገብር፡ ነቲ ልፋጭ መሲሉ ከየደናግራ ኣከታቲልኩም ንኽልተ መዓልትታት ብግብረ-ስጋ ኣይትራኸቡ። እንተወሓደ ናይ ሓደ መዓልቲ ጋግ ይሃልኹም። መዓልታዊ ብግብረ-ስጋ ምርካብ ግን ከናፍር ርሕሚ ጠሊ ስለ ዝህልዎ ምጅማር ናይቲ ልፋጭ ኬደናግራ ይኽእል እዩ።


ስለዚ ሪያን፡ ክትፈልጥዎ ዝግብኣኩም ኣርባዕተ ነገራት ኣሎ።

1. እቲ ዑደት ብሒደት ናይ ደም ምፍሳስ መዓልታት ይጅምር።
2. ድሕሪ ምፍሳስ ደም፡ ርሕሚ ንሒደት መዓልታት ነቐጺ ይስምየ። እዚኣን እተን ቀዳሞት ነዛ መዓልትታት ተባሂለን ዘለዋ እየን። ኣብዘን ቀዳሞት ነጻ መዓልታት ብግብረ-ስጋ ምርካብ ይከኣል እዩ። እቲ ዝተዋህበ ሕጊ ምኽታል ግን ይግባእ።
3. ድሕሪዚ እታ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ርሕማ ጠሊ ይስምዓ ከምዘሎ ተስተውዕል። እዚ ናይ ጠሊ ስምዒት ከኣ ንሒደት መዓልትታት ይቐጽል። ጥንሲ ምእንቲ ከተወግድ ኣብዘን መዓልታትን ብግብረ-ስጋ ኪትራኸብ የብላን። እተን ናይ ጠልን እተን ዚስዕባ ሰለስተ መዓልትታትን ጥንሲ ኬጋጥመለን ዚኽእላ መዓልትታት እየን።
4. ድሕሪዚ ብግብረ-ስጋ ምርካብ ኪጅመር ይከኣል። እዚኣን እተን ዳሕረዎት ነጻ መዓልትታት ዝተባህላ እየን። ነዘን ዳሕረዎት ነጻ መዓልትታት ዚምልከት ሕጊ የለን። ኣብዘን መዓልትታት ተጻመድቲ ኣብ ዝኾነ እዋን ብግብረ-ስጋ ኪራኸቡ ይኽእሉ። እዘን ዳሕረዎት ነጻ መዓልትታት ንብርክት ዚበለ ግዜ ምስ ቀጸላ ኸኣ፡ እቲ ናይ ደም ምፍሳስ ዑደት ይጅምር።

ሓጺርን ነዊሕን ዑደት

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ዝዳሎ ሰንጠረዥ፡ ዝተፈላለየ ምኽኑ ኸኣ እስከ ንርኣ። ገሊኡ ዑደት ሓጺር ኪኸውን ከሎ፡ ገሊኡ ኸኣ ነዊሕ እዩ። ሓንሳብ ናይ 32 መዓልትታት ዑደት ኪህሉ ይኽእል ወዘተ... ናይ ሓጺርን ነዊሕን ዑደት ሰንጠረዥ ዜርኢ ኣብነት እንሆ፡-





ኣብቲ ሓዲር ዑደት፣ ቀዳሞት ነጻ መዓልትታት ዚበሃል የለን። ነፍሲ ወከፍ ሰንጠረዥ ግን ዳሕረዎት ነጻ መዓልትታት ዚበሃላ ኣለውኡ። ዑደት ይሕጸር ይንዋሕ ዜገድስ ኣይኮነን። ሰበይቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ብእተዳልዎ ሰንጠረዥ መዓስ ጥንሲ ኬጋጥማ ከምዚኽእል ኪትፈልጥ ትኽእል እያ።


ድሕሪ ወሊድ፦

ድሕሪ ወሊድ ዝህሉ ወርሓዊ ዑደት ዝተፈልየ እዩ። ርሕሚ፣ ድሕሪ ሓሙሽተ ሰሙናት ናብ ንቡር ስለዚምለስ ድሕሪዚ ብግብረ-ስጋ ምርኻብ ክትጅምር ትኽእል እያ። ጥንሲ ኬጋጥም ከ ይኽእል ዶ? ድሕሪ ወሊድ ዝህልዋ መዓልትታት ጥንሲ ዘየጋጥመለን ነጻ መዓልታት ድየን? ናብቲ መልሲ ንሕለፍ።

ድሕሪ ወሊድ ሰበይቲ ንብዙሕ ሰሙናት ወይ ውን ንኣዋርሕ ዚጸንሕ ነጻ መዓልትታት ይህልዋ። ኣብዘን መዓልትታት ኣብ ከናፍር ርሕሚ ነቕጺ ጥራይ እዩ ዚስምዓ። ኩሉ ሳዕ ሓደ ዓይነት ስምዒት ይህልዋ። ድሕሪዚ ሃንደበት ሓደ መዓልቲ ጠሊ ይስመዓ። ከምዚ ምስ ኮነ ድሕሪ ወሊድ ንመጀመርያ ግዜ እቲ ወርሓዊ ጽግያት ዑደት ጀሚሩ ማለት እዩ። በብወርሒ ኽኣ እቲ ዑደት ይቕጽል።

ከምዚ ምስ ኮነ፣ እታ ሰበይቲ ጥንሲ ኪትሕዝ እትኽእለሉ መዓልትታት ከምዝኣኽለ ኪትፈልጥ ኣለዋ። ኣብቲ ጠሊ ዝስምዓ መዓልትታትን ድሕሪኡ ኣብ ዘለዋ ሰለስተ መዓልትታትን ከኣ ብግብረ-ስጋ ካብ ምርኻብ ኪትቁጠብ ኣለዋ።

ሓንቲ ዝወለደት ሰበይቲ- ድሕሪ ሕርሳ ን76 መዓልትታት ኣብ ከናፍር ርሕሚ ነቕጺ ጥራይ ይስምዓ ነይሩ ንበል። ኣብ መበል 77 መዓልታ ግን ሃንደበት ጠሊ ይስመዓ። እቲ ናታ ሰንጠረዥ ነዚ ዚስዕብ ይመስል።



ካብ ግዜ ወሊድ ኣትሒዙ ክሳዕ እቲ መጀመርያ ናይ ጠሊ ግዜ እቲ ቀዳማይ ካብ ጥንሲ ነጻ ዝኾነ መዓልትታት ምኻኑ ኣስተብህል። እዚ ማለት ከኣ፡ እቲ ንቐዳሞት ነጻ መዓልታት ዝምልከት ሰለስተ ሕግታት ክትክተል ኣለዋ ማለት እዩ። ኣብ ኩነታትካ ግን ሪያን፡ እዚ ዝስዕብ ምዕዶ ኢና እንህበካ።

እቲ ህጻን ሰለስተ ሰሙን ምስ ገበረ በዓልቲ ቤትካ ሰንጠረዥ ምድላው ክትጅምር ኣለዋ። እቲ ናይ መጀመርያ ዚዳሎ ሰንጠረዥ ኣዝዩ ነዊሕ ኮይኑ ኪትረኽቦ እያ። ናይ 70 መዓልትታት ወይ'ውን ናይ 100 መዓልትታት ወይ ከኣ ምናልባት ልዕሊ ዓመት'ውን ኪኸውን ይኽእል። ዜጥብዋ ኣዴታት ካብተን ብቒቾቶ ዚጥቀማ ዝነውሐ ቀዳማይ ሰንጠረዥ ይህልወን።

ንሰለስተ ዓመታት ጥንሲ ከተወግዱ ደሊኹም ስለ ዘለኹም ግን እተን ቀዳሞት ጥንሲ ዘየጋጥመለን መዓልትታት ዚምልከታ ሕግታት እናኣተግበርኩም ርክብኩም ቀጽሉ። ኣብቲ ጥንሲ ኪጋጥመሉ ዚኽእል መዓልትታት ከኣ ብግብረ-ስጋ ፈጺምኩም ኣይትራኸቡ።

ኣብ ብዙሓት ሃገራት ንባህርያዊ ኣገባብ ስርዓተ ምክልኻል ጥንሲ ብፍሉይ ዚምህራ ክሊኒካት ኣለዋ። ኣብቲ ዘለኻዮ ሃገር ከምኡ እንተሎ ንተወሳኺ ሓበሬታ ምእንቲ ኪሕግዘካ ተወከሶም።

31. ሊዮናርዶ

በዓልቲ ቤተይ ወርሓዊ ጽግያት እናሃለዋ ብግብረ-ስጋ እንተተራኸብና ጥንሲ ኪጋጥም ይኽእል ድዩ?

ዝተፈተኻ ሊዮናርዶ፡-


እወ፡ ጥንሲ ኪጋጥም ይኽእል እዩ። ሓደ ሓደ እዋን ሰበይቲ፡ ኣብ ግዜ ጽግያት ኪትጠንስ ትኽእል እያ። ንኣብነት ኣዝዩ ሓጺር ናይ ወርሓዊ ጽግያት ዑደት ዘለዋ ሰበይቲ (ንበል 24 መዓልትታት) እቲ ጥንሲ ኪትሕዘሉ እትኽእል መዓልትታት ኣብቲ ጽግያት ዚፈሰሉ እዩ ዚጅምር።) ነቲ ኣብ ገጽ ____ ዘሎ ሓጺር ዑደት ዚብል ሰንጠረዥ ተመልከት።

32. ዶሮቲ

ባህርያዊ ኣገባብ ስርዓተ-ምክልኻል እየ ዝጥቀም። ሓንቲ ሕቶ ኽኣ ኣላትኒ። ኣብ መጀመርያ ናይቲ ዑደት ሓደ ሓደ ግዜ ቁሩብ ጠሊ ዘለኒ ኮይኑ ይስምዓኒ እሞ እቲ ልፋጭ እዩ መጺኡ ዚኸውን እብል። ርግጸኛ ግን ኣይከውንን። እንታይ እንተገብርኩ እዩ ዚሓይሸ?

ዝተፈተኸ ዶሮቲ፡-

ንሰለስተ መዓልትታት ብግብረ-ስጋ ከይተራኸብኪ ብርግጽ እቲ ልፋጭ ከምዝመጸ ተኸታተሊ። ንኣብነት እዛ እትስዕብ ሰንጠረዥ ናይ ሓንቲ ኣብ ሻሙናይ መዓልቲ ጠሊ ዘለዋ ኮይኑ ዝተሰምዓ'ሞ ጥንሲ ኪጋጥመሉ ዚኽእል ቀዳመይቲ መዓልቲ ከይከውን ብምስጋእ ዘዳለወታ እያ።



እታ ሰበይቲ፡ ንበዓል ቤታ ብምሕባር ንሰለስተ መዓልትታት ብግብረ-ስጋ ካብ ምርኻብ ኣቋረጸም። ታሽዓይን ዓስራይን መዓልቲ ግን ናይ ነቐጺ መዓልትታት ኮይነን እያ ረኺባቶን። ብኸምዚ፡ እቲ ልፋጭ ከምዘይመጸ ኣርጊጾም ፈሊጦም። ስለዚ ኣብ መበል 11 መዓልቲ ከም ብሓድሽ ብግብረ ስጋ ምርኻብ ቀጺሎም። ኣብተን ቀዳሞት ካብ ጥንሲ ነጻ ዝኾና መዓልትታት ስለ ዘለዉ ኸኣ ነቲ ንዕኡ ዝምልከት ሕጊ ብምኽታል እዮም ዚፍጽምዎ ነይሮም።

ኣብ መበል 14 መዓልቲ ከም ብሓድሽ ጠሊ ከምዘለዋ ኮይኑ ተፈሊጥዋ። ሕጂ'ውን ንበዓል ቤታ ሓቢራ፡ ናይ ግብረ-ስጋ ርክቦም ከኣ ኣቋሪጾም። እቲ ጠሊ ንውሑድ መዓልትታት ስለ ዝቐጸለ ግን ጥንሲ ከጋጥመሉ ዝኽእል ግዜ ከምዝመጸ ተረጋጊጹ። ስለዚ ድማ ኣብ ኩለን እተን ናይ ልፋጭ መዓልትታትን ድሕሪኡ ኣብ ዝቐጸላ ሰለስተ መዓልትታትን ግብረ-ስጋ ኣይተራኸቡን።

እቲ ንብሎ ዘለና ብቐሊሉ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። እንተደኣ ኣብተን ካብ ጥንሲ ነጻ ዝኾና ቀዳሞት መዓልትታት "ልፋጭ" ከምዝመጸ ተጠራጢርኪ ንሰለስተ መዓልትታት ብግብረ-ስጋ ኣይትራኸቢ። እቲ ጠሊ ንውሑድ መዓልትታት እንተቐጺሉ፡ ብሓቂ እቲ ልፋጭ መጺኡ ከምዘሎ ኣረጋጊጽኪ ማለት እዩ።

33. ኣማኑኤል

ውጥን ስድራቤት ንሕብረተ-ሰብና ሓድሽ ኣይኮነን። ኣቦሓጐታትና ናይ ክልተ ዓመታት ምርሕሓቕ ከምዝህሉ እናገበሩ ንምውላድ ጥንቁቕት እዮም ነይሮም። ድልዱላትን ጥዑያትን ስድራቤት ከኣ ይደልዩ ነይሮም። ድኽምቲ ስድራቤት ዘላቶ ሰብኣይ ኣብቲ ሕብረተሰብ ብብርቱዕ ዚንቀፍን ብትሑት ደረጃ ዚግመትን እዩ ዝነበረ።

ኣቦሓጐታትና ወትሩ ዚዛረብዎ ነገር ኣሎ። "ሓራስ ምጥባው ክሳዕ እተቋርጽ፡ ብግብረ-ስጋ ኪትራኸብ የብላን። ከምኡ ምስ እትገብር ግን እቲ ዘርኢ ተባዕታይ ኑቲ ጡብ ኪምርዞ ይኽእል እዩ" ይብሉ ነይሮም። እቲ "ዘርኢ ተባዕታይ ንጸባ ጡብ ይምርዞ" ዚብል ኣተሓሳስባ ኣብዚ ሕጂ እዋን ግኑይ እምነት ምሂኑ ንፈልዋ ኢና። እዚ እምነት እዚ ዓቕን ንኣቦሓጐታትና ሓጊዝዎም እዩ። ምስ እተጥቡ ሰበይቲ ብግብረ-ስጋ ምርኻብ ይፈቕዱ ስለ ዘይነበሩ፡ ናይ ጥንሲ ምርሕሓቕ ነይሩ ማለተይ እየ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ዘሎ ጸገም ግን፡ መብዛሕትና እዞም ነኣሽቱ፡ ጥንሲ ንምርሕሓቕ ኢልና ዝኾነ ነገር ዘይንገብር ምሂንና እዩ። ብዙሓት ኣዴታትን ህጻናትን ድማ ብምኽንያት ዝተቐራረበ ጥንሲ ይሞቱ። ብርግጽ ናብቲ "ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ንጸባ ጡብ ይምርዞ'ዩ" ዚብል ኣተሓሳስባ ክንምለስ ኣይኽእልን ኢና። ንድሕነት ኣዴታትን ቈልዑን ክንብል ግን ዘመናዊ ኣገባብ ስርዓተ ምክልኻል ጥንሲ ዚድልየና ይመሰለኒ'ሞ ትብልዎ እንተለኹም?

ዝተፈተኻ ኣማኑኤል፡-

ብርግጽ እንብሎ ነገር ኣሎ። እቲ "ባህርያዊ ኣገባብ ውጥን ስድራቤት" ዚበሃል ኪጥቀሙ ኸኣ ንምዕድ። ኣብዚ ባህርያዊ ኣገባብ እታ ሰበይቲ ኩነታት ጠሊ ናይ ግዳማዊ ከንፈር ርሕሚ ብምስትውዓል ትከታተል። ነተን ጥንሲ ኪትሕዘለን እትኽእል መዓልትታት ከኣ ትፈልጠን። ባህርያዊ ውጥን ስድራቤት ኣብ መብዛሕትኡ ክፋል ዓለምና ሓድሽ ኣይኮነን። ምስ ህዝብታት ኤስያ፡ ኤውሮጳ፡ ኣፍሪቃን ኣመሪካን እንተዕሊልካ፡ ገለ ካብኦም፡ ከምዚ እናበሉ ኪምልሱልካ ይኽእሉ።

"ኣብ ባህልና ንነኣሽቱ ኣዋልድ ብዛዕባ ናይ ልፋጭ መዓልትታት ንምህረን ኢና። ኣዴታት ንደቀን ናይ ልፋጭ መዓልትታትኪ ክትፈልጥዮ ጽቡቕ እዩ። እዚ ምስ ተመርዓኽን ቈልዓ ምስ ወለድክን ኪሕግዘኪ እዩ። ኢለን የረድኣአን እየን" ብምባል ኪምልሱልካ ይኽእሉ እዮም።

መዘኻኸሪ፡- ናብ ኣማኑኤል ዝሰደድናዮ ዝተረፈ ክፋል፡ ናይቲ መልእኽቲ ምስቲ ንሪያን ዝጸሓፍናሉ ዚመሳሰል ነይሩ። ኣብ ገጽ ____

34. ክለመንት

ምስ በዓልቲ ቤተይ፡ ነቲ ባህርያዊ ኣገባብ ውጥን ስድራቤት ዚበሃል ክንጥቀም ኣይደለናን ኔርና። ኣብ ዝደለናዮ መዓልቲ ብግብረ-ስጋ ንኽንራኸብ ነጻ ክንከውን ኢና ደሊና። ነተን ካብ ጥንሲ ነጻ ዝኾና መዓልትታት ጥራይ ክንጽበ ኣይደለናን። ባህርያዊ ኣገባብ ክንጥቀም ኣብ ዝመረጽናሉ ግን ከምቲ ዝፈራሕናዮ ኣይኮነን። እዚ ኣገባብ ነቲ ናይ ግብረ-ስጋ ርክብና ኣመሓይሸዎ ደኣ'ምበር ኣየጋደዶን። ሓቂ'ዩ፡ ሓደ ሓደ እዋን ንሒደት መዓልትታት ክንጽመም ኣለና። ይኹን እምበር እቲ ምጽማም'ውን ኸም ገለ ነቲ ርክብና ጽቡቕ እዩ ዚገብሮ ዘሎ።

ዝተፈተኻ ክለመንት፡-

ብዙሓት ንባህርያዊ ኣገባብ ውጥን ስድራቤት ዚጥቀሙ ተጻመድቲ ብምኽንያት እቲ ምጽባይ፡ ናይ ግብረ-ስጋ ርክቦም ዝሓሸ ኮይኑ ከምዝረኽብዎ እዮም ዝሕብሩ እሞ፡ እዚ ስምዒት እዚ ኣብ በይንኻ ኣይኮነን።

35. ደኒስ

በዓልቲ ቤተይ ቀቀልጢፉ ስለእትጠንስ፡ ሕጂ'ውን ጥንሲ ሒዛ ብምህላዋ ጉህየ እየ ዘሸኹ። እዚ ናይ ሕጂ እምብዛ'ዩ ቀልጢፉ። ወዲ ኣርባዕተ ወርሒ ህጻን እናሃለወና፡ ከመይ ገይራ ጥንሲ ከምዝሓዘት ገረሙኒ ኣሎ። ክገርመኩም'ከ ቅድሚ ምፍሳሰይ እኳ ነቲ ዘርኢ ወትሩ ኣብ ግዳም'የ ዝኸዕዎ...።

ዝተፈተኻ ደኒስ፡-

ሰብኣይ ናብ ሰበይቲ ኪኣቱ ከሎ ክልተ ነገራት'ዩ ዜጋጥሞ።

ሀ. ቅድመ-ምስዳድ፡- መትሎ ምስ ኣተወ፡ ከይደንጐየ ጽሩይ ፈሳሲ የፍስስ እዩ። እዚ ፈሳሲ'ዚ ቅድመ-ምስዳድ ዚወጽእ ፈሳሲ ተባሂሉ ይፍለጥ።

ለ. ምስዳድ፡- ምስ ኣተወ ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ ምስዳድ ዘርኢ የጋጥም። ኣብዚ ግዜ'ዚ ዳርጋ ማንካ ዚኸውን ሓፊሽን ጻዕዳን ፈሳሲ ይወጽእ።

ቅድሚ ምፍሳስካ ብልዕትኻ ንምውጻእ ትጥንቀቕ ኣሎኻ። ክትርድኦ ዘለካ ነገር ግን፡ እቲ ቅድመ-ምፍሳስ ዚወጽእ ፈሳሲ'ውን ውሑድ ዘርኢ ከምዘለዎ እዩ። ጥንሲ ኬትሕዝ ኸኣ ይኽእል። ከምዚ ስለዝኾነ ኸኣ እዩ እቲ ናይ ውጥን ስድራቤት መደብካ ብግቡእ ዘይሰርሐ። ስለዚ እምበኣር ዝበለጸ ሚላ የድልየካ ኣሎ ማለት እዩ። ብወገንና ነቲ ባህርያዊ ኣገባብ ውጥን ስድራቤት ክትጥቀም ንምዕደካ።

36. ኦወን

ቀቀልጢፉ እትወልድ ሰበይቲ፡ ኣብ ርክብ ግብረ-ስጋ ብዙሕ ድሌት ኣይህልዋን እዩ ዝበሃል'ሲ ሓቂ ድዩ?

ዝተፈተኻ ኦወን፡-

እወ። ሰበይቲ፡ ኣብ ግብረ-ስጋ ድሌት ኪህልዋ እንተኾይኑ ሓይሊ የድልያ እዩ። ቀቀልጢፉ ትወልድ እንተኾይና ድማ፡ ወትሩ ድኻም እዩ ዚስምዓ። ስለዚ ድማ ንግብረ-ስጋ ኣይትለዓዓልን። ብዘይካ እዚ፡ እቲ ቀቀልጢፍካ ምውላድ፡ ንሰብነታ ኣድኪሙ፡ ንኸም በዓል ቲ.ቢ ዝኣመሰሉን ካልኦት ሕማማት፡ ከምእትቃላዕ ኪገብራ'ውን ይኽእል እዩ።

37. ካሌብ


ምስ በዓልቲ ቤተይ ብምሉእ ልብና እነፍቅረን ኣርባዕተ ኣዋልድ ኣለዋና። ወዲ ክንወልድ ግን ንደሊ ኢና። ምስ በዓልቲ ቤተይ ዘሎ ጸገም እንታይ እዩ? ወዲ ኪትወልድ ዚሕግዝ መድሃኒት'ከ ኣሎ'ዶ?

ዝተፈተኻ ካሌብ፡-

በዓልቲ ቤትካ ዝኾነ ይኹን ጸገም የብላን። ወዲ ይኹን ጓል ንኽትወልድ ኣብኻ'ዩ ዚምርኮስ። ኣብኣ ኣይኮነን። ብግብረ-ስጋ ክትራኸቡ ከለኹም፡ ን"ወዲ" ዚኸውን ብኣሽሓት ዚቑጸር ዘርኢ ኢኻ እተፍስስ። ን"ጓል" ዚኸውን ዘርኢ'ውን ከምኡ። ሽዑ እዞም ዘርኢ ናብ እንቋቑሑ ንምብጻሕ ኩሎም ይቀዳደሙ። ካብዞም ኩሎም ግና ሓደ ጥራይ እዩ ዚዕወት። ጸገምካ እምበኣር ካሌብ፡ እቲ ናይ "ወዲ" ዘርኢ ዚሓዘ ዘርእኻ ኣብ ኩሉ እቲ ዝነበረ ቅድድም ኪዕወት ስለ ዘይከኣለ እዩ።

ጽቡቕ ዜና ግን ኣለና። ወዲ ንኽትወልድ ዝሕግዘካ ሜላ ኣሎ። ቀጺልና ነቕርበልካ።

ንበዓልቲ ቤትካ ከምዚ ስዒቡ ተዳልዩ ዘሎ ሰንጠረዥ ንኽተዳሉ ንገራ።



ነቲ ሰንጠረዥ ከተዳሉ ከላ፡ መዓልታዊ ኣብ ከናፍር ርሕሚ ከመይ ይስምዓ ከምዘሎ፡ ብጥንቃቐ ክትከታተሎ ኣለዋ። ነቕጺ ድዩ ዋላስ፡ እቲ ናይ ልፋጭ ጠሊ እዩ ዚስምዓ ዘሎ ብግቡእ ትከታተል።

ኣብታ ቀዳመይቲ ናይ ልፋጭ መዓልቲ፡ ብግብረ-ስጋ እንተተራኺብኩም እቲ ናይ ጓል ዘርእኻ ንኽዕወት ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ጓል ከኣ ትወልድ። ወዲ ደሊኻ ስለዘለኻ ግን ከምዚ ግበር። ወርሓዊ፡ ኣብቲ ናይ ልፋጭ መዓልትታት ብግብረ-ስጋ ኣይትራኸቡ፡ እቲ ልፋጭ ኪጠፍእ ምስ ጀመረ ግን ተራኸቡ። እዚ ንብዙሕ ኣዋርሕ ቀጽሎ። ብኸምዚ ኣገባብ በዓልቲ ቤትካ ጥንሲ ክትሕዝ እንተዘይከኣለት ግን ኣብታ ብልፋጭ ብዙሕ ጠሊ ዚስምዓ መዓልቲ ብግብረ-ስጋ ተራኸቡ። እዚ ነቲ ናይ "ወዲ" ዘርእኹም ንኺዕወት ዚለዓለ ዕድል ኪህቦ እዩ።

ሰበይቲ ወዲ ንኽትወልድ ዚሕግዛ መድሃኒት'ከ ኣሎ'ዶ? ክትብል ንዝሓተትካና ኾኣ ከምኡ ዚበሃል የለን ዚብል እዩ እቲ መልሲ። ገለ ሰባት ከምዚ ዓይነት መድሃኒት ይሸጡ እዮም። ዚጠቅም ግን ኣይኮነን። ዋላ እዚ ንሕና እንሕብረካ ዘለና ኣገባብ'ውን ወትሩ ይሰርሕ እዩ ማለት ኣይኮነን። ስለዚ ነዚ ሜላ እዚ እናኣተግበርካ'ውን ጓል እንተወሊድካ ንእግዚኣብሄር ኣመስግኖ!

ብርግጽ እግዚኣብሄር የፍቅረካ'ዩ። እቲ ንዓኻ ዚኸውን ዝበለጸ ነገር ከምዝህበካ ኾኣ እመኖ።

38. ማርጋሬት

ጥንሲ ክሕዝ እደሊ'የ። ድሕሪ እቲ ግብረ-ስጋ ግን ኩሉ እቲ ዘርኢ ንደገ እዩ ዚፈስስ፡

ዝተፈተኺ ማርጋሬት

ከምዚ ዚስዕብ እንተገርኪ፡ ዝሓሸ ናይ ምጥናስ ዕድል ኪገጥመኪ ይኽእል እዩ። ድሕሪ ርክብ ብሕቕኺ ደቂስኪ ኣብ መቕመጫኺ መተርኣስ ብምግባር ን15 ደቒቕ (ርብዒ ሰዓት)

ተጸበዩ። እቲ መተርኣስ፡ ንመቐመጫኺ ካብ ካልእ ክፋል ሰብነትኪ ብሒደት ሴንቲሜትራት ክብ ኬብሎ እዩ። እቲ ዘርኢ ኸኣ ከይፈሰሰ ኪጸንሕ ይኽእል እዩ።

39. ኣመልያ

ኣነን በዓል ቤተይን ድሕሪ ደጊም ቆልዓ ክንወልድ ኣይንደልን ኢና። ዕድመይ 49 እዩ። ኣብዘን ዝሓለፉ 18 ኣዋርሕ ከኣ ወርሓዊ ጽግየት ዚበሃል ኣይተራእየንን። ጥንሲ ክሕዘሉ ዚኽእል ኣጋጣሚ ኣሎ ድዩ?

ዝተፈተኺ ኣመልያ፡-

ኣይፋልን ክንዳኺ ዝዕድመኣ ሰበይቲ፡ ን12 ኣዋርሕ ጽግየት እንተዘይተራእያ፡ ጥንሲ ኪትሕዝ ኣይትኽእልን እያ። (እንትርፎ ከምቲ ንሳራ እግዚኣብሄር ተኣምራት ኪገብር እንተዘይኮይኑ)

40. ቤቲ፡-

ዝሓለፈ ወርሒ እየ ብሰላም ተገላጊለ። ምእንቲ ነቲ ህጻን ከጥቡ ክብል ከኣ ሰራሕ እሓድኮ ኣለኹ። ቀልጢፈ ምእንቲ ከይጠንሰ፡ ምስ በዓል ቤተይ ተረዳዲእና ኣለና። ሕቶይ ግን ምጥባው/ዶ ጥንሲ ኪከላኸል ይኽእል እዩ? ዋላስ ውጥን ስድራቤት ኪጥቀም ኣለኒ?

ዝተፈተኺ ቤቲ፡-

ነቲ ህጻን ምእንቲ ከተጥብዊ ኢልኪ ስራሕ ትሓድጊ ምህላውኪ ጽቡቕ ገበርኪ ንብለኪ። ህጻን ምስ ኣዲኡ ዘለዎ ርክብ፡ ዝያዳ ዝዓሙቕ ብቕቶ ምስ ዚጠቡ ዘይኮነስ፡ ናይ ኣዲኡ ጡብ ምስ ዝጠቡ እዩ። እቲ ህጻን ድልዱልን ምሉእ ጥዕና ዘለዎን ኾኽኾውን/ውን እቲ ዝበለጸ ዜድልዮ ነገር ጸባ ጡብ ኣደ እዩ።

ሕቶኺ ንምምላስ፡- ሰበይቲ ሓንሳእ ብጡባ ካልእ ግዜ ድማ ብቕቶ ተጥቡ እንተኾይና፡ ብቐሊሉ ጥንሲ ክትሕዝ ትኽእል እያ። ብቕቶ ምጥባው ኣቋሪጽኪ ነቲ ህጻን እንተወሓደ 12 ግዜ ንመዓልቲ እንተጥቢኾዮ ግን መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ሽዱሽተ ክሳዕ 12 ኣዋርሕ ድሕሪ ወሊድ ጥንሲ ኪከላኸል ይኽእል እዩ።

“መብዛሕትኡ ግዜ” ምባልና ግን ኣስተውዕሊ! ጡብ ምጥባው ወትሩ ጥንሲ ኪከላኸል ኣይክእልን እዩ። ስለዚ እናኣጥቢኺ ማዕረ ማዕራኡ ድማ ውጥን ስድራቤት ተጠቐሚ። ብወገንና እቲ ባህርያዊ ኣገባብ ውጥን ስድራቤት ክትጥቀሚ ንምዕድ።

41. ኤራስመስ፡-

ኣነን በዓልቲ ቤተይን ሰዓብቲ ክርስቶስ ኢና። እግዚኣብሄር ከኣ ህጻን ወዲ ብምሃብ ባረኹና። ሕጂ ወዲ ሓደ ዓመት ኮይኑ ኣሎ። ዝሓለፈ ዓመት እዚ ወድና ሓሚሙስ ናብ ሆስፒታል ወሲድናዮ። መድሃኒት ምስ ሃብዎ ሓውዩ። ስድራቤትና ግን “ናብቲ ባህላዊ ሓኪም ኢኹም ክትወስድዎ ዝነበረኩም” ኪብሉ ይነቕፉና ኣለዉ። ንሸኹም እትብልዎ ግን ክንሰምዕ ንደሊ ኣለና። ንሕና እቶም ኣመንቲ እንብሃል፡ ናብ ባህላዊ ሓኪም ድዩ ክንከይድ ዘለናስ ዋላስ ዘመናዊ?

ዝተፈተኻ ኢራስመስ፡-

እቶም ኣመንቲ ኪገብርዎ ዘለዎም፡ ንእግዚኣብሄር ምእማን እዩ። ኣመንቲ ኾኻልኣት መናፍስቲ ኪኣምኑ ኣይግባእን። ኣብ ኣመሪካ ንገዛእ ርእሶም “ፈላጢ” ወይ/ውን “ፈዋሲ” ኢሎም ዝሰምዩ ጸዓዱ፡ ሰብኣይ ይኹን ሰበይቲ ኣለዉ። ሕቶታት ንምምላስ፡ ትንቢት ንምዝራብን ንምፍዋስን ከኣ ናይ መናፍስቲ ሓይሊ ይጥቀሙ። ኣማኒ ኮይነ ናብ ሓደ ካብዚኣም እንተኸይደ፡ ካብ ንእግዚኣብሄር ምእማን ወጺኡ፡ ኾኻልኣት መናፍስቲ እኣምን ኣለኹ ማለት እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ዚስዕብ እዩ ዚብል፡-

“ምስቶም ምስ መናፍስቲ ምውታት ዚራኸቡን፡ ናብ ጠንቈልትን ኣይትኺዱ። ብእኣም ከይትረኽሱ ኣይትድለይዎም። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ።” ዘሌ 19፡31

“ኣመንቲ ክርስትና ናብ ባህላውያን ሓካይም ኪኸዱ ይግባእ'ዶ?” ክትብል ዝሓተትካና ኸኣ፡ ኣማኒ (ኤስያዊ ይኹን ኣመሪካዊ፡ ኣፍሪቃዊ ይኹን ኤውሮጳዊ ወይ'ውን ካልእ) ናብ ዝደለዮ ሓኪም ኪኸይድ ይኽእል እዩ። እቲ ከረጋግጾ ዘለዎ ነገር ግን እቲ ሓኪም ምስ ርኹሳት መናፍስቲ ወይ'ውን ምስ ናይ ወለዶታት ወይ ከኣ ብሓፈሻኡ ካብ ናይ እግዚኣብሄር መንፈስ ወጻኢ ምስ ዝኾኑ ካልኦት መናፍስቲ ዘይራኸብ ምኻኑ እዩ።

42. ሮዝመሪ

ምሰ በዓል ቤተይ ብግብረ-ሲጋ ኣብ እንራኸበሉ፡ እቶም ካልኦት ኣብ ገዛ ዘለዉ ከይሰምዑና'የ ዚሰግእ። ዓራትና ዓው ብዝበለ ድምጺ'ዩ ዓጠጠጥ ዚብል። በዓል ቤተይ “ከይሰምዑና” ዚብል ስክፍታ የብሉን። ንዓይ ግን ኣዝዩ እዩ ዜሻቕለኒ። ስለዝዓሸኹ'ዶ ኾን ይኸውን?

ዝተፈተኸ ሮዝመሪ፡-

ስለዝዓሸኺ ኣይኮነን። መብዛሕትኣን ደቀንስትዮ ከምዚ ናትኪ እዩ ዚስምዐን። ሓደ ካብቲ ኣብ ሰብኣይን ሰበይትን ዘሎ ፍልልይ ከኣ እዚ እዩ። ኣብ ርክብ ግብረ-ሲጋ ሰብኣይ ብቐሊሉ ኣይርበሸን እዩ። ቴሌፎን ጭር ትበል፡ ቆልዓ ይብከ፡ ኣይግድሶን እዩ። ንሰበይቲ ግን ቦኻዪ ቈልዓ ወይ ከኣ ዓጠጠጥ ዚብል ዓራት ብሓቂ እዩ ዝርብሻ።

ስለዚ ሮዝመሪ፡ ንበዓልቤትኪ ጸገምኪ ከተካፍልዮ ንመኽረኪ። “ዓራትና ድምጺ እንተዘይገብርሲ ብርክብና ዝያዳ ምዓገብኩ” ኢልኪ ተዛረብዮ። ቀልጢፉ ከዐርዮ ወይ'ውን ሓድሽ ኻኽገዝእ ኪጓየ እዩ!

43. ማርክን ዶኒስን

ካብ እንምርያ ክልተ ኣዋርሕ ጥራይ ኢና ገርና። ቅድሚ መርዓና እቲ ቃል ኪዳን ዘእሰረና ካህን ብዛዕባ ሓዳርና ብዙሕ ተዛረቡና። ንገሊኡ ደኣ ክንርድኦ ኣይከኣልናን እምበር፡ እቲ ዘረባ ጽቡቕ እዩ ነይሩ። ከይንሓቶ ድማ ተሰኪፍና። ካብቲ ዝበሎ ክንነግረኩም። “ኣብ ሓዳር፡ እቲ ሰብኣይ ሰበይቲ ብኽመይ ከም እትለዓዓል ኪፈልጥ ይግብኦ፡ እታ ሰበይቲ ኸኣ ሰብኣያ ብኽመይ ከም ዝለዓዓል ኪትፈልጥ ይግብኣ” ኢሉና። እንታይ ማለቱ ምኻኑ ግን ኣይተረድኣናን። ክትሕግዙና'ዶ ትኽእሉ?

ዝተፈተኹም ማርክን ዶኒስን፡

እወ፡ ክንገልጸልኩም ንኽእል ኢና ኢልና ኢና እንኣምን። ከም ሰብኣይን ሰበይትን መጠን፡ ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ብኽመይ ንግብረ-ሲጋ ከምዝለዓዓሉ ክትፈልጡ ይግብኣኩም እዩ።

ንሸኺ ዶሪስ፡ ደቂ ተባዕትዮ ብዝርእይዎ ነገር ከምዝለዓዓሉ ክትፈልጢ ይግብኣኺ። ምስ ሰብነታ ዝለገበ ክዳን ወይ ከኣ ኣሕሊፉ ዜርኢ ዝተኸድነት ዝኾነት ሰበይቲ ዝረኣየ ሰብኣይ፡ ስምዒቱ ቀልጢፉ'ዩ ዝለዓዓል። ኣብ ጐደናታት እናተዘዋወረ'ውን ሰሓቢ ናይ ጓል ኣንስተይቲ ሰብነት ምስ ዝርኢ፡ እንታይነት ናይታ ሰብ ከይፈለጠ ስምዒቱ ግን ይለዓዓል።

ማርክ ድማ ብወገንካ፡ ሰበይቲ፡ ድሌታታ ምስ ዚማልኣላ ከምእትለዓዓል ክትፈልጥ ይግብኣካ። ሕያዋይ፡ ዝግደስን ዝረዳኣእን ሰብኣይ እንተኾይኑ ደስ ኢልዋ'ያ እትቐርቦ። ብርግጽ ጽባቐ መልክዕ'ውን ትርኢ እያ። ብቐዳምነት እትሰርያ ነገር ግን ኣይኮነን። እቲ ብሓቂ ዜለዓዕላ ግን እቲ ብዛዕብኣ ዚግደስ፡ ዜድንቓ፡ ምስኣ ዚዘራረብ፡ ዚሰምዓን ብድሌታታ ኸኣ ዚሓስብን ሰብኣይ እዩ።

ናይ ዓለምና መደቀሲታት ኣሚን እንተንፍትሾም ብዙሓት ሰብ ሓዳር ነቲ ኣብ መንጐ ወዲ ተባዕታይን ጓለንስተይትን ዘሎ ናይ ስምዒት ፍልልይ ዘይፈልጡ ኮይኖም ምረኽብናዮም። ንኣብነት ሰበይቲ፡ ዝኣረገን ዘይስሕብን ክዳን ጌራ ናብ መደቀሲኣ ክፍሊ ትኣቱ። በዓል ቤታ ግን ንናይ ግብረ-ሲጋ ስምዒቱ ዜለዓዕል ከም ክዳን ለይቲ፡ ወይ'ውን ጥራሓ ኪርእያ እዩ ዚምነ። እወ፡ ነታ ምጭውቲ በዓልቲ ቤቱ ኪርእያ ይደሊ እዩ። ከምኡ ምስ ዘይትገብር፡ በዓል ቤታ ብገለ ነገር ከምዘይተሓጐሰ ከተስተውዕለሉ ትኽእል እያ። እቲ ጸገም ብርግጽ እንታይ ምኻኑ ግን ኣይርድኣን እዩ።

ምናልባሽ ድሕሪ ገለ መዓልትታት እዚ ሰብ እዚ ካብ ስራሑ፡ ተስፋ ቈሪጹን ተሓሊሉን ንገዛኡ ይመጽእ ይኸውን ኢልና እስከ ንሕሰብ። ሓንቲ ቃል ከየምሎቕ ድራጉ ይበልዕ'ሞ ክሳዕ ግዜ ድቃስ ዝኣኽለሉ፡ ኣብ ጠረጴዛኡ ኮይኑ፡ ስራሑ ይቕጽል። ስራሑ ወዲኡ ናብ መደቀሲ እናኸደ ኸኣ በዓልቲ ቤቱ ሰብነታ ክትሕጸብ ጸኒሓ ምስ ነብሳ ዝለገበን ምስ ነፍሲ ወከፍ ዕጻፍ ናይ ስጋኣ ዝተዓጻጸፈን ክዳን ተኸዲና፡ ጮፈ ጮፍ እንተዝራኸቡ ኩሉ ነገር እዩ ዚቕየር። ናብ ዓራት ምስ ደየቡ ኸኣ እቲ ሰልቺይዎ ዝነበረ ሰብኣይ፡ ብቕጽበት ሰውነቱ ንስራሕ ድልው ይኸውን።

ብወገን በዓልቲ ቤቱ ኸኣ እስከ ንርአ። ኣየፍቕረንን እዩ ዚብል ሓሳባት እዩ ዘለዋ። ካብ ስራሕ ኪኣቱ ከሎ ሰላም'ውን ኣይበላን። ምሉእ ምሸት ከኣ ከይተዘራረቡ እዮም ኣምስዮም። ኣብ ዓራት ክሳዕ ዚድይብ ብዛዕባኣ ከምዝግደስ ዝገብሮ፡ ንኣዕይንቱ ዝስሕብ ዋላ ሓንቲ ነገር ኣይነበረን። ሕጂ ግን ሃንደበት ምዂቕ ዕርክነት ከምዘለዎ ኮይኑ ትረኽቦ ኣላ። ኣብዚ ኸኣ እዩ ሓሳባቱም ዚፈላለ። ብርግጽ ኣይክትኣብዮን እያ። እንተኾነ ይጥቀመላ ከምዘሎ ጥራይ ኮይኑ እዩ ኪስምዓ። ምስ ገዛእ ርእሳ ኸኣ "ብዛዕባይ'ሲ ዚግደስ ኣይኮነን። ገዛእ ርእሱ ኬሐጉስ ኪብል ጥራይ እዩ ዝደልየኒ እምበር!" እናበለት ተጉረምርም።

በዓል ቤታ ኸኣ፡ "ኩሉ ዓይነት ቅኑዕ ናይ ግብረ-ስጋ ኣገባባት ተጠቒመ ክነሰይሲ፡ ስለምንታይ እዩ ስምዒታ ዘይተለዓዓለ" ብምባል ይጉሂ። ገለ ጸገም ከይህልዋ ኸኣ ይጠራጠር። ካልእ እዋን ከኣ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ይሓስብ። "ገለ ጸገም ዶኾን ይህልወኒ ይኸውን? መትሎይ'ዶ ኾን ንኢስዋ ይኸውን?" እናበለ ይጭነቕ።

እዚ ኹሉ ናይ ጓሂ ስምዒታት፡ ነዞም ዝስዕቡ ክልተ ነገራት ካብ ዘይምፍላጥ ዚተበገሰ ምኻኑ ኣስተውዕል!

- ደቂ ተባዕትዮ ብዝርእይዎ ነገር እዮም ዚለዓዓሉ።
- ደቀንስትዮ ስምዒታዊ ድሌታተን ምስ ዝማልኣለን እየን ዝለዓዓላ።

ስለዚ ማርክ፡ ንዶሪስ ተፈታዊ ኳንካ ንምቕራባ ንናይ ድቃስ ግዜ ጥራይ ኣይትጸበ። መዓልቲ ብመላኣ ፈቃር ኩን። ንበዓልቲ ቤትካ ከም ንቕረባ ዓርኽካ ጌርካ ኣዕልላ። ከም ሰብ ኽኡለንትናኣ ደኣ'ምበር ንስጋኣ ጥራይ ክትጥቀመሉ ኢልካ ከምዘይትቕርባ ኸኣ ኣርእያ።

ንሸኪ ዶሪስ ድማ በዓል ቤትኪ ጥራሕኪ ኳንኪ ወይ'ውን ኣሕሊፉ ዚርኢ ክዳን ለይቲ ተኸዲንኪ ኽኽርእየኪ ኣይትፍርሂ። ከምዚ ምግባር ሓጢኣት ኣይኮነን። ግደ ሓቂ እኳ ደኣ ንበዓል ቤትኪ ከምዘፍቀርክዮ እትገልጽሉ ሜላ እዩ።

44. ሊድያ

ኣብተን ቀዳምት ሰለስተ ዓመታት ናይ ሓዳረይ፡ ናብቲ ጥርዝ ስምዒት ዚበሃል ናይ ግብረ-ስጋ ደረጃ በጺሐ ኣይፈለጥን ነይረ። ኣብ ናይ ፍቕሪ ጸወታና "በዓል ቤተይሲ እንታይ ኮይኑ እዩ ናብ ጥርዙ-ስምዒት ኽኽበጽሕ ኣጸቢቑ ዘየረሳስነኒ" እናበልኩ ብሓርቕት ምስ ገዛእ ርእሰይ እየ ዘንጸርጽር ዝነበርኩ።

ድሕሪ ርክብና፡ በዓል ቤተይ ቀልጢፉ'ዩ ዚድቅስ፡ ኣነ ኸኣ ዕግበት ስለ ዘይተሰምዓኒ ምስ ነብሰይ እናተማገትኩ ብህድኣት ኣስቈርቁር። ሓደ መዓልቲ ግን ብኹነታተይ ኽኽዝርበ ጮይታ ትብዓት ሂቡኒ። ኣብቲ ናይ ፍቕሪ ጸወታና እንታይ ኪገብር ከምዘለዎ ኸኣ ብግብሪ እናርኣኹ ተዛሪበዮ። ኪሓርቕ ድዩ ዋላስ እንታይ እዩ ኪብል ዘፈለጥክዎ ኣይነበረንን። እናሰጋእኩ ግን ሓቲተዮ።

ክገርመኩም'ከ ተዓዊተ! ናብ ጥርዙ-ስምዒት ምብጻሕ ከኣ ጀሚረ ኣሸኹ። ሓጐሰይ ወሰን የብሉን። ካባይ ንላዕሊ ዝተሓጐሰ ግን በዓል ቤተይ እዩ። "ርኣዩ፡ ንበዓልቲ ቤተይ ከምዚ ገረ እየ ዚዕግባ!" ዚብል ስምዒት ከኣ ሓዲርዎ ኣሎ።

ዝተፈተኺ ሊድያ፡-

ስለ'ዛ ዝጸሓፍክልና መልእኽቲ ነመስግነኪ። ብዙሓት ሰብ-ሓዳር ብዛዕባ ናይ ፍቕሪ ጸወታን ርክብ ግብረስጋን ንሓድሕዶም ንምዝርራብ ምእንቲ ኪተባብዑ ተስፋ እናገበርና ኸኣ ንመልእኽቶኺ ኣብዛ መጽሓፍ ነስፍሮ ኣለና።

45. ሺርሊ

ኣነን በዓል ቤተይን ብስራሕ ጽሙዳት ኢና። ዳርጋ ክሳዕ ፍርቂ ለይቲ ዚኸውን ከኣ ክንድቅስ ኣይንኽእልን ኢና። ኣነ ኣብ ካልኣይ ደረጃ እየ ዝምህር። ሰለስተ ቈልዑ ድማ ኣለዉና። ምሸት-ምሸት ድሕሪ ድራር ገዛ ኣጸራሪ፡ ክዳውንቲ ኣስታርር፡ ወዳኢኣ ናብ ዓራት ክድይብ ከሎኹ ድማ ኣዝዩ ደኻም ይስምዓኒ።

ናይ በዓል ቤተይ ድሌት ኮማልእ ክምዘለኒ ይርድኣኒ እዩ። ይኹን እምበር መብዛሕትኡ ግዜ ድቃስ እዩ ዚጠልመኒ። ሕጂ ግን ኩነታት ሓዳርና ዜንቈልቁል ዘሎ ኮይኑ ይስመዓኒ'ሎ'ም በጃኹም ርድኡኒ።

ዝተፈተኸ ሺርሊ፡-

እቲ ክትገብርዮ ዝግብኣኪ ነገር እዚ እዩ። ንግብረ-ስጋ ዚኸውን ዝሓሸ ግዜ ምረጺ። ደኺምኪ ምስ ኣምሸኺ እቲ ዝበለጸ ግዜ ንሱ ኣይኮነን። ወትሩ ንገለ ነገራት ካብ ካልኦት ኣዕዚዝና ሓለፋታት ንህቦም ኢና። እቲ ሓለፋ እንህቦ ነገር እቲ ዝበለጸ ኺኸውን ከኣ ክንጥንቀቕ የድልየና። ግብረ-ስጋ ኣብ ሓዳር ካብ ዘለዉ ነገራት እቲ ዝበለጸ እዩ። ስለዚ ድማ ግቡእ ግዜ ክንሰርዓሉ ይግባእ። ቀጺሉ ገለ ኣማራጺታት ቀሪቡ ኣሎ።

ኣብ ክንዲ ኣብ ግዜ ድቃስ ብለይቲ ጥራይ ኣብ ወጋሕታ'ውን ኺኸውን ፈትንዎ። ምናልባት ሰንበት ድሕሪ ቕትሪኽ? ካብ ስራሕ ንገዛ እናኣቸኺ'ውን ሓደ ሓደ ግዜ "ሎሚ ኑቲ ዕዮ ገዛ ገዲፈ፡ ንበዓል ቤተይ ግዜ ክህቦ ኣለኒ?" እትብለሉ እዋን'ውን ይሃልኺ። ኣብታ ከምዚ እትውስንላ ምሸት ነቶም ቈልዑ ቀልጢፎም ከምዝድቅሱ ግበርዮም። ኑቲ ናይ ምጽርራይን ምስትራርን ነገር ረስዕዮ። ሰሓቢ ክዳን ለይቲ ተኽዲንኪ ኣብ ክፍሊ መደቀሲ እተዊ እሞ፡ በቲ ዝጠዓመ ናይ ፍቐሪ ድምጽኺ ንበዓል ቤትኪ ጸውዕዮ።

ብርግጽ መዓልቲ መዓልቲ ናይ ገዛኺ ዕዮ ክትገድፊ ማለት ኣይኮነን። ሓሓሊፍኪ ግን ከምኡ ክትገብሪ ትኽእሊ ኢኺ። ኣረ ከምኡ ክትገብሪ'ውን እዩ ዝግብኣኪ። ምኽንያቱ ርክብ ግብረ-ስጋ ኣብ ሓዳር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ንሰብኡት ዚኸውን መዘኻኸሪ

መጽሓፍ ቅዱስ፡ ኣብ 1ጴጥ3፡7 ሰብኡት ነንስቶም ኪሕግዙ ከምዘለዎም ይዛረብ እዩ። በዓልቲ ቤትካ ሰራሕተኛ እንተኾይና፡ ኣብ ዕዮ ገዛ ክትተሓጋገዛ ኣለካ። እወ ሸሓኒታትን ካልኦት ኣቐሑትን ሕጸብ። ንበዓልቲ ቤትካ ምሕጋዝ ትኣቢ እንተኾንካ ግን ንእግዚኣብሄር ኢኻ ምእዛዝ እትኣቢ ዘለኻ። በዓልቲ ቤትካ ወትሩ ስለ እትደክም ከኣ፡ ሓዳርካ ዘየሐጉስ ኮይኑ ኢኻ ክትረኽቦ።

46. ቪክተር

እቶም ሰዓብቲ ክርስቶስ ዝኾንና ሰብ-ሓዳር፡ ከመይ ዝበለ ኣገባብ ኣደቓቕሳ ኢና ክንጥቀም ዘለና?

ዝተፈተኻ ቪክተር፡-

ሰዓብቲ ክርስቶስ ዝኾኑ ሰብ ሓዳር፡ ዝደለይዎ ዓይነት ኣደቓቕሳ ኪጥቀሙ ይኽእሉ እዮም። ግደ ሓቂ እኳ ደኣ ዚተፈላለዩ ኣደቓቕሳ ምፍታን ጽቡቕ እዩ። ሓደ ዓይነት ኣገባብ ጥራይ ምጥቃም፡ ሓደ ዓይነት መግቢ ከም ምዝውታር እዩ።

ብዙሓት ተጻመድቲ ኑቲ "ሰብኣይ ብላዕሊ" ዝኾነ ኣገባብ ኣደቓቕሳ ይፈትዉ። እዚ ኣደቓቕሳ እዚ፡ ሰብኣይ ኑቲ ተግባር ንኽቆጻጸሮ ይሕግዝ። ቀልጢፉ ንኸየፍስስ ከኣ ይሕግዞ።

ካልኦት ሰብ ሓዳር ድማ ኑቲ "ሰበይቲ ብላዕሊ" ዝኾነ ኣገባብ ኣደቓቕሳ ይመርጹ። እዚ ኣገባብ እዚ ኸኣ ሰበይቲ ናብቲ እትደልዮ ብምንቅስቓስ፡ ስምዒታ ከተርውየሉ ይሕግዛ።

ካልእ ፍሉጥ ኣገባብ ከኣ “ክልቲኦም ብጐኒ ዝኾነ ኣገባብ ኣደቓቕሳ እዩ። ኣብዚ፡ ብልዕቲ ምስ ከናፍር ርሕሚ ይፈሓፋሕ። ነዚ ኣደቓቕሳ እዚ ዝፈትዋ ገለ ደቀንስትዮ ኣለዋ።

ብርግጽ ካልኦት ኣገባባት ኣደቓቕሳ'ውን ኣለዉ። ብዙሕ ዓይነት ኣገባብ ኣደቓቕሳ ዜርእዩ ብዙሓት መጻሕፍቲ ከኣ ተጻሒፎም ኣለዉ። እቲ ናይ መጻሕፍቲ ምህሮ ግን ማዕረ እቲ ባዕልኻ ፈቲንካ እትሕጐሰሉ፡ ብዙሕ ዜዕግብ ኣይኮነን።

ስለዚ ቪክተር ንሸኻን በዓልቲ ቤትካን ኣብ ሓሳብኩም ኪመጻኩም ዚኽኣለ ዝደለኹሞ ዓይነት ኣገባብ ኣደቓቕሳ ንኽትድቅሱ ነጻ ኼንኩም ፈትኑ ኢና ክንብለኩም እንደሊ። ኣጋጣሚ፡ ኪጥዕም ናብ ዘይክእል ኣደቓቕሳ እንተፈተንኩም ከኣ ብሓባር ደኣ ሰሓቑ እምበር ዕቱባት ክትኮኑ ኣየድልየኩምን እዩ። ንሓድሕድኩም ደኣ ተሓጓጕሱ እምበር፡ ብዛዕባ ርክብ ግብረ-ስጋ ደቒቕ ኣፍልጦ ከምዘለኩም ኼንኩም ክትቀርቡ'ውን ኣይትፈትኑ። ንእግዚኣብሄር ከኣ ስለቲ ናይ ሓዳር ህያቡ ኣመስግንዎ።

47. ትሮይ

በዓልቲ ቤተይ ባህርያዊ ቅብኣት ዚበሃል የብላን። ቅድሚ ናብኣ ምእታወይ ገለ ቅብኣት እንተተጠቒምኩ፡ እንታይ ኣለዎ? ከምኡ ክገብር እንተኾይነኸ እንታይ ዓይነት ቅብኣት እየ ክጥቀም ዘለኒ? ቫዘሊን? ዋሳስ ካልእ?

ዝተፈተኸ ትሮይ፡-

ነቲ ቅድመ-ምእታው ዚዝውተር ናይ ፍቐሪ ጸወታ፡ ንነዊሕ ግዜ ኪቕጽል እንተጌርካዮ፡ መብዛሕትኡ ግዜ፡ ስምዒት ብግቡእ ንኽረስን፡ ከምኡ'ውን እታ ሰበይቲ ብባህርያዊ ቅብኣት ጠሊ ከምዝህልዋን እዩ ዚገብር። ስለዚ ነዚ ናይ ፍቐሪ ጸወታኹም ንምምሕያሽ ዝከኣለካ ኩሉ ግበር። ንበዓልቲ ቤትካ ኽኣ “ዝያዳ ከለዓዕለኪ ዝኽእል እንታይ እንተገብርኩ ምኗኑ ሓብርኒ ወይ ኣርእይኒ” በላ። ከምኡ'ውን እቲ ጸወታ ፍቐሪ ንነዊሕ እዋን ቀጽሎ። ፈጺምካ ኣይትተሃወክ። እንተወሓደ ን20 ደቓይቕ ጽናሕ።

ከምዚ እንተጌርካ፡ ምናልባት በዓልቲ ቤትካ እኹል ባህርያዊ ቅብኣት ዘለዋ ኮይና ክትረኽባ ትኽእል ትኸውን። ስለዚ ድማ ካልእ ቅብኣት ክትጥቀም ኣየድልየካን'ዩ ማለት እዩ። ብቫልእ ሸነኽ ከኣ ምናልባሽ ዝገበርካ እንተገበርካ፡ በዓልቲ ቤትካ ቅብኣት ዘይብላ ኮይና'ውን ክትረኽባ ትኽእል ትኸውን። ገለ ደቀንስትዮ ኣዝዩ ውሑድ ቅብኣት ዘለወን ኣለዋ። ካልኦት ከኣ ብዙሕ። በዓልቲ ቤትካ ካብተን ውሑድ ቅብኣት ዘለወን እንተኾይና፡ ቅብኣት ክትጥቀም ኣለካ ማለት እዩ። ውሑድ ስምዒት ኣለዋ ማለት ግን ኣይኮነን። ሓደ ተመራጺ ቅብኣት እቲ “ስኪን ሎሽን” ወይ ድማ “ቦዲ ሎሽን” ተባሂሉ ዚፍለጥ እዩ። ቫዘሊን ግን ኣንሶላ ስለ ዘበላሹ ተመራጺ ኣይኮነን።

48. ኤግነስ

ካብ ግብረ-ስጋ ዚረኽቦ ባህታ ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ስምዒተይ ዝያዳ እንተዝለዓዓለለይ ምፈተኹ። በዓል ቤተይ'ውን ብናተይ ዘይምዕጋብ ይጉሂ ይኸውን እዩ ኢለ'የ ዝሓስብ።

ዝተፈተኺ ኤግነስ፡-

I. ኣብ ርክብ ግብረ-ስጋ ኣእምሮኺ ብዛዕባ እንታይ ከምዚሓስብ ተጠንቂቕኪ ተቐጻጸርዮ። ብዛዕባ ጽባሕ እተዳልውዮ ዓይነት ድራር፡ ወይ'ውን ካልእ ጸገም ኣይትሕሰቢ። ኣእምሮኺ ብዛዕባ እቲ ሰብነትኪ ዚስምዖ ዘሎ ባህታ ጥራይ ከምዝሓስብ ግበርዮ። ግብረ-ስጋ ቅዱስ ከምዝኾነ ምስ በዓል ቤትኪ ክትሕጐስሉ ኽኣ ፍቕድ ኣምላኽ ምኗኑን ዘክሪ። ናይ ድቃስ ግዚኺ ናይ ሓጐስ ግዜ ክኸውን ከምዘለዎ ንገዛእ ርእሽኺ ንገርያ።
II. ብዛዕባ ጸወታ ፍቐሪ፡ ምስ በዓል ቤትኪ ነጻ ኼንኪ ተዘራረቢ። ንስምዒት ብዝያዳ ዜልዓዕሎ፡ ኣገባብ ኣደራርዛ፡ ከመይ ከምዝኾነ ንበዓል ቤትኪ ኣፍልጥዮ። ባዕሉ ገሚቱ ኪፈልጦ ይኽእል እዩ ኢልኪ ኣይትጸበዩ።
III. ግብረ-ስጋ ሰብኣይ ኣብ ልዕሊኺ ዚፍጽሞ ጥራይ ኪኸውን የብሉን። ክልቲኹም እትፍጽምዎ ነገር እዩ ኪኸውን ዚግባእ። ስለዚ በዓል ቤትኪ ኪተናኽፈኪ እንከሎ ንሸኺ'ውን ሰኾ ኣይትበሊ። ተናኽፍዮ ደኣ። ንጥፍቲ ኩኒ። በዓል ቤትኪ ከምቲ ባህ ዝብለኪ ገይሩ ይተናኽፈኪ እንተልዩ ድማ ሰውነትኪ ኣበራብሪ።

IV. በዓል ቤትኪ ብግብረ-ስጋ ምርካብ ክሳዕ ዝደሊ ዲኺ ትጽበዩ? ስለምንታይ'ከ ሓደ ሓደ ግዜስ ባዕልኺ'ውን ዘይትጅምሪ? ኣብ ክንዲ ምጽባይ ባዕልኺ'ውን ኪዲ። ከምኡ ምግባርኪ ንበዓል ቤትኪ ልውል ምልዕዓል ኪፈጥረሉ እዩ። ንዓኺ'ውን ከምኡ።

49. እዝራ

በዓልቲ ቤተይ ኣብ ገሊኡ ኣደቓቕሳ ናብ ጥርዘ-ስምዒት ትበጽሕ እያ። ኣብ ካልእ ኣገባባት ግና ኣይትበጽሕን። ገጽ ንገጽ እናተረኣኣና እንተኾይኑ እያ እትዕወት። ኣብቲ ገጽ ንገጽ ዘየረኣእየና ኣደቓቕሳ ግን ኣይትዕወትን። እቲ ምኽንያት እንታይ እዩ?

ዝተፈተኻ እዝራ፡-

ብዙሓት ደቂ ተባዕትዮ፣ ጓል ኣንስተይቲ ብምንቅስቓስ ናይ ብልዕቲ ናብ ጥርዘ-ስምዒት ከምእትበጽሕ እዩ ዚመስሎም። እቲ ሓቂ ግን ሰበይቲ ኣብ ጉድበኣ እንተዘይተተንኪፋ ናብ ጥርዘ ስምዒት ኪትበጽሕ ከምዘይትኽእል እዩ።

ኣብቲ ገጽ ንገጽ ዘየራኣኢ ኣገባብ ኣደቓቕሳ፣ ብልዕቲ ወዲ ተባዕታይ ንጉድበ ኣይትንክፎን እዩ። ገጽ ንገጽ ኪረኣኣዩ ከለዉ ግን፣ እቲ ብልዕቲ ንጉድበ ይትንክፎ እሞ እዚ ኽኣ ናብ ጥርዘ ስምዒት የብጽሓ። ከምዚ ስለ ዝኾነ ኽኣ እዩ፣ መብዛሕትኡ ግዜ፣ መጻምድቲ ነቲ ገጽ ንገጽ ዜረኣኢ ኣደቓቕሳ ዚመርጹ። ደቂ ሰብ ጥራይ እዮም። በዚ ገጽ ንገጽ ዜረኣኢ ኣገባብ ኪድቅሱ ዚኽእሉ። ብወገንና፣ ሰብኣይን ሰበይትን ናይ ሓድሕዶም ብሉጻት ኣዕሩኽ ስለ ዝኾኑ እዩ፣ እግዚኣብሄር እዚ ሓለፋ እዚ ሂቡ ዝብል ርድኢት'ዩ ዘለና።

እዚ ማለት ግን ነቲ ገጽ ንገጽ ዘየረኣኢ ኣገባብ ፈጺምና ክንጥቀመሉ የብልናን ማለት ኣይኮነን። ደቂ-ሰብ ነቲ ናይ ገጽ ንገጽ ሓለፋ'ኳ እንተተዋህቦም ካልእ ዓይነት ኣገባብ ኣደቓቕሳ ከምኒ ገጽ ንገጽ ዘየረኣኢ ዝኣመሰሉ ክጥቀሙ ግን ነጻ እዮም። ኣብዚ ገጽ ንገጽ ዘየረኣኢ ኣገባብ እቲ ሰብኣይ፣ ሰበይቲ ናብ ጥርዘ-ስምዒት ንኽትበጽሕ ዝሕግዘሉ ኣገባብ'ውን ኣሎ። እቲ ኣገባብ ከምዚ ዚስዕብ እዩ። ብልዕቱ እናኣንቀሳቐሰ እንከሎ፣ በጻብዕቱ ኽኣ ነቲ ጉድበኣ ይተናኽፎ። ከምኡ ምስ ዚገብር በዓልቲቤቱ ብዝኾነ ኣገባብ ዋላ ኣብቲ ገጽ ንገጽ ዘየረኣኢ ኣገባብ ናብ ጥርዘ ስምዒት ኪትበጽሕ ትኽእል።

50. ግሎርያ

ኣነን በዓልቲ ቤተይን ንጐይታ ነፍቅሮ ኢና። እቲ ጸገም ግን በዓል ቤተይ ብዘይ መጠን ስምዒታዊ ምኻኑ እዩ። ከምታ ብኣርሓ ደርሆ እትህደን ኣንስተይቲ ደርሆ ከምዝኾንኩ ኮይኑ ድማ ይስምዓኒ።

ኣብ ናይ ግብረ-ስጋ ርክብና፣ ንቐሕቲ ኪኸውን ዘይከኣልኩ፣ በዓል ቤተይ ከምዘፍቅረኒ መሲሉ ስለ ዘይስምዓኒ እየ፣ ዚብል ግምት ኣለኒ። ብሓቂ ንግብረ-ስጋ እንተዘይከይኑ'ውን በዓል ቤተይ ኣይግደሰለይን እዩ። ምሳይ ንኽዘራረብ ፈጺሙ ድሌት የብሉን። ነጻ ኮይነ ምስኡ ክዘራረብ ኣይክእልን እየ።

ዝተፈተኺ ግሎርያ፡-

ደቂ-ሰብ ሓደ ዓይነት ባህርይ የብልናን። ሓደ ሓደ ሰባት ብገለ መንገዲ ኪፍቀሩ ኪደልዩ ከለዉ፣ ካልኦት ከኣ ብኻልእ መንገዲ ኢና እንደሊ። ካብዛ መልእኽትኺ ክንርድኣ ከምዝኽኣልና፣ በዓል ቤትኪ ብግብረ-ስጋ ኩተፍቅርዮ እዩ ዚደሊ። ከምቲ ዝበልክዮ ከኣ ኣብ ግብረ-ስጋ ንቐሕቲ ክትኮኒ ብዘይ ምኽኣልኪ፣ ምናልባሽ "በዓልቲ ቤተይ ኣይተፍቅረንን እያ፣ ኣነ ግን ፍቕረይ ብግብሪ እየ ዚገልጸላ። ኣብ ዝደለየቶ ግዜ ኽኣ ናይ ግብረ-ስጋ ድሌታ እፍጽም" ዚብል ሓሳብ ኪህልዎ ይኽእል ይኸውን። ንሽኺ ግን ብኻልእ መንገዲ ኢኺ ክትፍቀሪ እትደልዩ። በዓል ቤትኪ ከምቲ ንሱ ዝደለዮ ዓይነት ገይሩ እዩ ዘፍቅረኪ ዘሎ። ብርግጽ ከምቲ ንሽኺ እትደልይዮ ግን ኪኸውን ኣይከኣለን። ስለዚ ምዕዶና እንሆ፡-

ብዛዕባ ጸገምኪ ምዝራብ ምእንቲ ክትክእሊ፣ ጐይታ ትብዓት ንኽህበኪ ጸልዩ፣ ምስ በዓል ቤትኪ ነጻ ኴንኪ ንኽይትዘራረቢ ጸገም ከምዘለኪ ተረዲኡና ኣሎ። ጐይታ ግን ኪድፍረኪ ዚኽእል ትብዓት ኪህበኪ ይኽእል እዩ። እቲ ንኽትዛረብሉ እትመርጽዮ ግዜ ኽኣ ክልቴኹም ኣብ ጽቡቕ ናይ ምዝርራብ ኩነት ኣብ እትኾኑሉ ኪኸውን ኣለዎ። ድሕሪዚ ብህድኣት ንዓኺ

ፍቕሪ ማለት ከም ናይ ቀረባ ዓርኩ ርእዩ ምሳኺ ዜዕልል ደኣ'ምበር ብግብረ-ስጋ ምርኻብ ጥራይ ማለት ከምዘይኮነ ኣረድእዮ። ናቱ ድሌት፡ ብግብረ-ስጋ ምርኻብ ምኗኑ ከምዝርድኣኪ ብምሕባር ከኣ ድሌቱ ብዝሓሸ ኣገባብ ንምርዋይ ክትጽዕሪ ምኗንኪ'ውን ግለጽሉ።

51. ሳሙኤል

በዓልቲ ቤተይ፡ ኣዝየ ዘድንቕንን ናይ ሓቂ ዓርኪየን እያ። ኣብ ናይ ግብረ-ስጋ ርክብና'ውን ኣዝያ እያ እተሐጉሰኒ። ማለተይ ናይ ግብረ-ስጋ ርክብና ኣዝዩ ባህ ዚብል እዩ። ጸገመይ ግን ቀቀልጢፍና ሰለ ዘይንራከብ እዩ። ሰብኣትና ሓደ ዓይነት ባህርይ የብሉን። ድሕሪ ርክብና፡ ሰብኣታ ንምሉእ ሰሙን እዩ ዚዓግብ። ናተይ ግን ንሓደ መዓልቲ ጥራይ!

ከይደለየቶ ብግብረ-ስጋ ንምርኻብ ኪጸግማ ከምዚኽእል ይርድኣኒ እዩ። ኣነ ግን እናደለኹ ንብዙሕ ግዜ ክረኽቦ ኣይክኣልኩን ዘለኹ'ሞ እንታይ ኪገብር?

ዝተፈተኻ ሳሙኤል፡-

ድሌታትና ምሉእ ብምሉእ ፈጺሞም ኣይዓግቡን እዮም። መብዛሕትኡ ግዜ ንዝያዳ ገንዘብ ወይ ብዙሓት ኣዕሩኽ ወይ ዝያዳ ኣድናቕት ክንረክብ፡ ወይ'ውን ምስ ናይ ሓዳር መጻምድትና ቀቀልጢፍና ብግብረ-ስጋ ክንራኸብ ኢና እንደሊ። ድሌታትና ወትሩ ቀጻሊ እዩ። ኻኹሉ ድሌታትና ከየዕገብና ክንነብር ግን ከኣ ኻኽእል ኢና። እወ፡ ንግብረ-ስጋ እናሃረፍናዮ፡ እንተዘይረኸብናዮ ደሓን እዩ። ዋላ እቲ ምሉእ ናይ ግብረ-ስጋ ባህግና ከይዓገበ'ውን ንህይወት ከኣስተማቕር ግን ኣይጽግመናን እዩ።

ሳሙኤል፡ ንዓኻ ዚኽውን ምዕዶና እምበኣር እዚ'ዩ፡-

I. **ንበዓልቲ ቤትካ ብቕንዕና ኣዕልላ። ብዛዕባ ናይ ግብረ-ስጋ ጽምእኻ ድማ ንገራ።**
II. **ንበዓልቲ ቤትካ ካብ ንድሌታትካ ንላዕሊ ብዛዕባ ድሌታ እናተገደስካ ኣፍቅራ። ጽምእኻ ከይዓገበ፡ ኻኽተፍቅራ ግን ፍቓደኛ ምኗንካ'ውን ኣርእያ። እቲ ሓቀኛ ፍቕሪ ከምዚ እዩ። (1ቆሪ13፡7)**

52. ኣሞጽ፡-

በዓልቲ ቤተይ ናብ ጥርዘ ስምዒት በጺሓ ኣይትፈልጥን እያ። ግብረ-ስጋ ከምዜሐጉሳ ግን ከኣ ትገልጽ። ከምዚ ኪኸውን ዚከኣል ድዩ?

ዝተፈተኻ ኣሞጽ

እወ። ኩለን ደቀንስትዮ'ኳ ሓደ ዓይነት ባህርይ ኣይኮነን ዘለወን። ብዙሓት ደቀንስትዮ፡ ኣብ ጥርዘ ስምዒት እንተዘይበጺሐን፡ ዘይዓግባ ኣለዋ። ካልኦት ከኣ፡ ናብ ጥርዘ-ስምዒት'ኳ እንተዘይበጻሕኩ፡ በዓል ቤተይ ሓቕሩ ጥራይ እንተዕሊሉኒ የሐጉሰኒ እዩ" ዚብላ ኸኣ ኣለዋ። ስለዚ በዓልቲ ቤትካ ናብ ጥርዘ ስምዒት ከይበጽሐት ንግብረ-ስጋ ትሕጐሰሉ እንተላ፡ ደሓን እዩ። ናብ ጥርዘ-ስምዒት ኪትበጽሕ ከምዘለዋ ኻኽትሓስብ ጥራይ ኣይተገድዳ።

53. ኦውድሪ፡-

ጥንሲ ኪሕዝ ደልየ። ናብ ጥርዘ-ስምዒት ከይበጻሕኩ፡ ጥንሲ ክሕዝ እኽእል'ዶ?

ዝተፈተኸ ኦውድሪ፡-

እወ። ብዛዕባ ናብ ጥርዘ-ስምዒት ምብጻሕሲ ክትጭነቒ ኣየድልየክን እዩ። ሰበይቲ ናብ ጥርዘ-ስምዒት ከይበጽሐት ጥንሲ ክትሕዝ ትኽኽእል እያ።

54. ኢለን

ኣብ እዋን ጥንሲ፡ ንግብረ-ስጋ ዚጥዕም ከመይ ዝበለ ኣገባብ ኣደቓቕሳ እዩ።

ዝተፈተኸ ኢለን፡-

ቃንዛ ዘይፈጥረልኪ፡ ዝኾነ ኣገባብ ክትጥቀሚ ትኽእሊ ኢኺ። ቀጺልና ክልተ ኣገባባት ከነቕርበልኪ፡-

ሀ. ናይ ድሕሪት፡- *ሰብኣይን ሰበይትን ክልቲኦም ብጐኒ ይድቅሱ። ሕቐኣ ናብ ኣፍልቡ ብምግባር ማለት እዩ። ድሕሪኡ በዓል ቤታ ብድሕሪት ይኣትዋ። ኣብዚ ኣገባብ፡ በዓል ቤታ ኀኸብዳ ስለዘይጸቕጠ፡ ኣብ እዋን ጥንሲ ዚምረጽ ኣደቓቕሳ፡ዩ። እቲ ድኹም መዳይ ናይዚ ኣደቓቕሳ ግን ብልዕቲ ወዲ ተደባዕታይ ንጉድበ ኪትንክፎ ስለዘይክእል እዩ። ናብ ጥርዙ-ስምዒት ኀኽትበጽሕ ግን፡ ብልዕቱ እናኣንቀሳቐሰ እንከሎ፡ በእዳዉ ኸኣ ንጉድበኣ ኪትንክፎ ይግባእ።*

ለ. ናይ ኮፍ፡- *ሰብኣይ ኣብ ሰድያ ኮፍ ይብል፡ሞ እዚ ኣገባብ እዚ ብፍላይ ኣብተን መወዳእታ ሰሙናት ናይ ጥንሲ ተመራጺ እዩ። ምኽንያቱ ኸኣ ኣብዚ ኣገባብ እዚ ብልዕቲ ናብ ርሕሚ ኣዕሚቑ ስለ ዘይኣቱ እዩ።*

እዚ ናይ ድሕሪትን ናይ ኮፍን ዝተጠቐሰ፡ ክልተ ኣማራጺታት ጥራይ እዩ። ምስ በዓል ቤትኪ ኣብ ሓሳብኩም ኪመጽኣልኩም ዚኽእለ ዝደለኹሞ ኣገባብ፡ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም። ሓድሽ ኣገባብ ምፍታን ደስ ዜብል ኪኸውን ይኽእል እዩ። ቃንዛ ዘይገብረልኪ ዘበለ ኩለ ኣገባብ ከኣ ነቲ ዕሸል፡ ዝኾነ ጸገም ስለ ዘየምጽኣሉ ኣይትሻቐሊ።

55. ኮነሪ

ቅድሚ ክልተ ቅነ፡የ ሓሪሰ። መሓዙተይ ከኣ "ኣብተን እተጥብውለን መዓልትታት፡ በዓልቤትኪ ንኽልኦት ኣዋልድ ኪኺሽም፡ዩ" ይብላኒ ኣለዋ፡ሞ እንታይ ክገብር?

ዝተፈተኸ ኮነሪ፡-

ገሊአን ኣንስቲ፡ሲ ነቲ ህጻን ምሒር ኬፍቅራ ኪብላ፡ ንበዓል ቤተን ዚርስዓ ኣለዋ። እቲ ሰብኣይ ከኣ ቀልጢፉ "በዓልቲ ቤተይ ደኣ፡ ብዛዕባ እቲ ህጻን እምበር፡ ብኣይ ምግዳስ ኣቒሪጻቶ እንድያ ዚብል ሓሳባት ይህልዎ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ድማ፡ ዝሙት እቲ ዝሓየለ ፈተና ይኾኖ።

ንበዓልቤትኪ ግን ካብ ምዝማው ኩተድሕንዮ ትኽእሊ ኢኺ። ድሌታቱ ብምምላእ ማለት እዩ። ቀዳመይቲ ድሌቱ ፍቕሪ እያ። ስለዚ ካብቲ ህጻን ንላዕሊ፡ውን ንበዓል ቤትኪ ተጠንቂቕኪ ኣፍቅርዮ። እታ ካልኣይቲ ድሌቱ ኸኣ ናይ ግብረ-ስጋ ድላይ እያ። ነዚ ድሌት እዚ ንምዕጋብ፡ውን ተጠንቀቕሉ ኢኺ። ካብ ሕርሲ ስሕሪ ሓሙሽተ ሰሙናት፡ ሰብኣትኪ ንግብረ-ስጋ ድሉው እዩ። ብርግጽ ንዝቕጽል ክልተ ዓመታት ጥንሲ ካብ ምሓዝ ክትጥንቀቒ ኣለኪ። ስለዚ ውጥን ስድራቤት ተጠቒሚ። ንሕና ነቲ ኣብ ገጽ ተገሊጹ ዘሎ፡ ባህርያዊ ኣገባብ ውጥን ስድራቤት ክትጥቀሚ ንምዕድ።

56. ቪኖስንት

ናይ ግብረ-ስጋ ድሌት ኪወሰኽ ዚኽእል መድሃኒት ወይ ቀመማት ኣሎ፡ዶ?

ዝተፈተኻ ቪኖሰንት

ከምኡ ዚበሃል የለን። ኣብ ዝኾነ ቦታ ገለ ሰባት ንናይ ግብረ-ስጋ ድሌት ከዕቢ ዚኽእል ነገራት ከምዘሎ ይኣምኑ እዮም። ግደ ሓቂ ግን፡ ንናይ ግብረ-ስጋ ኬዕቢ ዚኽእል ቀመም ይኹን መድሃኒት የለን። ብዙሓት ንፋዓት ሰባት ንገለ ኪገዝኡሎም ንዚኽእሉ ዓያሹ ይሸጡ እዮም። ብሓቂ ዚሰርሕ መድሃኒት ግን ኣይኮነን። ስለዚ ኣብ ከምዚታት ገንዘብካ ኣይተጥፍእ።

57. ኣንጀላ


ኣብ ቤተክርስትያንና፡ሲ ፍሉይ ናይ ደቀንስትዮ ልምምድ ከምዘሎ ኬዕልላ ሰሚዐ። ንሳተን ከምዚብላኣ "ነዚ ልምምድ እዚ ዝገበረት ሰበይቲ ኣብ ግብረ-ስጋ ምስ በዓል ቤታ ልዑል ዕጋበት እዮም ዚረኽቡ" እየን ዚብላ ነይረን። እሞ ብሓቂ ከምዚ ዝበሃል፡ዶ ኣሎ እዩ?

ዝተፈተኸ ኣንጀላ፡-

እወ ኣሎ። ናይ ፒ.ሲ. ልምምድ ተባሂሉ ኸኣ ይፍለጥ። እዚ ልምምድ እዚ ንርሕሚ የደልድሎ። እዘን ዝስዕባ ክልተ ረብሓታት ከኣ ኣለዋ። ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ጓል ኣንስተይቲ ከዘውትሮ ይግባእ። ናይ ፒ.ሲ. ልምምድ፡-

I. **ሰብኣይን ሰበይትን ኣብ ርክብ ግብረ-ስጋ ንኽዓግቡ ይሕግዝ።**
II. **ሕርሲ ውሑስ ከምዚኸውን ብምግባር ከኣ ነታ ሰበይትን፡ ነቲ ህጻንን ይጠቅም።**

ናይ ፒ.ሲ. ልምምድ ዙተባህለሉ ምኽንያት ነቲ "ፒ.ሲ." ተባሂሉ ዚፍለጥ ጭዋዳ ዜደልድሎ ስለ ዝኾነ እዩ።



ኣብዚ ስእሊ ከምዚርኢ፡ እቲ ናይ ፒ.ሲ ጭዋዳ፡ ኣብ ዙርያ ርሕምን ኣብቲ ናይ ሽንቲ ቱቦን ዚጥምጠምን ጭዋዳ እዩ። ሰበይቲ ብግብረ-ስጋ ንኽትዓግብ ርሕሚ ንመትሎ ጨቢጡ ኪሕዞ ኣለዎ። ከምኡ ንክኸውን ከኣ እቲ ናይ ፒሲ ጭዋዳ ኪድልድል ይግብኣ። እቲ ናይ ፒ.ሲ ጭዋዳ ድኹም እንተኾይኑ፡ ርሕሚ ገፊሕ እዩ ዚኸውን። ኣብ ግብረ-ስጋ ድማ ርሱን ምልዕዓል ኣይስምዓን። ብዙሓት ደቀንስትዮ ድኹም ናይ ፒ.ሲ ጭዋዳ እዩ ዘለወን። እቲ ምኽንያት ከኣ ከመይ ገይረን ከምዝለማምደኡ ስለ ዘይፈልጣ እዩ። ዋላ'ቲ ኣብ ዙርያ ርሕማ ዚርከብ ጭዋዳ ልምምድ ከምዘድልዮ ዚሰምዐት እንተኾነት'ውን ከመይ ገይራ ከም እትለማመዶ ዘይክትፈልጥ ትኽእል እያ።

ማርታ፡ ነቲ ናይ ፒ.ሲ ጭዋዳኣ ከተለማምድ ምስ ጀመረት፡ ኀኻልእ ጭዋዳ እያ ክትጨባብጦ ጀሚራ። "ሕጂ ነቲ ናይ ፒ.ሲ ጭዋዳይ ኪጭብጦ እየ" ኢላ ትሓስብ እሞ ብግብሪ ግን ነቲ ናይ ሰለፋ ጭዋዳ እያ ትጭብጦ። ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ኣብ መንጉ ናይ ሰለፍን ናይ ፒ.ሲን ጭዋዳታት ዘሎ ፍልልይ ክትፈልጠሉ ትኽእል ቀሊል ኣገባብ ኣሎ።

እቲ ናይ ፒ.ሲ ጭዋዳ ንርሕሚ የጽብቦ ጥራይ ዘይኮነ ንዋሕዚ ሽንቲ'ውን ኬቋርጽ ዚኽእል እዩ። ሰበይቲ እናሽነት እንከላ ሽንታ ንምዕጋት ነቲ ናይ ፒ.ሲ ጭዋዳኣ ምጭባጥ ክትለማመዶ ትኽእል እያ። እቲ ኣገባብ ከምዚ ዚስዕብ እዩ።

እናሽነት እንከላ፡ ብርካ ፈላልያ፡ ንዋሕዚ እቲ ሽንቲ ንውሑዳት ካልኢታት ደው ተብሎ። ከም ብሓድሽ ትቕጽሎ። መሊሳ ኸኣ ደው ተብሎ። ሽይና ክሳዕ እትውድእ ከኣ ነዚ ናይ ደው ምባልን ምፍናውን መስርሕ ትቕጽሎ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሽንታ ደው እተብለሉ፡ ነቲ ናይ ፒሲ ጭዋዳኣ ትጭብጦ ኣላ ማለት እዩ።

ስለምንታይ እዩኸ ክትፈላልዮ ዘድሊ ንዝብል ሕቶ እቲ ምኽንያት ብርካ ተረሓሒቑ እንከሎ፡ ሽንታ ደው ከተብለሉ እትኽእል ጭዋዳ፡ እቲ ናይ ፒ.ሲ ጭዋዳ ጥራይ ስለ ዝኾነ እዩ። ብርካ እንተዘይተፈላልዩ ግን በቲ ናይ ሰለፍ ጭዋዳታ'ውን ነቲ ዋሕዚ ሽንቲ ኪዓግቶ ትኽእል ነይራ እያ። ሰበይቲ እናሽነት ብእትግብሮ ናይ ፒ.ሲ ልምምድ ከኣ ነቲ ኣብ መንጉ

ናይ ሰለፍን ናይ ፒ.ሲን ዘሎ ጭዋዳታት ፈልያ ንኽትፈልጦ ኪሕግዛ እዩ። ነቲ ናይ ፒ.ሲ ጭዋዳኣ ምጭባጥ ከምዝኽኣለቶ ምስ ኣረጋገጸት፡ ክትሽይን እንከላ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ዝኾነ እዋን ኪትጭብጦ ትኽእል እያ። ብኸምዚ ኸኣ ነቲ ናይ ፒ.ሲ ልምምድ ዚበሃል ክትትግብሮ ትጅምር።

ናይ ፒ.ሲ ልምምድ

ሀ. ብዝተኻእለ መጠን ብሓይሊ ጨቢጥኪ ንሰለስተ ካልኢታት ጽንሒ
ለ. ፈኒኺ ንሰለስተ ካልኢታት ኣዕርፊ

ነፍሲ ወከፍ ንለንስተይቲ መዓልታዊ 40 ከምዚ ዓይነት ልምምድ ኪትገብር ይግብኣ። እዚ ማለት ከኣ፡ መዓልታዊ 40 ግዜ ነቲ ጭዋዳ ንሰለስተ ግዜ ክትጭብጦን ንሰለስተ ካልኢታት ድማ ከተዛንዮን ኣለዋ ማለት እዩ። መዓልታዊ 40 ግዜ ልምምድ ምግባር ዜጸግም ኣይኮነን። ንኣብነት ቅድሚ ካብ ዓራት ምትንሳኣ፡ ነፍሲ ወከፍ ንግሆ ሓሙሽተ ልምምዳት ኪትገብር ትኽእል። ነፍሲ ወከፍ ልምምድ፡ ሽዱሽተ ካልኢታት ስለ ዝወስድ ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ ፍርቂ ደቒቕ፡ ሓሙሽተ ልምምዳት ኪትገብር ትኽእል እያ። ከምኡ'ውን እናሸነት ከኣ ገለ ቕሩብ ልምምድ ኪትገብር ትኽእል። ኣውቶቡስ እናተጸበየት እንከላ'ውን ገለ ቁሩብ ልምምድ ትገብር። (ነቲ ናይ ፒ.ሲ ጭዋዳኣ ትጭብጦ ከምዘላ ኪርእያ ዚኽእል ዋላ ሓደ የለን) ኣብ ሓደ እዋን፡ ቁሩብ ቁሩብ እናገበረት ብቐሊሉ ነቲ 40 ግዜ ንመዓልቲ ኪህሉ ዘለዎ ልምምድ ኪትውድኦ ትኽእል እያ።

ዶሮቲ ዝተባህለት ነዚ ናይ ፒ.ሲ ልምምድ ንምትግባሩ ምርሳዕ ጸገም ነይርዎ። ስለዚ ድማ "ልምምድ" ዚብል ጽሑፍ ንመዘኻኸሪ ኪኸውን ኣብ መንደቕ ናይ ገዛኣ መንደቕ ጠቂዓቶ። ሓደ ኣብ ክሽነ፡ ኣብቲ ጥቓ መሕጸብ ኣቑሑት፡ ካልእ ኣብ ሰደቓ ናይ ክዳን መስታረሪ፡ ኣብ ከምኡ ዝኣመሳሰለ ካልእን፡ ነቲ ጽሑፍት ጠቂዓቶ። ንዕኡ ዝረኣየት ሓፍታ ሓደ መዓልቲ ብዛዕባኡ ሓቲታታ። ዶሮቲ ድማ ብዛዕባ ናይ ፒ.ሲ ልምምድ ምኽኑ ነጊራታ። ድሕሪ ክልተ ኣዋርሕ፡ እታ ሓፍታ ናብ ዶሮቲ መጺኣ ከምዚ ኢላታ። "በዚ ንግብረ-ሰጋ ኪሕጐሰሉ ጀሚረ ዘሎኹ ኣገባብ በዓል ቤተይ ኣዝዩ እዩ ተሓጕስሉ፡ እንታይ ዓይነት መድሃኒት ከምዝሃብክኒ ኪፈልጥ ደልዩ ኣሎ!"

ስለምንታይ እዩ ግን እዚ ናይ ፒ.ሲ ልምምድ ልዑል ጸታዊ ዕግበት ከምዚህሉ ዚገብር? እቲ ምኽንያት ድልዱል ናይ ፒ.ሲ ጭዋዳ ኣብ ግዜ ርክብ ንብልዕቲ ወዲ ተባዕታይ ጽቡቕ ገይሩ ኪጭብጦ ስለ ዚኽእል እዩ። እዚ ኸኣ እዩ ንኽልቲኦም ዜሐጉስ ዚገብሮ።

ኣመሪካውያን ነዚ ፒ.ሲ ልምምድ ንሕና ኢና ምሂዝናዮ እዮም ዚብሉ ነይሮም። ንኣማኢት ዓመታት ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝውቱር ምንባሩ ድሒሮም ምስ ፈለጡ ግን ተገሪሞም፡ ኣብ ገለ ሃገራት ኣፍሪቃ ንኣብነት፡ ጓል ነቲ ናይ ፒ.ሲ ጭዋዳኣ፡ ኣጥቢቕ ኪትጭብጦ ኪሳዕ ዘይከኣለት ንኽይትምርያ ዚኽልክል ልማስ ኣሎ። ኣብ ኤስያ ዚርከባ ገለ ሃገራት ድማ፡ ሰበይቲ ድሕሪ ሕርሳ፡ ድልዳለ ጭዋዳታት ርሕሚ ናብ ንቡር ንኽምለስ፡ ናይ ፒ.ሲ ልምምድ ትገብር።

ብዙሓት ሰባት ንናይ ግብረ-ሰጋ ድሌት የለዓዕል እዩ ዚብልዎ ክቡር ዚዋግኡ መድሃኒት ይገዝኡ እዮም። ይኹን እምበር ንኽምዚ ዓይነት ጥቕሚ ዚውዕል መድሃኒት ግን የለን። እዚ ናይ ፒ.ሲ ልምምድ ግን ብዘይካ እቲ ኣብ ግብረ-ሰጋ ዚውሰኽ ልዑል ባህታ፡ ሕርሲ ውሑስ ንኪኸውን'ውን ከምዚገብር ከኣ ኣስተውዕል። ነፍሲ ወከፍ ጓል ኣንስተይቲ እዚ ልምምድ እዚ ኪትገብር ከኣ ንምዕዳ!

58. ቬሮኒካ

ምስ በዓል ቤተይ ካብ ንምርያ 12 ዓመታት ገርና ኣለና። ኣርባዕተ ቈልዑ ድማ ኣለዉና። ኣብተን ቀዳምት ትሽዓተ ዓመታት ብግብረ-ሰጋ ዚመጸ ዋላ ሓደ ጸገም ኣይነበረናን። ካብ ቅድሚ ሰለስተ ዓመታት ኣትሒዙ ግን በዓል ቤተይ መትሎ ናይ ዘይምቕናዕ ጸገም ኣጋጢምዎ። ድሒሩ ድማ፡ ፈጺሙ ብግብረ-ሰጋ ክራኸውብ ዘይክእል ኮይኑ፡ (ተሰርዩ) ኪምርመር ሆስፒታል ምስ ከደ፡ ብግብረ-ሰጋ ንኽይራኸብ ዚዕንቅጸ ዝኾነ ጸገም ከምዘይብሉ ነጊሮሞ።

ድሕሪ'ዚ ንበይኑ ኣብ ካልእ ዓራት ምድቃስ ጀሚሩ። ሰለዚ ኣብዘን ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት፡ ንሓንቲ ግዜ'ውን ምግብረ-ሲጋ ፈጺምና ኣይተራኸብናን። ሲጋዊ ድሌተይ ምስ ካልኦት ብግብረ-ሲጋ ንኽራኸብ ስሕት ኢሉ ይደፍኣኒ'ዩ። ሰዓቢት ክርሰቶስ ከም ምሻነይ መጠን ግን ሲጋይ ከምኡ ንኽገብር ኪፈቕደሉ ኣይክእልን'የ። ሰለዚ ድማ ኣብዘን ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ብግብረ-ሲጋ ኣይተራኸብኩን። በዓል ቤተይ ከምኡ ንኺሸውን ዚገበሮ ግን እንታይ ይመስለኩም።

ዝተፈተኸ ቬሮኒካ፡-

ግብረ-ሲጋ ንምፍጻም ብቕዓት ካብ ዘስእነካ እቲ ኣዝዩ ፍሉጥ ጠንቂ፡ ጭንቀት እዩ። ኣብነት ምእንቲ ኪኾነና ናይ ሓደ ሰብኣይ ኩነታት ንርአ። ስሙ ጆ ክንብሎ ኢና። ጆ፡ ምሉእ መዓልቲ ብስራሕ ደኺሙ ስለ ዝወዓለ ደቂሱ ኣሎ ንበል። ኣብታ ምሸት እቲኣ በዓልቲ ቤቱ ትደልዮ እሞ ከምቲ ልሙድ ክትተናኽፎ ትጅምር። ብልዕቲ ጆ ግን ምቕናዕ ይኣቢ። ክልቲኣም ከኣ ይግረሙ።

ኪግረሙ ግን ኣይነበሮምን። ጆ ኣዝዩ ደኺሙ ስለ ዝነበረ ጥራይ እዩ። ሰብኣይ ብምኽንያት ብርቱዕ ድኻም ወይ'ውን ጭንቀት፡ ብልዕቱ ኪቕንዓሉ ዘይክእላ መዓልትታት ኪህልዋ ከምዚኽእላ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ጆ ይኹን በዓልቲ ቤቱ ግን ነዚ ነገር እዚ ኣይተረድእዎን። ከም ኩሎም ካልኦት ሰባት "ሰብኣይ ወትሩ ንግብረ-ሲጋ ድሉው እዩ!" ዚብል ጌጋ መረዳእታ እዩ ነይርዎም። ኣብታ ለይቲ እቲኣ ጆ፡ "እንታይ ጸገሙ ደኣ'ሉ ኣጋጢሙኒ፡ በዓልቲ ቤተይ እንታይ ክትብል እያ!" ብዚብል ሓሳብ ፈጺሙ ክድቅስ ኣይከኣለን።

ኣብታ ዝቐጸለት ምሸት ኪፍትን ስለ ዝደለየ ንበዓልቲ ቤቱ፡ ሓቲትዋ። ኣብቲ ናይ ፍቐሪ ጸወታ ኣብ ክንዲ ተዛንዩ በቲ ምትንኻፍ ኪሕጐስ ዚፍትን፡ ንምቕናዕ መትሎኡ ጥራይ ብጭንቀት ይዕዘብ ነበረ። ካብ ምጭናቕ ዝተበገሰ ድማ መትሎኡ ኪቕንዕ ኣይከኣለን። መሊሱ ዝያዳ ተጨኒቑ፡ እቲ ጸገም ከኣ መሊሱ ገዲዱ።

ጆ ይኹን በዓልቲ ቤቱ ኪገብርዎ ዝግብኦም ዝነበረ ግን እዚ ዝስዕብ እዩ። ኣብታ መትሎ ምቕናዕ ዝኣበየቶ ቀዳመይቲ መዓልቲ፡ በዓልቲ ቤቱ "ሎሚ ደኺምካ ኢኻ ዘሎካ። ምእንቲ ከተዕርፍ ከኣ ንኻልእ ግዜ ክጽበ ጸገም የብለይን" ክትብሎ ነይርዋ። ነቲ ናይ ዘይምቕናዕ ጸገም ከኣ ሽዑ ኪርስዕዎ ይግብኦም ነይሩ።

ኣብቲ ንኻልኣይ ግዜ ጸወታ ፍቐሪ ዚገብሩሉ ዝነበሩ እዋን ከኣ ኣብ ክንዲ ይቕንዕዶ ኣይቀንዕን ኢሎም ዚዕዘቡ ንሓድሕዶም ኪተሓጓጕሱ ጥራይ እዩ ነይርዎም። ሽዑ ቀልጢፉ ምቕንዓሉ ነይሩ። እቲ ጸገም ከኣ ፈጺሙ ኣይመጸን። ኣብ ጸወታ ፍቐሪ ሰብኣይ ብዛዕባ ምቕናዕን መትሎኡ ፈጺሙ ኪጭነቕ የብሉን። ንዕኡ ረሲዑ ንበዓልቲ ቤቱ ብምፍቃር ጥራይ ኪሕጕስ እዩ ዘለዎ።

መትሎ ሰብኣይ ብኸመይ'ዩ ዚቕንዕ? ዚብል ሕቶ ንምምላስ ምስ ድቃስ ከነመሳስሎ ንኽእል ኢና። ኣብ ዓራት ኮይኑ "ድቃስ ኪወስደኒ ኣለዎ። እንታይ ደኣሉ ድቃስ ዘይመጸኒኸ? ቀልጢፈ እንተዘይደቂሰ ደኣ ከመይ ገይረ ብግዜ ክትንስእ እኽእል?" እናበለ ዚጭነቕ እሞ ሕሰብ፡

ከምዚ እናሓሰበ፡ ድቃስ ኪመጾ ኣይክእልን እዩ። ኪድቅስ እንተኾይኑ ኪዛነ እዩ ዘለዎ። ብዛዕባ ድቃስ ምጭናቕ ገዲፉ፡ ብዛዕባ ካልእ ነገራት ኪሓስብ ምስ ዝጅምር ግና ቀልጢፉ ድቃስ ኪመጸ ይኽእል። ብተመሳሳሊ ብዛዕባ ናይ መትሎኡ ዘይምቕናዕ፡ ይጭነቕ እንተሎ ድማ፡ መትሎኡ ኪቕንዕ ኣይክእልን እዩ። ተዛንዩ፡ ንበዓልቲ ቤቱ እናተሓጕሰ ኪተናኽፍ ኣለዎ። እቲ ምቕናዕ ከኣ ቀልጢፉ ይመጽእ። ብርግጽ ግብረ-ሲጋ ክትገብር ዘይምኽኣል ካብ ጭንቀት ጥራይ ኣይኮነን ዚብገስ። ብሰንኪ ሕማም'ውን ገለ ሰባት እዚ ጸገም'ዚ ዜጓንፎም ኣለዉ።

በዓል ቤትኪ ግን ቬሮኒካ፡ ናብ ሕክምና ከይዱስ ገለ ጸገም ከምዘይብሉ እዮም ነጊሮሞ። ስለዚ ምናልባት እቲ ጸገም ልክዕ ከም ናይ ጆ ብጭንቀት ዚመጸ ኪኸውን ዚከኣል እዩ። ከምኡ እንተኾይኑ ድማ ኪፍወስ ይከኣል እዩ። እወ ንሰኽን በዓል ቤትክን ኣብዚ ጸገም እዚ ብሓባር ብምስራሕ ብሓባር ክትዕወቱ ትኽእሉ ኢኹም። ብኸምዚ ዝስዕብ ኣገባብ፡-

ሀ. ብዛዕብኡ ተዘራረቡ፡- ብዛዕባ እዚ ጸገም ምስ በዓል ቤትኪ ምናልባት ፈጺምኩም ዘይተዘራረብኩም ክትኮኑ ዚከኣል እዩ። እዛ ንጽሕፈልኩም ዘለና መልእኽቲ ብሓባር ኩተንብብዋ ኽኣ ንምዕደኩም። ድሕሪ፡ዚ ብቐንዕናን ነጻ ኴንኩምን ብዛዕባ እቲ ኩሉ ኩነታት ተዘራረቡ። ንሽኺ ቬሮኒካ ንበዓል ቤትኪ ብዛዕባ እቲ ዘጋጠሞ ገለ ዚሃሲ ቃል ተዛሪብክዮ እንተኾንኪ ይቐረታ ሕተቲ።

ለ. ንጸወታ ፍቐሪ ጥራይ ኢልኩም ጀምሩ፡- በዓል ቤትኪ ብዛዕባ ጸገሙ ንኽይጭነቕ ኣብቲ መጀመርያ ኬጸግሞ ይኽእል እዩ። ስለዚ ንውሑዳት ሰሙናት ምሽት ምሽት ብጸወታ ፍቐሪ ጥራይ ተሓንጐሱ። በዓል ቤትኪ "ሎም ምሽት ንግብረ-ስጋ ዘይኮነስ ንጸወታ ፍቐሪ ጥራይ ስለ እትደልየኒ ጽቡቕ ጌርና ክንተሓንጐስ ኢና" ብምባል እናተዛነየ ነቲ ጭንቀቱ ኪርስዕ እዩ።

ኣብቲ ጸወታ ፍቐሪ፡ ከም እተፍቅርዮን ሰብነቱ ብምትንካፍ ባህ ከምዝብለክን ድማ ንገርዮ። ከም ገለ ገይረ መትሎኡ ከም ዝቐንዕ ክገብሮ እየ ኢልኪ ኣይትሕሰቢ። ተዛነዪ ጥራይ። ንመላእ ሰብነቱ ብቐብኢ ብምድርራዝ፡ውን ባህ ይበልኪ። ንሱ፡ውን ንዓኺ ብምትንካፍ ባህ ኪብሎ ፍቐድሉ። ዝኾነ ካብ ክልቲኹም ብዛዕባ ምቐናዕ ናይ መትሎ ክጭነቐ የብሉን። መትሎ እንተዘይቀንዐ፡ውን ንሓድሕድኩም ሓጐስን ፍቐርን ምውህሃብ ኣይተቋርጹ።

ከምእተፍቅርዮ ደኣ፡ምበር ከምዘይትነቐፍዮ ምስ ዚፈልጥ፡ ካብ መንኩቡ ከቢድ ሸኽሚ ከምዝተላዕለሉ ኪፎኩሶ እዩ። ኣብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ መትሎ እንተዘይቀንዐ ኣይትጨነቒ። ተዛነኺ ካልእ ግዜ ነቲ ጸወታ ፍቐሪ ድገምዮ። ፍጹም ተዳልዩ መትሎኡ ንኽቐንዕ፡ ብዙሕ መዓልትታት ኪወስደሉ ይኽእል እዩ። ክልቲኹም ብዛዕባ ምቐናዕ መትሎ ረሲዕኩም ብናይ ፍቐሪ ጸወታ ጥራይ ክትሕንጐሱ ምስ ጀመርኩም እቲ ናይ መትሎ ምቐናዕ ባዕሉ ኪመጽእ እዩ።

ሐ. ተዓገሱ፡- መትሎ ኪቐንዕ ኣብ ዝጅምረሉ ቀዳመይቲ መዓልቲ፡ በዓል ቤትኪ ዝያዳ ርእሰ-ምትእምማኑ ክብ ስለ ዝብል፡ ጭንቀቱ ንኽርስዕ ቁሩብ ኪቐለሉ ይኽእል እዩ። እዚ ነገር ናይቲ ዓወት መጀመርያ እዩ። ግዜ ክወስድ ግን ይኽእል። ንሰለስተ ዓመታት ኪቐጽል ዝጸንሐ ጸገም፡ ብሓደ መዓልቲ ኣይጠፍእን እዩ። ናይ ሰሙናት ህዱእ ለውጢ ይሓትት። ስለዚ ትዕግስቲ የድልየኩም።

ኣብ መወዳእታ እንብለኪ ኽኣ እቲ ሓደ ብሓቂ ኪሕግዘኪ ዚኽእል እግዚኣብሄር እዩ። ንሕና ንኽትዛረቢ፡ ንኽተፍቅሪ፡ ንኽትዛነዪን፡ ዕግስቲ ንኽትኮንን ክንነግረኪ ንኽእል ኢና። ነዞም ነገራት ንኽትገብርዮም ዘድልየኪ ሓይሊ ግን ክንህበኪ ኣይንኽእል ኢና። እግዚኣብሄር እዩ ከምኡ ኪገብር ዚኽእል። ስለዚ፡ ሓይሊ ምእንቲ ኪህበኪ ጸልዩ!

59. ጳውሎስ

ሽጋራ ምትካኽ፡ዶ ንመትሎ ኬሐንግዶ ይኽእል እዩ?

ዝተፈተኻ ጳውሎስ፡-

እወ። መትሎ ንኺቐንዕ፡ ደም ናብ መትሎ ኪውሕዝ ኣለዎ። ኣብ ሽጋራ ዚርከብ ኒኮቲን ከኣ ንሰራውር ደም ብኽፊል ይዓጽዎ እዩ። ስለዚ ደም ናብ መትሎ ንኺውሕዝ ኪዓግቶ ይኽእል። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ መትሎ ናይ ዘይምቐናዕ ጸገም ኬጓንፍ ይኽእል።

ሽጋራ ምትካኽ ዘቋረጹ ሰብኡት መብዛሕትኡ ግዜ "ናይ ግብረ-ስጋ ባህታ ሕጂ፡የ ዚረክብ ዘሎኹ። ኣቐዲመ ኣቋሪጸዮ እንተዝኸውንሲ መን ምሃበኺ" ኪብሉ እዮም ዚስምዑ። እግረ-መንገድና፡ ኣልኮል፡ውን ንመትሎ ኬሐንግዶ ይኽእል እዩ። ኣብዚሑ ዚሰቲ ሰብኣይ መትሎኡ ፍጹም ኪቐንዕ ናብ ዘይክእልለሉ ደረኛ ኪበጽሕ፡ውን ይኽእል እዩ።

60. ዎልተር

ኣነ ወዲ 61 ዓመት፡ በዓልቲ ቤተይ ከኣ ናብ 60 ዓመት ትገማገም ኣላ። ኣዚና ስለ ዝዓበናስ ብግብረ-ስጋ ምርኻብ ከነቋርጾ፡ዶ?

ዝተፈተኹም ኣቶ ዎልተር

ንሸኹምን በዓልቲ ቤትኩምን ክሳዕ ዘለኹም ብግብረ-ሰጋ ኪትሕጐሱ ነጻ ኢኹም።

61. ቲዮ

ቅድሚ ሓደ ዓመት እየ ተመርዕየ። ጸገመይ ድማ እምብዛ ቀልጢፈ ስለ ዘፍስስ እዩ። (ወይ ከእቱ ከለኹ ወይ ድማ ሓሙሽተ ካልኢታት ኣብ ዘይመልእ ግዜ) እዚ ድማ እዩ ዜጨንቐኒ ዘሎ። ኣብቲ ናይ ፍቐሪ ጸወታና፡ ንበዓልቲ ቤተይ ንመትሎይ ከይትትንክፎ እየ ዘጠንቅቕ፡ ንዓኣ ግን ክሳብ ናብ ጥርዘ ስምዒት እትበጽሕ እተናኽፋ። ወትሩ ናብ ጥርዙ-ስምዒት ከይበጽሐት ስላ ግን እቕድማ። ንሰብኣይ ኪዝሕል ዚኽእል ገለ መድሃኒትዶ የለን እዩ?

ዝተፈተኻ ቲዮ፡-
ከምኡ ዚበሃል መድሃኒት የለን። ገለ መደናገርቲ፡ ከምኡ ዓይነት መድሃኒት ይሸጡ እዮም። እቲ መድሃኒት ግን ዚሰርሕ ኣይኮነን። ብዘይ መድሃኒት ከመይ ጌርካ ክትዝሕል ከምእትኽእል ክንሕብረካ ስለ ዝኾንና ግን ኣይትጨነቕ!

ቅድሚ ምእታው፡ ንበዓልቲ ቤትካ ጥቓ ጥርዙ-ስምዒት ክሳዕ እትበጽሕ ትተናኽፋ ስለ ዘለኻ፡ ጽቡቕ ኢኻ ትገብር ዘለኻ። እቲ ትጋገዮ ዘለኻ ግን ኣብቲ ጸወታ ፍቐሪ ንበዓልቲ ቤትካ “መትሎይ ኣይትተንክፍኒ” ምባልካ እዩ። ብኣንጻሩ ኢኻ ክትብላ ዚግብኣካ። በዓልቲ ቤትካ ንነዊሕ እዋን ክትተናኽፈካ እንተፈቒድካ፡ ከም እትዝሕል ኪትገብረካ ትኽእል እያ። ኣብ ጸወታ ፍቐሪ በዓልቲ ቤትካ ክንዲ ዝደለየቶ ግዜ ክትተናኽፈካ እዩ ዘለዋ። ንኽይተፍስስ ጥራይ ኪትጥንቀቕልካ ይግብኣ።

ነቲ ኣገባብ ብኽምዚ ዚስዕብ ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ። ንሸካ ጥቓ ምፍሳስ ቀሪብካ ከምዘለኻ ትሕብሮ ንሳ ኽኣ ኣብታ ዝሓበርካላ ክሳዕ ስምዒትካ ዝዝሕል፡ ነቲ ምትንካፍ ተቋርጾ። ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ ከኣ መሊሳ ትተናኽፈካ። እዚ ቀልጢፍካ ንኽይተፍስስ ኪሕግዘካ እዩ።

ሓደ ሓደ ግዜ፡ ኣብ ጸወታ ፍቐሪ ብዚግበር ምትንካፍ ከተፍስስ ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ እዚ ግን ኣይትጨነቕ። ሰሙናትን ኣዋርሕን ብዝሓለፈ መጠን ቅድሚ ምፍሳስ ንኽንደይ ዚኣክል ምትንካፍ፡ ክትገብሩ ከምዘለኩም ከተጽንዕዎ ኢኹም።

62. ኣልፍረድ

ንግብረ-ሰጋ ዝያዳ ዚዓግቡሉ እቶም ሰታይት ድዮም?

ዝተፈተኻ ኣልፍረድ፡-

ሰበይቲ ኣልኮላዊ ነገር እንተሰትያ፡ ስምዒታ ንኽልዓኣል ብዙሕ ግዜ እዩ ዘድልያ። እዚ ኽኣ ናብ ጥርዙ-ስምዒት ንኽይትበጽሕ የጸግማ። ኣልኮላዊ ነገር ዝሰተየ ሰብኣይ ከኣ መብዛሕትኡ ግዜ ቅድሚ እቲ ዝደለዮ እዋን እዩ ዜፍስስ። ስለዚ እምበኣር መስተ ዝሰቲ (ሰብኣይ ይኹን ሰበይቲ) ካብ ግብረ-ሰጋ ውሑድ ባህታ እዩ ዚረክብ።

63. ሉቃስ

ንሰበይቲ ኪዕግብ ኣይክእልን እየ ኢለ ስለ ዝጠራጠር ንኽምርያ ኣዝየ እየ ዝፈርሕ። ወዲ 24 ዓመት እየ። ጸገመይ ከኣ መትሎይ ኣዝዩ ንእሽቶ ስለ ዝኾነ እዩ። ዓቢ መትሎ ዘለዎ ዝያዳ ባህ ዜብለን ስለ ዝኾነ ደቀንስትዮ ከምኡ ዘለዎ ሰብኣይ ከም ዚመርጻ ሰሚዐ ኣለኹ። እዚ ማዕረ ክንደይ ሓቅነት ኣለዎ።

ዘጨንቐኒ ዘሎ ሓሳባት ከኣ ኪውሰኽልኩም። እታ ዚምርዓዋ “መትሎኻ ኪዕግበኒ ዘይክእል ኣዝዩ ንእሽቶ እዩ” ዶ ትብለኒ ትኸውን? ትፈትሓኒ ዶኻ ትኸውን? ንምሉእ ዘመነይ ዶ ከይተመርዓኹ ክሕልፎ?

እዚ ፍርሕታት ኣዝዩ ስለዘጨንቐኒ “ፈቲነ ዶ ንዓይ ትኸውን ጓል ክደሊ” ኣብ ዚብል ጫፍ እየ ዝበጽሕ። ከምዚ ምግባር ግን ነቲ ሰማያዊ ኣቦይ ከምዘየሐጉሶ ከኣ እፈልጥ እየ። ስለዚ እንታይ ክገብር?

ዝተፈተኻ ሉቃስ፡-

ብዛዕባ ዓቐን ግዝፈ መትሎኻ ምጭናቕ ኣቕርጸ። "ዓቢ መትሎ ዘለዎ ዝያዳ'ቲ ንእሽቶ ዘለዎ፡ ንሰበይቲ የዕግባ" ዚብል ኣበሃህላ ሓቂ ኣይኮነን። ስምዒት ሰበይቲ ብጉድበን በቲ ሸውዓተ ሴንቲሜተር ዝንውሓቱ ቀዳማይ ክፋል ናይ ውሽጢ ርሕምን እዩ ዚለዓዓል። እዚ ማለት ከኣ ንለንስተይቲ ብግብረ-ስጋ ኻኽትዓግብ ሸውዓተ ሴንቲሜተር ንውሓት ዘለዎ መትሎ እኹል ማለት እዩ። ናይ ዝኾነ ሰብኣይ ከኣ መትሎኡ ምስ ቀንዐ ልዕሊ ሸውዓተ ሴንቲሜተር እዩ ዝኸውን። ስለዚ ብልዕቱ ብምንኣሱ ንበዓልቲ ቤቱ ኬዕግብ ዘይክእል ሰብኣይ የለን።

ሉቃስ ኣስተውዕል! ክሳዕ ዕለተ መርዓኻ ብግብረ-ስጋ ካብ ምርኻብ ተቐጠብ። እዚ ንእግዚኣብሄር ትእዘዞ ከምዘለኻ እዩ ዜርኢ። ምስ እትምርያ ድማ ንበዓልቲ ቤትካ ኣፍቅራ። ናይ ቀረባ ዓርኽኻ ግበራ። ምስኣ ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ተዘራረብ። ምስ ዝኾነ ክትረዳዳእ ኣብ ዘይትኽእለሉ እዋን'ውን እንተኾነ ምስ በዓልቲ ቤትካ ግን ተረዳዳእ። ከምዚ እንተገርካ ብልጽቲ ዝኾነት ዓርኪ ብምምርዓውካ ብፍሉይ ክትሕጐስ ኢኻ። ሰብኣይ፡ ሕጉስ ሓዳር ኻኪህልዎ ገዚፍ ኣካል ኪህልዎ ኣለዎ ዚብል መረዳእታ ደኣ ስለምንታይ እየ ዚሓስቦ ዝነበርኩ እናበልካ ኽኣ ክትግረም ኢኻ።

64. ሩት

ንል 23 ዓመት ዘይተመርዓኹ መንእሰይ እየ። ብግብረ-ስጋ ኽኣ ተራኺበ ኣይፈልጥን። ኣብቲ ዚሰርሓሉ ቤት ጽሕፈት ምሳይ ዚሰርሑ፡ ገሊኦም "ጽልልቲ" ገሊኦም "ሃይማኖተኛ" ገሊኦም "ስምዒት ዘይብላ" ገሊኦም ከኣ "ዘይጥዕይቲ" ኢኺ ይብሉኒ። እንተኾነ ኣቐዲመ ንነብሰይ ክሳዕ ዕለተ-መርዓይ ካብ ግብረ-ስጋ ብምቁጣብ ንጐይታይ ክእዘዞ ወሲነ እየ።

ወዲ ወይ ንል ከይበልኩ ምሰ ኩሉ'የ ዚሕወስ። ንርክብ ዝሓተኒ ዘበለ ወዲ ግን ክርሕቀለይ እየ ዘጠንቅቐ። ንገዛእ ርእሰይ ወትሩ "እግዚኣብሄር ንዓይ ዚኸውን በዓል ቤት ኣለዎ። እቲ ሰብኣይ እቲ ንዕኡ ብምጽባየይ ዚሕጐስ ፍሉይ በዓል ቤት እዩ" እብል ነይረ። ሕጂ ከምቲ ዝተጸበኽዎ ይኸውን ኣሎ። ሓደ ዜድንቕ ሰዓቢ ክርስቶስ ዝኾነ መንእሰይ ንኽምርዓዎ ሓቲቱኒ ኣሎ። እምብዛ ተሓጉሰ ኣለኹ። ከም ኣብ ደበና ዝኸይድ ዘለኹ ኮይኑ ኽኣ ይሰምዓኒ ኣሎ።

ንዓመታ፡ ንሱ ምስ ተመረቐ ኢና ክንምርያ። ንሱ'ውን ብድንግልና ብምጽንሑ ብጾቱ ሰሒቕዎ እዮም። ከምኡ ምኻኑ ከኣ የሐጉሰኒ። ኣብቲ ዚሰርሓሉ ቤት ጽሕፈት ዘለዋ፡ መብዛሕትኡን ደቀንስትዮ፡ ሰላም ዚበሃል የብለንን። ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ብዘጋጥመን ጥንሲ እየን ዚጭነቓ። ብኣይድሰን ካልኦት ብግብረ-ስጋ ዚመሓላለፉ ሕማማትን ከኣ ወትሩ ይፈርሃ።

ክሳዕ መርዓ ብድንግልና ክነብር ምውሳነይ ኣዝየ ሕጉስቲ እየ። ንትእዛዝ እግዚኣብሄር ምሕላው ማዕረ ክንደይ ጽቡቕ ምኻኑ ኽኣ ንነፍሲ ወከፍ ክነግሮ ባህ ይብለኒ።

ዝተፈተኺ ሩት፡-

መልእኽትኺ ንመዝሙር 119 ኣዘካኺራትና

(92) "ሕግኻ ምኽንያት ሓጐሰይ እንተዘይነብርሲ ብመከራይ ዛጊት ምጠፋእኹ ነይረ"

(129) "ሕግኻ መስተንክር እዩ። ኣነ ኽኣ ብምሉእ ልበይ እሕልዎ"

(165) "እቶም ሕግኻ ዜፍቅሩ ብዙሕ ሰላም ኣለዎም። ዜወንቕፎም ከኣ የልቦን።

65. ኤድጋር

ቅድሚ ሸዱሸተ ዓመታት ገና ተማሃራይ ኣብ ዝነበርኩሉ፡ ንሓንቲ ንል ኣፍቂረ ኣጥኒሰየ። ካብታ ግዜ እቲኣ ኣትሒዙ መንፈሰይ ሰላም የብሉን። እቲ ቁልዓ ኣብ ዓመቱ መይቱ። ብሓዘን ተጐቢኡ። ኣብቲ ዝቐጸለ ዓመት እታ ንል ንዓይ ገዲፋ ካልእ ዓርኪ ሒዛ። ብልቢ ጉህየ ንሰሙናት ክድቅስ ኣይከኣልኩን።

ድሕሪዚ ንሓንቲ ንል "ኣፍቂረኪ" ኢለ ኣጋግየያ። ሓዘነይ ክርስዕ ስለ ዝደለኸ እምበር ሓቀኛ ፍቕርስ ኣይነበረንን። ንሳ ኽኣ ጠኒሳ። ተሓጉሰ ስለ ዘይፈጸምክዎ ናይቲ ጥንሲ

ሓላፍነት ክወሰድ ኣይደለዩን። ንዓይ ዚመስል ወዲ ግን ወሊዳ። ባህርያታ ሰለ ዘይፈተኽም ክምርዓዋ ኣይደልን እየ። እዚ እዩ ኽኣ ኣጨኒቒኒ ዘሎ። ቀለብን ክዳውንትን ቈልዓ ትሓተኒ ኣላ። ኣነ ኽኣ ናብ ትምህርተይ ተመሊሰ ክውድእ እደሊ ኣለኹ። ኣብዚ ኩሉ መከራ ዚእትወኒ ዘሎስ መደብ እግዚኣብሄር'ዶ ይኸውን?

መዘኻኸሪ፡- ከምዚ ዓይነት ዝትሕዝትኡ መልእኽቲ ብኣሽሓት እዩ ዚመጻናዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ እንከሎ ብግብረ-ስጋ ብምርኻብ ሓጢኣት ከምዝገበረ ኣስተውዕል። ውጽኢቱ ኽኣ ብዝሒ ጓሂ ኣኽቲሉ። ድሕሪ እዚ ሓዘኡ ንምርሳዕ፡ ንግብረ-ስጋ ደልይዋ ክነሱ፡ ንዘየፍቀራ ጓል ኣፍቂረኪ ኢልዋ። ውጽኢት ናይዚ ተወሳኺ ሓጢኣት ከኣ፡ ተወሳኺ ጓሂ ፈጢሩ። ነታ ጓልን ነቲ ህጻንን ከኣ ሽግር ኣስዒቡ። እቲ ዜገርም ግን ኣብዚ ኩሉ ዚእትወኒ ዘሎስ መደብ እግዚኣብሄር ደኣ ከይከውን ምባሉ እዩ።

እዚ መንእሰይ እዚ ንእግዚኣብሄር ኪስዕብ ኣይጸንሐን። ብመንገዲ ገዛእ ርእሱ እዩ ዚጓዓዝ ዝነበረ። ስለዚ ነቶም ጸገማት ባዕሉ እዩ ዚፈጥሮም ነይሩ።

ኣብቲ ዝለኣኽናሉ መልሲ፡ ሓጢኣቱ ኪናሳሕ ኢየሱስ ኣብ ክንዳኡ ከምዝተሳቐየ ብምእማን ከኣ ንጐይታ ኪእዘዞ ኪጅምር ኢና ፍቐራዊ ብዝኾነ መንገዲ ምዓድናዮ። ብተወሳኺ'ውን ንኢየሱስ ኪእዘዞ እንተደኣ ኮይኑ ነቲ ህጻን ናይ ቀለብን ክዳውንትን ድሌታቱ ከማልኣሉ ከምዘለዎ ከኣ ነጊርናዮ።

"ሓደ'ኳ ነቶም ኣዝማዱ፡ ምናዳ ግና ንስድራኡ ዘይሓሊ እንተሎ፡ ንሱ እምነቱ ዚኽሓደ፡ ካብቲ ዘይኣምን'ውን ዚገደደ እዩ" 1ጢሞ5፡8

66. ዶግላስ

ምስ በዓልቲ ቤተይ ቅድሚ ክልተ ኣዋርሕ ኢና ንክርስቶስ ክንስዕብ ወሲንና። ክርስቶስ ሓጢኣትና ኪሓድገልና ለሚንናዮ። ከም ጐይታ ኽኣ ተቐቢልናዮ። ሰለስተ ቈልዑ ኣለዉና። እቲ ሓደ ናይ ሓዳርና ፍሪ እዩ። እቲ ካልኣይ ካብ ዓርኪይ ዝነበረት ካልእ ጓል ዝወለድክዎ እዩ። እቲ ሳልሳይ ቈልዓ ኽኣ በዓልቲ ቤተይ ቅድሚ መርዓና ካብ ካልእ ወዲ ዝወለደቶ እዩ። ጸገምና እምበኣር በዓልቲ ቤተይ ነቲ ናይ ቀደም ዓርካ ገና ተፍቅሮ ሰለ ዘላ እዩ። ናብኡ ካብ ዝጸሓፈቶ መልእኽቲ ኣብ ገዛ ረኺበ ኣንቢበዮ። ኣብኡ ዝነበሩ ቃላት ከኣ ኣዝዮም ምቁራት እዮም።

"ራሕቂ ቦታ'ኳ ክፈላልየና እንተኽኣለ ብኻልእ ግን ጸገም የለን። ፍቐረይ! መዓስ ዲኻ ደኣ ትመጽእ? ጽሒፈልካ ኔረስ ኣይመለስካለይን። ንምሻኑ እታ መልእኽቲኻ በጺሓትካ'ዶ?"

እየ ትብል ነይራ። ብዛዕባ እዚ ምስ ሓተትክዎ "ንሸኻ'ዶ ነታ ናይ ቀደም ዓርኽኻ ገዲፍካያ ኢኻ? ከመይ ጌርካ ደኣ ብዛዕባ ዓርኪይ ትሓትት?" ክትብል ኣዋጢራትኒ።

ሓዳር ጌርና'ኳ እንተተባህለ ምስቶም ናይ ቀደም ኣፍቀርትና ግን ፍቐርና ኣይወጸን ዘሎ። ምስኣም ብግብረ-ስጋ ካብ ምርኻብ ከኣቋርጽ ኣይከኣልናን። ሓዳርና፡ በቶም ናይ ቀደም ዘፍቀርናዮም ሰባት ይበላሾ ኣሎ'ሞ በጃኹም ርድኡና!

ዝተፈተኻ ዶግላስ፡-

ኣብታ መዓልቲ መርዓኹም፡ ንሸኻን በዓልቲ ቤትካን ነዘን ዝስዕባ ክልተ ነገራት ክትገብሩ መብጽዓ ከምዝኣተኹም ከነዘኻኽረኩም ንደሊ።

I. ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ
II. ንሓድሕድኩም እሙናት መጻምዲ ክትኮኑ

ናይ ቃል ኪዳን መብጽዓ ክትኣትዉ ከለኹም፡ ኣብ ቤተክርስቲያን ይኹን፡ ኣብ ገዛ ወይ'ውን ኣብ ካልእ ብዘየገድስ፡ ኣብ ኣዒንቲ እግዚኣብሄር ሓዳር ማለት ነዘን ክልተ ነገራት ንኽትፍጽም ቃል ምእታው ማለት እዩ። ስለዚ ዶግላስ፡ ምስ በዓልቲ ቤትካ ነዘን ክልተ ነገራት ንኽትፍጽምወን ክትቃለሱ ኣለኹም። ብኸመይ ንዝብል ከኣ እቲ መልሲ እንሆ።

"ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ" ብዚብል እንተጀሚርና፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ክልቲኹም ምስቶም ናይ ቀደም ኣፅሩኽትኹም ንዝነበረኩም ስምዒት ፍቐሪ ኣየጥፋክምዎን ዘለኹም። እዚ

ስምዒት እዚ ግን ኪመውት ይኽእል እዩ። እወ፡ ኣብ ልዕሊኡ ጥሜት ብምእዋጅ ክትቀትልዎ ትኽእሉ ኢኹም። ስምዒት ፍቐሪ እንተተመጊቡ እዩ ዚዓቢ። ጥምየት እንተጓኒፍዎ ኸኣ ይመውት። ነቲ ምስ ናይ ቀደም ኣፍቀርትኹም ዘሎ ስምዒት ምእንቲ ከተጥምይዎ ምስኣም ምጽሕሓፍ ኣቋርጹ። ጐኒ ጐኒ እዚ ከኣ ነቲ ኣብ ሓድሕድኩም ዘሎ ርክብ ኣበርቲዕኩም መግብዎ። ከምዚ ምግባር ምስ እትደልዩ፡ ንሓድሕድኩም ሰናይ እናገበርኩም ንገዛእ ርእሰይ ይጥዓመኒ ዚብል ሓሳባት ኣወግዱ። መዓልታዊ ብትዕግስትን ብምርድዳእን ንሓድሕድኩም ተጠንቂቕኩም ተሓላለዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ንሓድሕድኩም ብጥዑም ቃላትን ብግብርን ብምፍቃር ንእግዚኣብሄር ተኣዘዝዎ።

ዶግላስ፡ ንበዓልቲ ቤትካ ሕያዋይ ኴንካ ብዝቐረብካያ መጠን፡ እቲ ንዓኣ ዘለካ ስምዒት ፍቐሪ ኪውሰኽ ክትረኽቦ ኢኻ። በዓልቲ ቤትካ'ውን ንዓኻ ብጽቡቕ ንኽትቀርበካ እንተመሪጻ እቲ ንዓኻ ዚህልዋ ስምዒት ፍቐሪ ኪዓቢ እዩ።

እቲ ኣብ ሓድሕድኩም እሙናት ክትኾኑ ዝበልናዮ ከኣ እስከ ንርኣ። ብግብረ-ስጋ ዚፍጸም ሓጢኣት ካብ ብኻልእ ሓጢኣት ንላዕሊ ንስጋና ከምዝትንክፎ እዩ እግዚኣብሄር ዜጠንቅቐሉ።

"ካብ ምንዝርና ህደሙ፡ ሰብ ዚገብሮ ዘበለ ሓጢኣት ኩሉ ካብ ሰብነቱ ወጻኢ'ዩ ዚገብሮ። ዚምንዝር ግና ኣብ ገዛእ ሰብነቱ እዩ ዚሓጥእ። ሰብነትኩም ቤተ መቕደስ ናይቲ ካብ ኣምላኽ ዝተቐበልክዎም ኣብ ውሽጥኩም ዘሎ፡ መንፈስ ቅዱስ ከምዝኾነ'ዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? እምበኣር ናይ ገዛእ ርእሰኹም ኣይኮንኩምን። ብዋጋ ኢኹም ዝተዓደግኩም። ስለዚ ንኣምላኽ ብሰብነትኩም ኣኽብርዎ" (1ቆሮ6፡18-20)

ኣብታ መልእኽትኻ "ምስቶም ናይ ቀደም ኣዕሩኽና ብግብረ-ስጋ ምርኻብ ከነቋርጽ ኣይከኣልናን" ክትብል ጽሒፍካ ኣለኻ። ኣብዚኣ እግዚኣብሄር ምሳኹም ይጸረር። እግዚኣብሄር ኩተቋርጽዎ ከምእትኽእሉ እዩ ዚዛረብ። ብርግጽ ኣብ ግዜ ፈተና፡ መውጽኢ ከምዝገብር ከኣ እዩ ዘተስፉ። ስለዚ እንተደሊኻስ ዓወት እትረኽበሉ መንገዲ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

"ሰብ ኪጾሮ ዘይክል ፈተና፡ ኣይበጽሓኩምን። ኣምላኽ እሙን እዩ። ስለዚ ካብ ዓቕምኹም ንንየው ክትፍትኑ ኣይሓድገኩምን እዩ። ምጽዋሩ ምእንቲ ክትክእሉ ግና ምስቲ ፈተናኹም መዋጽኢ ጌርልኩም ኣሎ።" (1ቆሮ10፡13)

ሓግዙና ስለ ዝበልካ ኸኣ እቲ ዝበለጸ፡ ኪሕግዘኩም ይኽእል እዩ እንብሎ እቲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዝኣተኹሞ ቃል ሓልውዎ ዚብል እዩ። እወ፡-

I. ንሓድሕድኩም ፍቐራዊ ዝኾነ ተግባር ኣዘውትሩ።
II. ናይ ግብረ-ስጋ ርክብ ከኣ ንሓድሕድኩም ጥራይ ይኹን።

እዚ ቀሊል ኣይክኸውንን እዩ። እንተኾነ እግዚኣብሄር ልዕሊ ዓቕምኹም ከምዘይትፍተኑ ቃል ኣትዩ ኣሎ። እግዚኣብሄር ከኣ ንተስፋታቱ ይሕሉ እዩ።

67. ማርታ

ተማሃሪት ኣብ ዝነበርኩሉ ንፍዕቲ ሰዓቢት ክርስቶስ እየ ነይረ። ብሓቂ ንጐይታ ኢለ ክነብር ከኣ ይደሊ ኔረ። ደሓር ግን ከድሓርሕር ጀሚረ። ንል 19 ዓመት ምስ ኮንኩ ንሓደ ወዲ የፍቅር እሞ ካብኡ ኸኣ እጠንስ። ኣብታ ዝቐጸለት ዓመት'ውን ደጊመ ካብኡ እጠንስ። ስለዚ ክልተ ቁልዑ ኣለወኒ ማለት እዩ። ወድን ንልን።

ኣብዚ ቀረባ እዋን ድማ ክልተ ነገራት ኣጋጢሙ። እቲ ቀዳማይ፡ ኣነ ናብ ጐይታ ኢየሱስ ምምላሰይ እዩ። እቲ ዝተረፈ ዕድመይ ብመንገድታቱ ክነብር ወሲነ ኣለኹ። ካልኣይ ድማ እቲ ዝወለድኩሉ ሰብኣይ ክምርዓዎ ይሓተኒ ኣሎ።

ብዘይካ'ቲ ሓሓሊፉ ዚሰኽሮን ንጐይታ ኸኣ ዘየፍቅሮን ስለ ዝኾነ እምበር፡ ዳርጋ ኩሉ ኩነታቱ እፈትዎ እየ። እንተዘይተመርዕየዮ ደቂይ ኣቦ ዘይብሎም ኪኾኑ እዮም። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ 2ቆሮ6፡14 "ምስቶም ዘይኣምኑ ኣብ ሓደ ኣርዑት ኣይትቈረኑ" ከምዚብል እፈልጥ እየ። ክሓስቦ ከለኹ ግን ከኣ ቁልዑ ስለ ዝወለድናስ ድሮ ሓደ ኴንና ኢና እየ ዝብል። እንታይ ትብሉኒ?

ዝተፈተኸ ማርታ፡-

ነቶም ሰዓብቲ ክርስቶስ ዝኾኑ መንእሰይ “ከምቲ ንሸኻትኩም ንጐይታ እተፍቅርዎ፡ ከምኡ ገይሩ ንጐይታ ምስ ዘፍቅሮ መጻምድቲ ተመርዓው ኢና እንብሎም” (2ቆሪ6፡14) ሰዓቢ ክርስቶስ ዝኾነ ምስ ሓደ ብሓቂ ንጐይታ ዘየፍቅሮ ሰብ እንተተመርዕዩ ኣብቲ ሓዳር ብዙሕ ጸገማት እዩ ዚፍጠር። ኣብ ኩነታትኪ ግን ከምቲ ዝበልክዮ ድሮ ሓደ ኻንኩም ከምዘሎኹም ይርድኣና። ስለዚ ድማ ንሕና ክንውስነልኪ ኣይንኽእል ኢና። ክልተ ኣማራጺታት ግን ይረኣየና።

ቀዳማይ ኣማራጺ፡ ከምዚ እናበልኪ ክትጽልዩ ትኽእሊ። “ጐይታ! ብመንገዲ ገዛእ ርእሰይ ንምኻድ ሕቆይ ሂበካ ስለ ዝኾድኩ፡ እጠዓስ ኣለኹ። በጃኻ ይቕረ በለለይ። ነዞም ቁልዑ ኪብል ነዚ ሰብኣይ ኪምርዓዎ እሓስብ ኣለኹ። ህይወት ናይታ ምስ ንዓኻ ዘይፈልጥ ዝተመርዓወት ሰበይቲ ኣጸጋሚ ከምዝኾነ ይርድኣኒ እዩ። ሓይልኻ ግን እደሊ።”

ካልኣይ ኣማራጺ፡ ወይ ከኣ ከምዚ እናበልኪ'ውን ክትጽልዩ ትኽእሊ ኢኺ። “ጐይታ ሕቆይ ሂበካ ምኻደይ በጃኻ ይቕረ በለለይ።... ነዚ ሰብኣይ ክምርዓዎ የብለይን እብል ኣለኹ። ደቀይ ኣቦ ዘይብሎም ኪኾኑ ኣጸጋሚ ከምዝኾነ ይርድኣኒ ኣሎ። በጃኻ ንዕኦም ዚበቅዕ ኣተዓባብያ ክገብረሎም ግን ዘኽእለኒ ሓይሊ ሃበኒ።”

ማርታ እግዚኣብሄር የፍቅረኪ እዩ! ንኽትመርጺ ዝሕግዘኪ ጥበብን ንምንባር ዘኽእለኪ ሓይልን ድማ ክህበኪ እዩ።

መዘኻኸሪ፡- ማርታ ንጐይታ ሓዚጋ ንድሕሪት ስለ ዝተመልሰትዩ፡ ብዙሕ ጸገማት ኣጓኒፍዋ። ምድሕርሓር፡ ወትሩ ከምኡ እዩ ዚገብር። (ገላ6፡7-8) ዘይተመርዓኻ እንተኾንካ ኣይተድሓርሕር ንብለካ። ገዛእ ርእሽካ ብንጽህና ሓሉ። ንጐይታ ኢየሱስ ኣፍቅሮ። ምስታ ንጐይታ እተፍቅር ከኣ ተመርያ።

68. ኢያሱ

ሰድራይ ክርስትያን ስለ ዝኾኑ፡ ገና ንእሽቶ ኣብ ዝነበርኩሉ እየ ንክርስቶስ ከም ጐይታን መድሓንን ፈሊጠ ሰዒበዮ። ምስ ጐበዝኩ ግን ኣድሓርሒረ። ብዙሓት ኣዋልድ ኣዕሩኽ ከኣ ገይረ። ካብኣን ንዋላ ሓንቲ ክምርዓዋ ኢለ ዝሓሰባ ኣይነበረትንን። ንጸወታ ጥራይ እየ ዝደልየን ነይረ። ክልተ ካብኣን ግን ካባይ ጠኒሰን። እታ ቀዳመይቲ ምእንቲ ክምርዓዋ ደልያ እያ ከምኡ ገይራ። ናይታ ካልኣይቲ ግን ኣጋጣሚ እዩ ነይሩ።

ኣብቲ መምህር ንክኸውን ዝሰልጥነሉ ዝነበርኩ ትካል ምስልጣን መማህራን ድማ ንሓንቲ ኣማኒት ዝኾነት መንእሰይ እርእያ እሞ ስለ ዘፍቀርክዋ ክምርዓዋ እደሊ። ካብ ካልኦት ኣዋልድ ከምዝወለድኩ ግን ኣይነገርክዋን። ብዝኾነ ግን ካብ ወላዲተይ ሰሚዓቶ። ድሕሪ'ዚ፡ ኩሉ ዝሓለፈ ዛንታይ ኣዕሊለያ። “ይቕረ ኢለልካ ኣለኹ፡ መሊሰ ኽኣ ብዛዕባ እዚ ኣይሓተካን እየ” ኢላትኒ። ኣነ ኽኣ ከምዝተናሳሕኩን ዝተረፈ ዕድመይ ድማ ንእግዚኣብሄር ኢለ ከምዝነብርን ቃል ኣትየላ። ድሕሪ እዚ ተመርዒና ነገራት ሰጥ ኢሎም ዝኾዱ ድማ መሲሉኒ።

ዝሓለፈ ወርሒ ግን እቲ ዝተቐብረ ዛንታ ተቦንቂሩ ወጺኡ። ብዛዕባ እቲ ዝሓለፈ ዛንታ ንልዕሊ 6 ሰዓታት ተዘራሪብና። መውዳእትኡ ይቕረ ከምዝበለትለይን ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ መሊሳ ከምዘይትሓተትንን ከኣ ቃል ኣትዮትለይ። ተሓጕሰ ኣብቲ ዕለታዊ ንጥፈታተይ ዝሕዘሉ መዝገብ፡ ንመዘኸርታ ጽሒፈዮ።

ትማሊ ከኣ ከም ገለ ክንብል ንእሽቶ ዕላል ምስ ጀመርና ናብ ርሱን ክትዕ ኣምሪሕና። ነቲ ዝሓለፈ ዛንታይ መሊሳ ዘኪራቶ። ኣዝዩ ገሪሙኒ። ክትርስዕን ክትሓድግን ምስ ዘይትኽእል ሰብ ምምርዓወይ ሓዚነ ኣለኹ እሞ በጃኹም ርድኡኒ።

ዝተፈተኸ ኢያሱ፡-

ምስ ካልኦት ብግብረ-ስጋ ብምርኻብካ በዓልቲ ቤትካ ሕጉስቲ ክትከውን ኣይትከኣለትን። እግዚኣብሄር ንደቂ-ሰብ ከምኡ ከምዝስምየም ገይሩ ከምዝፈጠሮም ክትርዳእ ኣለካ። እወ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዝብሎ፡ እግዚኣብሄር ንሰብ ሓደ ናይ ግብረ ስጋ መጻምድቲ ከምዝህልዎ ገይሩ እዩ ፈጢርዎ። (ማቴ 19፡4-6።1ቆሮ6፡16)

ደቂ ሰብ ከም እንስሳ ኣይኮኑን። መጻምድቶም ምስ ካልእ ብግብረ-ስጋ ኪራኸብ ኣይፈትዉን እዮም። ስለዚ ኢያሱ ከምዚ ዚስዕብ ንብለካ።
ንበዓልቲ ቤትካ ተገዲስካ ኣፍቅራ። ምናልባሽ ነዊሕ ግዜ ይሓትት ይኸውን እምበር ነቲ ዛንታ ክትርስየ እያ።

ንበዓልቲ ቤትካ ከኣ ከምዚ ዚስዕብ ንብላ። ንሂ ከምዘለኪ ይርድኣና። እቲ ኣብ ውሽጥኪ ዘሎ ክትቆጻጸርዮ ኣይከኣልክን። ምእንቲ ክትቆጻጸርዮ ግን ነዘን ዚስዕባ ክልተ ነገራት ግበሪ።

I. ብዛዕባ ዝሓለፈ ዛንታ በዓል ቤትኪ ከም ብሓድሽ ምልዓል ኣቋርጺ
II. ክትዛረብዮ እንከለኺ ድማ ብኣኽብሮት ይኹን።

እወ ንበዓል ቤትኪ ሰናይ ብምግባር እንተደኣ ኣፍቂርክዮ ኣብኡ ዘለኪ ኣረኣእያ ኪመሓየሽ እዩ። ሃንደበት ዘይክኸውን ይኽእል እዩ። ብርግጽ ግን ምስ ግዜ ኪመሓየሽ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ኸኣ እያሱ፡ እዚ ንሰኻ እተሕልፎ ዘለኻ ጸገም፡ ደቅኻውን ምእንቲ ከይደግምዎ ክትሕግዞም ክንላበወካ ንደሊ። ካብ ጐይታ ምድሕርሓር ንብዙሕ ዓመታት ዚቕጽል ጸገም ከምጽእ ከምዝኽእል ኣጠንቅቆም። ጉብዝና ኪስምየም ኣብ ዝጅምረሉ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንደቂ ሰብ ኪኾንዎ ዚደልዮም፡ እዚ ማለት ከኣ ብግብረ-ስጋ ምርኻብ ብመርዓ ጥራይ ከምዝፍቀድ ኣረድኣዮም። ከምኡ ኮይኖም ኀኽመላለሱ ከኣ ኣተባብዓዮም።

69. ሳሮን

ምስ ፓስተርና እዩ ፍቐሪ ሒዙኒ። ንሱ ኪገልግል እንከሎ፡ ኣብ ክንዲ ነቲ ዝዛረቦ ዝሰምዕ ኣእምሮይ ብዛዕብኡ ጥራይ እዩ ዝሓስብ። ኩሉ እቲ ናይ ፍቐሪ ስምዒተይ ካብ ኣእምሮይ ኻኺውጽኦ እፍትን እየ። ድሕሪ ሒደት ደቓይቐ ግን እቲ ስምዒት ፍቐሪ ከም ብሓድሽ በርቲዑ ይምለሰኒ። እቲ ጸገም፡ ንሱ ተመርዕዩስ ሰለስተ ቁልዑ ኸኣ ዘለውዎ ምኻኑ እዩ። ኣነ ግን ኣይተመርዓኹን። ንዕኡ ዝተዛረብክዎ ቃል የብለይን። ኣብ ልበይ ግን ፍቐሩ እናዓበየ ይመጽእ ኣሎ።

ንዕኡ ምእንቲ ክርኢ ኢለ ኣብቲ ናይ ሓሙስ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መጽናዕቲ ክካፈል ጀሚረ ኣለኹ። ንሱ ከምዘፍቀረኒ ኣይነገረንን። ኣብ ኣጠማምትኡ ግን ከምኡ ዝብለኒ ዘሎ ኮይኑ እዩ ዚስምዓኒ። እንታይ ኪገብር? ገለ ምዕዶ እንተሃበኒ'ዶ ምስኡ ክዕልል? ናብ ካልእ ቤተክርስትያን ቀይሪ ግን ክይትብሉኒ። ወለደይ ካብ ነዊሕ ዓመታት ኣትሒዞም ኣብዛ ቤተክርስትያን ስለ ዝነበሩ፡ ገዲፎ እንተኸይደ ኩሉ ሰብ እዩ እንታይ ኮይና እናበለ ኪሓትት።

ዝተፈተኺ ሳሮን

ብሓቂ ዶ ነቲ ፓስተር ተፍቅርዮ ኢኺ? ንዘፍቀርካዮ፡ ናቱ ጽቡቕ ነገር ኢኻ እትደሊ። ንፓስተር እቲ ዝበለጸ ትምነይሉዶ? ከጉህዮ ካብ ዚኽእል ነገራትኻ ብሓቂዶ ከተናግፍዮ ትደልዩ? ዋላስ ብዛዕባ ገዛእ ርእሽኺ ጥራይ ኢኺ ትሓስቢ ዘለኺ? ብሓቂ ተፍቅርዮ እንተኻንኺ ምስ በዓልቲ ቤቱ ጸኒዑ ኀኽይነግር ካብ ዝፍትኖ ነገራት ከተድሕንዮ ኣለኪ።

ገለ ምዕዶ እንተሃበኒዶ ምስኡ ክዕልል ክትብሊ ንዝሓተትክዮ ከኣ፡ ኣይፋልን፡ ከምኡ ክትገብሪ የብልክን ንብለኪ። ከምኡ ምግባር ንናትኺን ናቱን ፈተና እዩ ኪጋድዶ። ስምዒትኪ በርቲዑ ስለ ዘሎ እኳ ደኣ ንፓስተር በይኑ ኣብ ዝኾነሉ ክትረኽብዮ የብልክን። (1ቆሮ6፡18) ቀቀልጢፍኪ ንዕኡ ምርኣይ ከኣ ከተቋርጽዮ ኣለኪ። ነቲ ናይ ሰንበት መደብ እኳ እንተዘየኣቋረጽክዮ፡ ኣብቲ ናይ ሓሙስ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መጽናዕቲ ግን ኣይትኺዲ። ምስ ካልእ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መጽናዕቲ ጉጅለ ምናልባት ኣብ ካልእ ስፍራ ዘካይዱ እንተረኺብኪ ምስኦም ሕበሪ።

ንፓስተር ምርኣይ ብዘቕረጽክዮ መጠን፡ እቲ ፍቐራዊ ስምዒትኪ ኪጠፍእ እዩ። ንመርዓ ብዝምልከት ከኣ እግዚኣብሄር ኽክመርሓኪ እመንዮ። ብርግጽ ናብ ምርዕው ሰብ ኣይክመርሓክን እዩ። (ያእ1፡5) ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣእምሮኺ ናብ ሓደ ሰብኣይ ጠርኒፍክዮ ስለ ዘለኺ ግን ነቲ እግዚኣብሄር ዜርእየኪ ናትኪ ዝኾነ ሰብኣይ ከተለልይዮ ከጸግመኪ እዩ።

70. ኣንዱሪ

እዚ ዝሰርሓሉ ዘለኹ ትካል፡ ንሰብ ሓዳር ዚኸውን መንበሪ ገዛ የብሉን። ስለዚ ኽኣ ንበይነይ ኣብ ሓንቲ ንእሽቶ ኣጉዶ እቕመጥ። በዓልቲ ቤተይ ከኣ ኣብ ገዛ ንበይና። እቲ ዘሳቶ ኣዝዩ ርሑቕ ስለ ዝኾነ ኣብ ወርሒ፡ ሓንሳእ ጥራይ እየ ናብኣ ክኸይድ ዝኽእል። ከም ሰዓቢ ክርስቶስ መጠን ካልእ እትድግፈኒ ዓርኪ ክገብር ይፍቀደለይ ድዩ? ዋላስ ከምኡ ምግባር ሓጢኣት እዩ?

ንባህልና ብዝምልከት ግን፡ ምዕባየይ ዝኾነኒ ሓወይ ከምዚ ዚሰዕብ ኢሉኒ። "ከም ልማድና እንተኾይኑ፡ ኣብ ርእሲ ሰበይቲ ካልእ ዚሕዝ ሰብኣይ ነቦ ጓል ደኣምበር ንበዓልቲ ቤቱ ከምዝበደለ ኣይሕሰብን እዩ። ሰበይቲ ካብ ሓዳራ ወጻኢ ርክብ እንተገራ ግን ንሰብኣይ እያ ትብድሎ እዩ ዚብል" ኢሉኒ። ንሸኹም'ከ እንታይ ትብሉ?

ዝተፈተኻ ኣንዱሪ፡-

እቲ ሓውኻ ዝገለጾ ልምዲ፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት እዩ ዝግበር። ንዝዘመወት ጓለንስተይቲ ዘነኣእስ፡ ንዝዘመወ ሰብኣይ ግን ብዙሕ ግዲ ዘይገብር ኣከያይዳ ዘለዎ ልምዲ ዳርጋ ኣብ ኩለን ሃገራት እዩ ዘሎ። ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣፍሪቃ፡ ኣመሪካን ኤስያን እንተርኢኻ ሰይቲ ሰብኣይ ዓርኪ እንተሒዛ፡ በዓል ቤት ኣዝዩ እዩ ዚቑጣዕ። ንሱ ካልእ ኣብ ዚሕዘሉ ግን በዓልቲ ቤቱ ኪትቁጣዕ ከምዘይብላ ገሩ እዩ ዚወስዶ። እዚ ልምዲ እዚ ግን ካብ እግዚኣብሄር ዝመጸ ኣይኮነን። ሕጊ እግዚኣብሄር ንሰብኣይን ሰበይትን ብማዕረ እዩ ዚሰርሕ።

እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል። "ኣይትዘሙ፡ ርክብካ ምስ በዓልቲ ኪዳንካ ጥራይ ይኹን" (ዘጸ20፡14። ምሳ.5፡15) ስለዚ ዚዘመወ ሓጢኣት ይገብር ኣሎ ማለት እዩ። እወ፡ እቲ ዝዘመወ ንኣቦ ጓል ጥራይ ዘይኮነ ንሰበይቲን ንእግዚኣብሄር እዩ ዚብድል።

ሓደ ነገር ከኣ ክነስዕብ። ንሸኻን በዓልቲ ቤትካን ብምፍልላይኩም ጽቡቕ ከምዘይኮነ እግዚኣብሄር ይርድኣ እዩ። ስለዚ "ጐይታ፡ ብሓባር ክንኮነሉ እንኽእል መንገዲ ግበረልና" ኢልኩም ጸልዩ። እግዚኣብሄር ነዚ ሕቶኹም፡ መልሲ ኪህበኩም እናተጸበኹም ከኣ፡ መዓልታዊ ንሸኻ "ጐይታ ሎሚ ንናይ ሓዳረይ መጻምድቲ እሙን ክኸውን እየ" እናበልካ ቃል እቶ። በዓልቲ ቤትካ'ውን ከምኡ ትግበር።

71. ጵርስቂላ

ንሰብ ብኽመይ እዩ ኤይድስ ዚሕዞ? ኤይድስ ብግብረ-ሰጋ ይመሓላለፍ'ዩ ዚብልዎኽ ብሓቂ ቅኑዕ ድዩ?

ዝተፈተኺ ጵርስቂላ፡-

ኤይድስ ብኽልተ መንገድታት እዩ ዚመሓላለፍ። ብግብረ-ስጋን ብደምን። መብዛሕትኦም ብኤይድስ ዝተታሕዙ ሰባት ኣቑዲሞም ኤይድስ ምስ ዝሓዞም ብግብረ-ስጋ ስለ ዝተረኽቡ እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ኽኣ እዩ፡ ኤይድስ ምስቶም ብግብረ-ስጋ ዚመሓላለፉ ሕማማት ዚምደብ። እቲ ካልእ፡ ኤይድስ ኪመሓላለፈሉ ዚኽእል መንገዲ ኽኣ ብደም እዩ። እዚ ማለት ከኣ ኤይድስ ናይ ዘለዎ ደም እንተተንኪፍካ ኪሕዘካ ይኽእል ማለት እዩ። ብዝተበከለ እሞ ኽኣ ብግቡእ ዘይተጠቕመ መርፍእ እንተተወጊእካ'ውን ኪሕዘካ ይኽእል እዩ። ዝኾነ ኮይኑ ካብቶም ብደም ዚልከፉ እቶም ብርክብ ግብረ-ስጋ ዚልከፉ ብ20 ዕጽፊ ይበዝሑ። ስለዚ ኤይድስ ብቑንዱ፡ ብግብረ-ስጋ እዩ ዚመሓላለፍ ዚብል ኣዘራርባ ሓቂ እዩ። እቲ ንኤይድስ ዘቃልዕ ቫይረስ፡ መብዛሕትኡ ግዜ፡ ብርሕሚ፡ መትሎ፡ መሃንቱስ ወይ'ውን ብኣፍ እዩ ናብ ውሽጢ ሰብነት ዚኣቱ።

72. ናእሚ

ኤይድስ ዝሓዞ ሰብ እንታይ ይኸውን? ይሓምም ድዩ ዋላስ እንታይ?

ዝተፈተኸ ናእሚ፡-

ንኣብነት ሓንቲ ጓል ምስ ብዙሓት ብግብረ-ስጋ እንተተራኺባ ሓደ ካብቶም ኣወዳት ከኣ ኤይድስ እንተኔርዎ፡ እቲ ኤይድስ ዘትሕዝ ቫይረስ ካብኡ ናብኣ ኪመሓላለፍ ይኽእል። ሓደ ቫይረስ ናብ ሰብነታ ከምዝኣተወ ኪትፈልጥ ግን ኣይትኽእልን እያ። ንነዊሕ እዋን ምሉእ ጥዕና ዘለዋ መሲላ ትርእኣ። ብሓቂ ከኣ ምሉእ ጥዕና እዩ ዚስምዓ። እቲ ናይ ኤይድስ ቫይረስ ኣብ ሰብነታ ንሒደት ኣዋርሕ ወይ'ውን ዓመታት ብህድኣት ይዓዪ። ድሕሪ እዚ እቲ ቫይረስ ሃንደበት ብብርቱዕ ኬጥቅዓ ይጅምር። ኣብ ገለ ክፋል ሰብነታ፡ ቁስሊ ኪወጻ ይኽእል። ክብደት ይንኪ፡ ወይ ከኣ ንነዊሕ እዋን ዚጸንሕ ሰዓል ኪህልዋ ይኽእል። ከምዚታት ምልክት ክርኢ ምስ ጀመረ ኤይድስ ከምዘለዋ ክትፈልጥ ትኽእል።

73. ኤብነር

ኣነን በዓልቲ ቤተይን ንጐይታ ነፍቅሮ ኢና። ኤይድስ ንዘለዎም ሰባት ድማ ክንሕግዝ ንደሊ። ከመይ ጌርና ክንገብሮ ኻኽእል?

ዝተፈተኻ ኤብነር

ክብሪ ንጐይታ ይኹን! እወ፡ ንዕኡም ገለ ነገር ክትገብር ምድላይካ ንእግዚኣብሄር ነመስግኖ። ኢየሱስ ኣብዛ ምድሪ ይመላለሰሉ ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ብዙሓት ሰባት ነቶም ሕማም ዘለዎም፡ (ንኣብነት ሕማም ቁምጥና ዘለዎም) ይንዕቅዎም ነይሮም። ኢየሱስ ግን ነቶም ካልኦት ኪትንክፍዎም ዘይደልዩ፡ ዓርኮም ይኸውን ነይሩ። ከምኡ ክትገብር ምድላይካ ብሓቂ ንእግዚኣብሄር ደጊምና ነመስግኖ።

ብዛዕባ ሓደ ብኤይድስ ዝተሳቐየ ሰብ ከነዕልለካ (ስሙ ጆን ክንብሎ ኢና) ጆን ምስ ብዙሓት ኣዋልድ እዩ ኣብ ሓደ ኦፊስ ዝሰርሕ ነይሩ። እንተኽኢሉ ምስ ኩለን ብግብረ-ስጋ ንምርኻብ ከኣ ስርሐይ ኢሉ ሒዝዎ። ብጾቱ ብዛዕባ ኤይድስ ከጠንቅቕዎ ከለዉ፡ ወትሩ ከምዚ እናበለ ይምልሰሎም ነይሩ። "ከምዛ ዘለኽዋ ኮይነ ካብ ዝነብር ዓመታት እየ ጊረ። ሕማም ዚበሃል ከኣ የብለይን" ይብሎም። ደሓር ግን እቲ ዘይፈርሖ ነገር ኣጋጢምዎ። ኤይድስ ሒዝዎ።

ምናልባሽ ካብ ሓንቲ ብዘይ መጠን ረጓድ ዝኾነት ጓል እዩ ለጊብዎ ኪኸውን ዚኽእል። ምኽንያቱ ኤይድስ ኪህልዋ ኣይክእልን እዩ ዚብል ሓሳብ እዩ ነይርዎ። መረዳእታኡ ዝነበረ፡ ኤይድስ ዘለዎ ሰብ ዕባራ ዝኾነ እዩ። እታ ኣልጊባትሉ ክትከውን እትኽእል ምስ ሓደ በቲ ቫይረስ ምስ ዝተለኽፈ ብግብረ-ስጋ ብምርኻባ እያ ተለኪማ ጸኒሓ። ስለዚ ኸኣ እቲ ሕማም ካብቲ ወዲ ናብታ ጓል ካብታ ጓል ድማ ናብ ጆን ተመሓላሊፉ። ጆን ግን እቲ ሕማም ናብኡ ከምዝመጸ ኣይፈለጠን። እቲ ዝቐጸለ ሒደት ዓመታት ከኣ ምሉእ ጥዕና ተሰሚዕዎ። ሕራይ ምስ ዝበለቶ ዝኾነት ጓል ብግብረ-ስጋ ምርኻብ ከኣ ቀጺልዎ። ድሮ ተታሒዙ ከምዘሎ ከየስተውዓለ ነታ "ኤይድስ ዚበሃል ኣይሕዘንን እዩ" እትብል ሓሳቡ ወትሩ ይደጋግማ ነይሩ። ንብዙሓት ይልክም ከምዝነበረ'ውን ኣይፈለጠን።

ድሕሪ ሒደት ዓመታት ሕማም ኪስምዖ ጀመረ። ሰሙን ድሕሪ ሰሙን ዝቐጽል ውጽኣት ነይርዎ ረስኒ'ውን ነይርዎ። ክብደቱ እናንቆልቆለ መጺኡ። መወዳእታኡ ናብ ሕክምና ከይዱ። ዶክተር ኤይድስ ከምዘለዎ ነጊርዎ። ኪምርዖ ከም ዘይብሉ ጥራይ ዘይኮነስ ምስ ዝኾነ ሰብ ብግብረ-ስጋ ኽኸይራኸብ ደሙ'ውን ካልኦት ሰባት ኽኸይትንክፍዎ ኬጠንቅቕም ተላብይዎ።

ጆን ሓሪቑ፡ ነታ ኤይድስ ዘልገበትሉ ለካ ከኣ መን ምኻና ከይፈለጠ ጸሊእዋ። ኣብዚ ግዜ እዚ በቲ ሕማም ተለኺፋን ዘለዋ፡ ኣቐዲመን ግን ምስኡ ብግብረ-ስጋ ተራኺበን ዝነበራ ብዙሓት እየን። (እታ ዝለከመቶ ጥራይ ዘይኮነትስ እተን ንሱ ዝለመን'ውን)

ድሕሪ ብዙሕ ሳምንታት ጆን ሓርቐቱ ናብ ጣዕሳ ቀይሩ "ኽኸንደይ ሰባት ኮን ለኪመ ይኸውን? እናበለ ወትሩ ይሓስብ። "ኣብዘን ዝሓለፋ ሒደት ዓመታት ምስ ብዙሓት" ኣዋልድ'የ ብግብረ-ስጋ ተራኺበ። ንሳተን ከኣ ናብ ብዙሓት ኣወዳት ኣሕሊፈናኦ ይኾና... መን ኪቐጽሮም ይኽእል?

ኩነታት ጥዕና ጆን እናተጋደደ መጺኡ። ብዙሕ የስዕሎ። መብዛሕትኡ ግዜ ቃንዛ ይገብረሉ። መብዛሕትኡም ኣዝማዱ ጠሊሞም እዮም። ጆን፡ ኪመውት ጥራይ እዩ ዚደሊ። ግን ከኣ ነቲ ፈጣሪኡን ፈራዲኡን ድማ ይፈርሕ።

ኤብነር ድማ ሕጂ ኻኽም በዓል ጆን ዝኣመሰሉ፡ እንታይ ክትገብረሎም ትኽእል? ብዙሕ! ኣብ ክንዲ ከምቲ ገሊኦም ዝበልዎ፡ “ናብቲ ኤይድስ ዚሓዞ ብጥቕኡ'ኳ ኣይሓልፍን!” ክትብል ዘይኮነስ፡ እሙን ዓርኪ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ንቓንዛኦም መዝሓሊ ዚኸውን መንገድታት ክትደሊ ትኽእል ኢኻ።

ኻኽም በዓል ጆን ዝኣመሰሉ ኣብ እትሕግዘሉ እዋን፡ ካብኦም ኤይድስ ክለግበካ ይኽእል'ዶ? ብቐሊሉ ደኣ ኣይኮነን እምበር እወ፡ ይኽእል እዩ። ሰላም ብምብህሃል፡ ብምስዕዓም፡ ብሓባር ምብላዕ፡ ሽቓቕ ብሓባር ብምጥቃም ዝኣመሰሉ ኤይድስ ኪመሓላለፍ ኣይክእልን እዩ። ደም ብምትንካፍ ግን ኤይድስ ኪሕዘካ ይኽእል።

ንሕሙማት ኤይድስ፡ እቲ ሕማም ናብኻ ከይሓለፈ ከመይ ገርካ ክትሕግዞም ከምትኽእል እቶም ንዕኡ ዝከታተሉ ሓካይም ተሓጕሶም ኪነግሩኻ ይኽእሉ እየ።ም። ነቶም ከም በዓል ጆን ዝኣመሰሉ ብስጋ ንዜድልዮም ነገር እናሓሸኻሎም ከሎኻ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ጥዑም ብስራት'ውን ክትነግሮም ዕድል ክትረክብ ኢኻ።

ኤይድስ ዝሓዞ ሰብ “ብሰሪ ሓጢኣተይ እግዚኣብሄር ከም ዘይሰምዓኒ ርግጸኛ እየ” ይብል ይኸውን። እቲ ሓቂ ግን ኩልና ኢና ሓጢእና። ብምኽንያት ሓጢኣትና ድማ ናብ ሲኦል ክንከይድ ይግብኣና። ናይ ሓጢኣት ሕድገት ምእንቲ ክንረክብ ግን ኢየሱስ ኣብ ክንዳና ተሳቐየ። በቲ ንሱ ዝፈጸሞ ስራሕ ከኣ ንኢየሱስ ከም ጐይታን መድሓንን፡ እንተተቐቢልናዮ ናብ መንግስተ-ሰማያት ክንኣቱ ሕድገት ሓጢኣት ንረክብ።

ካብዚ ዚዓቢ ብስራት እንታይ ኣሎ? ከም በዓል ጆን ዝኣመሰሉ ኸኣ ንኽሰምዕዎ ሃረር እዮም ዝብሉ። ነቶም ብኤይድስ ዚሳቐዩ ብዛዕባ ኢየሱስ ክትነግሮም ከሎኻ ድማ መንፈስ ቅዱስ ሓይሊ ኪህበካ እዩ!

74. ያእቆብ

ናይ 2ይ ዓመት ተመሃራይ ዩኒቨርሲቲን መንእሰይ ሰዓቢ ክርስቶሰን እየ። ኤይድስ ንኽይለግበኒ እንታይ ኪገብር ትምዕዱኒ?

ዝተፈተኻ ያእቆብ፡-

ገለ ሰባት ዝተበከለ ደም ብምትንካፎም ኤይድስ ዝሓዞም ኣለዉ። ስለዚ ብቐዳምነት ናይ ዝኾነ ሰብ ደም ንኽይትትንከፍ ተጠንቀቕ ኢና ክንብለካ ንደሊ። ብዘይ መኽነ መርፍእ ንኽይትውጋእ ከኣ ተጠንቀቕ። ይኹን ደኣ'ምበር እቶም ብናይ ደም ምትንካፍ፡ ኤይድስ ዝሕዞም ትሕቲ 5 ሚእታዊት እዮም። ልዕሊ 95 ሚእታዊት ብግብረ-ስጋ እዩ ዚሕዞም። ስለዚ እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ክንላበወካ እንደሊ ነገር ኤይድስ ምስ ዘለዎ ሰብ ብግብረ-ስጋ ንኽይትራኸብ እዩ። እቲ ጸገም ግን ኤይድስ ዘለዎ ብምርኣይ ጥራይ ክትፈልጦ ስለ ዘይትኽእል እዩ። “እዚ ሰብ'ዚ ኤይድስ ዚበሃል ከምዘይብሉ ርግጸኛ እየ” ክትብሎ እትኽእል መንገዲ የለን። ብናይ ደም መርመራ ጥራይ እዩ ኪፍለጥ ዝከኣል። “ከመይ ገረ ደኣ'ሞ ኪጥንቀቕ እኽእል?” ንዝብል ሕቶ ኸኣ እቲ ዝበለጸ መልሲ እንሆ!

ምስ ብዙሓት ብግብረ-ስጋ ኣይትራኸብ። አረ ካብ ምስ ናይ ሓዳር መጻምድትካ ወጻኢ ፈጺምካ ርክብ ኣይትግበር። እዚ ማለት ከኣ፡ ቅድሚ መርዓ ብግብረ ስጋ ኣይትራኸብ፡ ድሕሪ መርዓ ኸኣ ምስ ቃል ኪዳንካ ጥራይ ጽናዕ ማለት እዩ። እግዚኣብሄር ክንገብሮ ዚእዝዘና ነገር ከኣ ልክዕ ከምዚ ከምዝኾነ ከተስተውዕል ኢኻ። እወ፡ እቲ ንኤይድስ ክንከላኸለሉ እንኽእል ዝበለጸ መንገዲ ካብ ዝሙት፡ ካብ ቅድሚ መርዓ ብዝግበር ግብረ-ስጋን ካብ ግብረ-ሰዶምን ብምቁጣብ ንእግዚኣብሄር ክንእዘዞ እንከለና እዩ።

“ብሰበይትኻ ተሓጕሰ፡ በታ ሰበይቲ ንእስነትካ ባህ ይበልካ። ንሳ ፍትውቲ ዋላ፡ ጽብቕቲ ሚዳኞ ትኹነልካ። መልክዓ ይማርኽካ ፍቕራ'ውን ይመስጥካ፡ ኣታ ወደይ ስለምንታይ ንና ሰበይቲ እተፍቅር? ሰበይቲ እማትካስ እትሓቍፍ? እግዚኣብሄር ንኹሉ እቲ እትገብሮ ይርኢ፡ ኣብ እትኸዶ ዘበለ ድማ ይቕመተካ፡ እቲ እኩይ ብኣበሳኡ ይሕንኮል። ብግማድ ሓጢኣቱ ኸኣ ይእሰር። ርእሱ ሰኣን ምግታእ ይመውት፡ በቲ ዓቢይ ድንቁርናኡ ከኣ ይቕበር። (ምሳ.5፡18-23)

ሰብኣይ ከም ምስ ሰበይቲ፡ ምስ ሰብኣይ ብግብረ-ስጋ እንተተራኸበ ክልቲኦም ነውሪ ጌሮም እዮም'ሞ ይቀተሉ። ደሞም ኣብ ልዕሊኦም እዩ። (ዘሌ.20፡13)

ሓጥኣን ንመንግስቲ ኣምላኽ ከምዘይወርስዋ'ዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም። ኣይትጋገዩ። ኣመንዝራታት ወይ መምለኽቲ ጣኦት፡ ዘመውቲ ወይ ግብረ-ሶዶም ዚገብሩ፡ ሰረቕቲ ወይ ስሱዓት፡ ወይ ሰኽራማት ወይ ተጻረፍቲ፡ ወይ ከተርቲ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኣይኪወርስዋን እዮም። (1ቆሪ6፡9-10)

ያቆባ፡ ተማሃራይ እኳ እንተኾንካ ንታሪኽ ብግብረ-ስጋ ናይ ዝመሓላለፉ ሕማማት ግን ዘየጽናዕካ ክትከውን ዝከኣል እዩ። ኣብ ታሪኽ፡ ብግብረ-ስጋ ዚመሓላለፉ ብዙሓት ዓይነት ሕማማት ተራእዮም እዮም። ኣብዚ እዋን እዚ ኽኣ ኤይድስ ሓደ ካብኣም ኮይኑ ኣሎ። ህዝብታት ንእግዚኣብሄር ሕቕኣም ሂቦም ናብ ዝሙት ምስ ዝዋፈሩ ብዙሓት ካብኣቶም ብዝተፈላለዩ ሕማማት ከምዝተጠቕዑ ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ዝሙት ሓዲጉም ምስ ሓዳሮም ኪጸንዑ ኣብ ዝጅምርሉ ከኣ እቲ ሕማማት ይንኪ ነበረ።

ሕጂ ከኣ ኤይድስን ካልኦት ብግብረ-ስጋ ዝመሓላለፉ ሕማማትን ብሰፊሕ ይዝርግሑ ኣለዉ። እቲ ዘለና ተስፋ ናብ እግዚኣብሄር ምምላስ ጥራይ እዩ። ኣብ ሓዳርካ ምጽናዕ። ስለዚ ያቆብ ክሳዕ እትምርያ ብግብረ-ስጋ ኣይትራኸብ። ምስ ተመርዓኻ'ውን ምስ በዓልቲ ቤትካ ጥራይ እሙን ኩን ንብለካ።

ዋላ እንተዘይዘመኹ ግን እታ ዝምርዓዋ ጓል'ውን ኤይድስ ኪህልዋ ስለ ዝኽእል'ሲ ናባይ ምሕላፉ ኣይተርፎን እዩ" ትብል ከምዘሸኻ ኮይኑ ይስመዓና። ብዛዕባ እዚ ከኣ ክልተ እንብሎ ነገራት ኣሎና።

ሀ. ተጠንቂቕካ ምረጽ፡- ሰበይቲ ክትመርጽ ከሸኻ ኣይትተሃወክ። ቅድም ኣጽንዓያ። ድሕሪኡ ንገዛእ ርእሸኻ ሕተት። "ምስ ብዙሓት ብግብረ-ስጋ ዝተራኸበት እሞ ኤይድስ ኪህልዋ ዚኽእል ፍንውቲ ዓይነት ጓል ድያ? ዋላስ ከምዘይኮነት ኣርጊጸ እየ ዝፈልጥ? ኣርጊጽካ ምፍላጥ'ኳ ብርግጽ ቀሊል ኣይኮነን። ዘክር ግና ብዛዕባ ሓንቲ ጓል'ኳ ርግጽ ክትከውን ዘይከኣል ካብ ኮነ፡ እቶም ምስ ብዙሓት ምስ ሓሙሽተ ወይ ዓሰርተ ዕርክነት ዚገብሩኻ ደኣ ማዕረ ክንደይ ኮን ኬጸግሞም እዩ? ፈጺሞም ርግጸኛታት ኪኾኑ ኣይክእሉኡን እዮም። ከምዚ ስለ ዝኾነ ኸኣ እዩ እቶም ምስ ብዙሓት ዚዞሩ ንሕማም ኤይድስ ዝተቓልዑ ዝኾኑ።

ለ. ናይ ደም መርመራ ግበሩ፡- ቅድሚ መርዓ ክልቴኹም ካብ ኤይድስን ካብ ካልኦት ብግብረ-ስጋ ዝመሓላለፉ ሕማማትን ነጻ ምኻንኩም ንምርግጋጽ፡ ደም መርመራ ምግባር ጽቡቕ እዩ። እዚ ነንሓድሕድኩም ዘይትተኣማመኑ ኪንኩም ማለት ኣይኮነን። ጥንቃቐ እዩ።

ነታ ሕቶኻ ዚኸውን ሕጽር ዝበለ መልሲ ድማ እንሆ!

1. ቅድሚ መርዓ ብግብረ-ስጋ ንኸይትራኸብ ምውሳን፡- ትእዛዛት እግዚኣብሄር ምሕላው
2. ናይ ሓዳር መጻምድቲ ኣብ ምምራጽ ምጥንቃቕ፡- "ቅድሚ መርዓ ብግብረ-ስጋ ዘይተራኸበት ምኻና ርግጸኛ ድየ?" በል። ጓል እንተኻንኪ'ውን ከምኡ። እንተተኻኢሉ ኸኣ ቅድሚ መርዓ ካብ ኤይድስን፡ ካልኦት ብግብረ-ስጋ ካብ ዝመሓላለፉ ሕማማትን ነጻ ምኻንኩም ዜረጋግጽ ናይ ደም መርመራ ግበሩ።
3. ድሕሪ መርዓ ናይ ግብረ-ስጋ ርክብ ምስ መጻምድቲ ጥራይ ይኹን። ዝሙት ኮነ ግብረ-ሰዶምነት ንየው ምባሉ።
4. ናይ ካልኦት ደም ዘይምትንካፍ። ደም ኪህልዎ ዚኽእል በላሕቲ ነገራት'ውን ዘይምቕራብ።

ከም ናይ ዩኒቨርሲቲ ተማሃራይ መጠን፡ ተማሃሮ ነዘን ኣርባዕተ መምርሒታት ብፍላይ'ኳ ነታ ቀዳመይቲ ከም ዘይትግብርዋ ኣስተውዒልካ ኣለኻ። ኤይድስ ንምክልኻል ናይ ባዕሎም ኣገባባት እዮም ኪጥቀሙ ዚፍትኑ። ጸጋ ንኣብነት ካብ ኣመንቲ ስድራቤት ተወሊዳ ክኸሳ ብትእዛዛት እግዚኣብሄር ግን ኣይትመላለስን እያ። ብዙሓት ናይ ግብረ-ስጋ ኣዕሩኽ ኣለውዋ። ጸጋ፡ ኮንዶም ብምጥቃም ንኤይድስ ክትከላኸሎ'ያ እትትስፎ። ኣብ ቦርሳኣ ሒዛቶ ብምዛር ከኣ፡ ብግብረ-ስጋ ንምርኻብ ብኮንዶም እንተዘይኮይኑ ፈጺማ ሕራይ ኣይትብልን እያ። ንኤይድስ ምሉእ ብምሉእ ብኮንዶም ክትከላኸሎ ስለ ዘይትኽእል ግን ኤይድስ ኣብ ልዕሊ ጸጋ ገና የንጸላሉ እዩ ዘሎ።

ሚካ ኸኣ ከም ጸጋ ብዙሓት ናይ ግብረ-ስጋ ኣዕሩኽ እዮም ዘለውዋ። ካብ ጸጋ ንላዕሊ ግን ሚካ ኣዝያ ጥንቅቕቲ እያ። ኣብቲ እትጥቀመሉ ኮንዶም ጸረ ኤይድስ እዩ እትብሎ መድሃኒት ትጥቀም። ይኹን'ምበር ዋላ በዚ'ውን ንኤይድስ ክትከላኸሎ ዜተኣማምን ኣይኮነን።

ሃና ኸኣ እሞ ዝያዳ ኩሎም ጥንቅቕቲ እያ። ቅድሚ ንግብረ-ስጋ ምስምማዓ፡ እቲ ሰብ ኣቐዲሙ ምስ መን ብግብረ-ስጋ ከምዝተራኸበ እያ እትሓቶ። እንተደኣ ምስታ ንሳ ኤይድስ ኣለዋ ኢላ እትጥርጥራ ጓል ዘይደቂሱ ሕራይ ትብሎ። መድሃኒት ብዝተሰነሰሰ ኮንዶም ጥራይ ከኣ ትራኸብ። ዋላ ምስዚ ኩሉ ጥንቃቐታት ግን ብርግጽ ንሃና'ውን ሓደጋ ኤይድስ የንጸላልዋ እዩ ዘሎ። ብፍላይ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ኸኣ ኩነታታ ኣጽሊእዋ ኣሎ። ንሳ ከም እትብሎ ንግብረ-ስጋ ክትብል ታሪኽ ሰብ ክትፍትሽ "ኮንዶም ግበር፡ መድሃኒት ወሰኽሉ..." ክትብል ብሓቂ ዘጽልኣካ ነገር እዩ" ትብል።

እዞም ዝጠቐስናዮም ሰለስተ መንእሰያት፡ ንኢየሱስ ይቕረታ ኪሓቱ፡ ብሓቂ ኪእዘዝዎ ኪጅምሩ፡ ንናይ ግብረ-ስጋ ርክቦም ከኣ ቡቲ እግዚኣብሄር ንዓና ኢሉ ዘዳለዎ መንገዲ ማለት ብመውስቦ ኣቢሎም ጥራይ ኪሕጐሱሉ ይግባእ። ንሸኻ ያቆብ ድማ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክሳዕ ዘለኻ፡ ናብቶም ንእግዚኣብሄር ዝኸሓድዎ፡ ጉጅለ ንክትጽምበር ክትፍተን ትኽእል ኢኻ። ይኹን እምበር ኣብ ፈጣሪኻ ክትውከልን ክትእዘዝን ብሓቂ ስለ ዘፍቅረካ ኸኣ ኣብ ህይወትካ ዝበለጸ ነገር ከምዘለዎ ክትኣምንን ግን ንጽልየልካ!

"ሕጉ ዚሕልው፡ ብምሉእ ልቦም ዚእዘዝዎ ብጹኣን እዮም" (መዝ119፡2)

75. ዲቦራ

ነቲ ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ወደይ፡ ኤይድስ ምእንቲ ከይለግቦ ዝከኣለኒ'የ ዝገብር ዘለኹ። ናብ ሕክምና ክወስዶ ከለኹ፡ ነታ ነርስ፡ "በጃኺ ብግቡእ ብዝተጠጠቐ መርፍእ ተጠቐሚ" እብላ። ወይ ከኣ ኣብ ክንዲ መርፍእ ከኒና፡ እንተሎ ንኽትቅይረሉ እሕብራ። ብዝተኻእለ መጠን ወደይ መርፍእ ንኽይውጋእ ከኣ እጽዕረሉ። እቲ ምጥንቃቐ እምብዛ'ዶ ኣብዚሐዮ?

ዝተፈተኸ ዲቦራ፡-

ኣይፋልን። ኣየብዛሕኮን እባ ደኣ። ጽቡቐ ኢኺ ትገብሪ ዘለኺ። ብዙሓት ሰባት ግን ካብ ኣብያተ ሕክምና ዘይኮነስ፡ ብግብረ-ስጋ ኤይድስ ከም ዝሕዞም ከኣ ኣስተስውዕሊ። ስለዚ ብዛዕባ ኣብያተ ሕክምና ጥራይ ምጥንቃቐ እኹል ኣይኮነን። ወድኺ ብዝዓብየሉ መጠን ኣብ ኢየሱስ እምነት ኪህልዎ ሓግዞዮ። ወዲ 12 ዓመት ምስ ኮነ፡ ብቐንዕና ከምዚ ዝስዕብ ነገር ኪብል ኪኽእል ምእንቲ ጸልይሉ። "ንኢየሱስ ከም መድሓኒ እቐበሎ ኣለኹ። ንዕኡ ኢለ ክነብር ከኣ እደሊ ኣለኹ። ንግብረ-ስጋ ዚምልከቱ ሕግታት ኣምላኽ እፈልጦም እየ። ክእዘዞም ድማ እየ"

76. ዶርቃስ

ኣብ ቤተክርስትያንና፡ ወትሩ ሓሙሰ ዚካየድ ናይ ደቀንስትዮ መደብ ኣለ። ኣነ ኸኣ ንብዙሕ ዓመታት ናይታ መደብ ኣደ-መንበር ነይረ። ቅድሚ 10 ኣዋርሕ ግን፡ በዓል ቤተይ ብሕማም ኤይድስ ይመውት'ሞ፡ ደድሕሪኡ ድማ ኣነ ብብርቱዕ ስለ ዝሓመምኩ፡ ብፍቓደይ ስልጣነይ ኣረኪበ። ሕክምና ምስ ተመርመርኩ ኤይድስ ከምዘለኒ ተነጊሩኒ። እሞኡ፡ ኣብ መላእ ዘመን-ህይወተይ፡ ብዘይካ ምስ በዓል ቤተይ እንተዘይኮይኑ ብግብረ-ስጋ ተራኺበ ኣይፈልጥን እየ። እቲ ዝመርመረኒ ዶክተር፡ ብዛዕባ እዚ ወይ ብደም ወይ'ውን ካብ በዓል ቤትኪ ሓሊፉኪ ኪኸውን ይኽእል እዩ ኢሉኒ።

ዘዛርበኒ ዘሎ ግን ምስ ሓመምኩ፡ ካብተን ኣባላት ቤተክርስቲያንና ዝኾና ደቀንስትዮ ክልተ ጥራይ ስለ ዝበጽሓኒ እዩ። ንሳተን ዳርጋ መዓልታዊ እየን ዝመጻ። ጽቡቐ ከኣ ይተሓጋገዛኒ። እተን ካልኦት መሓዙተይ'ከ ደኣ እንታይ እዩ ወሪድወን እናበልኩ ከኣ ወትሩ እሓስብ። ሕጂ ሕጂ ግን እቲ መልሲ ተነጺሩለይ ኣሎ። እታ ኣደ-መንበር ንኽትከውን ዝተኸኣትኒ እያ ነተን ደቀንስትዮ ብዛዕባይ ከምዚ ኢላተን "ብስውር ሓጢኣት ትፍጽም ስለ ዝነበረት እያ ኤይድስ ሒዝዋ"

ነቲ ሓቂ እግዚኣብሄር እዩ ዘፈልጦ። ንሱ ምሳይ ከምዘሎ ክዝከር ከኣ ባህ ይብለኒ። ይኹን'ምበር እተን ኣሕዋት ክበጽሓኒ ዘይምኽኣለን ከኣ የተሓሳስበኒ!

መዘኻኸሪ፡- እዛ መልእኽቲ፡ ንኽነፍቅር ደ'ምበር ንኽይንፈርድ ንኽትሕግዘና ኢልና ኢና ኣስፈርናያ ዘለና። ዝሓመመ ሰብ እንተረኣና፡ ዘይእሙን ስለ ዝኾነ እዩ ወይ'ውን በደለኛ እዩ ኢልና ንምፍራድ ኣይንተሃወክ። ብኣንጻሩኳ ደኣ ነቲ ሰብ ከነፍቅሮን ክንሕግዞን እዩ ዝግብኣና። ፍርዲ ግን ንእግዚኣብሄር ንገድፎ!

77. ነሌ

ብዘይካ ኤይድስ፡ ብግብረ-ሰጋ ዚመሓላለፍ ሕማም እንታይ ኣሎ? ሓደ ሰብ፡ ካብዞም ብግብረ-ሰጋ ዝመሓላለፉ ሕማማት ሒዝዎ ከምዘሎኻ ብኽመይ ይፈልጥ?

ዝተፈተኻኺ ነሌ፡-

ብግብረ-ሰጋ ዝመሓላለፉ ሕማማት ብዙሓት እዮም። ብዘይካ ኤይድስ ካልኦት ዝውቱራት ሕማማት ከም በዓል ጅግል፡ ፍንጣጣ፡ ከርክርን ሄርፕን ኪጥቀሱ ይከኣል።

ሄርፕስ ኣቐንዛዊ ስለ ዝኾነ ይፍራሕ እዩ። ፈውሲ'ውን የብሉን። እዚ ሕማም፡ ኣብ ኣሜሪካን ኤውሮጳን እዩ ዝያዳ ዝረአ። ናብ መላእ ዓለም ከኣ ብፍጥነት ይዝርጋሕ ኣሎ። ከርክር ከኣ ኣብ ቅናታዊ ዞባ ዘለዋ ሃገራት እዩ ዝርከብ። እዚ ሕማም ኪፍወስ ይከኣል እዩ። ቀልጢፉ እንተዘይተፈዊሱ ግን ንብልዕቲ ኪሃስዮ ይኽእል።

ፍንጣጣ ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ ሓማም እዩ። መድሃኒት ኣለዎ። ብዙሓት ሰባት ግን ቀልጢፎም ናብ ሕክምና ብዘይ ምኻዶም ብዙሕ ይቕንዘዉ። ወይ'ውን ይሞቱ።

ጅግል ከኣ ካልእ ኣብ መላእ ዓለም ዝርጋሐ ዘለዎ ሕማም እዩ። ኪፍወስ ይከኣል እዩ። ይኹን እምበር ብዙሓት ሰብኡትን ኣንስትን ብሰንኪ እዚ ሕማም እዚ መኺኖም እዮም። ልዕሊ 40 ሚእታዊት ቁልዓ ንዘይምውላድ ዝህሉ ጠንቂ ብጅግል ዚስዕብ እዩ።

ገለ ካብ ምልክታት ናይ ብግብረ-ሰጋ ዚመሓላለፉ ሕማማት

- ክትሽይን ከሸኻ ምቕንዛው
- ኣብ ኣፍ-ርሕሚ ወይ'ውን መትሎ ዚወጽእ ቃንዛ ዘይብሉ ዕንኪር ወይ ፈጸጋ ዚመስል ነጥቢ
- ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ ንኮስትሞ ኪጽይቕ ዚኽእል ብጫ ዚመስል ፈሳሲ
- ኣብ ደቀንስትዮ ዘይንቡር ፈሳሲ ካብ ርሕሚ ወይ ከኣ ቃንዛ ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ከብዲ

ሓደ ካብዞም ዝተጠቕሱ ምልክታት ዝተሰምየ ሰብ፡ ብቕልጡፍ ናብ ሕክምና ኪኸይድ ይግብኦ። ንሓደ ሰሙን'ሲ ይትረፍ፡ ንሓደ መዓልቲ'ኳ ኪጽበ የብሉን። ቀልጢፉ ናብ ሕክምና ንዝኸደ ሰብ፡ ካብ መብዛሕትኦም ብግብረ-ሰጋ ዝመሓለለፉ ሕማማት ኪፍወስ ይከኣል እዩ።

ጥንስቲ ብግብረ-ሰጋ ካብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ኪትሓምም እንከላ እቲ ዝኸፍኦ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ቁልዓ፡ ቅርጹ ከም ገለ ተበላሸዩ እዩ ዚውለድ። "ጥዑም ዜና ግን እንሆ፡- ኻኹሎም እቶም ብግብረ-ሰጋ ዝመሓላለፉ ሕማማት ክንከላኸሎ ንኽእል ኢና። ኣብ ናትና ኩነታት ንኣብነት ኣነን ኬሮልን ቅድሚ መርዓና ፈጺምና ብግብረ-ሰጋ ኣይተራኸብናን። ስለዚ ከኣ ኣብታ ዕለተ መርዓና ካብ ኮሎም ሕማማት ነጻ ኔርና። ሕጂ'ውን ናይ ግብረ-ሰጋ ርክብና ኣብ ሓድሕድና ጥራይ ኪኸውን ጸኒዕና እንተቐጺልናዮ፡ ብግብረ-ሰጋ ካብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ነጻ ኻንና ኢና እንነብር። ምናልባሽ እዚ ሕጂ እንጽሕፎ ዘለና፡ ነቶም ብግብረ-ሰጋ ዚመሓላለፉ ሕማማት ንምክልኻል ቀሊል ኣምሲሉ የርእየና ይኸውን። ብርግጽ ግን ቀሊል ኣይኮነን።

ቅድሚ መርዓ ግብረ-ሰጋ ከተወግድ ቀሊል ኣይኮነን። ድሕሪ መርዓ ከኣ ዝሙት ምውጋድ ቀሊል ኣይኮነን። ኣብዛ እንነብረላ ዘለና ዓለም ኻንካ፡ ንጐይታ ክትእዘዞ ቀሊል ኣይኮነን። ይኹን ደኣ'ምበር ዋላኳ እቲ "ግብረ-ሰጋ ብመርዓ ጥራይ" ዚብል መደብ እግዚኣብሄር ኣዘዩ ኣሸጋሪኳ እንተመሰለ፡ ብርግጽ እቲ ዝበለጸ መደብ ግን ንሱ እዩ'ሞ ንእግዚኣብሄር'ሲ ተኣዘዞ

ደኣ፡ እዞም ብግብረ-ስጋ ዚመሓላለፉ ሕማማት ከኣ ናይ ፈጣሪና መደብ ዝበለጸ ምኻኑ እዮም ዜዘኻኽሩና።

78. ጇሪ

እዞም ኣብዚ ቀረባ እዋን ዚምርዓዉ ዘለዉሰ ናይ ምውላድ ጸገም ዘለዎም ይመስሉ። እዚ ኽኣ ሓደ ሰባኺ ዝበሎ ኣዘኻኺሩኒ። ንሱ ኬገልግል ከለ፡ ናይ "ንእስነት ሓጢኣት ቁልዓ ኽነይትወልድ ጠንቂ ኪኸውን ይኽእል እዩ" ኪብል እየ ሰሚዐዮ'ሞ ሓቅነት ዘለዎ'ዶ ኣይመስለኩምን?

ዝተፈተኻ ጇሪ፡-

ንዘይምውላድ ከም ጠንቂ ካብ ዚጥቀሱ፡ እቲ ሓደ ብግብረ-ስጋ ብዝመሓላለፉ ሕማማት ኪኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ምንጻል ጥንሲ እዩ። በብሓደ ከኣ እስከ ንርኣዮም።

ሀ. ብግብረ-ስጋ ዚመሓላለፉ ሕማማት፡- ሓደ ካብዚኦም ጇግል እዩ። ንኣብነት ሓንቲ ተማሃሪት (ጇን ንበላ) ምስ ጐረቤታ ብግብረ-ስጋ ተራኺባ ኣላ ንበል። ጽሬቱ ዝሕሉ ጥዑይ ወዲ እዩ። ሕማም ዚበሃል ከምዘይብሉ ርግጸኛ እየ ዚብል መረዳኢታ እዩ ዘለዋ። ጇግል ስለ ዝነበሮ ግን ኣልጊቡላ። ጇግል፡ ብሕክምና ኪፍወስ ዚኽኣል እዩ። ጇን ግን ናብ ሕክምና ከይከደት ነዊሕ እዋን ኣሕሊፋ። ሕማም ኣለኒ ኢላ ኣይጠርጠረትን። ክትሽይን ከላ ቃንዛ ኣይነበራን። ሕበጥ ወይ ዕንፍራር ዚበሃል ነገር ኣይነበረን። ዘይንቡር ምፍሳስ'ውን ኣየጋጠማን። ኩሉ ነገር ከም ቀደሙ እዩ ነይሩ። እቲ ጇግል ግን ቀስ ብቐስ ኣብ ሰብነታ ይሰርሕ ነይሩ። ነቲ እንቋቑሑ ዚመሓላልፍ ናይ ማህጸን ቱቦ ኣዕኒዎ። መወዳእታኡ ንጇን ቃንዛ ይጅምራ። ናብ ሕክምና ከኣ ትኸይድ። ሕማማ ጇግል ምኻኑ ፈሊጦም ከኣ ይፍውስዋ። እቲ ናይ መተሓላላፊ ብምዕናዉ ንኪትወልድ ዘሎ ተኽእሎ ግን ከመሓይሽዎ ኣይከኣሉን።

ኣብ ግዜና'ውን ብዙሓት ኣወዳት ይኹኑ ኣዋልድ፡ ብሰንኪ ጇግል ኪወልዱ ዘይክእሉ፡ ኣለዉ። ኣብ ወዲ ተባዕታይ፡ ጇግል፡ ሽንቲ ንኽሸይን ኬጸግሞ ይኽእል እዩ። ቀልጢፉ ናብ ሕክምና እንተዘይከይዱ ከኣ እቲ ሕማም ዋላ ነቲ ናይ ዘርኢ መተሓላለፊ ኬዕንዎ ይኽእል እዩ። እቶም ናይ ዘርኢ መተሓላለፍቲ እንተዓንዮም ከኣ እቲ ሰብኣይ ንቡር ዚመስል ዘርኢ'ኳ ኬፍስስ እንተኽኣለ፡ እቲ ፈሳሲ ግን ዘርኢ ዘለዎ ኣይከውንን።

ብርግጽ፡ ከም በዓል ጇግል ዝኣመሰሉ ሕማማት፡ ንዘይምውላድ ጠንቂ እዮም። እዞም ብግብረ-ስጋ ዝመሓላለፉ ሕማማት ከኣ እቲ ቀንዲ ጠንቆም፡ ካብ ሓዳር ወጻኢ ብዝግበር ናይ ግብረ-ስጋ ርክብ እዩ። (ብኻልእ ኣዘራርባ ከምቲ ሰባኺ ዝበሎ ናይ ንእስነት ሓጢኣት ማለት እዩ)

ለ. ምንጻል ጥንሲ፡- ሓደ ሓደ እዋን ንጓል ኣንስተይቲ ጥንሲ ምስ ዜጋጥማ ቅድሚ ምውላዱ ንኽትቀትሎ ትውስን። ምንጻል ጥንሲ ዚበሃል እዚ እዩ። ነቲ ናይ ምንጻል መስርሕ ወይ ባዕላ ትፍትኖ ወይ ከኣ ብገንዘብ ናብ ዜነጽሉ ትኸይድ። ድሕሪ ዝተወሰነ ዓመታት ብሰሪ እቲ ዘካየደቶ ምንጻል ጥንሲ ዝሰዓበ ረኽሲ፡ ገዛእ ርእሳ ኪትጠንስ ዘይትኽእል ኮይና ትረኽባ። ወይ ከኣ ኣብ እዋን እቲ ምንጻል ጥንሲ ማህጸና ብምጉድኡ፡ ጥንሲ ኪኸዳ ይኽእል። ብዙሓት ደቀንስትዮ፡ በቲ ኣብ ግዜ ንእስነተን ዝፍጽምኦ ሓጢኣት ኪወልዳ ዘይክእላ ኣለዋ።

ስለዚ ጇሪ እቲ ናይ ንእስነት ሓጢኣት ንብዙሓት ተጻመድቲ ከም ዘይወልዱ ኪገብሮም ይኽእል እዩ" ኪብል እቲ ሰባኺ ዝተዛረቦ፡ ብርግጽ ሓቂ እዩ። ኻኡሉ ንኽትወልድ ዘይምኽኣል ጠንቂ ግን ወትሩ ሓጢኣት እዩ ማለት ግን ከኣ ኣይኮነን። ስለዚ ተመርዕዮም ንዘይወለዱ "ሓጢኣት ስለ ዝገበሩ እዮም" ኢልና ክንፈርድ ኣይግብኣናን እዩ። ንመንእሰያትና ግን ሓጢኣት ከምዚ ዝኣመሰለን ካልኦት ጸገማትን ከምዝስዕብ ድማ ከነጠንቅቕም ኣለና።

79. ፒተር

ምስ በዓልቲ ቤተይ ሰዓብቲ ክርስቶስ እኳ እንተኾንና፡ እተን ቀዳሞት ሓሙሽተ ዓመታት ናይ ሓዳርና ግን ብዛዕባ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ዝመጸ ኣብ ቁየቓ ኢና ኣሕሊፍናየን። ኩዕሶ እግሪ ንምጽዋት እፈቱ እዩ። ኣብዛ ዘሸኩዋ ኩተማ፡ ናይታ ዝበለጸት ጋንታ ኣባል ድማ እየ። ኣብዘን ዝሓለፋ ሓሙሽተ ዓመታት ግና ድሕሪ ጸወታ ናብ ገዛ ምኻድ የጽልኣኒ ኔሩ። ምኽንያቱ በዓልቲ ቤተይ ኣዝያ ስለ እትሓርቕ ከንፈራ ጀሊዓከኣ ስለ እትቕበለኒ እዩ። ነቲ ኣዝየ ዝፈትዎ፡ ስለምንታይ ኪትሕጐሰሉ ከምዘይትደሊ ይርድኣኒ ኣይነበረን።

ሓደ መዓልቲ ግን ሓደ ዓርከይ ነታ "ፍቕርን ሓዳርን" እትብል መጽሓፍኩም ይህበኒ'ሞ ኣብኣ ከምዚ ዚስዕብ ኣንብብ። "ሰብኣይ ንሰበይቱ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ከምዝርእያ ብግብሪ ዝገልጸሉ መንገድታት ከናዲ ኣለዎ።" ሸው ንሸው፡ "ምናልባት በዓልቲ ቤተይ'ውን ልዕሊኣ ኾኦሶ እግሪ ዘፍቀርኩ'ዩ መሲልዋ ዝኸውን" ክብል ንገዛእ ርእሰይ ሓቲተ።

ኣብታ ዝቐጸለት መዓልቲ፡ ጋንታና ኣገዳሲት ጸወታ ስለ ዝነበረታ ኣንጊሀ ተንሲኣ። ቅድሚ ካብ ገዛይ ምውጽኣይ ግን፡ በዓልቲ ቤተይ ተጸሊእዋ ከምዘሎ ፈሊጠ። ንበይና ኪሓድጋ ድማ ኣይደለዩንን። እቲ ጸወታ ኸኣ ኪሓልፈኒ ኣይነበሮን። ናብታ መኪናይ እናኸድኩ፡ ነተን ካብ መጽሓፍኩም ዘንበብክወን ቃላት ኣስተንቲነ። ምስኣ ክውዕል ከምዘለኒ ተረዲአ ኸኣ ንድሕሪት ተመሊሰ። በዓልቲ ቤተይ ኣዝያ ተሓጕሳ።

ካብታ መዓልቲ እቲኣ ጀሚረ ንምዕዶኹም እሰዕቦ ኣለኹ። በዓልቲ ቤተይ፡ ልዕሊ ጸወታ ኩዕሶ ወይ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ከም እተገድሰኒ ብግብሪ ኻኽርኣያ ከኣ ወትሩ ዝተፈላለዩ መንገድታት ኣናዲ ኣለኹ። ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ድሕሪ ጸወታ ንገዛ ክመጽእ ከለኹ፡ በዓልቲ ቤተይ ብፍሽኽታ እያ እትቕበለኒ። ከመይ ዝበለ ለውጢ እዩ! እምብዛ ስለ ዝተሓጐሰኩ ኸኣ እዚ ዘሐጉሰ ዜና ንዓኹም እውን ከካፍለኩም ወሲነ።

ዝተፈተኻ ፒተር፡-

ልክዕ ከምዛ ናትካ እትመሳሰል መልእኽቲ ድማ ትማሊ በጺሓትና። እቲ ትሕዝቶ ብምምስሳሉ ዘገርም እዩ። ሓደ መንእሰይ፡ ሰባኺ ወንጌል እዩ ጽሒፉልና። "በዓልቲ ቤተይ ብኣይ ዘይሕጉስቲ ምንባራ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ኣትሒዘ እየ ከስተውዕል ጀሚረ። መወዳእትኡ ግን ናተይ ጌጋ ምኻኑ ከኣ ተረዲአ። ከፍቅራ ኣይጸናሕኩን። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ኣኼባታትን ኣብ ናይ መንእሰያት መኣከብን ኪሰብኽ ናብዝን ናብትን እየ ዝመላለስ። ኣብ ገዛይ ግን ንበዓልቲ ቤተይ ብሕውነታዊ ፍቕሪ ኣይግደሰላን ነይረ"

ድሕሪ እዚ ንበዓልቲ ቤቱ ከመይ ጌሩ ክግደሰላ ከም ዝጀመረ እዩ ነጊሩና። ንዕኡ ዝበለጸትን ፍልይትን ሰብ ምኻና ዝነግረሉ ኣጋጣሚታት እናደለየ ኸኣ ከምኡ ምኻና ሓቢርዋ። ከምዚ ምግባሩ ድማ ኣብ ሓዳሩን ኣብቲ ናይ ስብከት ኣገልግሎቱን ርኡይ ለውጢ ከምዘምጽኣሉ ሓቢሩና።

ናትካን ናቲን ከምኡ'ውን ናይ ብዙሓት ካልኦት መልእኽትታት ጕይታ ብሓይሊ ይዓዩ ከምዘሎ እየን ዚምስክራ። ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ፡ ብዙሓት ደቂ ተባዕትዮ ነዛ እትስዕብ ሓሳብ ኪርድኡ ብምኽኣሎም ከኣ ንእግዚኣብሄር ነመስግኖ።

ከምቲ እግዚኣብሄር ዚእዝዞ ጌረ
ንበዓልቲ ቤተይ ምሰ ዘፍቅራ፡
ሓጐሰ ዝመልኦ ቤት ይህልወኒ።

80. ሄኖክ

በጃኹም መልሲ ሃቡኒ። ክሸነ፡ ኣደይ ድያስ ዋላ በዓልቲ ቤተይ እያ ኪትቆጻጸሮ ዘለዋ? ክልቲኣን፡ ነቲ ምድላው መግቢ፡ ኪዓይኦ ስለ ዝደልያ፡ ብቐጸሊ ኣነ'ባ ኣነ'ባ እየን ዝበሃሃላ። ንሓወይ ብዛዕባ'ዚ ክዕልሎ ከለኹ፡ "ምስ በዓልቲ ቤተይ ብሓባር ዝቕመጠሉ ቤት ሰሪሐ ምእንቲ ክነብር፡ ንሰበይተይ ወሲደ ነዚ ገዛ ክሓድጕ እየ" ኢለ እየ ነጊረዮ። ንሱ ግን "ከምኡ እንተጌርካ ነቲ ኣቦታትናን ኣቦሓጐታትናን ዝሃቡና ህይወት ትኽሕዶ ኣለኻ ማለት እዩ" ኢሉኒ። ሰዓቢ ክርስቶስ ከም ምኻነይ መጠን፡ እንታይ ክገብር ይግብኣኒ?

ዝተፈተኻ ሄኖክ፡-

እዚ ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ ጸገም እዩ። ኣብ ኤስያ፡ ሰብ ሓዳር ምስ ስድራኡም ብዛዕባ ኪህልዎም ዝግባእ ርክብ ብዝምልከት ፍሉይ ልማድ ኣለዎም። ኣብ ኤውሮጳ ኸኣ ዝተፈልየ ልምዲ ኣሎ። ኣፍሪቃ ድማ ናታ ልምድታት ኣለዋ። ኣብ መላእ ዓለም፡ ኣብ ዝኾነ ኣህጉር ወይ'ውን ባህሊ ማለት እዩ፡ ኣብ መንጕ ሰብ ሓዳርን ስድራቤቶምን ብዙሕ ጸገማት እዩ ዘሎ። ንዝተመርዓዉ መንእሰያት እግዚኣብሄር ዝብሎ ነገር ግን ከምዚ ዝስዕብ እዩ።

1. ስድራኻ ሕደግ (ዘፍ.2፡24። ማር.10፡7። ኤፌ. 5፡31)
2. ንስድራኻ ኣፍቅርን ሓግዘን (1ጢሞ5፡3-8)

ስለዚ ሄኖክ ናይ ስድራኻ ገዛ ሕደግ። ንሰበይትኻ ወሲድካ ናይ ባዕልኻ ገዛ ስራሕ። ንወላዲትካ ምሕጋዝን ምእንቲ ክጥዕመካ ግን፡ እቲ ገዛ ኣብ ጥቓአን ክትሃንጸ ትኽእል ኢኻ። ወይ ከኣ ወላዲትካ ኣብ ገዛኻ፡ ምሳኹም ኪቕመጣ ይኽእላ'የን። ምሳኹም እንተተቕመጣ ግን እቲ ናይ ክሽነ ነገር፡ ንበዓልቲ ቤትካ ጥራይ ከምዝምልከት ከይሓረኽካ ቀስ ኢልካ ኣረድኣየን። ንወላዲትካ ኩተፍቅረን ስለ ዝግብኣካ፡ ክትዛረበን ከለኻ ወትሩ፡ ከይሓረኽካን ብፍቅራዊ ኣገባብን ይኹን። ኣጋጣሚታት ሃሰስ ኢልካ'ውን ኣድናኞትካ ግለጸለን። ብዝደልያኦ ዘበለ፡ ከኣ ተጠንቂኞካ ሓግዘን።

ብርግጽ ንበዓልቲ ቤትካ ኽኣ ኩተፍቅራ ኣለካ። ንስድራኻ ሓዲግካ ምስ በዓልቲ ቤትካ ከምዝተወሃህድካ ኩሉ ሰብ ክሳዕ ዝርኢ፡ ፍቕርኻ ግለጸላ። ንሳ እታ ዝቕረበት መሓዛኻ እያ። (ዘፍ2፡24) ኩሉ እዚ እንብሎ ዘለና ንምትግባሩ ኣጸጋሚ ከምዝኾነ ይርድኣና እዩ። ስድራኻ ክትሓድግ ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ኣዴኻ ምሳኻ ክቕመጣ እንተፈተዋ'ውን በዓልቲ ቤትካ ዝቕረበት መሓዛኻ ምኻና ኩተርኢ ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ከኣ ንወላዲትካ ፍቕርኻን ኣድናኞትካን ኩተርእየን ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ምናልባት'ውን ሓውኻ ኑቲ እትገብሮ ዘለኻ፡ ዘይክርድኦ ስለ ዝኽእል፡ ወላዲትካ ምሳኻ እንተዘይተቕመጣ'ውን ፍቕርኻን ኣድናኞትካን ካብኡን ከምዘይፍለ ግን ዘይክርኢ ይኽእል እዩ። ስለዚ ድማ ምናልባኽ ይነቕፈካ'ውን ይኸውን።

ንእግዚኣብሄር ምእዛዝ ቀሊል ነገር ኣይኮነን። መንገዱ ግና እቲ ዝበለጸ እዩ። ሰብኣይ ካብቲ "ኣቦኻን ኣዴኻን ሕደግ፡ ምስ ሰበይትኻ ከኣ ልገብ፡ ንስድራኻ ድማ ብፍቕራዊ መንገዲ ሓግዝ።" ዚብል መንገዲ ዚበልጽ ካልእ ኣማራጺ ኪረክብ ኣይክእልን እዩ።

81. ጆዋና

ናይ ሓዳርና ጸገም ምስ በዓልቲ ቤተይ ሰሕት ኢልና ጥራይ ስለ እንዘራረብ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜስ ኑቲ ዝሓተትክሞ'ውን ኣይምልሰለይን እዩ። ብትሕትናን ፍቕራዊ ብዝኾነ መንገድን'ኳ እንተሓተትክሞ ብጭቕ ኣይብልን እዩ። ክልቲና ንክርሰቶስ ነፍቅሮ ኢና። ኣብ ክንዲ ብሓባር ግን ነንበይንና ኢና እንጽልን ቃል ኣምላኽ እነንብብን። ኣኪያይዳና ደስ ስለ ዘይበለኒ ለውጢ ክንገብር እየ ዝደሊ። በዓል ቤተይ ግን ጽቡቕ ኣለና በሃላይ እዩ ዚመስል።

ናይ ግብረ-ስጋ ርክብና ደሓን እዩ። በዓል ቤተይ ኣዝዩ እዩ ዝፈትዎ። ኣነ ግን ሓቂ ክዛረብ እንተኾይነ፡ ብዙሕ ግዜ ስምዒታዊት ክኸውን እፍትን'ሞ ድሌት ግን ኣይህልወንን። ከመይ ገይረኻ'ሞ? ንሱ፡ ምሳይ ንኽራኸብ ደኣ'ምበር ናይ ቀረባ ብጸይቱ ንክኸውን ግን ኣይደልየንን እዩ?

<u>መዘኻኸሪ፡-</u> እዛ ናይ ጆዋና መልእኽቲ፡ ኣብ መንጐ ሰብኡትን ኣንስትን ዘሎ ፍልልይ እያ እትትንትን። ሰብኣይ፡ ምስ በዓልቲ ቤቱ ዘየዕልል ክነሱ፡ ናይ ግብረ-ስጋ ድሌቱ ግን ብርቱዕ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ሰበይቲ ግን፡ በዓል ቤታ ከም ብጸይቱ ዘየዕልላ እንተኾይኑ፡ ብዙሕ ድሌት ኣይህልዋንን።

ኣብቲ ዝሰደድናላ መልሲ ድማ፡ ክልቲኦም ብዕርክነትን ብርክብ ግብረ-ስጋን ከመይ ገይሮም ኪተሓንጐሱን ኪጅምሩ ከምዘለዎም ገሊጽናሎም። (ገጽ___ናይዚ መጽሓፍ እዚ ተመልከት)

82. ሙርየል

ኣብ መኻዚኖ ናይ ሓደ ድኪን እየ ዝሰርሕ። እፈትዎ ድማ እየ። ሰሕት ኢሉ ኣካይዲ እቲ ትካል ጽቡቕ እሰርሕ ከምዘሎኹ ይዛረበኒ እዩ። ዓማዊል ከኣ ምሳይ ጽቡቕ ርክብ ኣለዎም። ድሕሪ ሰራሕ፡ ናብ በዓል ቤተይ ንገዛ ክኸይድ ግን ኣዝዩ እዩ ዘጽልኣኒ። ነቕፌታ ጥራይ እያ ሰርሑ። ተጠንቂቕ ንዝሰራሕክዎ ጸብሒ "እዚ ሲጋ ብግቡእ ኣይበሰለን" ወይ ድማ "ስለምንታይ ጨው ዘይቀረብኪ" እናበለ እዩ ዝቂየቕኒ። ከመስግኒ ምእንቲ ኪኽእልሲ እንታይ እንተገብርኩ'ዩ ዚሓይሸ?

ዝተፈተኸ ሙርየል፡-

ክልተ ምዕዶ ኣለዋና።

ሀ. ምስ በዓል ቤትኪ ተዘራረቢ፡- ከመስግነኪ ከም እትደልዩ ኣጸቢቐኪ ሓብርዮ። ከምዚ ምግባር ንዓኺ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብዝኾነ ግን ግበርዮ። ቅንዕትን ትሕትን ኩኒ። ክትምስገኒ ምድላይኪ ኸኣ ጌጋ ዘይምቕኑ ዘክሪ። ኩሉ ዝደልዮ እዩ። ደሊኽዮ ከምዘለኺ ምስ በዓል ቤትኪ እንተዘይተዘራረብኪ ግና ሓዲርኪ ካብዚ ዘለዎ'ውን እናገደደ ኪኸይድ ዝከኣል እዩ።

ለ. ንበዓል ቤትኪ ኣመስግንዮ፡- ምናልባሽ በዓል ቤትኪ'ውን "ኣይተድንቐንን እያ" ዚብል ሓሳብ ኪህልዎ ይኽእል እዩ። "ጐይታ፡ ናይ በዓል ቤተይ ኣወንታዊ ጐኒ ክርኢ ደግፈኒ" ኢልኪኸ ጸሊኺ'ዶ ትፈልጢ? ናይ በዓል ቤትኪ ጽቡቕ ነገራት ኣለሊኺ ምስ እተድንቐዮ፡ በዓል ቤትኪ ንኸድንቐኪ ኣዝዩ ቀሊል እዩ ዚኸውን።

83. ቶም

ብዙሓት መጻምዲ ብሰንኪ ኣብ ግብረ-ሰጋ ዘይምስምምየም ንሓድሕዶም ምፍቓር የቋርጹ እዮም ዚበሃል'ሲ ሓቂ ድዩ?

ዝተፈተኻ ቶም፡-

ኣይፋልን። እቲ ቅኑዕ'ሲ ብኣንጻሩ እዩ። ብዙሓት መጻምዲ ምፍቓር ስለ ዘቋርጹ እዮም ብዙሕ ናይ ግብረ-ሰጋ ጸገም ዝህልዎም። ብኻልእ ኣዘራርባ ብቐትሩ ሕጉሳትን ፈቓራትን ምኳን ስለ ዘቋርጹ፡ ኣብ ምድቃሶም ከኣ ገለ ጸገም ኬጓንፎም ይጅምር።

84. ኤልያስ

ሓሺሽ'ዶ ንናይ ግብረ-ሰጋ ርክብ የመሓይሾ'ዩ?

ዝተፈተኻ ኤልያስ፡-

ፈጺሙ ኣየመሓየሾን እዩ። ብኣንጻሩ'ኳ ደኣ ሓሺሽ ምትካኽ፡ ንርክብ ግብረ-ሰጋ የበላሽዎ እዩ። እቶም ሓሽሽ ዜትክኹ ሰብኡት፡ መትሎኦም ኻኺቐንዕ ጸገም ይፈጥረሎም እዩ። ኣብ ደቀንስትዮ ከኣ፡ ምትካኽ ሓሽሽ ንናይ ምውላድ ተኽእሎኣን ኬጥፍኦ ይኽእል። ንግብረ-ሰጋ ኪመሓይሾ ዚኽእል ፈውሲ፡ ትኪ፡ ኣልኮል፡ ወይ ዝኾነ ዓይነት መድሃኒት ዚበሃል ፈጺሙ የለን።

ብርግጽ ነቲ ከምዚ ዝስዕብ ዚብል መደብ ኣምላኽ ከመሓይሾ ዚኽእል መንገዲ ዝረኸበ የለን።

ንበዓልቲ ቤትካ ኣፍቅራ
ምስኣ ጥራይ ጽናዕ
ብኣኣ'ውን ባህ ይበልካ (ካብ ኤፌ 5፡33። ምሳ5፡18-21)

85. ኣንቶኒ

ካብ ዝምርዖ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ገይረ ኣለኹ። በዓልቲ ቤተይ ምእላይ ገዛ ስለ ዘይትኽእል ግን ጸጊሙኒ ኣሎ። ዳርጋ ነፍሲ ወከፍ ምሸት እቲ ገዛ መሃኑ ጠፊእዎ እዩ ዚጸንሕ። ድራር ኣይተዳሉን፡ ናብ ሰድራይ ኣብ እንበጽሓሉ ንወለደይ ኣይትግደሰሎምን እዩ። ገንዘብ ድማ ኣብ ዘየድሊ ነገራት ተጥፍእ። ንኽትመሓየሽ ከመይ ገይረ ክሕግዛ እኽእል?

ዝተፈተኻ ኣንቶኒ፡-

ኩሉ'ቲ ዘየሐጉሰካ ንገራ። ከመይ ጌርካ ከም እትነግራ ግን ተጠንቀቕ። ኣይትቕየቕ። ብቒዮቕ'ሞ ከመይ ገይራ ክትመሓየሽ ከምዘለዋ'ውን ክትሓስብ ኣይትኽእልን እያ። ብኣንጻሩ "ገዛእ ርእሰይ ንምክልኻል እንታይ ክገብር እኽእል" እናበለት እያ ኪትሓስብ። ቁዮቕ፡

ንበዓልቲ ቤትካ ኬዐርያ ኣይክእልን እዩ። ንኽትመሓየሽ ዚሕግዛ ኣገባብ ግን ኣሎ። እቲ ኣገባብ እቲ ፍቕራዊ ሜላ ኢና እንብሎ።

ፍቕራዊ ሜላ

ቀዳማይ ሕጊ፡- ከምዘየሐጕሰትካ ክትነግራ ከለኻ፡ ቃላትካ ብጨው ዝተቐመመን፡ ኩሉ ሳዕ ብጸጋ ዝተመልአን ይኹን። ብፍቕሪ ምምላእ ማለት ከኣ፡ ንሓደ ሰብ ዋላ ዜሕርቕ ነገር ኣብ ዝገብረሉ ከምታ ዘለዋ ምቕባልን ምፍቃርን ማለት እዩ። ንበዓልቲ ቤትካ ክትሕግዝ ደሊኻ ኣለኻ። ብፍቕራዊ ኣገባብ ክትገብሮ እንተዘይክኢልካ ግን በዓልቲ ቤትካ ንሓገዝካ ኣይክትቅበሎን እያ።

ካልኣይ ሕጊ፡- ሓርቕትካ ንኽዝሕል ግዜ ሃቦ። ናብ ገዛ ምስ መጻእካ፡ ድራር ከይተሰርሐ ጸኒሑካ እስከ ንበል። ኣዚኻ ትሓርቕ። በዓልቲ ቤትካ ለውጢ ንኽትገብር እትነግረሉ ግዜ ግን ሽዑ ኣይኮነን። ቁጥዕኻ ክሳዕ ዚዝሕል ተጸበ። ሓሪቕካ ከሎኻ ብፍቕሪ ክትምላእ ዘይከኣል እዩ።

ሳልሳይ ሕጊ፡- ኣብ ኣጠቓቕማ ቃላትካ ተጠንቀቕ። “ኮይኑ ዝስምዓኒ” ወይ ከኣ “ከምዝመስለኒ” ዝብሉ ቃላት ደኣ ተጠቒም እምበር “ንሽኺ” ምባል ኣወግድ።

ቀጺሉ ኸኣ፡ ነቲ ናይ ፍቕራዊ ሜላ፡ ብዝምልከት ሰለስተ ኣብነታት ቀሪቡ ኣሎ።

ሀ. “ፈጺሙ ዘይሰልጠክን ሰነፍን ስለ ዝኾንኪ ኢኺ ድራር ከተዳልዊ ዘይከኣልኪ” ኣይትበል። ብኣንጻሩ፡ ድራር ኣብ ግዚኡ ኣብ እትቕርብሉ መዓልቲ ተጸበ እሞ ሽዑ “ድራር ኣዳሊኺ ክትጸንሒ ከለኺ ብሓቂ ብኣይ እትግደሲ ኮይኑ እዩ ዝስምዓኒ” ኢልካ ተዛረባ።

ለ. “ምስ ኣደይ ዘይትሰማምዓ ዘለኽንኩ ጠባይኪ ሕማቕ ስለ ዝኾነ፡ ስነ-ስርዓት ዘይብልክን ደንቆሮን ስለ ዝኾንኪ እዩ” እንተኢልካያ፡ እዚ ቄዮቕ እዩ። ኪጐድኣ እምበር ለውጢ ንኽትገብር ከኣ ፈጺሙ ኣይሕግዛን እዩ። ብኣንጻር እዚ ግን “ብምኽንያት እቲ ኣባኽን ኣብ ኣደይን ዘሎ ጸገም፡ ከመይ ከምዝተሰምዓኒ እስከ ክነግረኪ፡ ኣብ መንጐኽን እየ ተቓቒረ ዘሎኹ። እቲ ዝለዓለ ፍቕረይ ንዓኺ እዩ። ነቲ ንወላዲተይ እትሕግዘሉ ዝነበርኪ እዋን ከኣ አድንቕ” ክትብላ ትኽእል ኢኻ።

ሐ. “ነዚስ ገንዘብ ሂብኪ ገዚእክዮ!” ክንዲ ምባል፡ ቁጥዕኻ ክሳዕ ዚዝሕል ተጸበ'ሞ፡ ሽዑ ከይተዘራረብና ንብረት ክትዕድጊ ከለኺ ኣየሐጉሰንን እዩ። እንታይ ክንገዝእ ከምዘለና እንተተዘራረብና ምሳኺ ዝያዳ ዝተቐራረብኩ ኮይኑ እዩ ዝስምዓኒ” ትብላ።

“ንሽኺ” ኢሉ ዝጅምር ኣዘራርባ፡ ጕዳኢ ነቐፌታ እዩ። “ከምዝመስለኒ” ዝብል ኣዘራርባ ግን ኣእዳውካ ናብኣ ከየወጣወጥካ ስምዒትካ ኩተካፍል ዘኽእለካ ኣገባብ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ “ከምዝመስለኒ” ብዝብል ኣዘራርባ፡ ነቲ ሰብ ከይሃሰኻ ነቲ ጸገም ከተጥቅያ ትኽእል ማለት እዩ።

ንበዓልቲ ቤትካ እንተተቕየቕካያ፡ ኣብ ክንዲ እትመሓየሽ፡ መሊሳ'ያ ኪትገድድ። ነዘን ሰለስተ ናይ ፍቕራዊ ሜላ ሕግታት እንተተኸቲልካ ግን፡ ብሓቂ ንኽትመሓየሽ ክትሕግዛ ትኽእል ኢኻ (ምሳ15፡1)

ንደቀንስትዮ ዚኸውን መዘኻኸሪ

እዚ ዝተጠቕሰ ፍቕራዊ ሜላ ንናይ ሰብኡት ባህርይ ንምምሕያሽ'ውን ይጠቅም እዩ። ኣብ ሓዳርክን ፈትናኡ።

86. ዩኤል

ዝሓለፈ ዓመትሲ እቲ ናይ ቤተክርስቲያንና ሓለቓ መዘምራን ዝነበረ፡ ንበዓልቲ ቤቱ ፈቲሑ፡ ንቫልእ ጓል ተመርዕዩ። በዓልቲ ቤቱ ኣብ ሓዳራ ጽንዕቲ ስለ ዝነበረት፡ ብዙሓት ካባና ንቨይፈትሓ ከነረድኦ ፈቲንና ኢና። ናይ ቤተክርስቲያንና ካህን'ውን "ንበዓልቲ ቤትካ እንተፈቲሕካዮ፡ ኮነ ኢልካ ንክርስቶስ ምእዛዝ ትኣቢ ኣሎኻ ማለት እዩ" ኪብሉ ኣጠንቂቑሞ። እንተቨነ፡ ፈጺሙ ኣይሰምዐን። ድሕሪዚ ንቤተክርስቲያንና ሓዲጉ፡ ናብታ ጥቓና ዘላ ሕብረት ከይዱ። ሕጂ ኣብታ ቤተክርስቲያን ናይ መዘምራን ሓላፊ ኪገብርዎ ብዘይምኽኣሎም የጉረምርም ከምዘሎ ንሰምዕ።

ክርስቲያናት ኪፈትሑ ኪርኢ እንከለኹ ኣዝዩ እዩ ዘተሓሳስበኒ። ማለተይሲ እቶም ዘይኣምኑ እንተተፋትሑ ክርድኦ እኽእል'የ። ኣብ ዓለም ኮይኖም ከምኡ እንተገበሩ ዜገርም ኣይኮነን። እቲ ክርድኣኒ ዘይከኣለ ግን እቶም ኣመንቲ ዝበሃሉ፡ ከመይ ገይሮም ነቲ ብዛዕባ ፍትሕ ዚምልከት ትእዛዝ ጐይታ ምእዛዝ ይኣብይዎ ዚብል እዩ?

ዝተፈተኻ ዩኤል፡-

ንሕና'ውን ክንርድኦ ኣይከኣልናን። ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ ናብ ኣሜሪካ ኣብ ዝከድናሉ፡ ዋላ ኣብቶም ኣመንቲ፡ ፍትሕ፡ ዝውቱር ኮይኑ ምህላዉ፡ ኣዚና ኢና ሰንቢድና። ኣብ ኣብያተ ክርስቲያናትና ምንቕቓሕ ኪመጽእ ግን ንጽሊ። ሰብኣይን ሰበይትን ንጐይታ ምእንቲ ክእዘዝዎ ዚሕግዘና ምንቕቓሕ ክመጽኣልና እስከ ሓቢርና ብዛዕባ'ዘን ዚስዕባ ንጸሊ፡-

- ሰብ ሓዳር ንሓድሕዶም ኪፋቐሩ
- ምስ መጻምድቶም ጥራይ ኪጸንዑ
- ፈጺሞም ከይፋትሑ

መጽሓፍ ቅዱስ፡ ኣንጻር ፍትሕ ኣበርቲዑ'ዩ ዜጠንቅቐ! ኣብ ትንቢት ሚልክያስ መበል 2ይ ምዕራፍ ከምዚ ዚስዕብ ነንብብ።

14 - ስለምንታይ እዩ ንመስዋእትና ዘይቅበሎ ከኣ ትብሉ ኣለኹም። ነተን ብግዜ ንእስነትኩም ዝተመርዓኹምወን ኣንስትኹም ከም ዝጠለምክምወን ስለ ዝፈለጠ እዩ። ንሳተን፡ ብጾትኩምን ሰብ ቃል ኪዳንኩምን ነበራ። ንሸኻትኩም ግና ነቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዝኣተኹምዎ ቃል-ኪዳን ኣፍረስኩምዎ።

15- እግዚኣብሄር ሓደ ኣካልን ሓደ መንፈስን'ዶ ኣይገበረኩምን እዩ? ስለምንታይ'ከ ነዚ ገበሮ። ናይ ብሓቂ ህዝቢ እግዚኣብሄር ዝኾኑ ደቂ ምእንቲ ኽትወልዱ ኢሉ እዩ። እምበኣርሲ ገዛእ ርእሸኹም ሓልዉ። ነታ ሰበይቲ ቃል ኪዳኑ ሓደ'ኳ ኣይጥለማ።

16- ምፍታሕ እጸልእ እየ። እወ፡ ኣብ ልዕሊ ሰበይቲ ኪዳኑ ከምዚ ዝበለ ዓመጽ ንዚምጽእ ሰብ እጸልኦ እየ። ስለዚ ንበዓልቲ ቃል ኪዳንኩም ከይትጠልምዋ ገዛእ ርእሸኹም ሓልዉ ይብል እግዚኣብሄር።

ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ምዕራፍ 19 ድማ ጐይታ ኢየሱስ ከምዚ ይብል።

9- ኣነ ግና እቲ ንሰበይቱ ብዘይ ምኽንያት ዝሙት ዝፈትሓ ካልእ'ውን ዜእቱ ይዝሙ። እቲ ፍትሕቲ ዜእቱ'ውን ይዝሙ እብለኩም ኣለኹ።

ኣመንቲ ዘይቅሱን ሓዳር ምስ ዝህልዎም ፍትሕ ዝበሃል ነገር ኪሓስቡ ኣይግባእን። ብኣንጻር እዚ ግን "ሓዳርና ከምቲ እግዚኣብሄር ዚደልዮ ዜሐጉስ ንኽንገብሮ ብደገፍ ኣምላኽ እንታይ ክንገብር እዩ ዚግብኣና?" እዮም ኪብሉ ዚግብኦም።

87. ሲንትያ

ንበዓል ቤተይ ስለ ዘፍቀርክም ኣይኮንኩን ተመርዕየዮ። ሰድራይ ይፋትሑ ስለ ዝነበሩ ግን፡ ካብቲ ኩነታት ንምህዳም ጥራይ ኢለ'የ ንኽምርያ ወሲነ። ክልቲና ኣመንቲ ኢና። ሓዳርና ግና ኣብ መጀመርታኡ ዜሐጉስ ኣይነበረን። በዓልቤተይ ምስኡ ንኽነብር ኣጸጋሚ ዝኾነ ሰብኣይ እዩ። መወዳእታኡ "ዘየፍቅሮ ኮይነ ስለ ዝሰምየ'ዶ ኾን ይኸውን? ከምዚ ዝኸውን ዘሎ?" ክብል ንገዛእ ርእሰይ ሓቲተ። ንኽፍቅሮ ድማ ወሲነ።

ሓልዮተይ ኪርእየሉ ዝኽእል መንገድታት ሃሰው ኢለ። ካብ ስራሕ ደኺሙን ሰልችይዎን ምስ ዚመጽእ፡ ከዘሓሕሎ እፍትን። ኣብ ምድቃስና ድሌተይ እገልጸሉ። ገለ ዘይምስምማዕ ምስ ዚፍጠር ከኣ፡ ብትሕትናን ብኣኽብሮትን ክዛረቦ እፍትን። እቲ ዝፈትዎ መግቢ'ውን ኣዳልወሉ። ትፈልጡ'ዶ! ቀልጢፈ እኳ'የ ለውጢ ክርኢ ጀሚረ። ብሓቂ ተፈታዊ ሰብ'ዩ። ኣፍቂረዮ ድማ። ከምታ ንመጀመርያኣ ኣፍቃሪ ዝረኸበት ጓል ከምዝኾንኩ ኮይኑ ከኣ ይስምዓኒ ኣሎ። ትስሕቁኒ ግን ትህልዉ!

ዝተፈተኺ ሲንትያ፡-

ዜስሕቕ ኣይኮነን። ኩሉ ዝበልክዮ ተረዲኡና'ሎ። ፍቕራዊ ነገራት ክትገብሪ ምስ ጀመርኪ፡ ስምዒት ፍቕሪ ኸኽህልወኪ ሓጊዙ። እዚ ዜገርም ኣይኮነን። ንቡር'ዩ። ፍቕራዊ ነገራት ምስ እንገብር፡ እቲ ስምዒት ፍቕሪ ኸኣ ይስዕብ። ኣዚኺ ሕጉስቲ ምህላውኪ ኸኣ ናቱ ውጽኢት እዩ። ንበዓል ቤትኪ ኩተፍቅሪ ምምራጽኪ ንእግዚኣብሄር ኢኺ ኩተፍቅርዮን ክእትዘዝዮን መሪጽኪ ዘለኺ።

“ሕጉ ዚሕልዉ፡ ብምሉእ ልቦም ዚእዘዝዎ ብጹኣን እዮም”

መዝ.119፡2

ተፈጸመ

በሰላመ – እግዚኣብሄር